ሓበሬታ ንስደተኛታት ኣንስትን ሰብኡትን ብዛዕባ
ትምህርቲ ኣብ ስዊዘርላንድ



# ድሕሪ ቤት ትምህርቲ እንታይ ይግበር?

SDBB | CSFO

# ጽሑፍ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገዳሲ ኣርእስታት ትምህርቲ

### ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ

ኣብዛ ጥራዝ ዘሎ ዝትሓጸረ ጽሑፍ ትርጉሙ፣ **ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ ቀጻሊ ሓበሬታ ብቋንቋኹም ትረኽቡ** ማለት እዩ። ኣብቲ ብካንቶን ዝተዳለወ ናይ ስዊዘርላንድ ኣማኸርቲ ሙያ ዓንዲ ብዛዕባ ናይ ስዊዘርላንድ ትምህርቲ ዝምልከቱ ሕቶታት ኣገደስቲ ዝኾኑ ጽሑፍ ሓበሬታ ብቋንቋ ትግርኛ ተቐሪቡልኩም ኣሎ።
ኣብኡ ' ውን ብተወሳኺ በተን ሰለስተ ቋንቋ ዓዲ ጀርመንኛ፣ ፍረንሳይኛን ቋንቋ ጥልያንን፣ ብጣዕሚ ብዙሕ ሓበሬታን ዳታ ባንክን ብዛዕባ ሙያ፣ትምህርትን ቀጻሊ ትምህርትን ትረኽቡ ኢኹም :
ጀርመንኛ : **www.berufsberatung.ch/ti**
ፍረንሳይኛ : **www.orientation.ch/ti**
ቋንቋ ጥልያን : **www.orientamento.ch/ti**

ኣብኡ ብዛዕባ ዝቕጽል ኣርእስታት ጽሑፍ ሓበሬታ ከምኡ ድማ ካልኦት መራኸቢታት ክትርእዩ ትኽእሉ :

- ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር
- ጽምዲ ስርዓት ትምህርትን ዝልቅነትን
- ካብ ትምህርቲ ናብ ሙያ
- ትምህርቲ ልምዲ እንታይ እዩ? እተን 3 ናይ ትምህርቲ ዓድታት
- ምልላይ ምስ ሙያ
- ፈተና ብቕዓት
- ትምህርቲ ልምዲ ምድላይ
- ቃለ መተይቕ
- እንተተነጸግካ እንታይ ትገብር
- ውዕል ትምህርቲ ልምዲ
- ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ
- ንሓደ ሙያ ምምሃር ወይ ድማ ሱቕ ኢልካ ምስራሕ
- ቤት ትምህርታዊ መገዲ ትምህርቲ
- ምኽፋል ትምህርትን ቀጻሊ ትምህርትን ዝምልከት
- ንናይ ወጻኢ ዓዲ ዲፕሎም ተቐብልነት ምርካብ
- ቀጻሊ ትምህርትን ቋንቋን

### ካልኦት ኣገደስቲ ቀረባት

ኣርእስታ «ናብ ስዊዘርላንድ እንቋዕ ብደሓን መጸኹም» ትብል ጽሕፍቲ ሓበሬታ ንዓኹም ብቋንቋ ትግርኛ ኣገደስቲ ዝኾና ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝሰፈነ መሰረታዊ መትከል፣ መሰላትን ግቡኣትን፣ ሕግታት ከምኡውን ናይ ኣነባብራን ስራሕን ኩነታት ትህበኩም እያ። ኣብ መርበብ ሓበሬታ **www.sem.admin.ch** › Publikationen › ናብ ስዊዘርላንድ እንቋዕ ብደሓን መጸኹም

ብጣዕሚ ብዙሕ ሓበሬታ፣ ንምርኻብን ከምኡውን ኣድራሻታት ብዝተፈላለያ ቋንቋታት እውን ኣብዛ ትቕጽል መርበብ ሓበሬታ ሚግራዌብ፣ ናይ ባዕልኻ ምትሕግጋዝ መደብ ካብ ስደተኛታት ንስደተኛትት ዝተዳለወ ትረኽቡ : **www.migraweb.ch**

ዝተፈላለዩ ካልኦት ሓበሬታት ብዝተፈላለያ ቋንቋታት እቲ ናይ ኣማኸርቲ ሙያን ናይ ትምህርትን ኣተዓባብያን ምምሕዳር መርበብ ሓበሬታ የዳሉ ኣዩ (ከምኡውን መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ማእከላይን ቤት ትምህርትን ትምህርቲ ሙያን) ናይቲ መንበሪ ካንቶንኩም።

# ብዛዕባ እዛ ጥራዝ ክትፈልጥዎ ዘለኩም ነገር

**ደሓንዶ ዊዒልኩም !**

**እስኹም ኣብ ስዊዘርላንድ ወጸኢተኛ ዲኹም?**
**ስለዚ እሞ እዛ ጥራዝ ብርግጽ ተገድስኩም እያ።**
**ምኽንያቱ ብዛዕባ ትምህርትኹምን ስራሕኩምን ትምልከት ስለዝኾነት።**
**ወይ ድማ ብዛዕባ ትምህርቲ ደቅኩም።**

ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ከምቲ ኩሉ ካልእ ስርዓት ትምህርታት ዝተወሳሰበ እዩ ምናልባሽ እውን ካብ ስርዓት ትምህርቲ መበቆል ዓድኹም ብጣዕሚ ዝፍለ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ቤት ትምህርትን ትምህርቲን ኣብ ስዊዘርላንድ ከከም ካንቶኑ ወይ (ቋንቋ) ከባቢ ዓድን ዝተደራጀወ እዩ፡ ኣብቲ ቋንቋ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርለንድ፣ ኣብቲ ቋንቋ ፈረንሳይኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርለንድ ወይ ድማ ኣብቲጥልያን ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርለንድ ትነብሩ እንተኼንኩም፣ ከከም እቲ ትነብርዎ ዓዲ ዝተፈላለየ ቅድመ ኩነት እዩ ዘጋጥመኩም፤ እቲ ኣብ ዙሪክ ዘለኩም ዕድላት ካብ እቲ ኣብ በርን ዘሎ ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል፣ ኣብ ሉዛን ዘሎ ኣብ ኖይሻቴል ካብ ዘሎ ክፍለ ይኽእል።
እቲ ትምህርቲ ሙያ ግን ኣብ ሙሉእ ስዊዘርላንድ ዳርጋ ሓደ እዩ፥ ኣሰራርሕኡ ከኣ በቲ ንኹሉ ሓደ ዝኾነ ጭርሖ፥ ከይተጀመረ ምፍጻም የለን ዝብል እዩ። እዚ ማለት ከኣ እንታይ ከም ትፍጽሙ ጥራሕ ዘይኮነ ዘገድስ፣ ነቲ ሓደ ምስ ፈጸምኩም እንታይ ካልእ ትምህርቲ ድሕሪኡ ትፍጽሙ እዩ።
በዚ ምኽንያት ድማ፣ ነቲ እስኹም ትነብርዎ ከባቢ ዘሎ ኩነታትን ዕድላትን ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እዛ ጽሕፍቲ ድማ ንዕኡ ክትሕግዘኩም እያ ተቐሪባ ዘላ።

ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝምሃሩ ቆልዑ ዘለኩም ወለዲ ዲኹም? ኣብ ስዊዘርላንድ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር ብከመይ መገዲ ከም ዝካየድ ክትፈልጡ ትደልዩ ኢኹም?
*ኣብ **ምዕራፍ 1 ካብ ገጽ 10** ጀሚርኩም መልሲ ትረኽቡ።*

እስኹም ኣብ መወዳእታ ናይቲ ግቡእ ትምህርቲ፣ ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ኢኹም ዘለኹም እዚ ማለት ድማ ናብ እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ትምህርቲ ልምዲ ሙያ) ክትሰግሩ ትቕረቡ ኣለኹም? ወይ ድማ ቆልዓኹም ኣብ ቅድሚ እዚ ስጉምቲ ኣዩ ዘሎ?
*እቲ **ምዕራፍ 2 ካብ ገጽ 20** ጀሚሩ ዘሎ ኣብ ካልኣይ ደራጃ እንታይ ዓይነት መገዲን ዕድልን ትምህርቲ ከምዘሎ ሓበሬታ ክህበኩም እዩ።*

እስኹም ኣብ መወዳእታ ናይቲ ግቡእ ትምህርቲ፣ ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ኢኹም ዘለኹም ናብ እቲ ቀጻሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ (ጊምናዝየም ወይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ) ንኽትሰግሩ ትቕረቡ ኢኹም ዘለኹም?
***ምዕራፍ 3 ካብ ገጽ 38 ጀሚሩ** ዘሎ ኣብ ስዊዘርላንድ ንዘሎ ምዕባለ ታሪኽ ትምህርቲ ንምምላእ ኣድላዪ ዝኾነ ክማላእ ዘለዎ ነገራት እንታይ ከም ዝኾነን ነዚ ኸኣ ኣየናይ ኣማራጺ ከም የርእየኩም እዩ።*

እስኹም ናብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ /ሙያዊ ትምህርቲ ልምዲ ንኽትስሰሩ ትቕርቡ ኣለኹም ከምኡውን ክመይ ጌርኩም ሙያ ከም እትመርጹ፣ ትምህርቲ ልምዲ ከም እትደልዩን ከም ኣትረኽቡን ክትፈልጡ ትድልዩ?
***ምዕራፍ 4 ካብ ገጽ 48 ጀሚሩ** ዘሎ ነዚ ስጉምቲ ከመይ ጌርኩም ክትቅረቡ ከም ኣትኽእሉ፣ ከምኡውን በቲ መስገሪ ቀረባት ዕድልኩም ከመይ ጌርኩም ከተማሓይሹ ከም ትኽእሉን ከርእየኩም ኣዩ።*

ድሕሪ ምውዳእ እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ/ሙያዊ ትምህርቲ ልምዲ ምስ ማትሪክ ወይ ብዘይ ማትሪክ እንታይ ዓይነት መገዲ ምዕባለ ከም ዘሎ ክትፈልጡ ትደልዩ?
***ኣብ ምዕራፍ 5 ካብ ገጽ 72 ጀሚሩ*** *ብዛዕባ ቀጻላይ ትምህርትን ዕድላት ምዕባለን ዝምልከት ሓበሬታ ትረኽቡ።*

እስኹም ኣብ ሓደ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ፣ ጊምናዝየም፣ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ ወይ ድማ ብዝመሳሰል፣ ኣብ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ወይ ድማ ዩኒቨርስቲ ክትመሃሩ መደብ ዘለኩም እንተኾይኑ?
***ምዕራፍ 6 ካብ ገጽ 94 ጀሚሩ*** *ካብ ካልኣይ ደረጃ (ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ፣ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ) ናብ ሳልሳይ ድረጃ (ዝልዓለቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ፣ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ፣ ዩኒቨርስቲ) ንምስጋር ብኸመይ መገዲ ከም ዝካየድን ኣብ ስውዘርላንድ ዘለዋ ዩኒቨርሲታት እንታይ ዓይነት ቀረባት መዳይ ትምህርቲን መፈጸምታኡን ከም ዘለወንን ሓበሬታ ክህበኩም ኣዩ።*

ኣብ ስዊዘርላንድ ሰራሕተኛ ኢኹም፣ ክሳብ ሕጂ ዝፈጸምኩሞ ትምህርቲ የለን? ሓደ ትምህርቲ ሙያ ፈጺምኩም፣ ነቲ ኣብ ስራሕ ዓለም ዘለኩም ኣጋጣሚኹምን ዕድልኩምን ከተመሓይሹ ትደልዩ?
***ምዕራፍ 7 ካብ ገጽ 108 ጀሚሩዘሎ*** *እዚ ከመይ ክሰልጥ ከም ዝኽእል የርእየኩም።*

## ነፍሲ ወከፈን ምዕራፋት ኣሰራርዔኤን ተመሳሳላይ እዩ፥

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍን ክፍለ ምዕራፍን ኣብቲ ብወገን ጸጋም ዘሎ1 ዓምዲ ሕጽር ዝበለ መብርሂ ኣሎ።
ኣብ ትሕቲኡ ኸኣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝርከብ ቀረባት ትረኽቡ።
ኣብቲ ብዛዕባትምህርትን ቀጻሊ ትምህርትን ኣገደስቲ ዝኾና ሓጸርቲ ሓበሬታት ተገሊጸን ኣለዋ።
ካብ ሙሉእ ዓለም ናይ ዝመጹ ሰባት ስእልታት ዝሓዘ ብዛዕባ መገድታት ትምህርቲ ዝሕብር ኣሎ።
ኣብቲ ፍሉይ ዝኾነ ሳንዱቅ ወለዲ ምርጫ ትምህርቲ ብዝምልከት ንደቆም ከመይ ጌሮም ክሕግዙ ከም ዝኽእሉ ምኽርን ሓበሬታን ክረኽቡ ይኽእሉ።

**ካልእ ተወሳኺ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ናብ እቶም ማእከል መማኽርቲ ሙያ፣ ላዕለዋይ ትምህርትን ምዕባለ ሙያን ተወከሱ ወይ ድማ ናብ ማእከል ሓበሬታ ሙያ BIZ ኺዱ።**

ንመገዲ ትምህርትኹምን ምዕባለ ሙያኹምን ብዙሕ ዓወት ንምነየልኩም!

ሃይንስ ሽታውፈን፣ SDBB

# ትሕዝቶ

ገጽ

**6 ናይ ስዊዘርላንድ ስርዓት ትምህርቲ**
6 ቀረባትትምህርቲ
7 ጉጅለ ምምራጽ ሙያ
8 ስርዓት ትምህርቲ – ዝዝለቕን ዝተዘራግሔን
9 ምኽፋል ትምህርትን ቀጻሊ ትምህርትን
9 *ታሪክ ዘይነዲን፣ ሊባኖን፣ ኬሚስትሪን ፋርማቴክኖሎጂን*
*«መገዲ ናብቲ ዝሓልሞ ዝነበርኩ ሙያ»*

ምዕራፍ 1 **10 ናይ መጀመርታ ምቕያር ደረጃ፡**
**ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ**
12 ሰለስተ ቆልዑ – ነፍሲ ወከፍ መመገዱ ይኸይድ
17 ምርጫ ትምህርቲ – እዚ ኣገባብ ጊዜ የድልዮ እዩ
18 ሓደ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ንምምራጽ ሙያ

ምዕራፍ 2 **20 ተግባራዊ ልምዲ ምጅምር፡**
**ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ናብ ትምህርቲ ሙያ**
22 ንፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ስራሕ ዘድሊ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ
25 ንፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ዘድሊ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ
31 መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ
34 ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ሙያ ምስፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት

ምዕራፍ 3 **38 ሓፈሻዊ ትምህርቲ ምጥላቕን ምስፋሕን፡**
**ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ናብ ጊምናዝየም ወይ ድማ ማእከላይ ቤት**
**ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ**
40 ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ምስ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ
42 ጊምናዝየም

ምዕራፍ 4 **48 ንምዕባለ ሙያ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ፡**
**ምቅርራብ ንምርጫ ሙያ**

ምዕራፍ 5 **72 ነቲ ናይ ስራሕ ምዕባለ ምስራዕ፡**
**ድሕሪ እቲ ሙያዊ መሰረታዊ ትምህርቲ እንታይ ይግበር?**
74 ቦታ ስራሕ ወይ ትምህርቲ?
76 ድሕሪ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ስራሕ ዝሓጸረ ትምህርቲ ልምዲ
78 ካልኣይ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ
80 ማትሪክ ድሕሪ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ
82 ቀጻሊ ትምህርቲ፣ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ
83 ፈተና ዓውደ ሙያን ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ትምህርቲን
86 ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ
89 ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ ፣ ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራን
92 ዩንቨርስቲን ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክን ETH/EPF

ምዕራፍ 6 **94 ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ምምዳብን ምትግባርን፡**
**ድሕሪ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርትን ጊምናዝየምን ከመይ ይቕጸል?**
96 ትምህርቲ ሳልሳይ ደረጃ
97 ሓፈሻዊ መግለጺ
98 መዳያት ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ
100 ድሕሪ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ
102 ድሕሪ ማትሪክ ጊምናዝየም

ምዕራፍ 7 **108 ኣጋጣምን ዕድልን ምጥቃም፡**
**ሙያ ምፍጻም ንዓበይቲ**

**114 ማሕደረ ቓል**

# ቐረባት ትምህርቲ

| | መፈጸምታ | ዝወስዶእዋን | ዋጋ | ድሕሪ ምፍጻም ዝቕጽል ቀጥታዊ መፍትሒ |
| --- | --- | --- | --- | --- |
| **ቀረባት መሳገሪ** | ምስክር ወረቐት<br>(መፈጸምታ ኣይኮነን) | ከምገቡኡ 1 ዓመት | ከከም ካንቶን፣ መንበሪ ዓድን ቀረብ መሳገርን፣ ብነጻ ወይ ድማ ክሳብ 14'000 ፍራንከን/ ዓመት | – መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ<br>– ጊምናዝየም ወይ ድማ ማእከላይ ትምህርቲ ሙያ |
| **መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ** | ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ | 2 ዓመታት | ከም መጠን ተማሃራይ፡ ከከም ዓይነት ሙያ ዝፈላለ፣ መሃያ ተመሃራይ ትረኽቡ። | – ናይ ስራሕ ቦታ<br>– መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ |
| **መሰረታዊ ትምህርቲሙያ** | ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ብቕዓት | 3 ወይ 4 ዓመታት | ከም መጠን ተማሃራይ፡ ከከም ዓይነት ሙያ ዝፈላለ፣ መሃያ ተመሃራይ ይወሃበኩም። | – ናይስራሕቦታ<br>– ናይ ሙያ ማትሪክ ምዝዛም<br>– ፈተናሙያ<br>– ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ |
| **መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ቤት ትምህርታዊ መገዲ** | ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ብቕዓት | 3 ወይ 4 ዓመታት | መንግስታዊ ቀረባት ከም ግቡኡ ብነጻ እየን፣ ነተን ዉልቃውያን ቀረባት ናይ ቤት ትምህርቲ ዋጋ ኣብ ዓመት ኣሽሓት ፍራንከን ይኽፈል እዩ። ናይ ተመሃራይ መሃያ የለን፣ ተግባራዊ ልምዲ ክገበር ከሎ ግን ምመይ ይኽፈል እዩ። | – ናይ ስራሕ ቦታ<br>– ናይ ሙያ ማትሪክ ምዝዛም<br>– ፈተና ሙያ<br>– ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ |
| **ማትሪክሙያ** | ማትሪክ ሙያ (ምስ ናይ ሰለስተ ዓመት መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ተጸናቢሩ ጥራሕ ዝከኣል) | 3 ወይ 4 ዓመታት | ነቲ ዋጋታት እቲ ዝምህር ትካልን ካንቶንን ይሽፍን። ንናውቲ ትምህርቲ፣ ነቲ መምሃሪ ክፍሊ፣ ንዑደት ወ.ዘ.ተ. እስኹም ወይ ድማ ወለድኹም ትኸፍሉ። | – ናይስራሕቦታ<br>– ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ<br>– መሳገሪ ንዩኒቨርሲቲን |
| **ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ** | ወረቐት መንነት ማእከላይ ትምህርቲ ሙያ<br><br>ሙያዊ ማትሪክ | 3 ዓመታት<br><br>4 ዓመታት<br>(ምስ ተግባራዊ ልምዲ) | ካንቶን ዋጋታት ይሽፍን። ንናውቲ ትምህርቲ፣ ነቲ መምሃሪ ክፍሊ፣ ንዑደት ወ.ዘ.ተ. እስኹም ወይ ድማ ወለድኹም ትኸፍሉ። | – ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ<br><br>– ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ |
| **ጊምናዝየም** | ማትሪክጊምናዝየም | ካብ 3 ክሳብ 5 ዓመታት<br>(ከከም ካንቶኑ) | ካንቶን ዋጋታት ይሽፍን። ንናውቲ ትምህርቲ፣ ነቲ መምሃሪ ክፍሊ፣ ንዑደት ወ.ዘ.ተ. እስኹም ወይ ድማ ወለድኹም ትኸፍሉ። | – ዩኒቨርስቲ<br>– ETH/EPF<br>– ምስ ተግባራዊ ልምዲ ብውሑዱ. ዓመት): ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ |

### ጉጅለ ምምራጽ ሙያ

ኣቲ ኣብ ሞንጎ ወለዲ ወይ ዘዕቢ ውልቀሰብን መምሃራን ቤት ትምህርትን ኣማኸርቲ ሙያን ዘሎ ምትሕብባር ዝሓሸ እንተኾይኑ፣ እቲ መድረኽ ዉሳነ እውን ብዝሓሸ መገዲ እዩ ዝሳለጥ።

ኣማኻሪት ሙያ፣ ኣማኻሪ ሙያ ነቲ ሙሉእ ኣገባብ የማዓርዩን ከምኡውን እስኹም ባዕልኹም ነቲ ጉዳይ ምስላጥ ክትስእኑ ከለኹም ኩሉ እዋን ይድግፉኹም እዮም። እቶም ኣማኸርቲ ሙያ ንዓኹም ብውልቂ ይተሓባበሩኹም፣ ምጽራይ ብቕዓት ይገብሩ ከምኡውን ንምምራጽ ሙያ የማኽሩኹም።


መምሃራን ምሳኹምን ምስ ወለድኹምን ብሓንሳብ ኮይኖም ነቲ ናይ መጀመርታ ዉሳነ ይውስኑ : ጊምናዝየም፣ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ድማ መሰረታዊ ቤት ትምህርቲ ሙያ? ነቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ መእተዊ ፈተናን ናይ ብቕዓት ምጽራይ ፈተናን ንምግባር ክትቀራረቡ ከለኹም ከምኡውን እዋኑ ዝሓለወ ሰነድ መመልከቲ ንምድላው ይሕግዝኹም እዮም።

ወለድኹም ነቲ ናይ ስራሕ ዓለም ይፈልጥዎ ኣዮም። እሳቶም ምሳኻትኩም ብዛዕባ ዘለኩም ድልየት ሙያ ይማየጡ እዮም። ከምዚ ዓይነት ምምያጥ ንዓኹም ልክዕ ዝኾነ ውሳነ ንኽትውሱኑ ይሕግዝ እዩ።

ኣብ ብዙሕ ዓድታት ናይ ኣርኣያታት ፕሮግራም ኣሎ። ኣንስትን ሰብኡትን ገንዘብ ከየኽፈሉ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካል ክትደልዩ ከለኹም የሰንዩኹም። ንሓደ ኣርኣያ ክትረኽቡ ኣበይ ክትምዝገቡ ከም እትኽእሉ፣ ኣብ ቤት ትምህርትኹም ወይ ድማ ኣብቲ ማእከል ኣማኸርቲ ሙያ ሕተቱ።

ነቲ ሙያዊ መጻኢ እዋንኩም ባዕልኹም ኢኹም ትውስኑ። ሓበሬታት ትረኽቡ፣ ነቲ ትምህርታዊ መገዲ ምስ ድልየትኩምን ክእለትኩምን ተወዳድሩ፣ እስኹም ትውስኑ ከምኡውን ተተግብሩ፣ ወላኳ ሓንሳብ ሓንሳብ እንተበርትዔ ከይሰልከኹም ክሳብ መወዳእታ ጽዓሩ።

# ስርዓት ትምህርቲ – ዝዝለቕን ዝተዘራግሔን




## ከይጀመርካ ምፍጻም የለን

ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ዝተዘርግሔን ዝዝለቕን እዩ። ድሕሪ እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ነቲ ዓለም ሙያዊ ምዕባለኹም ብዝተፈላለያ ዓይነት ትምህርቲ ክትጅምሩ፣ ሓዲሽ ዕላማ ክትሕንጽጹ ነዚ ዓላማ ድማ ብቐጻሊ ትምህርቲ ክትበጽሕዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኩሉ ናይ ትምህርቲ ስጉምቲ ኣብ ምፍጻም እዩ ዝዛዘም፣ ምፍጻም ሓደ ትምህርቲ ኸኣ ነቲ ቀጻሊ ስጉምቲ ትምህርቲ ንምጅማር ዉሕስና ይሀብ እዩ። ኣየናይ መገዲ ትምህርቲ፣ ከምኡውን እንታይ ሙያ እንተመረጽኩም ብዙሕ ዘገድስን ኣይኮነን። ካብኡ ንላዕሊ ብዙሕ ዘገድስ፣ ነቲ ረኺብኩሞ ዘለኹም ዕድልን ኣጋጣሚን ከመይ ከም ትጥቀሙሉ እዩ።

ኣብዚ ንድፊ እተን ኣገደስቲ ዝተበሃላ መገድታት ጥራሕ እየን ተገሊጸን ዘለዋ። ካልኦት ብዙሓት መገድታትን ፍሉያት ዝኮናን ኣለዋ። ነቶም ኣብ ዘማኽሩ ትካላት ንዘለዉ ኣማኸርቲ ሕተቱ።

### ምኽፋል ትምህርትን ቀጻሊ ትምህርትን

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ዘሎ ናይ ስራሕ ዓለም ካባና መዋእልካ ምምሃር እዩ ዝጽበ፣ እዚ ግን ክቡር ክኸውን ይኽእል እዩ። ከከም ኣቲ ናይ ትምህርቲ ኢንስቲቱት ተምሃሮ ናይ ትምህርቲ ገንዘብ፣ ግብሪ፣ ንመጻሕፍትን ካልኦት ናውቲ ትምህርትን ይኸፍሉ። ነዚ ዝኸውን ገንዘብ ዝሓጽሮም እንተኾይኑ፣ ካብቲ ዝነብርዎ ካንቶን ናይ መምሃሪ ገንዘብ ከመልክቱ ይኽእሉ እዮም።

### ካንቶናዊ መሃያ ተምሃሮ

ንትምህርቲ ዝኸውን መሃያ ንመን ከም ዝወሃብ እተን ካንቶናት ኣየን ዘተኻኽላ። ነፍሲ ወከፍ ካንቶን ናታ ዝኾነ ናይ ተመሃሮ መሃያ ሕጊ ኣለዋ። ሰብ መዚ በቲ ተደንጊጉ ዘሎ መምርሒ ተሞርኪዞም፣ ንዓኹም መሃያ ትምህርቲ ዝግበኣኩም እንተኾነ ይውስኑ፣ ኣዚ ዝወሃብ መሃያ መብዛሕትኡ ጊዜ መሊስኩም ዘይትኸፍልዎ፣ ሓሓሊፉ ድማ ድሕሪ ትምህርቲ መሊስኩም ነቲ ካንቶን ትኸፍልዎ ከም ለቓሕ ኮይኑ ይኽፈል።

### መንግስታዊ ዘይኮነ መሃያ ተምሃሮ

ኣብ ልዕሊኡ ድማ ንትምህርትን ንቀጻሊ ትምህርትን ቁጠባዊ ደገፍ ዝህባ ብዙሓት ረድኤታዊያን ትካላትን ማሕበራትን ኣለዋ። ነቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ማእከል ኣማኸርቲ ሙያን ኣማኸርቲ መሃያ ተመሃሮን ከምዚኣተን ንትምህርትኹም ወይ ድማ ቀጻሊ ትምህርትኹም ዝድግፉ ረድኤታዊያን ትካላት ንምርካብን መመልከቲ ንምቕራብን ይድግፉኹም እዮም።

ዝርዝር ሓበሬታ ብዛዕባ ካንቶናዊያን ናይ ትምህርቲ ዋጋ ኣብዚ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታ ትረኽቡ፥ **http://stipendien.educa.ch.** ወይ ድማ ምስ እቶም ኣብ ማእከል ኣማኸርቲ ሙያ ከባቢኹም ዘለው ኣማኸርቲ መሃያ ተመሃሮ ተማየጡ።

**ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ**
ገጽ 2 ርኣዩ



ታሪክ ዘይነዲን፣ ሊባኖን፣
1. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ
ኬሚስትሪን ፋርማቴክኖሎጂን

# *መገዲ ናብቲ ዝሓልሞ ዝነበርኩ ሙያ: «ምርጫ ሙያይ ምስ እቲ ዝደልዮ ዝነበርኩ ሙያ ዝተተሓሓዘ እዩ። …*

ኣነ ናይ ግድን ሰብ ሙያ ኬሚካል ክኸውን እየ ዝደሊ። ትምህርቲ ልምዲ ዝገብረሉ ቦታ ንኽረክብ ብዙሕ እየ ጽዒረ፣ ሙሉእ መዓልቲ፣ ሰሙናት ሙሉእ ነቲ ናብኡ ዝደረኽኒ ጽሑፍ ኣዳልየ። ተዓዊተ ድማ: ኬሚስትሪን ፋርማቴክኖሎጂን ንዓይ ጽቡቕ መጀመሪ ሙያ እዩ። ከም ኬሚስትሪን ፋርማቴክኖሎጂን ኮይነ ክሰርሕ ከለኹ ሓንጎለይ ክጥቀም ኣለኒ ከምኡውን ነቲ ስርሔይ ብጥንቃቐን ብዙሕ ሓላፍነትን ክሰርሖ ኣለኒ፣ ምኽንያቱ ኣብዚ ስራሕ ንሰርሓሉ ኬሚካላት መጠኑ ክበዝሕ ከሎ ሓደገኛ ክኸውን ስለዝኽእል። ስርሔይ ንዓይ የኹርዓኒ እዩ።

እቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝመሃረሉ ትካል ኣብ ሓደ ሃገረሰብ እዩ ዘሎ። ንዓይ ከምዝመስለኒ እዞም ኣብዚ ዘለው ሰባት ጥዑማት ስለዝኾኑ፣ ንኹሉ የቕልሎ እዩ።

ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ክጅምር ከለኹ ነቲ መንፈስ ህዝቢ ስዊዘርላንድ እፈርሖ ኔረ። ፍርሓተይ ኣብቲ ካልኦት ንዓይ ብዛዕባ ህዝቢ ስዊዘርላንድ ዝነገሩኒ እዩ ተመስሪቱ። እሳታቶም ዘይቅረቡን ነቃጻትን መሲሉ እዩ ዝስመዓኒ ኔሩ። ከምኡ ግን ኣይኾነን: ስዊዘርላንዳዊያን መሳርሕተይ ርእሲ ዕንጨይቲ ኣይኮኑን፣ ግሉጻትን ምምያጥ ዝፈትውን እዮም። ኣብ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ጽቡቕ እዩ ዝካየድ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ነቲ ሙያ ዝምልከት ዓውደ ትምህርቲ፣ ከም እኒ ኬሚስትሪ ብዝምልከት ጸገም የብለይን። ክእለት ቛንቋይ ግን ዘጸግም እዩ። ዕዮ ገዛ ክሰርሕ ከለኹ ኣርባዕተ ዕጽፊ ካብ እቲ ንብጾተይ ዝወስደሎም ጊዜ የድልየኒ። ሙያ ዘልምደኒ መምህረይ ግን ይሕግዘኒ ኣዩ። ክእለት ቛንቋይ ከመሓይሽ ስለዘለኒ፣ ኣብ ሰሙን ሰለስተ ጊዜ ምሸታዊ ኮርስ ቛንቋ ይመሃር ኣለኹ። ብኸምኡ ከኣ እቲ ዝደልዮ ትምህርቲ እቕጽል: ድሕሪ ትምህርቲ ልምዲ ሙያዊ ተሞክሮ ክቖስምን ነቲ ሙያ ዘሰኒ ማትሪክ ሙያ ክገብር ድልየት ኣለኒ፣ ድሕሪኡ ነቲ መስገሪ ትምህርቲ ጌረ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኬሚስትሪ ክመሃር እደሊ።»

**ከሎ ገና ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ክሰግር ከሎ፣ እቲ ናይ መጀመርታ ምእላይ መገዲ ይፍጸም እዩ። ስርዓት ትምህርቲ ስዊዘርላንድ ግን ኣብ ኩሉ እዋናት ስራሕ ምዕባለታት፣ ምቕያርን ከም ብሓድሽ ምምእዛንን ይፈቅድ እዩ። ነተን ሓፈሻዊ ትምህርትን ዘምህራን ሙያዊ ትምህርቲ ዘምህራ ነንሕድሕደን ብመገዲ ትምህርተን ከምዝራኸባን ብዙሕ ዝኾነ ሕድሕዳዊ ምስንናይ ንኽህልወን ዘኽእልን እዩ።**

እዚ ምዕራፍ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ነቶም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝመሃሩ ቆልዑ ዘለዎም ወጻእተኛታት ወለዲ ዘገድስ እዩ። ወይ ድማ ነቶም ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር ብኸመይ መገዲ ከም ዝካየድን እቲ ምምዳብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ቀጻሊ መገዲ ምዕባለ ትምህርቲ እንታይ ተራ ከም ዘለዎ ክፈልጡ ንዝደልዩን እዩ።

ምዕራፍ 1

# ናይ መጀመርታ ምእላይ መገዲ

# ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ

ገጽ

12 *ምስ ኤቭሊነን ሚካኤል መኒን ሓደ ምይይጥ*
*«ሰለስተ ቆልዑ – ኩሎም መመገዶም ይኸዱ»*

16 *ማርክ ሞራን፣ ስዊዘርላንድ፣ መምህር ቀዳማይ ደረጃ*
*«ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ቅኑዕ ምዃን»*

17 **ምርጫ ትምህርቲ – እዚ ኣገባብ ጊዜ የድልዮ እዩ**

18 **ሓደ ንእዋን ምርጫ ሙያ ዝኾነ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ**
ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ናይ S3a ካብ ፈህራልቶርፍ ይትርኹ

# ሰለስተ ቆልዑ – ኩሎም መመገዲኦም ይከዱ

**ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝመሃር ሓደ ቆልዓ፣ እቲ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር፣ ንታሪኽ ትምህርቱ እቲ ናይ መጀመርታ ምእላይ መገዲ ትምህርቱ እዩ። ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ – ከከም እቲ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዘምጽእዎ ነጥቢ – ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ መጠነን ዝተፈላለያ ናብ ዝኾና ክፍልታት ይምደቡ።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

## ግቡእ ቤት ትምህርቲ

መብዛሕትኦም ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ነቲ ግቡእ ትምህርቲ ኣብቲ ዝነብርዎ ምምሕዳር ዓዲ ዝርከብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ እዮም ዝውድኡ። ብግምት 5% ዝኾኑ ኣብ ውልቃዊ ቤት ትምህርቲ ይመሃሩ። ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ተግባር ናብ ሕብረተሰብ ምጽንባር ተማልእ እያ፥ ዝተፈላለየ ማሕበራዊ፣ ቋንቋን ባህልን መበቆል ዘለዎም ቆልዑ ብሓባር ይመሃሩ። ነቲ ግቡእ ቤት ትምህርቲ ሓላፍነት ዘለዎ ካንቶን እዩ። ምምሕዳር ዓድታት ከኣ ንንጥፈታት ቤት ትምህርቲ የዋህዳ። ኣብ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ምምሃር ኣይክፈሎን እዩ። ግቡእ ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ እቶም ቆልዑ ከም ግቡኡ 4 ዓመት እዩ ዕድሚኦም። ግቡእ ትምህርቲ 11 ዓመት እዩ ዝወስድ። ቀዳማይ ደረጃ – ምስቲ 2 ዓመት መዋእለ ሕጻናት (ኣብ ሓደ ሓደ ካንቶናት) እተን ናይ መጀመርታ ክልተ ናይ መእተዊ ክፍልታት ተወሲኹ – 8 ዓመት እዩ ዘጠቓልል። ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ 3 ዓመት ይወስድ። ኣብ ካንቶን ተሲየን ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ (ስኮላ ሜዲያ) 4 ዓመት ይወስድ።

## ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር

ኩሎም ቆልዑ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማዕረ ዝኾነ ዓቕሚ የብሎምን። ኩሎም ማዕረ ዝኾነ ክእለት፣ ድልየትን ብቕዓትን የብሎምን። ገሊኦም ብርእሶም ምስራሕ ይፈትዉ፣ ካልኦት ምናልባት ሙዚቀኛታት እዮም፣ ማሕበራውያን ወይ ድማ ፍሉይ ዝኾነ ክእለት ኢድ ስራሕ ኣለዎም። ሓደ ሓደ ድማ ነቲ ትጽቢት ቤት ትምህርቲ ከማልኡ ብጣዕሚ ይኸብዶም እዩ። በዚ ምኽንያት ኣብ ታሪኽ ትምህርቲ ሓደ ቆልዓ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ናይ መእለዩ ነጥቢ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ኣብቲ መዘንኡ ዝኾነ ክፍሊ ምምዳብ ኣገዳሲ ዝኾነ።

## ካብ ዓቕሞም ንኸይልዕልን ንኸይትሕትን ምጥንቃቕ

እቶም ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ከም ግቡኡ ደቂ 12 ዓመት ክኾኑ ከለዉ እዮም ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ዝኣትው። እቲ ኣብ መወዳእታ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ዘምጽእዎ ነጥቢ፣ መምሃራን ዝንእድዎ – መብዛሕትኡ እዋን ኣብዚ ውሳነ ወለዲ ይሳተፉ እዮም – ከምኡ ድማ ኣብ ሓደ ሓደ ዓድታት ናይ መእተዊ ፈተና ወይ ድማ ኣብቲ እዋን ምጽራይ ካልኣይ ደረጃ ዘምጽእዎ ነጥብታት፣ ኣበየነይቲ ክፍሊ ናይ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ክምደቡ ከም ዘለዎም ይውስን።

## ምክሪን ኣበራብሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ከም መጠን ኣደ ወይ ድማ ኣቦ ንድኽመት ቆልዓኹም ክትኣምኑን ክምኡውን፡ «ቆልዓይ ከምቲ ኣነ ገሚተዮ ዝነበርኩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንፉዕ ኣይኮነን።» ክትብሉ ክትክእሉ ኣለኩም። ነዚ እንተተቐቢልኩም እዩ እቲ ቆልዓ ሓዲሽ ዕድል ክረክብ ዝኽእል።

ቤት ትምህርቲ ከም መጠን ማሕበር እያ ዝሓሸ ከተገልግል ትኽእል። በዚ ምኽንያት ድማ ወለዲ ንቤት ትምህርቲ፣ ንኽፍሊ ብሙሉኡ እንተተገደስኹምሉ እዩ ዝሓሸ እምበር፣ ጥቕሚ ቆልዓኹም ጥራሕ ክትረኽቡ ኣይትፈትኑ።

ኣብ ጉዳያት ቤት ትምህርቲ ተሳተፉ፣ ኣበርክቶኹም ኣቕርቡ፣ ተማየጡ። ናይ እቲ ቤት ትምህርቲ ኩነታትን እቲ ቤት ትምህርቲ ዘድልዮ ነገራትን እንተተገዲስኩምሉ፣ እቲ ተቐርብዎ ሓሳባትን ነቐፌታን እውን ተቐባልነት ክረክብ ይኽእል እዩ።

ከም መጠን ወልዲ ዝሓሸ ነጥቢ ንኽመጽእ ትገብርዎ ናይ ትጽቢት ጸቕጢ ግደፍዎ።

ናይ ቆልዓ ድልየታት ክምዕብልን ክቕየርን ከሎ ተቐበልዎ፣ ናይ ቆልዓኹም ኣተሓሳስባ ቀጻሊ ክቀያየር ይኽእል እዩ።

ኣብ ልዕሊ ቆልዓኹም ናይ እዋናት ጸቕጢ ኣይትግበሩ። ወድኹም ወይ ጓልኩም ናቶም ዝኾነ ውሳነ ንምውሳን ዘድልዮም ጊዜ ይሃልዎም።



ቤተሰብ መኒ፣ ስዊዘርላንድ

# ቆልዑ ይፈላለዩ እዮም፡

## «ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ካልእ ጠባይ ኣለዎ።» ንሓደ ወድኹም ምስ ካልኦት ሰባት ምጽንባር ይብርትዖ፣ ሓደ ካልእ ወድኹም ምናልባት ቤት ትምህርቲ ንምጅማር ብጣዕሚ ንእሽተይ ይኸውን። …

***ኤቨሊን መኒ*** *ነቲ ኣብ ሸተክቦርን ዝርከብ ማእከል ቆልዑ ቀዳማይ ደረጃ ትመርሕ እያ፣ ኣድላዩ ኾይኑ ከሎ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ናይ ክፍሊ ሓጋዚት ኮይና ትሰርሕ ከምኡውን ንቆልዑ ኣብ ማሕበረሰብ ንኽጽንበሩ ትድግፍ እያ።*
***ሚካኤል መኒ*** *ምኽትል መራሒ ናይ RAV ቪንተርቱር እዩ።*

*ሰለስተ ቆልዑ ኣለዎም።*
***ላርስ*** *(19)፣ ናይ ብቱን ኣቕሓ ሸቐጥ ሰብ ሙያ እዩ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ናይ መስተን ምግብን*
***ያኖ*** *(18) ኣብ 3 ዓመት ናይ ብቱን ኣቕሓ ሸቐጥ ትምህርቲ ልምዲ ቅያር ኣቕሓ መኻይን ሎጊስቲክ*
***ሲና*** *(12) ኣብ መውዳእታ ዓመት ቀዳማይ ደረጃ*

**ላርስ ቤት ትምህርቲ ክጅምር ከሎ፣ ከመይ ከም ዝነበረ ትዝክሩ’ ዶ? ንዓኹም ዘገድስ እንታይ እዩ ኔሩ?**

**ኤቨሊን፡** ጽቡቕ ጌረ እዝክር። ኣብቲ እዋን ትምኒተይ ዝነበረ፣ እቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ምእታው ጽቡቕ ንኽሰልጦ ጥራሕ እዩ ኔሩ። ኣብ ክፍሉ እቲ ብዕድመ ዝነኣሰ እዩ ኔሩ፣ ካብ ኩሎም ከኣ ዝነውሐ። ቁሩብ ናይ ምዝራብ ጸገም እውን ኔርዎ፣ «ጸ» ጽቡቕ ጌሩ ኣየድምጻን እዩ ኔሩ። ፈዋሲት ኣንደበት በዚ ምኽንያት፣ ቤት ትምህርቲ ክጅምር ከሎ ቴራፒ ክጅምር ደልያቶ። ንሕና ግን ነዚ ኣይተቐበልናዮን፣ ንሕና ብዘይ ካልእ ጎድናዊ ድምጺ ትምህርቱ ክጅምር ኢና ደሊና፣ ከምቲ ኣብቲ ዕድመ ዘለዉ ቆልዑ ዘለዎም ናይ ምዝራብ ጸገም ይቐጽል ኢልና። ድሕሪኡውን ብዙሕ ጊዜ – ምናልባት ሓደ ዓመት ኣጽኒሕና ትምህርቲ እንተነጀምሮ ምሓሸ ኔሩ እንዳበልና – ንሓስብ ኔርና።

**ሚካኤል፡** ሓሓሊፉ ዓርቢ ቅድሚ ቀትሪ ናብ መዋእለ ሕጻናት ይኸይድ ኔረ፣ ነቶም ቆልዑ ንምሳለ ናብ ጫካ የሰንዮም ኔረ። ኣብዚ ዕድመ ዝርከብ ሓደ ቆልዓ ካብ ካልኦት ብዕድመ ዝነኣሰ እንተኾይኑ፣ ይስምዖ እዩ። ላርስ ይጽዕር ኔሩ፣ ግን እቶም ካልኦት ክገብርዎ ዝኽእሉ ነገራት ከምኣቶም መሊኹ ንምግባር ኣይክእልን ኔሩ። ነቶም ካልኦት ከርክብ ከም ዝነበሮ ርኡይ እዩ ኔሩ። በዚ ምኽንያት ድማ፣ ላርስ ትምህርቲ ክጅምር ከሎ ዝቡቕ ክስምዖ ከም ዘለዎ፣ ንዓይ ኣገዳሲ እዩ ኔሩ። ▷

### ላርስ ጽቡቕ ጌሩ'ዶ ምስ ካልኦት ተጻንቢሩ?

**ኤቨሊን፡** ኣብተን ታሕተዎት ክፍልታት ጸገም ኣይነበረን። ወዲ ዓስርተ ዓመት ኣቢሉ ክኸውን ከሎ ግን ሽግር ክጋጥሞ ጀሚሩ። ላርስ ይጽዕር ኔሩ፣ ሓርኮትኮት ይብል ኔሩ፣ እንተኾነ ግን እቲ ዘምጽኦ ነጥቢታት ካብ ጽቡቕ ናብ ተራ ገጹ ኣንቆልቂሉ፣ ካብተን ጸገማቱ ሓደ እዉን ምስ መምህሩ ጸገም ስለዝነበሮ እዩ።

**ሚካኤል፡** ንሕና ምስ ቤት ትምህርቲ ብተግባር ንምርኻብ ንጽዕር ኢና፣ ዘጋጠመ ሽግራት ብቑልጡፍ ምስቲ ዝምልከቶ መምህር ንማየጥ ኢና፣ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ወለዲ እውን ኣበርክቶና ንህብ ኢና፣ ናብ ናይ ወለዲ ምሸት ኩሉ ጊዜ ንኸይድ። ኣብዛ ጉዳይ ግን ዝገበርካ እንተ ገበርካ፣ ምንም ትርጉም ዘይብሉ ኾይኑ፣ እቲ መምህር ጥሮታ ክወጽእ ቀሪቡ ስለዝነበረ፣ ላርስ ዝገበረ ጌሩ ነዛ እዋን ክሓልፋ ኔርዎ።

### እዚ ደኣ ቁሩብ ወጽዓ'ዶ ኣይነበረን፣ ኣብቲናብ ካልኣይ ደረጃ ዝሰግረሉ እዋን?

**ሚካኤል፡** ናይ ግድን ኣይኮነን። ከም መጠን ወለዲ ጽቡቕ ነጥቢ ንኸምጽእ ጸቕጢ ኣይገበርናን። ኣነ ነቲ ኣብ ሞንጎ ሓደ ሓደ ወለዲ ዝግበር – ወደይ ዝበለጸ እዩ፣ ጓለይ ዝዓበየት እያ – ዝብል ዉድድር ክሳተፍ ኣይደለኹን። ኣብ ስርሔይ ብዝገበርኩዎ ተሞክሮ እፈልጥ እየ፡ ጽቡቕ ጌርካ ምፍጻም ኣድላዪ እዩ። ከምኡውን ነቲ ናይ ሙያዊ ዓለም ንምጅማር ሓደ ትምህርቲ ልምዲ ምፍጻም እዉን ልክዕ ከምኡ ኣድላዪ እዩ።

**ኤቨሊን፡** ላርስ ኣብቲ ማእከላይ ክፍሊ ተመዲቡ ነተን ናይ መጀመሪያ ክልተ ዓመታት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ከኣ ብጽቡቕ ነጥቢ ስለዝወድኤ ኣብ 3 ዓመት ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብቲዝቕጽል ደረጃ ክገብር ክኢሉ። እቲ ኣብ መጀመርታ ዓመት ናይ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ዝተመደቦ ኣብ ልዕሊኡ ብዙሕ ተራ ኣይተጻወተን።

ኣብቲ እዋን እሱ መምህር መዋእለ ሕጻናት ክኸውን እዩ ደልዩ ኔሩ። ነቲ ኣድላዪ ዝኾነ ፈተና ማእከላይ ቤት ትህምርቲ ዓውደ ትምህርቲ ግን ንቑሩብተይ ክሓልፎ ኣይከኣለን።

**ሚካኤል፡** ናብ ማእከላይ ቤት ትህምርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ድማ ጊምናዝየም ንምእታው ዝግበር ፈተና ኣብ ወርሒ ሚያዝያ እዩ – ኣብ ዓመት መወዳእታ። ነዚ ፈተና ዘይሓለፉ ኩሎም ቆልዑ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ቦታ ትምህርቲ ክረኽቡ ኔርዎም። ላርስ እውን ከምኡም።

ዕድል ጌሩ ግን ኣብ ናይ ብቱን ኣቕሓ ሸቐጥ ትምህርቲ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ረኺቡ። ነዚ ሙያ ከኣ ይፈትዎ እዩ ቅድሚ ሕጂ እውን ኣብዚ ሙያ ተላልዩ ኔሩ። እሱ ኣብ ሓንቲ ነቶም ተመሃሮ ጽቡቕ ጌራ ተተባብዕ ትኻል እዩ ኣትዩ። ሎሚ ነቲ ትምህርቱ ብዓወት ድሕሪ ምፍጻሙን ከምኡውን ቀጺሉ ኣብቲ ዝተማህሮ ትካል ምስርሑን፣ ነቲ ተቐሪቡ ዘሎ ዕድላት እንተተጠቂሙ፣ ንመጻኢ ህይወቱ ብዙሕ ተስፋ ዘለዎ ምዕባለ ሙያ ጀሚሩ ኣሎ።

### ንላርስ ከተሰንይዎ ከለኹም ብዙሕ ክትመሃሩ ኪኢልኩም ኣለኹም፣ ነቶ ዝተረፋ ክልተ ቆልዑኹም ንክትድግፋ እዚ ተሞክሮ ሓጊዝኹም'ዶ?

**ኤቨሊን፡** ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ዝተፈልየ እዩ፣ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ነናቱ ጠባይ ኣለዎ። ያኖ፣ እቲ ካልኣይ ወድና፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምንም ጸገም የብሉን። ንምቅይያራት ምቕባል ግን የጸግሞ እዩ። ነቲ ናይ ገዛ ንኽገድፍን ንኻልኦት ዓበይቲ ሰባት ከም መጠን ኣርኣያ ንምቕባልን ብጣዕሚ እዩ ዘጸግሞ። ብዘይ ጸገም ምስ ሓደ መምህር ንኽለምድን ብግልጺ ምስኣቶም ንምክያድን፣ ንነፍሲ ወከፍ መምህር ፍርቂ ዓመት እዩ ወሲዱሉ።

ናብ ማእከላይ ካላኣይ ደረጃ ክሰግር ከሎ ኣብቲ ቀጻሊ ወይ ድማ ዝለዓለ ክፍሊ እዩ ተመዲቡ። ጠባይ ያኖ ግን፣ ቅሳነት ንኽስምዖን ንኽምዕብልን እኹል ዝኾነ ጊዜ ዘድልዮ እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ጸቕጢ ክብ እንዳበለ ከም ዝኸደ ምስ ኣስተውዓልናን፣ ካብኡ ዝግበር ትጽቢት እውን ከምዝበዝሖ ምስ ረኣና፣ ናብቲ መሰረታዊ ክፍሊ ከም ዝቕየር ጌርና። ነዚ ተግባራት ክትፍጽም ኣለካ ኢልና ክንጸቕጦ ኣይደለናን። ናይ ያኖ ቅሳነት ንዓና ዝለዓለ ኣገዳስነት ኔርዎ። እተን እዋናት ንእስነቱ ንምዕባሌኡ ወሰንቲ እየን፣ እዘን እዋናት ምስ ሓለፋ ከኣ ኣይምለሳን እየን።

**ሚካኤል፡** ንዓና ዘገድሰና ናይ ደቅና ምምሃር እዩ። ሓደ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ልክዕ ከም ሓደ ትምህርታዊ ምዕባለ እዩ። ያኖ ኣብ ዝመጽእ እዋን ካልእ መደብ እንተ ኣማዕበለ እሞ ኣብ ዩኒቨርስቲ ክመሃር እንተደለየ፣ ኣብ ዝደለዮ እዋን ከምኡ ክገብር ይኽእል እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ ናይ ዓድና ስርዓት ትምህርቲ ዝሉቕ ስለዝኾነ እዩ።

**ሲና እታ ዝነኣሰት ጓልኩም’ኳ፣ ብዛዕባኣ እንታይ ትብሉና?**

**ሚካኤል፡** ሲና ነጻ ዝኾነት ሰብ እያ፣ ወይ ድማ ነቓጽ እያ። ኣብ ሒሳብ ብዙሕ ጸገም ኣለዋ፣ ኣብ ካልኦት ዓውደ ትምህርታት እውን እንተኾነ፣ ነቲ ዕላማ ትምህርቲ ንኽተማልእ ብጣዕሚ ብዙሕ ሰዓታት እዩ ዝወስደላ። ሲና ምስ እቶም ኣብ ክፍላ ዘለዉ ካልኦት ቆልዑ ክትወዳደር ከላ፣ ካልእ ቀስ ዝበለ ናይ ትምህርቲ ስጉምቲ እዩ ዘለዋ።

**ኤቭሊን፡** ኣነ ከም መጠን ሓጋዚት ክፍሊ ኮይነ እሰርሕ እየ ከምኡውን ንቆልዑ ምስ ማሕበረሰብ ንኽጽንበሩ እድግፍ እየ። ኣነ ነቲ እቲ መሕወዪ ትምህርቲ ዝኣዘዞ ኣብ ተግባር ኣውዒለዮ ብኸምኡ ከኣ ብዛዕባ ናይ ምምሃር ጸገምን ከመይ ጌርካ ምስ እቶም እዚ ጸገም ዘለዎም ርክብ ከም ትገብርን ተሞኪረ እየ። ይኹን እምበር ኣብ ገዛ ንሲና ብጣዕሚ ውሱን ሓገዝ ጥራሕ እየ ክገብረላ ዝኽእል። ኣብ ህይወት ሲና ኣነ ካልእ ኣገልግሎት እዩ ዘለኒ፣ እዚ ኸኣ ኣዲኣ ምዃን እዩ፣ መምህራ ምዃን ኣይኮነን።

ብዛዕባ እዚ ጸገም ምስ ቤት ትምህርታ ተማዩጥና። ኣብቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ሲና ሒሳብ ምስ ሓደ መሕወዪ ትምህርቲ ኮይና ክትሰርሕ ኪኢላ፣ እንተኾነ ግን ክሳብ ሕጂ ዓቢ ሸኽሚ እዩ ኾይኑዋ። ሕጂ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ክፍሊ ናይ ቀዳማይ ደረጃ እቲ ቤት ትምህርታ ንሲና ሓዲሽ ናይ ትምህርቲ ዕላማ መዲቡላ። ድሕሪ ሕጂውን እንተኾነ፣ እቲ ምዕባለኣ ከመይ ከም ዝቕጽል ክንርእዮ ኢና፣ ምስ ቤት ትምህርታ ብሓባር ከኣ ዝሓሸ መፍትሒ ክንደልየሉ ኢና።



## ክከም ካንቶኑ ዝተፈላለየ ንድፊ ትምህርቲ ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ

ነፍሲ ወከፍ ካንቶን በየናይ ኣገባብ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ካልኣይ ደረጃ ከም ዝሰገር ከምኡውን ነቲ ንድፍታት ምምዳብ ክፍሊ ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃይውስን። 3 ዝተፈላለያ ንድፍታት ኣለዋ፡

### ዝተመቕለ ንድፊ

እቶም ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ ከከም እቲ ዘምጽእዎ ነጥቢ ኣብ ክፍልታት ይምደቡ። እዘን ዝተፈላለያ ክፍልታት ወይ – ቤት ትምህርታት ከከም ዓቕሞም ዝተፈላለየ ትጽቢት ዝምደባ ብዝተፈላለየ መደብ ትምህርትን ናውቲ ትምህርትን ይምህራ። ከም ልሙድ ካብ 2 ክሳብ 3 ዝተፈላለያ ዓይነታት ቤት ትምህርቲ እየን፣ ኣስማተን ኣብ ኩሉ ካንቶናት ሓደ ኣይኮነን። መብዛሕትኡ እዋናት 3 ዓይነት ቤት ትምህርቲ እየን ዘለዋ፣ እሳታን ከኣ እታ ካብ ተመሃሮ ብዙሕ ትጽቢት ትገብር፣ እታ ካብ ተመሃሮ ማእከላይ ዝኾነ ክእለት ትጽበ ከምኡ ድማ እታ መሰረታዊ ትጽቢት ትገብር እየን (ንምሳለ ካልኣይ ደረጃ ሀ፣ ለን ሐን)።

### ተሓባባሪ ንድፊ

እዚ ተሓባባሪ ንድፊ ዝተባህለ ኣብ ቀዋሚ ክፍሊ ምስ ዝተፈላለየ ትጽቢት ዝተሞርከሰ እዩ። እቶም ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ከከም ክእለቶም ኣብ ክፍልታት ዝተመደቡ እዮም። ዝተወሰና ዓውደ ትምህርታት ግን ከም ክእለቶም ዝፈቕዶ ኣብ ካልእ ክፍሊ ይመሃሩ። ሓደ ተመሃራይ ንምሳለ ብሂሳብ ነቲ መሰረታዊ ክእለት ጥራሕ ዘማልእ ክኸውን ይኽእል፣ ብቛንቋ ግን ነቲ ዝለዓለ ደረጃ።

### ዝተጸናበረ ንድፊ

ኣብዚ ዝተጸናበረ ንድፊ ዘለዋ ቀወምቲ ክፍልታት ንተመሃሮ ከይፈላለያ እየን ዝምስረታ፡ ዝተፈላለየ ክእለትን ዓቕምን ዘለዎም ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሀሮ ሓንቲ ቀዋሚት ክፍሊ ኣላቶም። እዚ ምጽንባር’ውን ነባራይ እዩ። ንዝተወሰና ዓውደ ትምህርታት ልክዕ ከም ተሓባባሪ ንድፊ ናይ ክእለት ጉጅለታት ይምስረታ እየን።

## ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ቅኑዕ ምኻን፡ *«ከም መጠን መምህር ናብቲ ናብ ሰለስተ ደረጃ ዘለዎ ካልኣይ ደረጃ ወይ ድማ ንጊምናዝየም ናይ ምስጋር ሓላፍነት ኣለኒ። ...*

ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ቅኑዕ ምኻን ንዓይ ዓቢ ሓላፍነት እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ ንነፍሲ ወከፍ ቆልዓ እቲ ዝምደቦ ክፍሊ ካብ ዓቕሙ ክልዕል ይኹን ክትሕትየብሉን።

ነቲ ምስ እቶም ሰብ ሙያ መምሃራን ክማየጠሉ ዝኽእል ዉሳነ፣ ቀጺለ ብዛዕብኡ ምስ ወለዲ እማየጥ። ናይ ሓደ ቆልዓ ዓቕሚ ኩሉ ጊዜ ብትኽክል ኣይኮንናን ንግምቶ። ኣነ ነቲ ቆልዓ በቲ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ዘምጽኦ ነጥብታት ተሞርኪዘ ምናልባት ኣብ ክፍሊ B እንተመደብክዎ፣ ሓደ ሓደ ወለዲ ናብቲ ትሕት ዝበለ ክፍሊ ምምዳቡ ነቲ ቆልዓ ክጎድኦ እዩ ኢሎም ይፈርሑ ይኾኑ፣ ቆልዓኦም ክእለት ዘይብሉ እዩ ተባሂሉ ዝተፈርዶ መሲሉ ይረኣዮም ኣብ ዝቕጽል ምርጫ ሙያ ድማ ኣሉታዊ ዝኾነ ጽልዋ ዘለዎ መሲሉ ይስምዖም። ሓደ ሓደ ኣዋናት ካላኣይ ጊዜ ምምያጥ ኣድላዪ ይኸውን፣ ሓደ ሓደ እዋናት ኣዉን ካብ ምምሕዳር ቤት ትምህርትን መምሃራን ማእከላይ ካላኣይ ደረጃን ኣብቲ ምዝርራብ ንኽሳተፉ ይዕደሙ። ንሕና ኩሉ ጊዜ ብቐዳምነት ነታ ተመሃሪት ወይ ድማ ተመሃራይ ተመጣጣናይ ዝኾነ መፍትሒ ክንረክብ ኣለና።»


ማርክ ሞራን፣ ስዊዘርላንድ፣
መምህር ቀዳማይ ደረጃ፣ ዊንተርቱር

### ክፍሊ ክእለት ኣብ ካልኣይ ደርጃ ንምስጋር ዘለዎ ጽልዋ

እቲ ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ክሰግሩ ኸለው ዝምደብዎ፣ ናብቲ ካልኣይ ደረጃ ክሰግሩ ኸለው ተራ ይጻወት እዩ። (ገጽ 15 ርኣዩ) ድሕሪ እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ክልተ ናይ ትምህርቲ መገድታት ይኽፈት እዩ፡

1. በቲ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ወገን ዘሎ መገዲ ትምህርቲ ጊምናዝየም ወይ ድማ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ፡ እዚኣቶን ከም ግቡእ ብቐጥታ ናብ ሓደ ሙያ ዘምርሓ ኣይኮናን፣ እንታይ ደኣ ኣብ ዩኒቨርስቲ፣ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ድማ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ንምምሃር ዝቕርባ እየን።
2. በቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ትምህርቲ ልምዲ) ወገን ዘሎ መገዲ፡ ኣቶም መንእሰያት ኣብ ሓደ ትካል ልምዲ ሓደ ሙያ ንምምላኽ ምስ ናይ ክፍሊ ዝተጸንበረ ትምህርቲ ይመሃሩ (ሙያዊ ዓውደ ቤት ትምህርቲ) ናይ ክልሰ ሓሳብን-ልምዳውን ትምህርቲ (ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ)። እዚ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ እውን ኣብ ዕለታዊ ቤት ትምህርቲ ክውሰድ ይከኣል እዩ።

ብትምህርቲ ንፉዓት ዝኾኑ ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ ኣብ ሞንጎ እዘን ክልተ መገድታት ክመርጹ ይኽእሉ እዮም፣ ወይ ነቲ መገዲ ጊምናዝየም ወይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ይመርጹ ወይ ድማ ነቲ መገዲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ይመርጹ። ክልቲኤን መገድታት ብማትሪክ ክፍጸማ ይኽእላ እየን (ማትሪክ ጊምናዝየም፣ ማትሪክ ዓውደ ትምህርታዊ፣ ማትሪክ ሙያ) ብኸምኡ ድማ መገዲ ዩኒቨርስታት ይኽፈተሎም።
ብትምህርቲ መንፍዓቶም ትሕት ዝበለ ወይ ድማ ንትምህርቲ ብዙሕ ተገዳስነት ዘይብሎም ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ካብቲ ብዙሕ ዝተፈላለየ ዓይነት ሙያታት ነቲ ክእለቶምን ድልየቶምን ዝሰማማዕ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ይመርጹ።

# ምርጫ ትምህርቲ –
# እዚ ኣገባብ ጊዜ የድልዮ እዩ

**ትኽክለኛ ዝኾነ ትምህርቲ ምምራጽ ሓደ ነፍሱ ዝኸኣለ ኣገባብ እዩ። ንነፍስኹም ባዕልኹም ትፈልጥዋ ኢኹም፣ ነቲ ክእለትኩም ብልክዕ ገሚትኩም ምስ እቲ ኣብ ትምህርታዊ ዓለም ዘሎ ዕድላትን ኣጋጣሚታትን ኣወዳድርዎ። ነቲ ሓደ መገዲ ወሲንኩም ምርጫ ትምህርትኹም ትገብርዎ።**

ድሕሪ እቲ ግቡእ ኣዋን ትምህርቲ ክልተ ሚዛነን ማዕረ ዝኾና ናይ ትምህርቲ መገዳት ይኽፈታልኩም እየን። ካብዚኤን ነታ ቤት ትምህርታዊት መገዲ ብጊምናዝየም ወይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ትመርጹ፣ ወይ ድማ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክትመርጹ ትኽእሉ። ነየናይ መገዲ ትምህርቲ ከም እትመርጹ ወሳንነት ዘለዎ፣ እቲ ናትኩም ክእለትን ድልየትን እዩ።

### ጊምናዝየምን ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርትን – ብዙሕ ሓርኮትኮትን ዝበዝሐ ዕዮ ገዛን

ኣብ ጊምናዝየምን ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርትን ዝምሃሩ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ፣ ንቤት ትምህርቲ ተሓጒሶም እዮም ዝኸዱ፣ ትምህርቲ ይፈትዉ እዮም ከምኡውን – ምስ እቲ ግቡእ ትምህርቲ ክነወዳድሮ ከለና – ንትምህርቲ ዘለዎም ጻዕሪ ዘጽንዕዎን ክብ ክብሉ እዮም ዝደልዩ። ኣብ መዓልቲ ክልተ ሰዐት ወይ ድማ ሰለስተ ሰዓት ሙሉእ ኮፍ ኢሎም ዕዮ ገዛ ምስራሕ እውን ኣይርብሾምን እዩ።

ናብ ጊምናዝየም ወይ ድማ ናብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ንኽኣትዉ ምእንቲ፣ ኣብቲ እዋን ግቡእ ቤት ትምህርቲ እውን ንፉ ዓት ተመሃሮ እዮም ኔሮም። ኣብቲን ክብ ዝበለ ትጽቢት ዝግበረለን ላዕለዎት ክፍልታት፣ ብኹለን ዓውደ ትምህርታት ጽቡቕ ነጥብታት እዮም ዘምጽኡ ከምኡውን ንብዙሕ ዝተፈላለየ ነገራት ተገዳስነት ኣለዎም።

ኣብቲ ቋንቋ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ማእከል ኣማኸርቲ ሙያ ዝቐርብ (Stellwerktest) ዝተባህለ መጻረዩ ፈተና ኣሎ። ነዚ ፈተና ካብ 600 ክሳብ 700 ነጥብታት እንተ ኣምጺእኩም፣ ንጊምናዝየምን ንማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርትን ብቕዓት ክህልወኩም ይኽእል።

### ህንጡይነት ኣብ ኣገባብ ምርጫ ሙያ

ምስ እቲ ምጅማር ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ክመዛዘን ከሎ ንሓደ ዝሰማማዕን ትኽክለኛን ዝኾነ ሙያን ቦታ ትምህርቲ ልምድን ምድላይ ዝተሓላለኸ ኣገባብ እዩ፣ ምኽንያቱ ካብ 200 ዝተፈላለያ ሙያታት ክምረጽ ስለዘለዎ። ኣብዚ እዋን ምርጫ ሙያ፣ ንዝተፈላለያ መዳያትሙያ ንኽትላለዩን ምስቲ ናትኩም ድልየትን ክእለትን ንኽተነጻጽሩን ህንጡይ ክትኮኑ ኣለኩም።

ምናልባሽ ነዚ ኣገባብ ባዕልኹም ክተካይዱ ሓዝዎ፣ ምናልባሽውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ነቲ ምርጫ ሙያ ዝምልከት ትምህርቲ ክትምሃሩ ጀምሩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ ንዝሕግዝኹም ሰባት ተወከሱ፣ ምስ ስድራኹም፣ መምሃራንኩም፣ ኣዋልድን ኣወዳትን አዕሩኽትኹም ተዛረቡ ወይ ድማ ንማእከል ኣማኸርቲ ሙያ ተወከሱ።

# ሓደ ንእዋን ምርጫ ሙያ ዝኾነ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ

**ኣብ ማእከላይ ካላኣይ ደረጃ ትርከብ ንምርጫ ሙያ ዝኾነት ክፍሊ። መብዛሕትኦም ኣብተን ናይ ዙሪክ ዘለዋ ክፍልታት ነቲ መገዲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ እዮም ወሲኖም።**

መብዛሕትኦም ናይ S3a (ዝለዓለ ክፍሊ ትምህርቲ) ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ኣብ ፈህራልቶርፍ ከሎ ገና ብርግጽ ነየናይ ዓይነት ሙያ ድሕሪ እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ከም ዝመሃሩ ይፈልጡ ኔሮም። ብጀካ ክልተ ተምሃሮ ኩሎም ካልኦት ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ንኽመሃሩ ወሲኖም ከምኡውን ትምህርቲ ልምዲ ዝገብሩሉ ቦታ እውን ረኺቦም። ክልተ ኣዋልድ ጊምናዝየም ክመሃራ ደልየን።
ሓንቲ ጂኦሎጊ ክትመሃር ደልያ – ወይ ድማ ጥልቕ ምስ በለት – ከም መጠን ሰብ ሙያ እሳተ ጎመራ ክትሰርሕ እያ ትደሊ። እታ ካልኣይቲ ድማ፣ ነየናይ ዓይነት ዓለም ሙያ ክጅምር ከም ዝደሊ ብትኽክል ስለዘይትፈልጥ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክትቕጽል እየዝደሊ ኢላ። «ልምዳዊ ትምህርቲ ክመሃረሉ ዝኽእል ከም መጠን ናይ ፋርማሲ ተሓጋጋዚት ኮይነ ቦታ ረኺበ ኔረ፣ እዚ ሙያ ግን እንድዒ ኣይተሰማምዓንን። ኣነ ሕጂ ምእንቲ ካብ ትምህርቲ ከይቦክር፣ ኣብ ጂምናዝየም ክመሃር ኣየ። እንድሕሪ ፈትየዮ ኣብ ዝቕጽል ዓመትውን ኣብ ጊምናዝየም ክመሃር እየ፣ ወይ ድማ ካልእ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ እንደገና እደሊ።»

### ብዙሕ ዓይነታት ሙያ

ሽዱሽተ ሽቀጥቲ ይኾኑ፣ ሰለስተ ፈላጣት ኮምፑተር፣ ክልተ ናይ ሕክምና ሓገዝቲ ክልተ ከኣ ፖሊ ሜካኒካት፤ መብዛሕትኦም ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ የጸናብሩ እዮም። ሓደ ተመሃራይ ጸራባይ ዕንጨይቲ ክኸውን እዩ፣ እዚ ሙያ ምስ እቲ ድልየቱ ይሰማማዕ እዩ፣ እሱ ምሕኳር ብጣዕሚ እዩ ዝፈቱ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ክብ ዝበለ ቦታ ጸዋር ዚንጎ ክሰርሕ ይደሊ እዩ። ሓደ ካልእ ከኣ ናይ መኪና ሜካትሮኒክ ክኸውን ይደሊ፣ ምኽንያቱ ኸኣ ኣብ ኮምፑተር ብዙሕ ምስራሕ ስለ ዝይፈቱ እዩ፣ ብኢዱ ምስራሕ ግን የሔጉሶ እዩ።

ሓንቲ ተማሃሪት ገጣሚት ኤለክትሪክ ክትከውን ትደሊ። ሓደ ቴክኒካዊ ዝኾነ ስራሕ ክትመሃር ከም እትደሊ ኩሉ ጊዜ ትፈልጥ ኔራ፣ መጀመርታ ነቲ ናይ ኤሌክትሪክ መደብ ምውጻእ ተላልያ። ኣብ ኦፊስ ምስራሕ ንዓኣ ዝስልቹ ስራሕ ኮይኑዋ፣ ነቲ ብኢድካ ዝስራሓሉ ቦታ ግን ፈትያቶ። ኣብ መጀመርታ ዓመት ኣብቲ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ሓንቲ ጓል እሳ ጥራሕ ከም እትኸውን ትፈልጥ ኔራ። እሳ እዚ ናይ ምልማድ ሕቶ ጥራሕ እዩ ኢላ ኣያ ትኣምን፡ ነቲ ስራሕ እኽእሎ እየ ኢያ ትብል። ዝኾነ ይኹን ነቲ ልምዲ ንምጅማር ተሃንጢያ ኣያ ዘላ።

## ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ነዚ ኣገባብ ነብሶም ክኢሎም ክፍጽምዎ ኣለዎም። ንሓደ ናይ ትምህርቲ መገዲ ክውስኑ እሳቶም ባዕላቶም ተበሪህዎም ክገብርዎ ኣለዎም። እንተኾነ ግን ደገፍኩም የድልዮም እዩ:

ምርጫ ሙያ ትብል ኣርእስቲ ኣብ ዕላል ስድራቤት እዩ ቦታኣ። ምስ ደቕኹም ብዛዕባ ድልየቶም፣ ሓያልን ድኹምን ጎኖም ወይ ድማ ጠባያቶም ኣዕልሉ።

ንደቅኹም እቲ ባህ ኢልዎም ዝገብርዎ ዝነበሩ ነገራት ኣዘክርዎም።

ነቲ ድልየት ደቕኹም ተገዳስነት ሃብዎ። ነቲ እስኹም ዝደለኩም ናይ ሙያ ሕልሚ ብደቕኹም ከተተግብርዎ ኣይትፈትኑ።

እስኹም እውን ህንጡው ኩኑ፣ ምስ ደቕኹም ብሓባር ኩንኩም ፍልጠትኩም ከተስፍሑ፣ ነቲ ኣስኹም ዘይትፈልጥዎ ሙያታት'ውን ክትፈልጡ ፈትኑ።

ነቲ ናትኩም ዕለታዊ ናብራ ኣብ ዕላል ኣእትዉዎ፣ ኣብቲ ናይ ስራሕ ዓለም ዘለኩም ተሞክሮ ንደቕኹም ኣካፍሉ።

ንደቕኹም እቲ ሒዞሞ ዘለዉ ሸለል ንኽይብሉ ኣተባብዕዎም።

ኣብቲ ኣገባብ ምርጫ ሙያ ድልየት ከም ዘለኩም ኣርእዩ፣ ነቲ ኣብቲ ምልላይ ሙያ ዝገበርዎ ተሞክሮ ሕተትዎም፣ ምስ ደቕኹም ብሓባር ኩንኩም'ውን ገምግምዎ።

### ብዉሑድ መመልከቲ ስራሕ ንዕላማ ምብጻሕ

መብዛሕትኦም ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ካብ ዓሰርተ መመልከቲ ስራሕ ንታሕቲ ጽሒፎም ነቲ ዝደልዩዎ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ከኣ ረኺቦም። ብርግጽ እቲ ዝለዓለ ክፍሊ ናይ ቤት ትምህርቲ ዝሓሸ ዕድል ኣለዎ ኢሎም ኩሎም ይኣምኑ። «ንሕና ኣብ ቤት ትምህርቲ ንፉዓት ከምዝኾንና ግሉጽ እዩ። እንድሕር ሙሉእ ተገዳስነት ኣርኢኻን ጽዒርካን፣ ሕያዋይ ኩንካ እንተ ቐሪብካን፣ እቲ ትካል ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ይህበካ ኣዩ።»፣ ኢሉ ሓደ ተመሃራይ።

«እዘን ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታታት ብኸምኡ ከም ሽልማት ዝተዋህበና ኣይኮነን»፣ ትብል ሓንቲ ተመሃሪት። «ጽዒርናሉ ኢና። ብዛዕባ ዘለና ተውህቦን ድኽመትን ሓሲብናሉ ኢና፣ ብእዋኑ ዝስሕብን ጽሩይን መመልከቲ ሰዲድና፣ ነቲ ናይ ምእታው ቃለ መጠይቕ ኣጸቢቕና ተቐሪብናሉ ኢና፣ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትናሉ ትካል ብዙሕ ሓበሬታ ሓቲትና ከምኡውን ንምንታይ ነዚ ሙያ ከም ዝመረጽና ጽቡቕ ጌርና ክንገልጽ ክኢልና። እዚ እውን ልክዕ ከም እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘምጻእናዮ ነጥቢ፣ ካብ እቲ ዝተዓወትናሉ ምኽንያታት ሓደ ኣዩ።»



### መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ዶ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ?

ብግምት ካብ 20 ክሳብ 25 ካብ ሚእቲ ዝኾኑ ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ተመሃሮ ድሕሪ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ እዮም ዝቕጽሉ፣ እቶም ኣጸቢቖም ዝበዝሑ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ እዮም ዝቕጽሉ። እዚ ቁጽሪ ኣብቲ ፈረንሳይኛን ኣብቲ ቋንቋ ጥልያን ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ ኣጸቢቑ እዩ ዝልዕል፣ ኣብኡ እውን እቶም ዝበዝሑ መንእሰያት ሓደ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ እዮም ዝገብሩ፣ እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣብዘን ዓድታት ካብቲ ጀርመንኛ ዝዝረበሉ ኣካል ንላዕሊ. ምስ ተግባራዊ ልምዲ ዝተተሓሓዘ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ቤት ትምህርቲ እዩ።

ናይ ስዊዘርላንድ ስርዓት ትምህርቲ ጽቡቕ ሸም እዩ ዘለዎ። መበገሲ ናይዚ ጽቡቕ ሸም ብሓደ ወገን እቲ ክብ ዝበለ ብቕዓት ዘለወን ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ፣ ጊምናዝየምን ዩኒቨርስቲን ክኸውን ከሎ ብኻልእ ወገን ድማ እቲ ብረቒቕ ዝተሓሰበሉን ጽምዳዊ ዝበሃል፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምሃርን ኣብቲ ትግባራዊ ልምዲ ዝግበረሉን ኣጸናቢሩ ዝምህር፣ ንብዙሓት መንእሰያት ዝሰማማዕን ካብ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ዝሓሸን መፍትሒ ዝኾነ ናይ ሙያ ትምህርቲ ስርዓት እዩ። ክልቲኤን ናይ ትምህርቲ መገድታት ናብ ትምህርቲ ክትቅጽለሉ ትኽእል ስራሕ ዘምርሓ እየን።

ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ናይ ትምህርቲ ስርዓት ዝዝለቕ ስለዝኾነ፣ እዚ ናይ መጀመርታ ምእላይ መገዲ «ትምህርቲልምዲ ወይ ቤት ትምህርቲ?» ንነፍሲ ወከፍ ተመሃራይ ኣገዳሲ እዩ ከምኡውን ብተገዳስነት ክተሓዝ ኣለዎ፣ ይኹን እምበር ነቲ ቀጻሊ ምዕባለ ስራሕ ንሓዋሩ ዝዕብልል ውሳነ ኣይኮነን።

እዚ ኣገባብ ንቕድሚት ዘይስጉም መሲሉ ኣንተተሰምዓኩም፣ ሓገዝ ክኢላታት ድለዩ።

ምስ መምሃራን ንምምያጥ ድልየትኩም ግለጹ፣ ምስኣቶም ብዛዕባ ኣየናይ መገዲ ትምህርቲ ንወድኹም፣ ንጓልኩም ዝሰማማዕን ዝሓሸን ከም ዝኾነ ተማየጡ።

ምስ ወድኹም፣ ምስ ጓልኩም ብሓባር ኲንኩም ናብ ማእከል ኣማኸርቲ ሙያ BIZ ኪዱ። ነቲ ኣብ ዲቪዲ፣ ኢንተርኔት ወይ ድማ ኣብ ወረቐት ትረኽብዎ ሓበሬታት ርኣዩ።

ምስ ወድኹም፣ ምስ ጓልኩም ብሓባር ኲንኩም ናብ ናይ ስራሕ ኤክስፖ ኺዱ። ምስ እቶም ሰብ ሙያ ብቐጥታ ብዛዕባ እቲ ሙያኦም ተማየጡ ሓበሬታ ኣውን ርኸቡ።

ኣብቲ ማእከል ኣማኸርቲ ንቆልዓኹም፣ ስጉምቱ ክቕጽል እንተዘይከኣለ፣ ብወገን ሓደ ኣርኣያ ኾይኑ ዝመርሖ ወይ ትመርሖ ሰብ ተወሳኺ ሓገዝ ክረክብ ዝኽእል ኣንተኾነ ሕተቱ።

**እቲ ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ናብ ትምህርቲ ሙያ ናይ ካልኣይ ደረጃ ምስጋር ንሓደ ናይ ሙያ መዳይ ወይ ድማ ጨንፈር ምእላይ ሓደ መገዲ እዩ፡ ተፈጥሮ ወይ ምድላው ቅርጺ፣ ህንጻ ወይ ሸቐጥ፣ ኢንፎርማቲክ ወይ ጥዕና? እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ወይ ድማ «ትምህርቲ ልምዲ» ወይ «ትምህርቲ ልምዲ ሙያ» ዝበሃል 2፣ 3 ወይ 4 ዓመታት ዝወስድ ክኸውን ከሎ ንኣብ 200 ንላዕሊ ዝኾና ዓይነት ሙያ ቀረብ ኣሎ። እዚ ምስ ማትሪክ ሙያ ክጸናበር ይኽእል ኣዩ።**

እዚ ምዕራፍ ነቶም ኣብ መወዳእታ ግቡእ ትምህርቲ ዘለዉ እሞ ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ናብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ንምስጋር ዝቕረቡ ንዘለዉ እሞ፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ እንታይ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ዕድላት ከም ዘሎ ክፈልጡ ንዝደልዩ፣ መንእሰያት ኣዋልድን ኣወዳትን ስደተኛታትን (ከምኡውን ወልድን) ዘገድስ እዩ።

# ምጅማር ተግባራዊ ልምዲ

# ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ናብ ትምህርቲ ሙያ


ገጽ

22 **ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ዘውህብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ**

23 *ሮንዲክ ታሀር ሙሳ፣ ዒራቕ፣ ሓጋዚት ብቱን ሸቐጥ*
*«ትኽክል ንምምሃር እኹል ጊዜ»*

24 *ሳሙኤል ፍራይ፣ ስዊዘርላንድ፣ ሰራሕተኛ ክሽነ*
*«ጽቡቕ ደግፍ ንዓወት»*

25 **ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ዘውህብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ**

26 *ኖሪና ቦስሃርድ፣ ስዊዘርላንድ፣ ኮስታሪ መውጽኢ ትኪ*
*«ድሕሪ እቲ ምልላይ ኩሉ ግሉጽ ኮይኑ»*

27 *ዳፊና ኤልማዚ፣ ኮሶቮ፣ ሸቐጥ ፕሮፊል ለ*
*«ኣነ ናይ ግድን ሸቃጢት ክኸውን ደልየ»*

28 *ሴሊያ ሃልዲማን፣ ብራዚል፣ ናይ ጥዕና ሰብ ሙያ*
*«ነቲ ሙያልክዕ ዝኾነ ክእለት»*

29 *ኪበር ኣህማድዚ፣ ኣፍጋኒስታን፣ ገጣማይ ኤለክትሪክ*
*«ናይ ግድን ምስ ኤለክትሮ ቴክኒክ ዝራኸብ ሙያ»*

30 *ፋርሃን ዓብዲ ዑመር፣ ሶማሊያ፣ ሰንካታይ ባንን ዶልቺን*
*«ነቲ ዝፈትዎ ሙያ ንኽልእ እዋን ኣጽኒሔዮ»*

31 **መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ**

32 *ፕሪቲ ቫዳካዳት፣ ህንዲ፣ ኣውቶማቲካዊት*
*«ክልሰ ሓሳብን ተግባርን ብዝበለጸ ምውህሃድ»*

33 *ማርክ ኤግሊ፣ ስዊዘርላንድ፣ ኤለክትሮኒክ*
*«ናብ ጊምናዝየም ዘይኮነ»*

34 **ብቤት ዝተዳለወ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ**

35 *ማሪዩስ ኩንግ፣ ስዊዘርላንድ፣ ኢንፎርማቲክ*
*«ቤት ትምህርታዊ ምጅማር ንኢንፎርማቲክ»*

36 *ሚካኤል ሮሺ፣ ስዊዘርላንድ፣ ሸቐጥ*
*«ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ንሙያዊ ምዕባለ ከም መጀመሪ»*

37 *ኢዛቤል ሲልቫ፣ ፖርቱጋል፣ ሸቐጥ*
*«ጽቡቕ ሓፈሻዊ ትምህርቲ፣ ጽቡቕ ምጅማር»*

# ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ንምርካብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

**ትምህርቲ - (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ) 2 ዓመት እዩ ዝወስድ ከምኡውን ነቶም ንትምህርቲ ንውሕ ዝበለ እዋናት ዘድልዮም ወይ ድማ እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርእይዎ ብቕዓት፣ ነቲ 3 ወይ 4 ዓመት ዝወስድ መሰረታዊ ትምህርቲ ዘይእኹል ንዝኾኑ ተመሃሮ ዝተሓሰበ እዩ። ኣብቲ ተሞክሮኣዊ ትምህርቲ ዝግበሮ ትካል ከምኡውን ኣስተምህሮ ዝወሃቦ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ከምኡውን ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ ዝግበረሉ፣ ነዚ ጸገማት ኣብ ግምት የእትውዎ እዮም።**

**ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ**
ገጽ 2 ርኣዩ

## ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ወድኹም፣ ጓልኩም ብዛዕባ ክእለቶም ትኽክለኛ ዝኾነ ግምት ከም ዝህልዎም ክትገብሩ ጽዓሩ ወይ ተገደሱሉ። ንዕኡ ወይ ንዓኣ እቲ ትምህርቶም ካብ ዓቕሞም ዝለዓለ ወይ ካብ ዓቕሞም ዝተሓተ ክኸውን የብሉን።

ንወድኹም፣ ንጓልኩም ናብ ኣማኸርቲ ሙያ ክኸዱ ኸለው ኣሰንይዎም። ምስ እቶም ኣማኸርቲ እውን ቆልዓኹም እንታይ ክእለትን ዓቕምን ከም ዘለዎም ኣረጋግጹ።

ንጓልኩም፣ ንወድኹም ኣብቲ እዋን ትምህርቲ’ ውን ሓግዝዎም።

## መሰረታዊ ትምህርቲ ምስ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ እንታይ እዩ?

እዚ ናይ ክልተ ዓመት መሰረታዊ ትምህርቲ ነቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ንምርካብ የብቕዕ እዩ። እቶም ተምሃሮ በቲ ዝመሃርዎ ሙያ ኣብ ኩለን ዓድታት፡ ኣብ ባዝል፣ ሳንክት ጋለን፣ ሉዛን፣ ቤሊንዞና እንተተማህሩ፣ ኩሎም ተመሳሳላይ ብቕዓት ይህልዎም። እዚ ድማ ስራሕ ክደልዩ ከለው የቕልለሎም እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ ኣብቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ እቲ ዝተለምደ ሙያን ሜላን ከምኡውን ማሕበራዊ ተሓዋስነት ነቶም ዘስርሑ ተዘርዚሩ ስለዝርኤ።

## ምስክር ወረቐት ሙያ ንምርካብ ዝግበር መሰረታዊ ትምህርቲ እንታይ ከተማልኡ ኣለኩም?

ንተግባራዊ ስራሕ ጽቡቕ ብቕዓት ኣለኩም፣ ነቲ ክልሰ ሓሳብ ክትመሃሩ ግን ከጸግመኩም ይኽእል ይኸውን። ቤት ትምህርቲ ሙያ ንኸምዚ ዓይነት ድልየት የማልኣ እየን።

ምናልባሽ ቀስ ኢልኩም ትምሃሩ ትኾኑ። ኣብቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝግበሮ ትካልን ኣብ ቤት ትምህርቲ ሙያን ንኸምዚ ዓይነት ናይ ትምህርቲ ጠባያት ኣብ ግምት የእትውዎ እዮም።

ዕውት ዝኾነ ትምህርቲ ንኽህልወኩም፣ ምናልባሽ ንጹር ዝኾነ መምርሒ፣ ነቲ ናይ ስራሕኩም ከባቢን ውሽጥን ክትለምድዎ ከምኡውን እቲ ኣገባብ ኣሰራርሓ ብኸመይ ከም ዝካየድ ምልማድ የድልየኩም ይኸውን። እስኹም ነቲ ትሰርሕዎ ኣጸቢቕኩም ክሳብ ትመለኩዎ፣ ሓዲሽ ስራሕ እንተዘይተጀመረ ትፈትው ትኾኑ።

ምናልባሽ ኣብ ስዊዘርላንድ ነዊሕ ዘይነበርኩም ትኾኑ ከምኡውን ክእለት ቋንቋኹም ነቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቀት ክእለት EFZ-ዘብቅዕ ቤት

ትምህርቲ ሙያ ንምምሃር ዘይኣክል ይኸውን። ንዓኹም እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ምስ ምስክር ወረቐት ስራሕ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ንምእታው ዝሰማማዕ ኣዩ።

### ቀረባት

ኣብ ስዊዘርላንድ ዘሎ ናይ ስራሕ ዓለም ብዝሓሸ መገዲ ምእንቲ ኽግለጽ ብናይ ስራሕ መዳያት እዩ ዝመቓቐል (ኣብ ገጽ 51 እውን ረኣዩ)። ናይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ትምህርታት ዳርጋ ንኹለን መዳያት ሙያ ኣሎ፣ ንምሳለ ልሙድ ዝኾና መዳያት ሙያ ተፈጥሮ፣ ምግቢ፣ ቁጠባ ገዛ፣ መቐበል ኣጋይሽ/ሆቴል፣ ዓለባ፣ ጽባቐን/ኮስሜቲክ፣ ምህናጽ፣ ቴክኒክ ህንጻ፣ ዕንጨይትን ውሽጣዊ ኣቀራርጻ ገዛን፣ ስራሕ ሓጻውንቲ፣ መኻይን፣ ቁጠባን/ ምምሕዳርን፣ ሸቐጥ፣ መጎዓዚያ/ ሎጊስቲክ ወይ መዳያት ጥዕናን ማሕበራውን።



ሮንዲክ ታሀር ሙሳ፣ ዒራቕ
1. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ
ሓጋዚት ብቱን ሸቐጥ ምግብን መስተን (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ)

# ትኽክል ንምምሃር እኹል ጊዜ: «ምምሃር ኣገዳሲ ካብ ዝኾነ ቤተሰብ እዩ መበቆለይ። ...

ናይ ኣቦይ ድልየት ኩሉ ጊዜ፣ ኩሎም ደቁ ንኽመሃሩ፣ ጽቡቕ ትምህርቲ፣ ጽቡቕ ስራሕን፣ ኣብ ስራሕ ድማ ጽቡቕ ምዕባለ ክገብሩ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣነ ኣብ ዒራቕ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ኣብ ቤት ትምህርቲ ተማሂረ ብማትሪክ ድማ ፈጺመ። ናብ ስዊዘርላንድ ምስ መጻኹ፣ ብዘይ ትምህርቲ ሓደ ጽቡቕ ዝኾነ ስራሕ ምርካብ ቀሊል ከም ዘይኮነ ቀልጢፋ ተረዲእኒ። ኣነ ድማ ሙሉእ ህይወተይ ክውልውል ወይ ድማ ኣብ ገዛ ጥራሕ ክሰርሕ ኣይደልን እየ፣ ናብራ ሰበይቲ ሓዳር ንዓይ ይስልችወኒ እዩ፣ ክሰርሕ እየ ዝደሊ።

ኣብ ዒራቕ ተሪፈ እንተዝኸውን ኔረ፣ ሙያ ፋርማሲ ምተማሃርኩ ኔረ። ኣብዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ግን ነዚ ክገብር ኣይክእልን እየ። ኣብ ኮርስ ኢንተግሬሽን ብዙሓት ሙያታት ርእየ፣ ኣብ ምግብን መስተን ዘድሃበ ሸቐጥ ብቱን ናውቲ ካብ ኩሉ ካልእ ፈትየዮ።

### ተሓዋስነት

ኣብዚ ሙያ ምስ ካልኦት ሰባት ርክብ ኣለኒ፣ እዚ ንዓይ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ፣ ምኽንያቱ ኣነ ብጣዕሚ ግልጽትን ምስ ሰብ ምሕዋስን ዝፈቱ ሰብ ስለዝኾንኩ። ኣብዚ ትምህርቲ ብጣዕሚ ብዙሕ ብዛዕባ ምግቢ እመሃር ኣለኹ። እዚ ፍልጠት ሙያ ከኣ ኣብ ህይወተይ ክድልየኒ ዝኽእል እዩ። ከመይ ጌርና ጥዕና ዘለዎ ምግቢ ክንምገብ ከም እንኽእል ምፍላጡ ጽቡቕ እዩ።

እዘን ዝመጻ ዘለዋ ክልተ ዓመታት ንዓይ ቀለልቲ ከም ዘይኮና እፈልጥ እየ። ክእለት ቋንቋይ ኣጸቢቐ ከመሓይሽ ኣለኒ፣ ዕዮ ገዛ ክሰርሕ ከለኹ ካብ እቶም ብጾተይ ንላዕሊ ብዙሕ ጊዜ ክወስደለይ እዩ። ግን ዕድለኛ እየ። ብጻየይ ይድግፈኒ እዩ፣ ኣብ ገዛ ብስራሕ ይሕግዘኒ ኣዩ፣ ምግቢ ከማን እሱ እዩ ዝሰርሕ። እሱ ንኽመሃር እኹል ዝኾነ ጊዜ ንኽህልወኒ እዩ ዝደሊ። በዚ ምኽንያት ድማ፣ ከምዝዕወት ርግጸኛ እየ።»



ሳሙኤል ፍራይ፣ ስዊዘርላንድ
2. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ፣
ሰራሕተኛ ክሽነ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ)

# *ጽቡቕ ደገፍ ንዓወት :*

### *«ሓደ ካብቲ ባህ ኢልኒ ዝሰርሖ ስራሕ ምኽሻን እዩ። ድሕሪ 10. ክፍሊ ነቲ ሰለስተ ዓመት ዝወስድ ትምህርቲ ልምዲ ኮኮ ጀሚረ። ...*

እቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝገብረሉ ትካል ኣብ ካልእ ካንቶን እዩ ኔሩ። ኣብቲ ውሽጢ ትካል ክነብር ኔረ። እቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ትካልን ኣነን ግን ብፍጹም ክንሰማማዕ ኣይከኣልናን። ካብ ኩሉ እቲ እዋኑ ዝቀያየር ጊዜ ስራሕ ብጣዕሚ ከቢድኒ።

ብሓገዝ ወለደይ ናብ ዙሪክ ቀይረ ክምለስ ኪኢለ። ኣብቲ ካላኣይ ዓመት ትምህርቲ ልምዲ ኣብ ሓደ ካልእ ትካል ከም ብሓዲሽ ምስ ሓደሽቲ ሰባት ክላለን ምስኦም ክሰርሕን ኔርኒ። ኣነ ግን ጸገም ኣለኒ፡ ኣነ ቀስ ኢለ እየ ዝሰርሕ፣ ከምኡውን ዝተፈላለየ ነገራት ኣብ ሓደ እዋን ንምግባር እጽገም እየ።

እቲ ትካል ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ናብ ናይ ክልተ ዓመት መሰረታዊ ትምህርቲ ምስ ምስክር ወረቐት ሙያ ንኽቕይሮ ሓሳብ ኣቕሪብለይ። ኣብ መጀመርታ ጉህየ ኔረ፣ ሕጂ ግን እቲ ጥቕሙ ተራእዩኒ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ ኣብ ሓንቲ ክፍሊ ዘለና 10 ተመሃሮ ውሑዳት ኢና። ንሕና ነንሕድሕድና ኣጸቢቕና ንፋለጥ ኢና፣ እቲ መምህር ድማ ምሳና ንምስራሕ እኹል ጊዜ ኣለዎ። ኣብዚ ሕጂ ዘለኹዎ ትካል እውን ጽቡቕ እዩ ዝስመዓኒ ዘሎ። ንምምሃር እውን ጽቡቕ ዝኾነ ኩነታት እዩ ዘለኒ።

### ንዕላማ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ

ሓጋይ ክኸውን ከሎ ናይ ትምህርቲ ልምዲ መፈጸሚ ፈተና ክገብር እየ። ብኸምኡ ከኣ እቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ዕላማይ ክፍጸም እዩ። ዝከኣል እንተኾይኑ፣ ኣብ 2 ዓመት ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ናብቲ ብ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ዝውዳእ፣ ሰለስተ ዓመት ዝወስድ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከም መጠን ከሳኒ ክግብር እደሊ ኣየ። ንቐጻሊ ህይወት ሙያይ ብዙሕ ነገር ክገብር ከም ዝኽእል እዩ ዝስመዓኒ፡ ዋና ከሻኒ ወይ ድማ መምህር ሙያ ንምኳን – ንዕኡ ግን ናይ ሙያ ማትሪክ የድልየኒ እዩ – ወይ ድማ ኣብ ወጻኢ ዓዲ ናይ ቻይና ወይ ድማ ናይ ጃፓን ክሽነ ክላለ እደሊ።»

## ቅልጡፍ ኮርስን ውልቃዊ ዝኾነ መሰነይታን

ብዝተፈላለየ ምኽንያታት እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ምስክር ወረቐት፣ ኣብቲ ትምህርቲ ልምዲ ትመሃሩሉ ትካል ወይ ድማ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ ጸገም ከጋጥመኩም ይኽእል ይኸውን፡

ምናልባሽ ነቲ ትምህርቲ ጽቡቕ ጌርኩም ክትከታተሉ ከም ዘይትኽእሉ ክትፈልጡ ትኽእሉ ትኾኑ። ከምዚ ዓይነት ጸገም እንተጋጢምኩም፣ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ምስ ኣቶም መምሃራን ክትዛረቡ ኣለኩም። ምናልባሽ በቲ ቅልጡፍ ዝኾነ ኮርስ ጌሮም ነቲ ዘለኩም ጸገም ከወግዱ ይኽእሉ ይኾኑ።

ምናልባሽ ኣዉን ኣብቲ ትመሃርዎ ትካል ምስ ዘለዉ ክትተሓባበሩ የጸገመኩም ይኸውን ወይ ድማ ምስ እቶም ዓበይቲ መሳርሕትኹም ብሓባር ንምስራሕ ትጽገሙ ትኾኑ። ወይ ድማ እቲ ትካል ካባኹም ዝጽበዮ ካብ ዓቕምኹም ንላዕሊ ይኸውን። ምስ እቶም ሙያ ዝምህርኹም ቀልጢፍኩም ብዛዕብኡ ተዛረቡ። እሳቶም ኣብቲ እዋን ትምህርቲ ልምዲ ንዓኹም ብውልቂ ዘሰንየኩም ውልቀሰብ ከም እትረኽቡ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም።

## ከይጀመርካ ምፍጻም የለን

ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ) ብዓወት ምስ ወዳእኩም ሓደ ስራሕ ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ድማ ቀጺልኩም ሓደ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ክትጅምሩ ትኽእሉ። ከም ግቡእ ብቐጥታ ኣብ ካልኣይ ዓመት ትምህርቲ ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም።

# ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ንምርካብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

**ናይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ትምህርቲ 3 ወይ 4 ዓመት እዩ ዝወስድ ከምኡውን ሰፊሕ ዝኾነ ፍልጠትን ክእለትን ንኣብ 200 ንላዕሊ ዝኾና ሙያታት ይህብ እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ዓመታዊ ካብ ሰለስተ ክልተ መንእሰያት ከምዚ ዓይነት ትምህርቲ ይፍጽሙ፣ እዚ ትምህርቲ «ትምህርቲ ልምዲ» ወይ «ትምህርቲ ልምዲ ሙያ»ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ዘድሊ ተግባራዊ ክእለትን ትምህርታዊ ብቕዓትን ዝተፈላለየ እዩ።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

## መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣንታይ እዩ?

መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ነቲ ተግባራዊ ልምድን (ኣብቲ ትምህርቲልምዲ ዝገበረሉ ትካል ወይ ድማ ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ) ነቲ ክልሰ ሓሳብዊን (ኣብ ቤት ትምህርቲ ሙያ) የጸናብር እዩ። ኣብዘን ሰለስተ ናይ ትምህርቲ ቦታታት ዘለዉ መምሃራን ዝኽተልዎ ዕላማ፣ ንዓኹም ነቲ ናይ ስራሕ ዓለም ምጥጣሕ እዩ፣ እስኹም ነተን ፈተናታት ክትሓልፉን ኣብቲ ማሕበረሰብ ድማ ንኽትጽምበሩን ኣዩ። ሓደ ሓደ እዋናት እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ፣ ምስ ተግባራዊ ልምዲ ተጸናቢሩ፣ ክካየድ ይኽእል ኣዩ። ከምዚ ዓይነት ኣሰራርሓ ምናዳ ኣብቲ ፈረንሳይኛ ዝዝረበሉ ክፍሊ ስዊዘርላንድን ኣብቲ ጥልያን ዝዝረበሉ ክፍሊ ስዊዘርላንድን እዩ ዝዝውተር (ኣብ ገጽ 34 ርኣዩ)።

## ትካል ትምህርቲ ልምዲ

ካብ 3 ክሳብ 4 መዓልታት ኣብ ሰሙን ነቲ ስራሕ ኣድላዪ ዝኾነ ተግባራዊ ፍልጠት ትቐስሙ ከምኡውን ነቲ ማሕበራውን ሜላዊን ክእለትኩም ተመሓይሹ።

## ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ

እዚ ካብ ትካል ወጻኢ ዝካየድ ኮርስ ኣብ ዓመት ዉሑዳት መዓልታት መሰረታዊ ዝኾና፣ ነቲ ትምሃርዎ ስራሕ ኣድለይቲ ዝኾና፣ ቴክኒክን ኣሰራርሓን ንምቕሳም የብቅዓኹም።

## ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ

እዚ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ኣብ ሰሙን ካብ 1 ክሳብ 2 መዓልታት ነቲ ተግባራዊ ትምህርቲ ኣ ድላዪ ብዝኾነ ክልሰ ሓሳባዊ ፍልጠት ሙያ ዘማልእ እዩ። እዚ ስነ ፍልጠታዊ ክፍሊ ትምህርቲ ነቲ ሙያ ኣድላዪ ዝኾነ ፍልጠት ዘቕስም እዩ። እቲ ሓፈሻዊ ኣስተምህሮ ንክልተ መዳያት ትምህርቲ እዩ ዘጥልቕ: እቲ መዳይ ትምህርቲ«ቋንቋን ርክብን» ብቓላትን ብዘይ ቃላትን፣ ብውልቅኹም ኣብ ስራሕን ኣብ ማሕበረሰብን ንዝህሉ ኩነታት፣ ንሰማዓይ ክሕብር ዝኽእል ኣዘራርባን ርክብን ንኽትመልኩ ዘኽእል እዩ። ኣብ መዳይ ትምህርቲ «ማሕበረሰብ» ብዛዕባ ፖለቲካዊ፣ ስነ ተፈጥሮኣዊ፣ ሕጋዊ፣ ማሕበራዊ ወይ ድማ ባህላዊ ዝኣመሰሉ ኣርእስታት ኢኹም ትመሃሩ።

## ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ጊዜ ሃብዎ። ምስ ኳልኩም፣ ምስ ወድኹም ብዝተኻእለ መጠን ኣበየናይ መዳያት ክእለት ከም ዘለዎምን ኣንታይ ድልየት ከም ዘለዎምን ብትኽክል ኣረጋግጹ።

መጀመርታ ንኹለን መዳያት ሙያ ርኣዩ። ብኸምኡ ከኣ ኣየናይ ሙያን ኣየናይ ትምህርትን ንቆልዓኹም ከም ዝሰማማዕ ትረኽቡ።

ምስ እቶም መምሃራን ኳልኩም ወይ ድማ ወድኹም ብተወሳኺ ነቲ ዝምነይዎ ዓይነት ሙያ ከመይ ዓይነት ምቅርራብ ክገብሩ ከም ዘለዎም ንምፍላጥ ብእዋኑ ተማየጡ።

### ንመሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) እንታይ ከተማልኡ ኣለኩም?

ኣብ ኩለን መዳያት ሙያ፣ ነቲ ናትኩም ድልየትን ክእለትን ክሰማምዓ ዝኽእላ ሙያታት ከምኡውን ዝተፈላለየ (ዝለዓለ፣ ማእከላይ ወይ ዝተሓተ) ቅድመ ደረጃ ትምህርቲ ዘድልየን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ቴክኒካዊ መዳይ ሙያ:** ሒሳብን ሳይንስን ትፈትው ኢኹም፣ ውስብስብ ዝኾነን ዝተኣሳሰረን ነገር ክትከታተሉ ትኽእሉ ኢኹም፣ ቅርጽታት ከተስተውዕሉ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡውን ቴክኒካዊ ንዝኾነ ምትእስሳራት ተገዳስነት ኣለኩም።

**ናይ ቴክኒክ ኢደ ጥበብ መዳይ ሙያ:** ኣብ ዓውደ ትምህርታት ሒሳብን ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ጂኦሜትሪ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽቡቕ ነጥቢ ተምጽኡ። ቅርጽታት ከተስተውዕሉ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡውን ዕቅኑ ሚሊሜትር ዘይጋገ ስራሕ ምስራሕ ትፈትዉ።

**ኢደ ጥበባዊ መዳይ ሙያ:** ሒሳብ ትፈትው ኢኹም፣ ካብ ኩሉ ከኣ ኣእዳውኩም ስሉጥ እዩ፣ ምንቅስቓስ ትፈትው ከምኡውን ጥዑይ ኣካል ኣለኩም።

**ናይ ኣገልግሎት መዳያት ሙያ:** ንኹሉ ዓውደ ትምህርታት ድልየት ኣለኩም፣ ንሒሳብ እውን። ካብ ኩሉ ከኣ ነዚ ናይ ከባቢ ቋንቋ ኣጸቢቕኩም ትመልከ ኢኹም፣ ንናይ ወጻኢ ዓዲ ቋንቋ እውን ተውህቦ ኣለኩም፣ ምስ ካልኦት ምርኻብ ባህ ይብለኩም እዩ ከምኡውን ክእለት ዘረባ ኣለኩም።

**መዳያት ሙያ ስነ ጥዕና ወይ ማሕበራዊ:** ምስ ካልኦት ሰባት ምርኻብ ትፈትው ኢኹም ከምኡውን ቋንቋ ምምሃር ኣይከብደኩምን እዩ። ከምኡውን ንሳይንስ ትፈትው ኢኹም ሒሳብውን ባህ ይብለኩም እዩ።

**መዳያት ሙያ ቅርጽታት:** ከም መጠን ቀምቃማይ ወይ ሰኣላይ ወይ ድማ ዕንባባ ኣዋሃዲ – ጽቡቕ ንዝኾነ ነገራት ተውህቦ ኣለኩም፣ ምቅራጽ ትፈትው ኢኹም ኣእዳውኩም ድማ ስሉጣት እየን። ምስኣል፣ ምስራሕን ጂኦሜትሪን ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብተን ትፈትውወን ዓውደ ትምህርታት እየን።



ዋሪና ቦስሃርድ፣ ስዊዘርላንድ
1. ዓመት ልምዲ፣
ኮስታሪ መውጽኢ ትኪ
(ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት)

# ድሕሪ እቲ ምልላይ ሙያ ኩሉ ግሉጽ ኮይኑ:

## «መጀመርታ ሙያ ዳግም ምህናጽ ባህ ይብለኒ ኔሩ። ድሕሪ እቲ ምልላይ ሙያ ግን፣ ምስ ኣጋይሽ ንምስናይ ከም ዝብርትዓኒ፣ ግሉጽ ኮይኑለይ። …

ድሕሪ እቲ ምልላይ ሙያ ንኹሉ ካብ መጀመርታ መሊሰ ክገብሮ ኔርኒ። ኮስታሪት መውጽኢ. ትኪ. ኣደይ ዘምጽኦቶ ሓሳብ ኣዩ ኔሩ። በጋጣሚ ምስ እቲ መምህር ሙያይ ተዛሪባ። እሱ ምናልባሽ እዚ ንዓይ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢሉ። ኣነ ንሓደ ሰሙን ነቲ ሙያ ተላልየ፣ ናይ ብቕዓት ፈተና ሓሊፈ፣ ነቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ከኣ ረኺበ። ሕጂ ኣብቲ ዕለታዊ ናብራ ክርእዮ ከለኹ፣ እዚ ስራሕ ንኣካል ዘድክም ከም ዝኾነ ተረዲእኒ። ሓደ ሓደ ጊዜ ምሸት ሑቐይን ኣብራኸይን ይስሞኣኒ። ካብ ኩሉ ከኣ ኣብ ሓደ ክፍሊ. እቶን ሰዓታት ሙሉእ ነቲ ጸለሎ ክፍሕጥር ከለኹ። እቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ' ውን ካብቲ ዝገመትክዎ ንላዕሊ. ብዙሕ ዘጽዕር ኣዩ።

### ኬሚስትሪን ፊዚክስን ንዕለታዊ ስራሕ

ሕጂ ኣብዚ 1-ይ ዓመት ትምህርቲ ልምዲ እቲ ትምህርቲ ቀንዲ ዘድህብ ኣብ ኬሚስትሪን ፊዚክስን እዩ። ኣነ ዝፈትወን ዓውደ ትምህርታት ኣይኮናን፣ ንዕለታዊ ስርሐይ ግን ኽልቲኤን የድልያኒ እየን። ምሸት መብዛሕትኡ ጊዜ ስለዝደክም፣ ቀዳመ ሰንበት ንቤት ትምህርተይ ክጽንዕ ኣለኒ።

ንቐጻሊ ህይወት ሙያይ ብዙሕ ነገር ክገብር እኽእል ኢለ እየ ዝሓስብ: ድሕሪ እቲ መፈጸሚ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ መጀመርታ ሰሪሐ ገንዘብ ክረክብ እየ ዝደሊ፣ ድሕሪኡ ምዝዋር፣ ምናልባሽ እውን እንግሊዝኛ ምምሃር። ወይ ድማ ካልእ ፍሉይ ነገር ምግባር፣ ሓደ ካልኣይ ትምህርቲ ልምዲ ወይ ድማ ንሓደ እዋን ኣብ ሓደ ስፖርት በረድ ዝግበሮ ሆቴል።»

# «ኣነ ናይ ግድን ሽቓጢት ክኸውን ደልየ፡

## ኣብ ኮሶቮ ከለኹ’ውን ኣብ ሓደ ባንክ ክሰርሕ እደሊ ኔረ። መበቆለይ ካብ ሸቐጥቲ ዝኾኑ ስድራቤት እዩ ።…

ኣደይ፣ ደቂ ሓወቦታተይ፣ ደቂ ሓትነታተይ፣ ሓወይ እውን እዚ ናይ ሙያ መዳይ የገድሶም እዩ። ጓል 15 ምስ ኮንኩ እሞ ንስዊዘርላንድ ምስ መጸኹ፣ ኩሎም ንዓይ ረስዕዮ፣ ነዚ ኣይትኽእልዮን ኢኺ፣ ነዚ ጽሩይ ዝኾነ ክእለት ጀርመንኛ የድልየኪ እዩ፣ ኢሎምኒ። በዚ ምኽንያት፣ መጀመርታ ሓደ ብዙሕ ክእለት ጀርመንኛ ዘየድልዮ ሙያ ክመሃር ኣየ፣ ቀጺለ ድማ ናብዚ ሙያ እቕይር ኢለ ሓሲበ። ድሕሪኡ ሓደ ሾሞንተ ወርሒ ዝወስድ ተግባራዊ ልምዲ ኣብ ሓደ ሆስፒታል ገይረ፣ እዚ ግን ንዓይ ብትኽክል ዝሰማማዕ ስራሕ ኣይነበረን።



ዳፊና ኤልማዚ፣ ኮሶቮ
3. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ፣
ሸቐጥ ፕሮፌል፣ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ፕሮፌል B

ድሕሪ እቲ ተግባራዊ ልምዲ ውሳነ ጌረ፡ኣነ ናይ ንግዲ ማሕበር ትምህርቲ ክገብር እየ ዝደሊ፣ ንዕኡ ከኣ ጀርመንኛን ሓደ ቋንቋ ወጻኢ ዓድን የድልየኒ እዩ። እንግሊዝኛ ንዓይ ወላሓንቲ ዘጸግም ኣይነበረን፣ በዚ ምኽንያት ሓደ ዓሚቑ ዝኾነ ናይ ጀርመንኛ ኮርስ ጀሚረ።

### ጽቡቕ መመልከቲ ስራሕ

ኣነ ከኣ ዕድል ጌረ፣ ኣብቲ ኣገባብ ምምልካት ሓደ ዘሰንየኒ ኣርኣያ ደጊፍኒ። መጀመርታ ነቲ መመልከቲ ኣብ ሓደ ክሬማ ቀለም ዘለዎ ወረቐት ኣሰናድየዮ፣ ጽቡቕ ዝኾነ ሰነድ መመልከቲ፣ ንነፍሲ ወከፍ ሓዲሽ ምልክታ ሓዲሽ ማህደር ወሲደ ንኹሉ ዶኩሜንታት ከምብሓድሽ ሓቲመ። ብግምት ድሕሪ 20 ዝኸውን መመልከቲ ምስ ሰደድኩ፣ ንመጀመርታ ጊዜ ንቃለ መጠይቕ ምልላይ ተዓዲመ። ምስ እቲ ዘሰንየኒ ኣርኣያ ክንደይ ጊዜ ከምተላመድኩ፣ ኣጸቢቐ እየ ዝዝክር። ከመይ ጌረ እየ ዝኸዶም? ከመይ ጌረ እየ ዝርእዮም? ከመይ እየ ሰላም ዝብሎም? እንታይ ክብል እየ? እንታይ ክዛረብ እየ?

ነዚ ቃለ መጠይቕ ምልላይ ብግምት 20 ዝኾኑ ደለይቲ ተዓዲሞም ኔሮም፣ ነተን ኣርባዕተ ቦታታት ትምህርቲ ልምዲ ብዙሓት ተወዳደርቲ። እሳቶም ኩሎም ኣብ ናይ ስዊዘርላንድ ቤት ትምህርታት እዮም ተማሂሮም፣ ናተይ ጀርመንኛ ከኣ ኣጸቢቑ ኣይጸረየን ኔሩ። ነዚ ቃለ መጠይቕ ምልላይ፣ ኣነ ክገብሮ እኽእል ኣየ ዝብል ድርኺት፣ ድልየትን ፍልጠትን ጥራሕ እዩ ኔርኒ። ነቲ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ንምርካብ፣ ነቶም ሰብ መዚ ኣነ ብነፍሰይ ከም ዝተኣማመንን ነዚ ናይ ንግዲ ማሕበር ትምህርቲ ልምዲ ብዓወት ከዛዝሞ ከም ዝኽእል እምነት ከም ዘለንን፣ ከኣምኖም ኔርኒ።

### ኣብቲ ልክዕ ዝኾነ ስራሕ

ሕጂ ኣብ ሳልሳይ ዓመት ትምህርቲ ልምዲ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ዙሪክ ብኸምኡ ከኣ ኣብ ልክዕ ዝኾነ ሙያ እየ ዘለኹ። ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ነቲ ክፍሊ ምምሕዳር ሰራሕተኛታትን ማሕበራዊ ክፍሊን ተላልየ፣ ኣብዚ ዓመት ኣብቲ ምቁጽጻር ቁጠባ እሰርሕ ኣለኹ። እዚ ስራሕ የሐጉሰኒ እዩ፣ ነፍሰ ወናኒ ስራሕን ምስ ካልኦት ሰባት ድማ ምርኻብን ስለ ዘጸናብር እፈትዎ እየ።

ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ’ውን ጽቡቕ ይካየድ ኣሎ። ይኹን እምበር ኣብ ሰሙን ሓደ ምሸት ነቲ ገንዘብ ዘይክፈሎ ንተመሃሮ ሙያ ዝዳሎ ቅልጡፍ ኮርስ እኸይድ እየ። ሓደ ክፋል ዕዮ ገዛይ ኣብኡ እየ ዝሰርሕ፣ ሕቶ ክህልወኒ ከሎ፣ ንዓይ ክሕግዘኒ ዝኽእል ሓደ መምህር ኣብኡ ኣሎ። ከምኡውን ፈረንሳይኛ እመሃር፣ ምኽንያቱ ድሕሪ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ነቲ ማትሪክ ሙያ ክገብር ስለዝደልን ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ሙያ ክመሃር ስለዝደልን።»



ሴሊያ ሃልዲማን፣ ብራዚል
3. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ፣
ሰብ ሙያ ጥዕና (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት)

# *ነቲ ስራሕ ልክዕ ዝኾነ ክእለት : «ኣነ ተራኺቢት እየ ከምኡውን ነፍሰይ ወኒነ ምስራሕ እፈቱ እየ። ...*

ኣብ ስፒተክስ ከም መጠን ሰብ ሙያ ጥዕና፣ ሕሙማትን ኣረገውትን ቀጻሊ ኣብ ገዝኦም ክነብሩ ምእንቲ ክኽእሉ፣ ተራይ የበርክት እየ። እከናኽናዮም፣ ስራሕ ገዛ እሕግዞም፣ እቶም ዓማዊልይ ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ህይወቶም ባዕሎም ምእንቲ ክመልክዎ፣ እሕግዞምን የተባብዖምን እየ።

ነዚ ሙያ ኣድላዪ ዝኾነ ቅድመ ኹነት ኣለኒ : ናብ ሰብ ምቕራብን ንሰብ ድማ ተገዲሰ ምቕባልን ኣይከብደንን እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ነቶም ዓማዊለይ – መብዛሕትኦ እዋን በይኖም እዮም ጽምዋ' ውን ኣለዎም – ቅርበት ከም ዝስምዖም እገብር፣ ከምኡውን ነቲ ዘለዎም ሽግር ክነግሩኒ ከለው ብትዕግስቲ ኣሰምዖምን እርድኣሎምን። እዚ ክፍሊ ናይ ትምህርቲ ንዓይ ኣይበርትዓንን፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ነቲ ዝሰምዖ ኣብ ነፍሰይ ከምዘይለግብ ምስ ተማሃርኩ።

እቲ ሕክምናዊ ኣሰያይማ ብዝምልከት እውን ኣነ ሓለፋ ካልኦት ብልጫ ኣለኒ። እተን ኣስማት ከምቲ ኣብ መበቆል ቋንቋይ ፖርቱጋልኛ ስለዝመሳሰላ ቀልጢፈ ክቐልበን እኽእል። ዝኸብድ ጀርመንኛ እዩ። ብኣፍ ምዝራብ ብዙሕ ኣየጸግምን እዩ፣ ምኽንያቱ እቲ ብዘይ ቃላት ምርድዳእ ስለዝሕግዘኒ። እቲ ናይ ጽሑፍ ግን ! ነቲ ናይ ጽሑፍ ስራሕ ብጣዕሚ ብዙሕ ጊዜ እየ ዘጥፍእ – ይኹን እምበር ተሓጕሰ ኣይፈልጥን። ካብ ሓደ ዓመት ጀሚረ ብውልቀይ ምስ ሓደ መምህር ጀርመንኛ እሰርሕ ኣለኹ፣ ቅድሚ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ ምርካበይ ንነፍሲ ወከፍ ዓረፍተ ነገር ድማ እማየጠላ።

ኣብዚ እዋን ነቲ ናይ መፈጸሚ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ እቕረብ ኣለኹ። ኣቐዲመ ጽቡቕ ነጥብታት እየ ረኺበ። ድሕሪኡ ቅድሚ ቀጻሊ ትምህርቲ ምጅማረይ፣ ናይ ሙያ ተሞክሮ ከጥሪን ክእለት ቋንቋ ጀርመንኛይ ከኣ ከማሓይሽን እደሊ ኣለኹ። ከመይ ጌረ ቀጺለ ከም ዝመሃር እውን ርግጸኛ ኣይኮንኩን : ወይ ኣብቲ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ብመዳይ ክንክን ክገብር እየ ወይ ድማ ማትሪክ ሙያ ጌረ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ሙያ ክመሃር እየ።»

## ኣብ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ዘጋጥም ጸገማት

ካብ እቲ ግቡእ ቤት ትምህርቲ ናብ መሰረታዊ ቤት ትምህርቲ ሙያ ምስጋር፣ እውን ናብቲ ዝዓበየ ነፍሰ ወናንነት ምስጋር እዩ። ኣብቲ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካል ጥራሕ ኣይኮነን ካባኹም ትጽቢት ተግባራዊ ዝኾነ ተሳታፍነት ዝግበር፣ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ ኣውን ነፍስኹም ኪኢልኩም ንኽትሰርሑ እዮም ካባኹም ዝጽበዩ።

ምናልባሽ ነዚ ምስጋር ከቢድ ኮይኑ ትረኽብዎ ትኾኑ፣ ከምኡውን ኣብ ትካል ወይ ድማ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ሽግር ተላዒሉ ከም ዘሎ ተስተውዕሉ ትኾኑ።

ከምዚ ዓይነት ጉዳይ እንተሎ ቀልጢፍኩም መፍትሒ ክትረኽቡሉ ፈትኑ :

- ምስ መምሃራን ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ብዛዕባ ኣቲ ሽግር ተማየጡ፣ ኣድለዩ እንተኾይኑ ኣብ ሓደ ቅልጡፍ ኮርስ ወይ ድማ ተወሳኺ ኮርስ ቋንቋ ተመዝገቡ።
- ምስ እቶ መምሃራን ሙያ ተማየጡ ከምኡውን ብሓባር ምስኦም ሓደ ዝሓሸ መፍትሒ ናይ እቲ ኣብ ትካል ተላዒሉ ዘሎ ሽግር ድለዩ።

ሓደ ሓደ እዋናት ነቲ ሽግር ኣይፍታሕን እዩ። ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ቅድሚ ምቁራጽኩም፣ ምስቶም ኣብ ካንቶን ዘለዉ ሓለፍቲ ሰብ ሙያ – እቲ ሽሞም ኣብ ውዑል ልምዲ ሰፊሩ ኣሎ – ናይ ግድን ተራኸቡ። መብዛሕትኡ እዋናት ሓደ መፍትሒ ክርከብ ይኽእል ኣዩ፣ ንምሳለ ናብ ሓደ ካልእ ትካል ምቕያር፣ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ካብ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ናብ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ወይ ድማ ካብ ዳሕረዋይ ናብ ቀዳማይ ምልዋጥ።

ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ እንተ ኣቋሪጽኩም፣ ምስ እቲ ማእከል ኣማኸርቲ ሙያ ነቲ ዝቕጽል ዘሎ ስጉምቲ ናይ ግድን ክትዛረቡሉ ኣለኩም።

# ናይ ግድን ምስ ኤለክትሮ ቴክኒክ ዝራኸብ ሙያ:

## «ሓደ ትምህርቲ ሙያ ክመሃር ከምዝደሊ፣ ንዓይ ኩሉ ጊዜ ግሉጽ እዩ ኔሩ። ...

ኣብ ስዊዘርላንድ ትነብር እንተኾንካ እሞ ትምህርቲ ሙያ ዘይብልካ ኣንተኾንካ፣ ኣብ ስራሕካ ደው ኢልካ ኢኻ ትተርፍ፣ ሙሉእ ዘመንካ ሓንቲ ስራሕ ጥራሕ ኢኻ ትሰርሕ። ኣነ ግን ጽቡቕ ስራሕ እየ ዝደሊ፣ ኣብ ስርሔይ' ውን ሓላፍነት ክህልወኒ ከምኡውን ዕብየት ስራሕ ንኽህልወንን ኩሉ ጊዜ ድማ ትምህርተይ ክቕጽል እየ ዝደሊ።

ኣብቲ ኣዋን ዝትምነዮ ዝነበርኩ ሙያ ኢንፎርማቲክ እዩ። ኣብቲ እዋን ምስ ሕብረተሰብ ናይ ምጽንባር ኮርስ ክገብር ከለኹ ኣሞ ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ክደሊ ከለኹ፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ሓደ ዓመት ኣይገበርኩም ኔረ። ነቲ መልቲቼክ ክፍተን ከለኹ ብርግጽ ጽቡቕ ውጽኢት ኣይነበረንን፣ ክእለት ቋንቋይ ብፍጽም ብቑዕ ኣይነበረን።

ኪበር ኣህማድዚ፣ ኣፍጋኒስታን
4. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ
ገጣማይ ኤለክትሪክ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት)




በዚ ምኽንያት ድማ ከም መጠን ገጣማይ ኤለክትሪክ ኣብ ሓደ ዓቢ ትካል ቅድመ ትምህርቲ ክገብር ድሕሪኡ ድማ ትምህርተይ ክቕጽል ወሲነ። ነቲ ቅድመ ትምህርቲ መቐበሊ ፈተና ምስ ገበርኩ፣ ውጽኢተይ ብጣዕሚ ጽቡቕ ስለዝነበረ፣ ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ብቐጥታ ንኽፍትን ወሲንና።

### ውልቃዊ ተበግሶን ብሓባር ምስራሕን

ኣብ ሓደ ዓቢ ትካል ክትሰርሕ ከለኻ ብዙሕ ውልቃዊ ተበግሶ የድሊ እዩ። ሓደ ሓደ ኣዋናት ምስ ሓደ ንፉዕ ገጣማይ ብሓባር ክሰርሕ እኽእል፣ ካብኡ ከኣ ብዙሕ እኸስብ።

እተን ካብ ትካል ወጻኢ ዝውሰዳ ኮርሳት ግን ኣለዋ፣ ከምኡውን ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ። ኣብቲ ካብ ትካል ወጻኢ ዝውሰዳ ኮርሳት መሰረታዊ ዝኾነ ነቲ ሙያ ኣድላዪ ዝኾነ ኣሰራርሓ ይመሃር፣ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ ድማ ክልሰ ሓሳብ፣ ካብ ኩሉ ፊዚክስ፣ ኤለክትሮቴክኒክ፣ ሒሳብ ይመሃር። ኣብ ኣፍጋኒስታን ከለኹ ኣብ ዩኒቨርስቲ ስለዝተመሃርኩ፣ ስነ ሙያዊ ትምህርታት ንዓይ ቀሊል ኣዩ።

ይኹን እምበር ኣብቲ 1. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ ነቲ ትምህርቲ ከቋርጽ እሓስብ ኔረ። ኣነ ኣብቲ እዋን ወዲ 22 ዓመት ኮይነ ኔረ እቶም ምሳይ ዝነበሩ መማህርተይ ድማ ካብ 18። ዝንእሱ እዮምኔሮም። ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝኣተኹ መሲሉ ተሰሚዕኒ ኔሩ። ሕጂ ግን ይሓይሽ። ሕጂ ምስ መማህርተይ ጽቡቕ ኢና ንሳነ ከምኡውን ኣብ ትምህርቲ እሕግዞም እየ። ቀዳም ንራኸብ፣ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ እንተ ዘይተረድኦም፣ ኣነ ነቲ ፊዚካላዊ ምትእስሳራት የረድኦም።

### ሓደ ጀነሬተር ከመይ ከም ዝሰርሕ ብትኽክል ምርዳእ

ኣብቲ ሓፈሻዊ ኣስተምህሮ ዝወሃቦ ዝነበረኒ ብቋንቋ ምርድዳእ ንዓይ ብጣዕሚ ኣጸጋሚ እዩ ኔሩ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ብድልየተይ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ቅልጡፍ ትምህርቲ እሳተፍ ኔረ። ነቲ ጽሑፋተይ ብምእራምን ነቲ ዘቕርቦ ኣስተዋጽኦ ክላመድ ከለኹን፣ ብጸይተይ ኩሉ ጊዜ ትሕግዘኒ ኔራ። ምምሃር እፈቱ እየ፣ ምሸት ክልተ ሰለስተ ሰዓታት ዕዮ ገዛ ምስራሕ ወላ ሓንቲ ኣይስምዓንን እዩ። ንምሳለ ኣብ ኣቲ ቤት ትምህርቲ ሙያ ንጀነሬተር ኣሕጽር ኣቢሎም እንተ ኣረድኡና፣ ክሳብ ጀነሬተር ከመይ ጌሩ ከም ዝሰርሕ ኣረጋጊጸ ዝፈልጥ፣ ኣብ ገዛ መጺኤ ብዛዕብኡ መጽናዕተይ ኣቕጽል። እዚ ንዓይ ባህ እዩ ዝብለኒ። ኣብዚ ትምህርታዊ ኣገባብ ብቕዓት ጽቡቕ ነጥቢ ከምጽእ እየ ዝደሊ፣ ምኽንያቱ ከኣ ቀጻላይ ትምህርቲ ንምምሃር እሓስብ ስለ ዘለኹ። ኣብ ዩኒቨርስቲ ሙያ ኤለክትሮቴክኒክ ምምሃር፣ ባህ ምበለኒ፣ እዚ ትምህርቲ ኣብዚ እዋን ኣነ ዝምነዮ ትምህርቲ እዩ።»

## *ነቲ ዝምነዮ ሙያ ንኽልእ እዋን ኣጽኒሔዮ :*

***«ኣብ ስዊዘርላንድ ምንባር ካብ ዝጀምር ዳርጋ ሰለስተ ዓመት ጌረ። ካብ መጀመርታ ጀሚረ ቀልጢፈ ምስ እቲ ማሕበረሰብ ንኽጽንበር ፈቲነ። …***

ኣብዚ ቋንቋ ጥራሕ ኣይኮንኩን ተማሂረ፣ ኣብ ሓደ ትያትር ንስደተኛታት እውን ተሳቲፈ ኣየ። ዓቢ ሓጎስ! ንሕና ከም መጠን ናይ መገዲ ትያትረኛታት ኩንና ተዋሲእና ከምኡውን ኣብ ገዛ ኣረገውቲ ተዋሲእና። እቶም ተመልከትቲ ክስሕቁን ክሕጎሱን ከለው ምርኣይ ንዓይ ብጣዕሚ እዩ ኣሐጉስኒ። ኣነ ካልኦት ክሕጎሱ ከለዉን ጽቡቕ ክስምዖም ከሎን ባህ እዩ ዝብለኒ።

### ዝቀያየር እዋን ስራሕ

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ናይ ምጽንባር ኮርስ ኔረ። ንምርጫ ሙያ እቀራረብ ኔረ። ዝተፋላለያ ኢደ ጥበባዊ ሙያታት ርእየ፣ ኣብ ሓደ ሰራሕ ሳኣኒ ተላልየ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኦርቶፔዲ ብጣዕሚ እዩ ማሪኹኒ። ኣብ ካንቶንና ግን ክፉት ዝኾነ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክረክብ ኣይከኣልኩን።

ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ንእሽተይ እንዳ ባኒ ከም መጠን ሰንካታይ ባንን ዶልቺን ምልላይ ጌረ። እዚ ስራሕ ነቲ ናተይ ድልየትን ክእለትን ብጣዕሚ ተሰማሚዑ። ኣብዚ ስራሕ ስሉጥ ዝኾነ ኢድ ብጣዕሚ ኣድላዪ እዩ፣ ኣነ ድማ ንተግባራዊ ነገራት ተውህቦ ኣለኒ። ዝቀያየር እዋናት ስራሕ ድማ እፈቱ እየ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ለይትን ንግሆ ብእዋኑን ምስራሕ ኣየ ዝፈቱ፣ ድሕሪ ቀትሪ ነጻ ምኳን ኣየ ዝፈቱ። እዚ ንዓይ ይሰማማዕ እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ ብኻልእ ወገን ከም ተዋናያይ ክመሃር ይደሊ ኣየ።

### ነፍሰኻ ክኢልካን ርግጸኛ ኩንካን ምንባር

ኣነ ከም መጠን ተዋናያይ ኮይነ ክሰርሕ እደሊ እየ። ኣብ ሓደ ካስቲንግ ተኻፊለ መስሓቕ ትያትር ንምስራሕ ተመሪጸ። ፊሊም ክቕረጽ ከሎ፣ ብዙሕ ኢና ተሓጒስና፣ ብሓንሳብ በሊዕናን ስሒቕናን። ከም መጠን ተዋናያይ ግን ወርሒ ወርሒ ገንዘብ ክረክብ ከም ዘይክእል እፈልጥ እየ።

በዚ ምኽንያት ድማ ኣየ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ዝገብር። ነዚ ናይ ምስንካት ባኒን ዶልቺን ስራሕ ምስ ተመሃርኩ፣ ናይ ሓደ ሙያ ፍልጠት ይህልወኒ፣ በዚ ከኣ ስራሕ ንምድላይ ውሕስና እረክብ። ሰሪሔ ገንዘብ ክረክብ ይኽእል፣ ነፍሰይ ክኢለ ድማ እነብር። ትምህርቲ ሙያ ንዓይ ናይ ህይወተይ መሰረት ዝህብ እዩ።»

ፋርሃን ዓብዲ ዑመር፣ ሶማሊያ
1. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ፣
ሰንካታይ ባንን ዶልቺን (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት)



# ማትሪክ ዘለዎ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

**ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ) ምስ ማትሪክ ከተጸናብርዎ ትኽእሉ ኢኹም። እብዚ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ጥልቕ ዝበለ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ተማሂርኩም ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ሙያ፣ ከከም መዳይ ዓይነት ትምህርቲ፣ ብዘይ ፈተና ወይ ድማ ብመቐበሊ ኣገባብ ክትኣትው ትኽእሉ ኢኹም።**

## ማትሪክ ሙያ እንታይ እዩ?

ኣብቲ መሰረታዊ ቤት ትምህርቲ ሙያ ክትሳተፉ ከለኹም ብተወሳኺ ሓደ መዓልቲ ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ትምሃሩ፣ ኣብቲ ትካል ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ኣውሒድኩም ትሰርሑ ማለት እዩ። ንትምህርቲ (ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ) ተዓዊትኩም እንተፈጺምኩም፣ ነቲ ምስክር ወረቐት ማትሪክ ሙያ ትጭብጡ።
በቲ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) -መፈጸምታን በቲ ማትሪክ ሙያን ኣብቲ ቀጻሊ ላዕለዋይ ትምህርቲ ኽትጅምሩ ትኽእሉ:

ነቲ መፈጸሚ ፈተና ትምህርቲ ልምዲን ማትሪክ ሙያን ምስ ሓለፍኩም፣ ከከም መዳይ ዓይነት ትምህርቲ ብዘይ ተወሳኺ ፈተና ወይ ድማ ብመቐበሊ ኣገባብ መሰረት፣ ከምቲ መሰረታዊ ትምህርትኹም ዝፈቕዶ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ሙያ ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ ናይ ሙያ ማትሪክ ኣውን ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ንኽትመሃሩ ከብቅዓኩም ይኽእል እዩ:በቲ መሳገሪ ንሓደ ዩኒቨርስቲ ንምምሃር ዘድሊ ተወሳኺ ፈተና ክትቀራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## (ንቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ) እንታይ ክተማልኡ ኣለኩም?

እስኽን ንፍዕቲ ተማሃሪት ኢኽን፣ እስኩም ንፉዕ ተማሃራይ ኢኹም፣ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ ንሓደ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ ክትምሃሩ ትውስኑ። ነዚ ንምጽንባር እንተደለኹም፣ ብዙሕ ንኽትመሃሩን ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ድማ ብዙሕ ንምስላጥ ቅሩብ ክትኮኑ ኣለኩም ከምኡውን ኣብ ሰሙን ብዙሕ ሰዓታት ዕዮ ገዛ ንምስራሕ ቁሩብ ክትኮኑ ኣለኩም። ኣብ ልዕሊኡ ድማ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ትገብርል ትካል ክሰማማዕ ኣለዎ።

ነቲ ናይ ሙያ ልምዲ ዝሰማማዕ መዳይ ትምህርቲ ክትመርጹን ምስ እቶም ኣብ ትካልኩም ዘለው ሰብ መዚ BMS ክትሳተፉ ከም እትደልዩ ክትማየጡን ኣለኩም።

ንሙያ ማትሪክ እዘን ዝቕጽላ ምድላዋት ኣለዋ:

- ቴክኒክ፣ ቅርጸ ህንጻ፣ ናይ ህይወት ሳይንስ
- ተፈጥሮ ቅርጺ መሬትን ምግብን
- ቁጠባን ኣገልግሎትን
- ምኽራጽን ስነ ጥበብን
- ጥዕናን ማሕበራዊን

ናይ መእተዊ ኣገባብ ኣብ ኩለን ካንቶናት ማዕረ ኣይኮነን ዝካየድ። ኣብ ሓደ ሓደ ካንቶናት እቲ ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ዘምጻእኩሞ ማእከላይ ነጥቢን ናይ መምሃራን መሰነዪ ደብዳበን ይኣክል እዩ። ኣብ ካልኦት ካንቶናት ናይ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ መቐበሊ ፈተና ክትሓልፉ ኣለኩም። እተን ፈተናታት እቲ ዝለዓለ ናይ ቤት ትምህርቲ ደረጃ ዘለወን ዓውደ ትምህርታት ሒሳብን ቋንቋታትን እየን።


## ምኽሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ንጓልኩም ወይ ንወድኹም ኣብ ግምት ዝኣቱ እንተኾይኑ ንምርግጋጽ ብእዋኑ – ኣብ ካልኣይ ዓመት ናይ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ – ምስ መምሃራን ተማየጡ።

ኣብ ካንቶንኩም ናይ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ኣኼባ ሓበሬታ መምርሒ ክግበር ከሎ ብሓባር ኩንኩም ኪዱ።

ወድኹም ወይ ጓልኩም ንሓደ ክፉት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከመልክቱ ኸለዉ፣ ንቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ድልየት ከም ዘለዎም ክጥቀስ ኣለዎ። ኣብቲ ትካል ትምህርቲ ዘለዉ ሓለፍቲ ነቲ ተወሳኺ መዓልቲ ቤት ትምህርቲ ክሰማምዑሉ ኣለዎም።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ (ኣድራሻ ኣብዚ ርኣዩ www.adressen.sdbb.ch) ኣብ ዝተፈላለያ ካንቶናት ናይ ዝሓለፉ ዓመታት መቐበሊ ፈተናታት ተሓቲመን ኣለዋ።



ፕሪቲ ቫዳካዳት፣ ህንዲ
4. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ፣
ኣውቶማቲካዊት (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት)

### ድሕሪ ሙያዊ ትምህርቲ ልምዲ ማትሪክ ሙያ

መጀመርታ ኣብቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከተድህቡ ትኽእሉ ኢኹም ነቲ ናይ መፈጸሚ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ ምስ ወዳእኩም ነቲ ማትሪክ ሙያ ተርክቡሉ (ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ 2)። ወይ ነቲ ስራሕ ዘሰኒ (2 ዓመት) ወይ ድማ ናይ ሙሉእ እዋን ትምህርቲ (1 ዓመት)። ነቲ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ 2 ናይ መቐበሊ ፈተናን ተወሳኺ ምምያጥን የድልዮ እዩ። ኣብ ዝበዝሓ ቤት ትምህርታት ንማትሪክ ሙያ ነቲ መቐበሊ ፈተና መቀራረቢ ኮርሳት ኣለዋ።

ባህ እንተ ኢልኩም ድሕሪ ናይ መፈጸሚ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ መጀመርታ ክትሰርሑን ናይ ስራሕ ተሞክሮ ክትቀስሙን ትኽእሉ ኢኹም ድሕሪኡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ 2 ንምቕጻል ትውስኑ።

# *ክልሰ ሓሳብን ተግባርን ብጽበለጸ ምውህሃድ :*

## *«ኣብ ህንዲ ናይ ቴክኒክ ማትሪክ ጌረ ኔረ ዓመተይ 18 ምስ መልኤ እየ ንስዊዘርላንድ መጺኤ።...*

ኣቐዲሙ ዝነበረኒ ፍልጠት ክጥቀመሉ ዝኽእል ሙያ እየ መሪጸ። ምስ ሓደ ትምህርቲ ልምዲ ክልሰ ሓሳብን ተግባርን ከዋህድ ከምኡ ድማ ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ምስ ማትሪክ ከጻናብሮ እየ ደልየ። ስለዚ ፈረንሳይኛ ብውምቀት ተማሂረ ነቲ ናይ መቐበሊ ፈተና ድማ ሓሊፈ።

ኣብቲ ናይ መጀመርታ ሰሙን ትምህርቲ ልምዲ ኣብ ሓደ ናይ ልምዲ መኻዚኖ ኔርና። ንሕና 58 ሰብኡትን 2 ኣንስትን ኢና ኔርና። ንዓይ ቁሩብ ኣሰምቢድኒ። ኣብቲ እዋን 19 ዓመተይ መሊኡ ኔሩ። ኣብቲ ናይ መጀመርታ እዋናት ብዙሕ ይስልቹ ኔሩ። ሕጂ ግን ምንም ጸገም የለን፣ መማህርተይ እውን ዓብዮም ኣዮም እቲ ምትሕብባር እውን ብጣዕሚ ጽቡቕ እዩ ዝቐንዕ ዘሎ። ነንሕድሕድና ንተሓጋገዝ። ብሒሳብ ወይ ድማ ብቴክኒክ ኣብ እቲ ትምህርቲ ጸገም የብለይን፣ እቲ ኣብ ጂምናዝየም ዘጥረኽዎ ፍልጠት ይኣክል እዩ። ኣነ ነተን ካልኦት ዓውደ ትምህርታት እየ ዘድህበለን። ቅልጡፍ ኮርስ ንፈረንሳይኛን ጀርመንኛን ብዙሕ እየን ሓጊዘን። ጀርመንኛ ቀሊል ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ድማ እተን ኣብ መጽሓፍ ዘለዋ ኣስማትን ኣብቲ ዕዮ ቤት ዝጥቀሙለን ኣስማትን ይፈላለያ ኣየን: ኣብ መጽሓፍ ንምሳለ <ናይ ሞተር መከላኸሊ መልጎም> ተባሂሉ ዝጽዋዕ፣ ኣብቲ ዕዮ ቤት <ሳንዱቕ ሙቐት> እዮም ዝብልዎ። ኣብቲ ዕዮ ቤትውን ብዙሕ እየ ተማሂረ፣ ምኽንያቱ ናይ ኢድ ስራሕ ብዝምልከት ስልጥቲ ኣይኮንኩን። ከም መጠን ኣውቶማቲካዊት ግን ፕሮግራም ምጽሓፍ ጥራሕ ኣይኮንኩን ዝገብር፣ ነቲ መደብ እውን ኣብ ስራሕ ከውዕሎ ኣለኒ። ድሕሪ እቲ መፈጸምታ ፈታና ትምህርቲ ልምዲ ንሓደ ዓመት ሰሪሔ ገንዘብ ክረክብ እየ። ሓደ ቦታ ስራሕ ኣለኒ።

ድሕሪኡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ሙያ ክመሃር እደሊ ኣለኹ፣ እንተተኻኢሉ ንስራሕ ዘሰኒ። ንምሳለ ቴክኒካዊ ምህናጽ ወይ ቪዡዋላይዘሽን። ኣብኡ ከኣ ስርሔይን ባህ ዝብለኒ ዝንባለይን ከራኽብ ይኽእል እየ፣ ኣብ እዋን ዕረፍተይ ይስእል እየ።»

# ናብ ጂምናዝየም ዘይኮነ፡

## «ኣብቲ ናይ ካልኣይ ደረጃ 3. ክፍሊ ንኹሉ ዓይነት ትምህርታት ክፉት ጌረ ሒዘዮ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ንጂምናዝየምን ንቤት ትምህርቲ ማትሪክ ሙያን መእተዊ ፈተናታት ሓሊፈ። …

ሓደ ትምህርቲ ልምዲ ከም መጠን ኤለክትሮኒካዊ ምስ ማትሪክ ሙያ ክገብር ከም ዝደሊ ኣነ ርግጸኛ ኔረ፣ ግን ኣብ ሓደ ዝደልዮ ትካል። ዕድለይ ኮይኑ ድማ ቀኒዕኒ፣ ኣነ ነቲ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ብኽምኡ ድማ ሓደ ጽቡቕ ዝኾነ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ረኺበ።

ነቲ ሙያ ድልየት ስለዝነበረኒ፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ንዓይ ብዙሕ ከቢድ ኣይነበረን። ኣብቲ ትካል ነቲ ዕለታዊ ስራሕ ጥራሕ ኣይኮንኩን ተላልየ – ካብ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝፍለ –፣ ብዙሓት ተመሃሮ ኢና ኔርና፣ እቶም ነቲ ሙያ ዝምህሩና ንዓና የተባብዑና ኔሮም ንሕናውን ነንሕድሕድና ንወዳደር ኔርና። ብዙሕ ንማየጥ ኔርና፣ ተሞክሮታትና ንቀያየር፣ ነቲ መደባትና እውን ኣብ ስራሕ ነውዕሎ ኔርና፣ መብዛሕትኡ እዋናት እውን ካብቲ ዝግበኣኣና ንላዕሊ ንሰርሕ ኔርና። ዝምስጥ ኩነታት ስራሕ ምስ ድልየት ዘለዎም ኣዋልድን ኣወዳትን መማህርቲ ኔሩ፣ ናይ ስራሕ ዓለም ንምጅማር ዘቐንዔ።

ድሕሪ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ናይ ውትህድርና ምልመላ ቤት ትምህርትን ብኤለክትሮቴክኒክ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ሙያ ቀጺሉ። ነዚ ኣይወዳእክዎን – ቁሩብተይ ነጥብታት ውሒድኒ፣ ምናልባሽ ብውትህድርነት ብዙሕ ኮርሳት ስለዝደገምኩ ክኸውን ይኽእል፣ ምናልባሽ እውን እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ቀሊልኒ ስለዝነበረ፣ ብዝሕ ዝበለ ከጽንዕ ከም ዝነበረኒ ደንጉዩ ተረዲእኒ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሎሚ ኣዚ ንዓይ ኣይርብሽንን እዩ። መፈጸምታ የብለይን፣ ኣብ ክንድኡ ግን ጠቓሚ ዝኾነ መሰረታዊ ፍልጠት ኣለኒ።

### መገዲ ቴክኒካዊ መራሒ ንምኳን

ሓደ ዓርከይ ሓደ ንእሽተይ ትካል ከፊቱ ናይ ኢንፎርማቲክ መፍትሒ ቀረብ ክገብር ደልዩ፣ ኣነ ምስኡ ክሰርሕ ጀሚረ። እዚ ጀሚርናዮ ዘለና ክቐንዕ ከም ዝኽእል፣ ምንም ፍልጠት ኣይነበረናን፣ ካልእ መውጽኢ መደብ ድማ ኣይነበረናን፡ እዚ ምምስራት ትካል እንተዘይቀኒዑ፣ ኣብ ሓደ ባንክ ስራሕ ንረክብ ብዙሕ ገንዘብ ከኣ ንረክብ ኢልና ሓሲብና ኔርና።

እዚ ግን ኣድላዪ ኣይኮነን፣ ኣብ ሓደ ቤት ጽሕፈታት ዘለዉዎ ህንጻ ኣቲና፣ ብኽምኡ ከኣ ጎረቤት ሓደ ሬክላም ዝገብር ትካል ኰንና፣ እሳቶም ድማ ኢንፎርማቲከር ይደልዩ ኔሮም። ክልቲኤን ትካላት ብሓባር ክሰርሓ ጀሚረን፣ ኣነ ድማ ናይ ቴክኒክ መራሒ ኮይነ። ካብ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ጀሚረ ናይታ ንሕና ዝፈጠርናያ መርበብ ሓበሬታ ሓላፊ እየ፣ ሓዲሽ መፍትሒ እፈጥር፣ መሳርሕን ተልሜዴናትን እምህር።

### ምስቲ ዕለታዊ መሰረት ዝሓዘ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ

ነቲ ስርሔይ ዘሰኒ ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ኣብ ዩኒቨርስቲ ሙያ ተማሂረ ብባችለር ዲግሪ ፈጺመ። እዚ'ውን ብጣዕሚ ዝምስጥ ትምህርቲ እዩ ኔሩ። ኣብዚ ትምህርቲ ነቲ ክልሰ ሓሳባዊ ፍልጠተይ ኣዕሚቐ እየ፤ ንዓይ ግን ብዙሕ ፍልጠት ዝሃበኒ እቲ መሰረት ዝሓዘ ዕለታዊ ስርሔይ፣ ምስ ፈላጣት ምምያጥን እዩ፣ ምኽንያቱ እቶም መሳርሕተይ ካብ ዝተፈላለያ መዳያት ሙያ ኢንፍርማቲክ ዝመጹ ስለዝኾኑ።

ኣብዘን ዝሓለፉ ዓመታት ምስ ብዙሓት ድልየት ዘለዎም ኣንስትን ሰብኡትን መሳርሕቲ ብሓባር ናይ ምስራሕ ዕድል እየ ረኺበ። ኣነ ኩሉ ጊዜ ክገብሮ ዝደሊ እየ ጌረ። ኣብቲ ጉዳይ ባህ ኣንዳበለኒ ዝሰርሕ ኣንተኾይነ፣ ምስ ካልኦት ሓሳብ ዝቀያየር እንተኾይነ፣ ነቲ ስራሕና ነንሕድሕድና ንምርምር እንተኺንና ሕቶታትና ነቕርብ እንተኺንናን፣ ብኢንፎርማቲክ ኣብ ብዙሕ ክበጽሕ እኽእል ኣየ።»

ማርክ ኤግሊ፣ ስዊዘርላንድ
ኤለክትሮኒካዊ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ምስ ማትሪክ ሙያ፣
ኢንፎርማቲክ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ



# ብቤት ትምህርቲ ዝተዳለወ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

**ንሓደ ሓደ ሙያታት ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስኡ ድማ ነቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ብናይ ሙሉእ ኣዋን ቀረብ ትምህርቲ ክፍጸም ዝከኣለሉ መገዲ ኣሎ። ኣብቲ ፈረንሳይኛ ዝዝረቦን ኣብቲ ጥልያን ዝዝረቦን ኣካል ስዊዘርላንድን ከምዚ ዓይነት ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ካብቲ ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድ ንላዕሊ ዝተዘውተረ እዩ።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

እዚ ቀረብ ኣብ ናይ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ከምኡውን ከምዚ ቀረብ ዘለወን ዉልቃውያን ቤት ትምህርታት ኣለዋ። በዚ ብምሉእ እዋን ቤት ትምህርታዊ ቀረብ እቲ ተግባራዊ ልምዲ ሙያ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ትካል እዩ ዝወሃብ።

ከምዚ ዓይነት ቀረብ ንኹሉ ዓይነት ሙያ ኣይኮነን ዘሎ፣ ግን ንዝተፈላለያ ሙያታት ኣሎ። መብዛሕትኡ ጊዜ ንመዳያት ንግዲ ዝምልከት ትምህርቲ እዩ (ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ)፣ ብጀከኡ' ውን ንመዳያት ቅርጺ፣ ስእልታት፣ ጥዕና፣ ቴክኒካዊ ወይ ድማ ተቐበልቲ ኣጋይሽ እውን ኣሎ። ሓደ ሓደ እዋናት እቲ ትምህርቲ – ምስ ወይ ብዘይ ማትሪክ ተጸናቢሩ – ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ እዩ ዝካየድ (ምስቲ ኣብ ገጽ 40 ዘሎ ኣወዳድርዎ)። ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ዓቢ ተራ እዩ ዘለዎን።

መብዛሕትአን እዘን ቀረባት ብኸባቢ ወይ ድማ ብካንቶን ዝተደራጀዋ እየን ከምኡውን ፍሉይ ዝኾነ ናይ ምቕባል ኩነታት ኣለወን (መእተዊ ፈተና፣ ናይ ሕጹያት ሰነድ፣ መቀራረቢ ኮርስ፣ ንፍሉያት ዓውደ ትምህርታት ብቑዕ ናይ ቤት ትምህርቲ ነጥብን ወ.ዘ.ተ.)። ኣብ ከምዚ ዓይነት ትምህርታዊ ስልጠና ዝፍጽሙ መብዛሕትኡ እዋን ከም ጂምናዝየምን ማእከላይ ቤት ትምህርቲን ዝመሳሰል መደብ ትምህርትን እዋን ዕረፍትን እዩ ዘለወን። ከምቶም ኣብ ሐደ ትካል መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ዝመሃሩ ግን ከም ግቡኡ ናይ ተመሃራይ መሃያ ኣይረኽቡን እዮም።

## ምኽሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከምኡውን ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ሙያ ዘሎ ትምህርቲ ነቲ ማዕረ ዝኾነ ፌደራልዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ንምርካብ የብቕዓ እየን (ምስ ማትሪክ ሙያ ወይ ብዘይ ማትሪክ)። ቀጺሎም ኣብ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ዝደልዩ እንተኾኑ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ክገብሩ ዝደልዩ እንተኾኑ፣ምስ ወድኹም፣ ምስ ጓልኩም ተማየጡ።

ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ሙያ ብመንግስታዊን ውልቃዊን ኢንስቱታት ይቕረባ እየን። እንታይ ዓይነት ቀረባት ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ሙያ ከም ዘሎን ነቲ ዋጋ ትምህርቲ እስኹም ክትከፍሉ ከም ዘለኩምን ኣብቲ ከባቢኹም ኣጻርዩ።

ኣብ ሓደ ሓደ ማእከላይ ቤት ትምህርታት ሙያ ናይ ዕድመ ገደብ ከም ዘሎ ፍለጡ።

# ቤት ትምህርታዊ ምጅማር ኢንፎርማቲክ፡

## *«16 ዓመት ምስ መላእኩ ግምናዝየም ጀሚረ፣ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ዓመት ትምህርቲ ግን እዚ ንዓይ ትኽክለኛ ከም ዘይኮነ ፈሊጠ። …*

እቲ ኣስተምህሮ ንቑጽ ኮይኑኒ፣ ሳይንስ ተፈጥሮ ከኣ ሰልቺዩኒ። በዚ ምኽንያት ድማ ነቲ ጊምናዝየም ኣማራጺ ዝኾነን ከምቲ ንዓይ ኣብ ዝስሕበኒ ጉዳይ ዘድሃበን ደለየ። ዕድለይ ኮይኑ ከኣ፣ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕዳር ብዛዕባ ኣብቲ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ዘሎ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ሓቢሮምኒ። ካብ ጊምናዝየም ናብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ምቕያር ንዓይ ፍጹምን ልክዕን ኔሩ፣ ሕጂ እተን ዓውደ ትምህርታት ዝፈትወን ኮይነን።

ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ነቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ብኢንፎርማቲክ፣ ብዛዕባ ንተገልገልቲ ዝኸውን ኢንፎርማቲክ ክቕረብ እኽእል እየ፣ ነዚ ድማ ምስ እቲ ማትሪክ ሙያ ብመዳያት ቁጠባን ምውሃብ ኣገልግሎትን ከጸናብሮ እኽእል እየ። ድሕሪ እተን ናይ መጀመርታ ሰለስተ ዓመታት ሙሉእ መዓልቲ ትምህርቲ – ኣብ ሞንጎ ብዘለዋ ናይ ሰለስተ ሰሙን ልምዲ ጥራሕ ዝቛረጽ – ነተን ናይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርታት ብፈተና ወዲኤየን፣ ኣብ ራብዓይ ዓመት ኣብቲ ልምዲ ናይ ስራሕ ተሞክሮ ቀሲመ። እቲ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ንዓና ሓደ ትካላት ዘለዉዎ ሊስታ ሂብና፣ ኣነ ከኣ ቀልጢፈ ልምዲ ዝገብረሉ ቦታ ረኺበ።

### ኣብ እዋን ዕረፍቲ መርበብ ሓበሬታ ምፍጣር

ኣብዚ ትካል ምስራሕ ግን ብዙሕ ኣይፈተኹዎን። በዚ ምኽንያት ድማ ነቲ ቤት ትምህርቲ ዝሃበኒ ሊስታ ጥራሕ ዘይኮነስ ብውልቀይ ቀጺለ ክደሊ ጀሚረ፣ እንደገና 10 መመልከትቲ ጽሒፈ፣ ኣብ ሓደ ናይ ዙሪክ ትካል መርበብ ሓበሬታ ድማ ቦታ ተግባራዊ ልምዲ ረኺበ። ነዚ ናይ ተግባራዊ ልምዲ ቦታ ዝረኸብኩሉ ምኽንያት ድማ ብርግጽ፣ ኣነ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ከለኹ ኣብ ቲ እዋን ዕረፍተይ መርበብ ሓበሬታት እፈጥርን ፕሮግራም ድማ እጽሕፍን ስለ ዝነበርኩ እዩ። መዓልታዊ ካብ ባዝል ናብ ዙሪክ፣ ሰለስተ ሰዓት ኣብ መገዲ ! እዚ ግን ንዓይ ኣይረበሸንን ምኽንያቱ ድማ ኣብዚ ትካል ንዓይ ብትኽክል ዘገድሰኒ ነገር ስለዝተመሃርኩ።

ኣብዚ ዓመት ድማ ንዓይ ዘሐጉሰንን ነቲ ናተይ ቀጻላይ ስጉምቲ ምዕባለ ድማ ዝደፋፍኣኒ ብዝበለጸ ተላልየ፣ ንባችለር ዲግሪ iCompetence ኣብ ዩኒቨርስቲ ሙያ፣ እዚ ምስ ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ፣ ዲዛይንን ምምሕዳርን ብዝበለጸ እዩ ዘራኽብ።

### ጉድለት ሒሳብ

እቲ ናይ መጀመርታ ዓመት ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ዝስሕብ እዩ ኔሩ ግን ዘድክም ከኣ። ኣነ ነቲ መሰረታዊ ትምህርተይ ምስ ሓደ ናይ ንግዲ ማትሪክ ስለዝፈጸምኩዎ፣ ኣብ ሒሳብ ጉድለት ኔርኒ። ምስ እቶም ኢንፍርማቲክ ልምዲ ጌሮም ቴክኒካዊ ማትሪክ ሙያ ዝገበሩ መማህርተይ ክወዳደር ከለኹ፣ እዚ ዓውደ ትምህርቲ ንዓይ ብርግጽ ዕጽፊ ዝኾነ ጊዜ እዩ ወሲድለይ። ኣብ ካልኦት መዳያት ግን ብልጫ ኔርኒ፣ ምኽንያቱ ድማ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ነቲ ጽኑዕ ዝኾነ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ብዙሕ ትርጉም ስለዝህቦ።

ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመት ነቲ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ክጅምር ከለኹ፣ ምዕባለ ሙያይ ከመይ ዓይነት መገዲ ከም ዝሕዝ ምንም ኣፋፍኖት ኣይነበረንን። ሕጂ ድልየታተይ ይምዕብላን ይጠልቃን ኣለዋ፣ ኣብቲ እዋን ባችለር - ትምህርቲ ድማ ብዙሕ ብዛዕባ እቲ ቀጻሊ ኩነታት ሙያይ ከም ዝፈልጥ እውን ርግጸኛ እየ።»



ማሪዩስ ኩንግ፣ ስዊዘርላንድ
ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ባዝል፣
ትምህርቲ ICOMPETENCE
(ኢንፎርማቲክ፣ ዲዛይንን ምምሕዳርን) ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ

# ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ከም መጀመሪ ናይ ሙያ ዓለም ምዕባለ :

## «ኣብ ኖየንቡርግ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ምምሃር ንዓይ ጽኑዕ መሰረት ኮይኑ ረኺበዮ። ...

ማይካኤል ሮሺ፣ ስዊዘርላንድ
ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ
ብቱሪዝም በዓል ፌደራላዊ ዲፕሎም



ኣብኡ ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ እየ ተመዝጊበ፣ ብሓደ ወገን ክእለት ቋንቋ ፈረንሳይኛ ኣጸቢቐ ክመልኽ ስለዝደለኹ ብኻልእ ወገን ድማ ንስፖርትን ንኻልኦት ተግባራትን ብቑዕ ዝኾነ ጊዜ ምእንቲ ክረክብ ኢለ እየ ተመዝጊበ።

### ኣብ ጋራጅ እዩ ጀሚሩ

ድሕሪ ዲፕሎም ንግዲ – ኣብቲ እዋን ማትሪክ ሙያ ኣይነበረን – ብእዋኑ ናተይ ውልቃዊ ሸቀጥ ከደራጁ ጀሚረ : ከም መጠን ግኑን ዘዋሪ ብሸክለታ ጎቦታትን ናይ ስኖውቦርድ ስፖርተኛን፣ ኣብ ናይ ስፖርት ዓለም ጽቡቕ ዝምድና ኔርኒ። በዚ ምኽንያት ድማ ሓደ ናይ ክረምቲ ናውቲ ስፖርት ዝሸየጦ ናይ ንግዲ ድኳናት ንምዝርጋሕ ኣጋጣሚ ረኺበ። ከም ብዙሓት በዓል ንኣሽቱ ትካል መንእሰያት ንኹሉ ኣብ ጋራጅ ስድራይ ጀሚረዮ።

ነዚ ኣብ መዳይ ስፖርትን እዋን ዕረፍትን ዝተሞርከዘ ነፍሰ ወናኒ ንግዲ ድሕሪ ምኽፋተይ ድሕሪ ሸሞንተ ዓመት፣ ኣብ ዝለዓለ ናይ ዓውደ ሙያ ዩኒቨርስቲ ቱሪዝም ብሙያ ቱሪዝም ፌደራላዊ ዲፕሎም ፈጺመ። እቲ ክትርእዮ ከለኻ ባህ ዝብል ኣቀማምጣ መሬት ስዊዘርላንድ፣ ንዕዳጋይ ምጥቃሙ ክሳብ እዚ እዋን ይድርኸኒ እዩ። ድሕሪ እቲ ትምህርቲ ብቐጥታ ኣብቲ መሪሕነት ደረጃ ስራሕ ዝረኸብኩሉ ምኽንያት፣ ኣብቲ እዋን ዝነበረኒ ናይ ስራሕ ልምዲ እዩ።

### ካብ ሓረስታይ ጎቦ ናብ ወካሊ ማሕበር

ካብ 2007 ክሳብ 2011 ነቲ ናይ ኤመንታል ናይ ቱሪዝም ማሕበር Tours AG እመርሕ ኔረ፣ ናይታ BLS AG ቅርጫፍ ትካል ኣያ፣ ካብ 2011 ጀሚረ ናይ ቱን - ባሕሪ ቱን ቱሪዝም ኣቦ ወንበር እየ፣ ካብ 2013 ጀሚረ እውን ኣብ ልዕሊኡ ናይ ኢንተርላክ - ቱሪዝም መራሒ ምህርቲ እየ።

እቲ ስርሔይ ተዓጻጻፊ ምኳኑ እፈትዎ እየ : ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት እራኸብ፣ ካብ ሓረስታይ ጎቦ ነርእስቲ «ኣብ ሓሰር ምድቃስ» ክሳብ ወከልቲ ማሕበር ባኖ ተኸዲነ። ቱሪዝም ብዝምልከት ክብ ዝበለ ጽፈት ንዘለዎ ቀረብ ዓቢ ትርጉም እየ ዝህቦ ከምኡውን ንሓደሽቲ ሓሳባት የተባብዕ እየ።

እቲ ዝበለጸ ደሚቑ ዝርኤ መቸም ምስ እቲ ኣርቲስት ፍሬዲ ኖክ ዝተገብረ ናይ ዓለም ሪኮርድ እዩ፣ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ቱን ሰለስተ ኪሎሜትር ዝምንዉሑ ገመድ ዘርጊሕና።»

**ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ**

ኣብዚ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ክሳብ ትረክብ 3 ዓመት እዩ ዝወስድ። ብተወሳኺ ናይ ንግዲ ማትሪክ ሙያ ክትፍጽሙ እንተደሊኹም፣ ኣብቲ 4 ዓመት ዝወስድ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ተመሃሩ።

ምስ እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክወዳደር ከሎ፣ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ነቲ ሓፍሻዊ ትምህርቲ ክብ ዝበለ ትርጉም እዩ ዝህብ ከምኡውን ኣብቲ ኣስተምህሮ ነቲ ልምዳዊ ተሞክሮ ይጽንብሮ እዩ። ተወሳኺ ተግባራዊ ልምዲ ኣብ ትካል ነቲ ተግባራዊ ዝኾነ መሰረታዊ ፍልጠት ተጥልቖ እዩ።



ኢዛቤል ሲልቫ፣ ፖርቱጋል
3. ዓመት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ

# ንጽቡቕ ምጅማር፣ ጽቡቕ ሓፈሻዊ ትምህርቲ፡

## «ኣነ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ንምምሃር ዝወሰንኩ፣ እንታይ ክመሃር ከም ዝደሊ ዘይፈልጥ ስለዝነብርኩ እዩ። …

ሓፍተይ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ስለዝተመሃረት፣ ኣብ 2. ደረጃ ከለኹ ንናይ መቐበሊ ፈተና ተመዝጊበ። ድሕሪ 3 ዓመት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ብፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ክፍጽም ኣየ። ሓደ ተወሳኺ ዓመት ተግባራዊ ልምድን ሓደ ናይ ጽሑፍ ስራሕን ወሲኸ ከኣ ድሕሪ 4. ዓመት ናይ ሙያ ማትሪክ ክህልወኒ ኣዩ።

ጽቡቕ መሰረት ዘለዎ ትምህርቲ እረክብ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ብቛንቋ፡ ብፈረንሳይኛ ነቲ ናይ ቋንቋ ድፕሎማ DELF (Diplôme d'Etudes en Langue Française) ግቡእ እዩ፣ ብእንግሊዝኛ ድማ ነቲ First Certificate in English ጌረ ከምኡውን ናይ ሓደ ወርሒ ተግባራዊ ልምዲ ንምግባር ኣብ ባንኩቨር ኔረ፣ ኣብቲ እዋን ድማ ብእንግሊዝኛ «ነቢረ»። ንሓደ ወርሒ ናይ ተግባራዊ ልምዲ ቦታ ምርካብ ኣሸጋሪ እዩ ኔሩ። 35 መመልከቲታት ጽሒፈ። ካብተን ትካላት ሓደ ሓደ ከምዘይተቐበሉኒ ዝገልጽ መልሲ'ውን ኣይሰደዱለይን። ድሕሪኡ ግን ቀኒዕኒ፣ ድሕሪኡ ኣብታ ትካል ኣውን ናይ ሓደ ዓመት ተግባራዊ ልምዲ ክረክብ ስለዝኸኣልኩ ድማ ሕጉስቲ እየ።

ንናይ ሙያዊ ዓለም ጽቡቕ ጌረ ተቐሪበ ኣለኹ። ብርግጽ ብዙሓት እቲ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ምስ ጊምናዝየም ክወዳደር ከሎ ቀሊል እዩ፣ እዮም ዝብሉ። እዘን ክልተ ናይ ትምህርቲ መገድታት ግን ከወዳደራ ኣይክእላን እየን፡ ኣብ ጊምናዝየም ንትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ኢኻ ትቀራረብ – ኣነ ንዕኡ ኣይደለኽዎን –፣ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ ንሓደ ሙያ ክትመልኽ ኢኻ ትመሃር። ነዚ ትምህርቲ ምስ ፈጸምኩ ክሰርሕን ንስራሕ ዘሰኒ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ክገብር እየ ዝደሊ. ብኸምኡ ከኣ ክልሰ ሓሳብን ተግባርን የጸናብር።»

**ንናይ መጻኢ ስራሕ ብዝምልከት፣ ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ናብ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ምስጋር ካብ ብትምህርቲ ልምዲ መገዲ ንላዕሊ ክፉት እዩ። ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ዝወሃብ ዓሚቕ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ንዘሎ ናይ ላዕለዋይ ስልጠናታት ንነፍሲወከፍ ናይ ስራሕ መዳያት የዳሉ እዩ። ጊምናዝየም መብዛሕትኡ ግዜ ንትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ፣ ETH/EPF፣ ናብ ዩኒቨርስቲ ሙያን ዩኒቨርስቲ ስልጠና መማሃራን የእቱ እዩ፣ ዕላማ ሙያ ግን ኣብ እዋን ትምህርቲ ክውሰን ይከኣል ኣዩ። ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርትን ጂምናዝየምን ነቶም ፍቕሪ ትምህርቲ ዘለዎም እዩ ዝዳሎ።**

እዚ ምዕራፍ‘ ዚ ነቶም ጽቡቕ ናይ ትምህርቲ ነጥቢት ዘለዎም መንእሰያት ወጻእተኛታትን (ወለዶምን)፣ ነቲ ግቡእ ትምህርቲ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ዛዚሞም ናብ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ክሰግሩ ንዝቀራረቡ ዘለዉ እዩ ዘቕንዔ። ብዛዕባ ካባኹም ኣብ እዋን ትምህርቲ ክማላእ ዘለዎን ከምኡ ድማ ብዛዕባ ንትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ ዝትክኣ ክልኦት ኣማረጽቲ ዝሕብርን እዩ።

ምዕራፍ 3

# ንሓፈሻዊ ትምህርቲ ምጥላቕን ምስፋሕን

# ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደርጃ ናብ ጊምናዝየም ወይ ድማ ናብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ


ገጽ

40 **ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርትን ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክን**

41 *ላውራ ፎገልዛንግ፣ ስዊዘርላንድ፣ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ፣ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ከባቢያዊ ኢንጂኔር*
*«ኣብ መንጎ ጠልጠል ኢለ ነይረ»*

42 **ጊምናዝየም**

43 *ኡዌንክሱ፣ ቻይና፣ጊምናዝየም*
*«ብዕድል ልክዕ ከም ናይ ወለደይ እየ ዝደሊ»*

45 *ሴሊና ቫልዲቭያ፣ ስዊስን ኩባን*
*«ምምሃር ንዓይ ቀሊሊ እዩ»*

46 *ፕሪስካ ክሪግ፣ ስዊስ፣ ነጋዲት*
*«ጊምናዝየም ልክዕ ኣይነበረን»*

# ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርትን ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክን

**ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ነቲ ሓፈሻዊ ትምህርቲ የጥልቕን፣ ነቲ ርእሰ-ክእለትን ማሕበራዊ ክእለትን የሐይልን ብሓፈሽኡ ድማ ንትምህርታት ኣብ መዳያት ጥዕና፣ ማሕበራውን ኣተዓባብያን የዳሉ እዩ። እዘን ዓውደ ትምህርታት ንኻልኦት መዳያት ሙያ እውን ጽቡቕ ዝኾነ መሰረት ይቕርባ እየን፣ ንምሳለ ንመዳያት ሙያ ጋዜጠኛነት፣ መራኸብን ሓበሬታን፣ ምቅንባርን ስነ ጥበብን፣ ሙዚቃን ትያትርን ከምኡ ድማ ስፖርት።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

## ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ኣብ ማእከል ሓበሬታ ሙያ፣ ኣብ ካንቶንኩም ኣየነይቲ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ነየናይ ቀረብ ፕሮፊል ከም ዘለዋ ሓበሬታ ውሰዱ።

ኣብ ኣንፈት መትሓዚ እኼባታት ናይ' ተን ዝምልከተን ቤት ትምህርትታት ብምኻድ ብዛዕባ መቐበሊ ኩነታት ሓበሬታ ውሰዱ።
ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

## ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ እንታይ ኣዩ?

ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ነቲ ሓፈሻዊ ትምህርትን ናብ ሙያ ዘድሃበ ኣስተምህሮን ዘጸናብር እዩ። ድሕሪ ኣቲ መሰረታዊ ዓመት ትምህርቲ ሳሕት ድማ መሰረታዊ ትምህርቲ ክጅመር ከሎ ንመዳያት ሙያ ትውስኑ ኢኹም።
ኩለን ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ቀረብ ኩሉ መዳያትሙያ ኣለወን ማለት ኣይኮነን።
ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ኣብ ሓደ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርትን ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያን በዘን ዝቕጽላ መዳያት ንምምሃር ጽቡቕ መሰረት እዩ ዘለዎ።

### ጥዕና

ክንክን፣ ፊዝዮ ቴራፒ፣ ኤርጎ ቴራፒ፣ ቢዮ ሕክምናዊ ትንተና፣ ሕክምናዊ-ቴክኒካዊ ራዲዮሎጊ፣ቴክኒካዊ ናይ መጥባሕቲ ቴክኒክ፣ ሓገዝቲ ምውላድ

### ማሕበራዊ ስራሕ

ማሕበራዊ ስራሕ፣ ማሕበራዊ ስነ-ምምህርናዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ምንቕቓሕ

### ስነ-ምምህርናዊ

ሙያ መምህርነት ደረጃታት ቅድመ ትምህርትን/መዋእለ ሕጻናት፣ ንመባእታውን ቀዳማይን ደረጃ፣ ስፖርትን ምንቅስቓስን

### መራኸብን ሓበሬታን

ሙያታት መራኸቢ ብዙሓን፣ ጋዜጠኛነት፣ ቤተ-መጻሕፍቲ፣ ሰብ ሙያ ቱሪዝምን ሆቴልን፣ ትርጉም ብጽሑፍን ብቓልን

### ምቅንባርን ስነ-ጥበብን ከምኡ እውን ሙዚቃን ትያትርን

ንምቅንባርን ሙዚቃን መምህርነት፣ ሙዚቀኛ፣ ተዋሳኢ፣ ሳዕሳዒት

### ተግባራዊ ስነ-ኣእምሮ

ሙያታት ቴራፒን ምኽርን ኣብ መዳያት ስነ-ኣእምሮን ምምኻር ህይወትን

## ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ኣብ ክልተ ደረጃታት እየን ተሃኒጸን

እተን ቀዳሞት ሰለስተ ዓመታት ብመንነት ወረቐት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ብምርካብ ይፍጸማ። ብድሕሪኡ ኣብ ሓደ ሓደ ዝለዓላ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲ ነቲ ዝሓዝኩሞ መዳይ ሙያ ብምምርኳስ ትምህርቲ ክትጅምሩ ትኽእሉ፣ ኣብኡ ግን ክማልኡ ዝግብኦም ካልኦት ናይ መእተዊ ቅድመኩነታት ኣለዉ (መረጋገጺ ብቕዓት፣ ተግባራዊ ልምዲ ወ.ዘ.ተ.)። ኣብቲ ነዚ ጉዳይ ዝምልከቶ ቦታ ሓበሬታ ሕተቱ።

ሓደ ዓመት ብምውሳኽ ማትሪክ ዓውደ ትምህርቲ ክትገብሩ ትኽእሉ። ኣብ' ቲ ዝመረጽኩምዎ መዳይ ስራሕ ናይ ብዙሕ ኣዋርሕ (ካብ 3 ክሳብ 9 ኣዋርሕ) ተግባራዊ ልምዲ ትገብሩ፣ ነቲ ዝገበርኩሞ ተግባራዊ ልምዲ ዝምልከት ማትሪክ ዓውደ ትምህርቲ ከኣ ትጽሕፉ። እቲ ትጽሕፍዎ ማትሪክ ዓውደ ሙያ ኣብ ሓደ ፈተና ይቐርብን ይሕተትን። እዚ ማትሪክ ዓውደ ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ፣ በቲ ዝሓዝኩሞ መዳይ ስራሕ ትምህርትኹም ንኽትቅጽሉ የኽእለኩም እዩ።

ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ንምእታው እውን ብዙሕ ጊዜ ተወሰኽቲ ናይ መእተዊ ቅድመኩነታት ኣለዉ (መረጋገጺ ብቕዓት፣ ተግባራዊ ልምዲ ወ.ዘ.ተ.)። ንኣገባብ መእተዊ ብዝምልከት ነቲ ዝምልከቶ ናይ ትምህርቲ ኢኒስቲቱት ተወከስዎ።

### እተን ካንቶናት እየን ነቲ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲዝቕይዳ

ነቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ዝወሀብ ትምህርቲ ካንቶናት እየን ዝቕይደኦ፣ እሰን' ውን ኣብ ካንቶን ንዝህሉ ቀረባት ይውስና። ከም' ቲ ልሙድ ድሕሪ እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ እዩ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲዝጅመር፣ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ንምጅማር ናይ ዕድመ ገደብ ኣሎ። ኩነታት መቐበሊ ዝተፈላለየ እዩ፥ ከከም ካንቶን መእተዊ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ብዘይ ፈተና ወይ ድማ መእተዊ ፈተና ንኹሎም ወይ ድማ ነቶም ብቑዕ ማእከላይ ነጥቢ ዘይብሎም ይወሃብ።



ላውራ ፎግልዛንግ፣ ስዊዘርላንድ
መጽናዕቲ ኣከባቢያዊ ኢንጂኔር ዩኒቨርሲቲ ዓውዳ ሙያ

## «ኣብ መንጎ ጠልጠል ኢለ ነይረ፡ ንሓደ ስራሕ ክውስን

## ስለ ዘይከኣልኩ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ኣትየ። ...

ኣብ መዳያት ምቕባል ኣጋይሽን ማሕበራውን ምልላይ ጌረ። እንተኾነ ግን ዝኾነ ይኹን ሙያ ከዕግበኒ ኣይከኣለን። ኣብ 10-ይ ክፍሊ ናይ ትምህርቲ ድሌተይ ስለ ዝተመለሰ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ኣብ መዳይ ማሕበራዊ ስራሕ ክጅምር ወሲነ።ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ናብ ተግባራዊ ልምዲ ስራሕ ኣብ ቤተ ስንኩላን ብምምራሕ ብጽሑፍ ንማትሪክ ዓውደ ትምህርቲ ኣቕሪበ። ኣብቲ እዋን ማሕበራዊ ስነ ምምህርና ከመሃር እደሊ ስለ ዝነበርኩ ኣብ ኤመንታል እንደገና ንሓደ ዓመት ጸኒሐ። ኣብ' ቲ ገዛ ናይ ትምህርቲ ቦታ ክወሃበኒ ምኽኣ ምስ ተነግረንን ኣብ ናይ ዓውደ ሙያ ዩኒቨርስቲ ንኣገባባት መቐበሊ ክምዝገብ ስለ ዝነበረኒ ኣብ ኤመንታል እንደገና ሓሙሽተ ዓመት ምጽናሕ ክግምቶ ዘይኽእል ሓሳብ ብድንገት መጻኒ።

ዕረፍቲ ንክወስድ ወሲነ። ኣብ ዓለም ለኻዊ ዕድላት ኣብ ኣካላዊ ሕርሻ ተመዝጊበ፣ ትሕት ዝበለ መሳለጢ ገንዘብ ከፊለ፣ ዝርዝር ኣካላዊ ሕርሻታታን ፕሮጀክታትን ተቐቢለ። ንሓደ ዓመት ኣብ ስፐይን ተቐሚጠ ኣብ ሓሙሽተ ዝተፈላለየ ኣካላዊ ናይ ኣታኽልቲ ኣሕምልቲ እናሰራሕኩ ንመግብን ንመደቀስን እኽእል ነይረ። በዚ ናይ ድሌት ስራሕ ተገዳስነተይ ካብ ማሕበራዊ ስነምምህርና ርሒቑ ናብ ኣካባቢ ኣምሪሑ። ገና ኣብ ስፐይን ከለኹ ብዛዕባ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ናይዚ መዳይ ሓበሬታታት ክወስድ ጀሚረ ቀጺለ ንመጽናዕቲ ኣካባብያዊ ኢንጂነር ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ ክጅምር ወሲነ።

ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ክፍሊ ማሕበራዊ ስራሕ ምናልባት ንትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ እቲ ዝበለጸ መበገሲ ክኸውን ኣይክእልን። ገለ ገለ ሕጽረታት ስነፍጥረት ብሕሊፍ ኣብ ኬሚስትሪን ባዮሎጂን ኣብቲ መጀመርታ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ከመሓይሽ ነይሩኒ። ምስ መማህርተይ፥ ብመንገዲ ሙያዊ ልምድን ማትሪክ ዓውደ ሙያን ንዩኒቨርሲቲ ዝተቐረቡ ክነጻጽር እንከሎ፥ መሰረት ንምሓዝን ዝያዳ ስራሕን ግዜን ወሲድለይ። ኮይኑ ግን እታ ናይ መጀመርታ ናይ ትምህርቲ ዓመት ኣብ ክልተ ዓመታት ስለ ዝመቐልኩዋ ሰሊጡለይ።»

# ጊምናዝየም

**ጊምናዝየም ዝዓመቐን ዝሰፍሐን ናይ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ቀረብ ኣለዎ፣ እንተኾነ ግን ንጹር ዓውደትምህርትን ሙያዊ ስልጠናን ኣይኮነን። ጊምናዝየም ብማትሪክ ጊምናዝየም እዩ ዝፍጸም። እዚ ምስክር ወረቐት'ዚ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ንምእታው የብቕዓኩም።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

## ጊምናዝየም እንታይ እዩ?

ኣብ ጊምናዝየም ብዙሓት ግዴታውያን መሰረታዊ ዓውደ ትምህርትታት ትቐስሙ። ኣብ ልዕሊኡ ሓደ ተወሳኺን ሓደ ቀንድን ዓውደ ትምህርቲ ይርከብዎ። በቲ ቐንዲ ዓውደትምህርቲ ንፕሮፊልኩም ትመርጹ፣
እዚ ማለት ድማ ኣብ እዋን ናይ ጊምናዝየም ትምህርትኹም ከምኡ እውን ምናልባት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዘለኩም ኣንፈትን ቀንዲ ትሕዝዎን ዘገድስኩምን መዳይ ትሰርዑ ማለት እዩ።
ብሕልፊ ኣብ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ ዘጋጥሙኹም ፕሮፊላት እዞም ዝስዕቡ እዮም:

**ፕሮፊላት ጥንታውያን ቋንቋታት** (ላቲንን/ወይ ድማ ቋንቋ ግሪኽ ይህልዎ፤ ቀንዲ ዓውደትምህርቲ ሓደ ቋንቋ እዩ)፣
**ፕሮፊላት ሓደስቲ ቋንቋታት** (ሓደስቲ ቋንቋታት ጥራሕ ኣለዎ፤ ቀንዲ ዓውደትምህርቲ ሓደ ቋንቋ እዩ)
**ፕሮፊል ሒሳብን ስነፍልጠትን** (ቀንዲ ዓውደትምህርቲ ባዮሎጂን ኬሚስትሪን ወይ ድማ ፊዚክስ ከምኡ እውን ኣጠቓቕማ ሒሳብ)
**ቁጠባውን-ሕጋውን ፕሮፊል** (ቀንዲ ዓውደትምህርቲ ቁጠባን ሕግን)
**ሙዚቃዊ ፕሮፊል** (ቀንዲ ዓውደትምህርቲ ስእላዊ ኣቀማምጣ ወይ ድማ ሙዚቃ)

ኣብ ኩለን ጊምናዝየማት ናይ ኩለን ፕሮፊላት ቀረብ የለን፣ ኣብ ኩለን ካንቶናት እውን በዚኤን ፕሮፊላት ይስራሕ ማለት ኣይኮነን። ምርጫ ፕሮፊል ንኹሉ ዓይነት ትምህርታት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዕድል ይህብ እዩ፣ ኣንፈት ታሪኽ ተሞክሮ ትምህርቲ ንምፍልጥን ንምሕጋዝ ጥራሕ እዩ ዘገልግል።

## ብማትሪክ ናብ ዩኒቨርሲቲ

ንጊምናዝየም ከከም ካንትኑ ዝተፈላለየ – ካብ ድሕሪ ሰለስተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት – ነፍሱ ብዝኸኣለ ማትሪክን ብተውሳኺ ድማ ናይ ቃልን ጽሑፍን ፈተናታት እዩ ዝፍጸም። ድሕሪ ዕዉት ምፍጻም ምስክር ወረቐት ማትሪክ ትረኽቡ፣ እዚ ከም ናይ ብቕዓት ምስክር ወረቐት ንላዕለዋይ ትምህርታት የገልግል፣ ንዝተፈላለዩ ትምህርታት ዩኒቨርስቲ እውን መንገድታት ይኸፍተልኩም፥

– ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርሲታት ካንቶን ወይ ድማ ዩኒቨርስቲ ስልጠና መምሃራን
– ትምህርቲ ኣብተን ፌደራላዊ ቴክኒካዊ ዩኒቨርስታት ETH/EPF
– እንተድኣ ሓኪም፣ ስኒ ሓኪም ወይ ድማ ሓኪም እንስሳታት ክትኮኑ እንተደሊኹም፣ ንመእተዊ ናብ ፌደራላዊ ፈተናታት ሕክምና (ኣብ ገገሊኡ ዩኒቨርሲታት ፈረንሳይኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ ብዘይ ፈተናታት ሕክምና ምእታው ይከኣል እዩ)
– ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ድሕሪ እንተወሓደ ናይ ሓደ ዓመት ናይ ሞያ ልምምድ
– ምእታው ኣብ ሞያዊ ትምህርትታት



ኡወንክሱ፡ ቻይና
ሒሳብን ስነ-ፍልጠትን ኣብ ጊምናዝየም

## «ብዕድል ልክዕ ከም ' ቲ ናይ ወለድይ እየ ዝደሊ፡

### ታሪኽ ተሞክሮ ቤት ትምህርተይ ቀጥ ዝበለ ኣይነበረን፡ ፈለማ ኣብ ቻይና ቤት ትምህርቲ ተማሂረ፣ ድሕሪኡ ሓደ ዓመት ኣብ ጀርመን፣ ድሕሪኡ ድማ እንደገና ኣብ ቻይና ንዝሓለፈ ሓሙሽተ ዓመታት ድማ ኣብ ሰዊዘርላንድ። …

ኣብ ' ዚ ኣብ መጀመርያ ኣብ ንእሽቶይ ክፍሊ እየ ነይረ። ድሕሪ ፍርቂ ዓመት ናብ ካልኣይ ደርጃ A ቀይረ፣ ኣብ ' ታ ዓመት ድማ ናብ ጊምናዝየም መእተዊ ፈተና ሓሊፈ።

ጀርመንኛ ይሓጽረኒ ስለ ዝነበረ፣ ኣብ መጀመርታ ቁጡብ እየ ነይረ። ጀርመንኛን ምስ ከኣልኩን ግን ነፍሰ ተኣማምንነተይ ልዒሉ። እቲ ዘገድስ ስሩዕ ጀርመን ወይ ላህጃ ምዝራብ ዘይኮነስ፣ ብኸመይ መንገዲ ቁሩብነተይን ተገዳስነተይን ኣርእየ ብክልቲኡ ቋንቋታት ርክብ ምምስራት እዩ። ትምህርቲ ጊምናዝየም ዝከኣል እዩ። ሒሳብንዓይ ቀሊሊ ስለ ዝኾነ ኣተኩሮይ ናብ ዓውደ ትምህሪቲ ቋንቋታት ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ ከቕንዕ እኽእል እየ።ብተወሳኺ ምስ ኣደይ ብቐጻሊ ቋንቋ ቻይና እመሃር እየ። ንቋንቋ መበቆለይ ሽለል ክብሎ ኣይደልን እየ፥ ምኽንያቱ ኣብ ገዛና ናይ ሻንግሃይ ላህጃ ኢና ንዛረብ።

### ‹ኣነ እውን ጽቡቕ ትምህርቲ እየ ዝደሊ›

ንወለደይ – ኣነ ሓደ ውላዶም ስለ ዝኾንኩ – ጽቡቕ ትምህርቲ ክወስድ ከም ዘድልየኒ ርጉጽ እዩ።ኣነ ድማ ተጊሄ ክመሃር እየ'ም፣ ካባይ ዝጽበዩ። ብዕድል ልክዕ ከም ' ቲ ናይ ወለደይ እየ ዝደሊ። ኣነ ኣብ ETH/EPF ፣ ኤለክትሮ ቴክኒክን ስነ ሓበሬታን ክመሃር እየ። ናይ ETH/EPF ትምህርቲ ኣብ ቻይና እውን ስሙይ ስለዝኾነ፣ ኣብ መጻኢ ናይ ስራሕ ጉዕዞይ ንምምዕባል ከቕልለለይ እዩ።»

## ንጊምናዝየም እንታይ ከተማልኡ ኣለኩም?

ትምህርቲ ጊምናዝየም ነቶም ንትምህርቲ ዝፈትዉ ተምሃሮ፣ መዓልታዊ – ንሰዓታት ዕዮ ገዛ ምግባር ዘየጸግሞም – ዝተሓስበ ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ክፍጽሙ ንዝደልዩ እዩ።

ትምህርቲ ጊምናዝየም ከከም ካንቶኑ ዝወስዶ እዋናት ዝተፈላለየ እዩ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ግን ከባቢ 4 ዓመት እዩ ዝወስድ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድሕሪ ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ዓመት ትምህርቲ ማእከላይ ካልኣይ ደርጃ እዩ ዝጅመር ብማትሪክ ድማ ይፍጸም።

ኣብ ሓደ ሓደ ካንቶናት ጀርመንኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ ትምህርቲ ጊምናዝየም ንውሕ ዝበለ ኮይኑ ድሕሪ ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ይጅምር 6 ዓመታት ድማ ይወስድ።

## ናብ ጊምናዝየም ንምእታው ካንቶናት እየን ዝቕየድ

ንኣገባብ ምቕባል ጊምናዝየምሓላፍነት ዘለወን ካንቶናት እየን። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እዩ ዝተፈላለየ ኣሰራርሓ ዘሎ:

- ብዘይፈተና ብዝተወሰን ማእከላይ ነጥቢ ምእታው ይከኣል እዩ።
- ሓደ ሓደ ካንቶናት ካብ መምህር መሰነይታ ወርቐት የድልየን።
- ክልኦት ካንቶናት ናይ መሰጋገሪ ኣገባብ ፈተናታትን ቃለ መጠይቕን ኣለወን።
- ወይ ከኣ ናይ ጽሑፍን /ወይ ናይ ቃልን መእተዊ ፈተና ይሓታ እየን።

**«ምምሃር ንዓይ ቀሊሊ እዩ:** *ገና ኣብ መዋዕለ ሕጻናት ከለኹ ሒሳብ ይስሕበኒ ነይሩ፣ ርግጽ ቀሊል ሒሳብ እዩ ኔሩ፣ ንምሳለ ከም’ዚ፣ ኣኮኻ ኣብ ጣውላ ኮፍ ኢሉ እንድሕር ኢሉ፣ ክንደዚ ሰባት ንኸውን፣ ድሓር ጓል ሓትኖኻ ግን እንተ ተሲኣ ክንድ’ዚ ሰባት ይተርፉ። ...*

ሴሊና ቫልዲቭያ፡ ስዊዘርላንድን ኩባን
4-ይ ዓመት ጊምናዝየም ሒሳብን ስነፍጥረትን



ካብ’ቲ እዋን ኣትሒዞም ኩሎም ሓደ መዓልቲ ናብ ጊምናዝየም ክትመሃሪ ኢኺ ይብሉኒ ነይሮም። ኣብ ናይ መወዳእታ ክፍሊ ንይ ቀዳማይ ደረጃ ከለኹ ናይ መእተዊ ፈተና ፈቲነ፣ ቀኒዕኒ ድማ ሓሊፈ። ኣብ ስድራና ኣነ ጥራሕ ኣይኮንኩን ናይ ሒሳብን ወይ ድማ ናይ ባዮኬሚስትሪ ተገዳስነት ዝነበረኒ፣ ደቂ ሓወቦታተይን ደቂ ሓትነታተይን እውን ከም ናተይ ዓይነት ዓውደ ትህምህርቲ እዮም መሪጾም።

### ንመጽናዕቲ ብገዛእ ርእስኻ ምስራዕ

ጊምናዝየም ንዓይ ልክዕ ዝኾነ ቦታ እዩ። ገና ዕድመይ 13 እንከሎ ናይ መጽናዕቲ እዋናተይ ባዕለይ ይሰርዖ ነይረ። ናይ ግድን እዩ ነይሩ። ሓደ መምህር ብዙሕ ክፍልታት ስለ ዝምህር ንነፍሲ ወከፍ ተመሃሪትን ተመሃራይን ክግደስ ብዙሕ ግዜ የብሉን።ዕዮ ገዛ ዝቆጻጸር ስለ ዘየለ ክንደይ ከም እተጽንዕ ባዕልኻ ኢኻ ክትውስኖ ዘለካ።

እንተኾነ ግን ዓቢ ቤት ትምህርቲ ብዙሕ ጥቕምታት ኣለዎ። ምሳና ዳርጋ 1500 ዝኾኑ ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ ኣብ ጊምናዝየም ይመሃሩ፣ ብኡኡ ምኽንያት ድማ ብጣዕሚ ብዙሓት ሰባት ክፈልጥን ዝፈትዎም ኣዕሩኽትን መሓዙትን ከጥሪ ክኢለ።

ንመጽናዕቲ ናይ ገዛእ ርእሰይ ሜላ ኣማዕቢለ። ኣብ እዋን ትምህርቲ ብተግባር እንዳተኻፈልኩ ንትህምርተይ ብጣዕሚ ብዙሕ ጠቓሚ ዝኾነ ፍልጠት እቐስም። ቃላት ፈረንሳይኛ ወይ ድማ እንግሊዝኛ ምምሃር ናይ ግድን እዩ ነይሩ። ንዓይ ግን እዚ ኣይብርትዓንን እዩ ምኽንያቱ ናይ ምዝካር ክእለተይ ኣዝዩ ጽቡቕ ስለዝኾነ። ቅድሚ ዕረፍቲ ሓጋይ ዝተመሃርናዮ ሕጂ ድሕሪ ዕረፍቲ ገና ኣብ ኣእምሮይ ኣሎ።

### ‹ምጽናዕ እፈቱ እየ›

ዕዮ ገዛ ንምግባር እዝዩ ብዙሕ ግዜ ኣይወስደለይን እዩ።ኣብ’ቲ ፈተናታት ዘይብልና ሰሙን ዕዮ ገዛ ከይገበርኩ ዝሓልፈሉ ግዜ ኣሎ። እንተደኣ ሰለስተ ወይ ኣርብዕተ ፈተናታት ኣብ ሰሙን ኣልዩና ግን ንገለ ሰዓታት ዝኸውን የጽንዕ። ባህ ኢሉኒ ከኣ እየ ዘጽንዕ። ኣብ ጊምናዝየም እዚ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ትሕዝቶ ዓውደ ትምህርቲ ተገዳስነት ዘይብሉ፣ ንቤት ትምህርቲ ደስ ኢልዎ ዘይከይድ ተምሃራይ ጊምናዝየም ይጽዕቆ እዩ።

ኣብ መጻኢ ኣብ ዩኒቨርሲቲ እንታይ ከም ዝመሃር ገና ኣይፈለጥኩን ኣለኹ፣ ምናልባት ሒሳብ። ታሪኽን ጀርመንኛን ወይ ድማ ጋዜጠኛነት ክኸውን እውን ይኽእል እዩ፣ ምኽንያቱ ህሉው ኩነታት ስለ ዘገድሰኒ ጋዜጣ ብቐጻሊ እየ ዘንብብ።»




ፕሪስካ ክሪግ፡ ስዊዘርላንድ
1-ይ ዓመት ትምህርቲ ልምዲ
ሸቐጥ ፕሮፌል M

## *ጊምናዝየም ንዓይ ልክዕ ኣይነበረን፡ «ናይ ጊምናዝየም መእተዊ ፈተና ምስ ሓለፍኩ፣ ንዓይ ኣውን ሕልመይ ተፈጺሙለይ ኔሩ። እቲ ኣብ ጊምናዝየም ዝነበረ ጋህዲ ግን ብዙሕ ዘሔጉስ ኣይነበረን። ...*

ንኣብነት ቀትሪ ከይተረፈ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምውዓል ብዙሕ ክቕበሎ ኣይከኣልኩን። ነዚ ክለምዶ ግን ተገዲደ። ንዓይ እቲ ዝኸፍአ ነገር ግን፣ ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ እዝየ ንፍዕቲ ተምሃሪት ዝነበርኩ፣ ከይተፈለጠኒ ምስ' ቶም ማእከሎት ወይ ከኣ ሕማቓት ተማህሮ ምስረዐይ እዩ። ብሕልፊ ኣብ ሒሳብን ፈረንሳይኛን ብዙሕ ናይ ትምህርቲ ጉድለታት ከም ዘለዉኒ ተረዲእኒ።

ኣብ መጀመርያ ትምህርቲ ከቢዱኒ ነይሩ። ምስ ጊዜ ግን ፈረንሳይኛ ሓገዝ ስለ ዝረኸብኩ ከርክብ ክኢለ። ኣብ ፈተናታት ከም' ቲ ዝደልዮ ከምጽእ ስለ ዘይከኣኣልኩ ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ እየ ኔረ።

### ብሕቡእ ምምልካት

ብኣጋጣሚ ናይ ስዊዘርላንድ ቴሌቪዥን ንሓደ ናይ ንግዲ ማሕበር ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክህብ ከም ዝደለ ርእየ፣ እዚ ስራሕን እዚ ትካልን ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ዝምስጠኒ እዩ ነይሩ። ንሰብ ከይነገርኩ ኣመልኪተ፥ ተቐቢሎምኒ ድማ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ረኺበ።

ወለደይ ንቤት ትምህሪቲ ንማትሪክ ሙያ እውን መቀራረቢ መታን ክኾነኒ፣ ናይታ ዓመት ጊምናዝየም ክውድእ ይደልዩ ነይሮም። ኣነ ግን እንደገና ፍርቂ ዓመት ሙሉእ ንምንታይ ብጸቕጢ ከሕልፎ ኢለ ንነፍስይ ሓቲተያ። ንወለደይ ኣእሚነ እንደገን ናብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ተመሊሰ። ቅኑዕ ወሰነ እዩ ነይሩ፣ ምኽንያቱ እንደገና ምስ መሳርሕተይ ስለ ዝተጸንበርኩ ዝያዳ ናጻ ግዜ ክረክብ ክኢለ። ይኹን ደኣ እምበር ኣተኩሮይ ንቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ምቅርራብ እዩ ኔሩ፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ንፍልጠት ፈረንሳይኛይ ከመሓይሽ ደልየ። ብዙሕ ኣጽኒዐ፣ ነቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ መእተዊ ፈተና ምስ ሓለፍኩ ብጣዕሚ ደስ ኢሉኒ።

### ክልሰ-ሓሳብን ተግባርን ምጽንባር

ሕጂ ኣብ ትምህርቲ ልምዲ እየ ዘለኹ፣ ናይ መጀመርያ ተመኩሮታት ስራሕ እቐስም ኣለኹ። ኣብቲ ትካል ባህ እዩ ዝብለኒ፣ ነቲ ስረሐይ መሳጢ ኮይኑ ረኺበዮ። እንተኾነ ግን ክልተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ንቤት ትምህርቲ ክኸይድ ምኽኣለይ የሐጉሰኒ እዩ። ክለሰሓሳብን ተግባርን ምጽንባር ንዓይ ልክዕ ዝኾነ ሚዛን እዩ።

ንጊምናዝየም ምቁራጽ ንዓይ ቀሊል ኣይነበረን። እንተደልየ ግን ኣብ ቀጻሊ እዋን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክመሃር ከም ዝኽእል፣ ሎሚ እፈልጥ እየ። ሙያዊ ማትሪክ ክገብር እየ፣ ንመሰጋገሪ ኣገዝጉዚ ድማ ናብ ዩኒቨርሲቲ እኸይድ።»

## ምኽሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ወድኹም ወይ ጓልኩም ኣብ ጊምናዝየም ክኣትዉ እንተደኣ ድለይት ኣለዎም፣ እቲ ድልየቶም ምስ እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ነጥብታቶምን ጻዕርታቶምን ዝመዛዘን ምዃኑ ንምርግጋጽ፣ ብእዋኑ ምስ' ቶም መምሃራን ተመያየጡ፡

- ንዝተናውሐ ጊምናዝየም (እዚ ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ ጥ ራሕ እዩ ዘሎ) ገና ኣብ መወዳእታ ናይ ሓሙሻይ ክፍሊ ቀዳማይ ደረጃ
- ንሓጺር ጊምናዝየም ኣብ መጀመርታ ክፍሊ ናይ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ

ምስ ጓልኩምን ምስ ወድኹምን ብሓባር ብሓገዝ ኣማኸርቲ ሙያ ነዚ ዝስዕብ ኣጻርዩ፡

- ኣብ' ቲ ካንቶንኩም ዘሎ ኣገባብ መእትዊ ብኸመይ ከም ዝካየድ
- ኣብ' ቲ ከባቢኹም ዘለዋ ኣየኖት ጊምናዝየማት ናይ ማትሪክ ፕሮፊል ከምዝቕርባ (ነፍሲወከፍ ቤት ትምህርቲ ንኩሉ ፕሮፊላት ቀረብ የብለንን)

ጊምናዝየም ንምእታው እንተደኣ ወሲንኩም ከም ኣማራጺ እዚ ዝስዕብ ክትመያየጡሉ ይግባእ፡

- ወድኹም ወይ ጓልኩም ንኣገባብ መእተዊ ክቀራረቡ ኣለዎም። እንተ ዘይቀኒዑ፣ እሱ ወይ ድማ እሳ ነቲ ናይ መእተዊ ፈተና 1 ጊዜ ክደግምዎ ዕድል ኣለዎም።
- ብዛዕባ ኣብቲ ከባቢኹም ዘሎ መሰጋገሪ ቀረባት ሓበሬታ ውሰዱ። በቲ ናይ ቤት ትምህርታዊ ቀረባት መሰጋገሪ ወድኹም ወይ ጓልኩም ነቲ ናይ መእተዊ ፈተና ንምድጋም ክቀራረቡ ይከእሉ እዮም።
- ኣማራጺታት ግን የድሊ እዩ ። እቲ ዝበለጸ ግን፡ ወድኹም ወይ ጓልኩም ብቑዕ ሒለት ኣለዎም፣ ነቲ ናይ መእተዊ ፈተና ምስ ምድላይ ቦታታት ትምህርቲ ልምዲ ከወሃህድዎ ይኽእሉ እዮም።

**ካብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ናብ ትምህርቲ ሙያ (ካልኣይ ደረጃ) ክስገር ከሎ፣ እቲ ምቅርራብ ምርጫ ሙያ ሓደ ዓቢ ተራ እዩ ዝጻወት። እዚ ውልቃዊ ኣገባብ እዩ። ወለዲ ኩሎም ተመሳሳለይ ስጉምቲ ይስርሑ እምበር፣ እቲ መድረኽ ምርጫ ሙያ ንሓደ ሓደ ዝወሰደሎም እዋናት ካብ ነቶም ካልኦት ዝወሰደሎም እዋናት ዝነውሐ እዩ። እስኻትኩም ምናልባሽ ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ረኺብኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም፣ እቶም ብጾትኩም ኣብቲ እዋን ገና እንታይ ዓይነት ሙያ ክመሃሩ ከምዝደልዩ ገና ዝሓሰቡ ዘለዉ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ምናልባሽ እዉን ንሓደ ሙያ ክትመርጹ ስለዘይከኣልኩም፣ ንሓደ ዓመት ናብ ሓደ ቤት ትምህርታዊ ወይ ድማ ተግባራዊ ቀረብ መስገሪ ክትከዱ ትኽእሉ ትኾኑ።**

እዚ ምዕራፍ ንወጻእተኛታት ኣዋልድን ኣወዳትን መንእሰያትን (ወለዶምን) ብዝሓሸ መገዲ ከመይ ጌሮም ሓደ ሙያ ክመርጹ ከም ዝኽእሉን ብዝበልጸ ከኣ ንዕኡ ክቕረቡ ከም ዝኽእሉን ከምኡውን ንሓደ ናይ ትምህርቲ ቦታ ብኸመይ ከም ዝረኽቡን ዘርኢ እዩ። ከምኡውን ናብቲ ናይ ትምህርቲ ሙያ ምእታው ቀልጢፉ እንተዘይሰመረ፣ ብዛዕባ ዘሎ ናይ መስገሪ መፍትሕ እሕብረኩም እዩ።

ምዕራፍ 4

# ንምዕባለ ሙያ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ

# ንምርጫ ሙያ ምቅርራብ

ገጽ


50 **ሰሌዳ ጊዜ - ምርጫ ሙያ**
51 **እንታይ ከም ትደልዩ ትፈልጡ**
52 **ዕለታዊ ናብራ ስራሕ ትላለዩ**
54 **ፈተና ብቕዓት – ትዕግስቲ ዘወድእ**
55 **ሰነድመመልከቲ – ብዙሕ፣ ብዙሕ ስራሕ**

56 **ምድላይ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ – ናይ መጀመርታ ርክብ ምስ ሓደ ትካል**

57 *ኣማኑኤል ታነር፣ ስዊዘርላንድ፣ ክኢላ ኮስታሪ መውጽኢ ትኪ ፌደራላዊ ዲፕሎም*
*«ካብቶም ዝመሃሩ እንታይ እጽበ?»*

58 **ጽቡቕ ዝተቐረብካሉ ይቐንዕ እዩ ምምያጥ ምልላይ ስራሕ**
60 **ወለ ተነጸግ ተስፋ ዘይሙቕራጽ**
62 **ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ምሓዝ**

64 **ቤት ትምህርታዊ ቀረባት መሰጋገሪ**

65 *ቪንሁ ታይለ፣ ኮንጎ፣ ቀረብ መስገሪ*
*«ንምውሳን ዝበዝሐ እዋን እዩ ዘድልየኒ»*

67 *ቫኔሳ ሎፐዝ፣ ስዊዘርላንድን ካናዳን፣ ተመሃሪት ሸቐጥ*
*«ኣነ ንነፍሰይ ብሓፈሽኡ ከመሓይሽ ኣየ ዝደሊ.»*

68 **ናብ ተግባር ዘድሃበ ቀረብ መሳገሪ : ቅድመ ትምህርቲ ልምዲን ተግባራዊ ልምድን**

69 *ሮሁላ ራሒሚ፣ ኣፍጋኒስታን፣ ቅድሚ ትምህርቲ ልምዲ ናይ መኻይን ሰብ ሙያ*
*«በብስጉምቲ ምምሃር»*


70 *ሩት ግርማይ፣ ኤርትራ፣ ተግባራዊ ልምዲ ጥዕና*
*«ጀርመንኛን ናይ ስዊዘርላንድ ጀርመንኛን – ዝዕንቅፉኒ ኣእማን»*

# ሰሌዳ ጊዜ – ምርጫ ሙያ

**ኣብ ስዊዘርላንድ ከሎ ገና ብእዋኑ ኢኹም ብዛዕባ ምርጫ ሙያ ክትከታተሉን ክትሓስቡሉን ትጅምሩ፣ እዚ ማለት ከኣ ኣብተን ናይ መወዳእታ ክልተ ዓመታት ናይ እቲ ግቡእ እዋን ቤት ትምህርቲ፣ ዕድሜኹም 15 ወይ 16 ዓመት ክኸውን ከሎ።**

ኣገባብ ምምራጽ ሙያ ዝግበረለን መደባት ንኹሉ ማዕረ እየን፣ ይኹን እምበር ሓደ ሙያ ክሳብ ዝመርጹ፣ ንሓደ ሓደ ካብ ብጾቶም ንላዕሊ ቁሩብ ንውሕ ዝበለ እዋን ከድልዮም ይኽእል እዩ። እዚ ብዙሕ ክፋላት ስጉምታት ዝግበሮ ኣገባብ እዩ: እንታይ ከም ትደልዩ ትፈልጡ፣ ንሓደ ስራሕ ትመርጹ፣ ናብተን ዝመረጽኩመን ትካላት ሰነዳት መመልከቲ ትሰዱ፣ ናይ ብቕዓት ፈተና ትገብሩ፣ ትላለዩ፣ ነቲ ናይ ስራሕ መእተዊ ቃለ መጠይቕ ብዓወት ተዛዝሙ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ውዕል ትረኽቡ።

## መድረኽ ምርጫ ሙያ



# እንታይ ከም እትደልዩ ትፈልጡ ኢኹም

**ዳርጋ 200 ዝኾና መሰረታዊ ሙያታት**

ንነፍሲ ወከፍ ዓይነት ሙያ ዘድሊ ትምህርታዊን ውልቃዊን ቅድመ ትምህርቲ ዝተፈላለየ እዩ፡

- ንመብዛሕትኤን ካብተን 200 ዝኾና ትምህርቲ ልምዲ ሙያታት ብቐጥታ ድሕሪ እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም።
- ነተን ካልኦት ሙያታት ግን ኣቐዲምኩም ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ – ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ሙያ ወይ ጊምናዝየም – ክትመሃሩ ኣለኩም።

**ናይ ሙያ መደያትን ጨናፍርን**

ናይ ሙያ ዓለም ብመደያትን ጨናፍርን ዝተመቓቐለ ኣዩ። እዚ ነቲ ምርጫ ሙያ ንኽቐለልኩም መግለጺ ክህበኩም ይኽእል እዩ ከምኡውን ነቲ መደያት ድልየትኩምን መደያት ሙያን ንኽተስተውዕልዎ ኽገልጸልኩም ይኽእል እዩ። ከምኡውን ምናልባሽ ምስ እቲ ትደልይዎ ዓይነት ሙያ ዝዛመዱ እንተኾነ ግን ከሳብ እቲ እዋን ንዘይትፈልጥወን ዓይነታት ሙያ ንኽትፈልጡ መገዲ ክኸፍተልኩም ይኽእል እዩ።

ን 200 ኣቢለን ዝኾና ናይ ሙያ ዓይነታት ቀረብ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ኣሎ። ንነፍሲ ወከፍ መዳይ ሙያ ዘድሊ ቅድመ ትምህርታዊን ውልቃዊ ክእለትንን ዝተፈላለየ እዩ። ምናዳ ኣብቲ መጀመርታ ናይ ሙያ ምምራጽ ምቅርራብ እዋናት፣ እቲ ናይ ሙያ ዓይነታት ምብዛሕን ናይ ትምህርቲ መገድታትን ዘደናግር ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብቲ ማእከል ሓበሬታ ሙያ ባዕልኻትኩም ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ካብቶም ኣማኸርቲ ስራሕ ብቐጥታ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ነዚን ክልተ ቀረባት ከም መጠን ኣዋልድን ኣወዳትን ተመሃሮ ገንዘብ ኣይትኸፍሉን ኢኹም።

## ማእከል ሓበሬታ ሙያ

ኣብቲ ዝኽፈተሉ እዋናት ንማእከል ሓበሬታ ሙያ ባዕልኹም ክትጥቀምዎ ትኽእሉ ኢኹም፣ እቶም ኣብኡ ዘለዉ ሰብ ሙያ ይሕግዙኹም ኢዮም። ኣብ ማእከል ሓበሬታ ሙያ ንምምራጽ ሙያ ዘድልየኩም ኩሉ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ምርጫ ሙያ ዝተጻሕፋ ጽሑፋት ወይ ድማ ሓጸርቲ ፊልማት፣ ነቲ ፊልማዊ ዝኾነ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓደ ሙያ ወይ ድማ ብዛዕባ እዚ ሙያ ንጡፍ ዝኾነ ሓበሬታ ይህባኹም፣ ኣብ ማሕደራት ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ከኣ ተወሳኺ ዝኾነ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

## ኣማኸርቲ ስራሕ

ባዕልኹም ክትሰጉሙ እንተዘይከኣልኩም፣ ኣየናይ ሙያ ንዓኹም ከምዝሰማማዕ ክትፈልጡ እንተዘይከኣልኩም፣ ሓደ ውልቃዊ ምኽሪ ንምርካብ ኣመልክቱ። ምስ እታ ኣማኻርት ሙያ ወይ ድማ ኣማኻሪ ሙያ ተማዩጥኩም ወይ ድማ ፈተናታት ጌርኩም ብዛዕባ እቲ ንውልቅኹም ዝሓሸ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም ነቲ መፍትሒ ድማ ብዝሓሸ መገዲ ትቐርቡ። ድሕሪ እቲ ምኽሪ ሙያ፣ ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ሙያ ኣጥልቕ ኣቢልኩም ክትሓስቡለን ትኽእሉ ኢኹም ከምኡውን ንዓኹም ዝሰማማዕ ሙያ ትመርጹ።

### ናይ መብዛሕትኤን መዳያት ሙያን ጨናፍርን መጸዊዒ

- ተፈጥሮ፣ ሕርሻ፣ ስራሕ ጀርዲን፣ ክንክን እንስሳ/ጥሪት እንስሳ፣ ክንክን ጫካ
- ምግቢ፣ ቁጠባ ገዛ/ ክንክን ህንጻ
- ምቕባል ኣጋይሽ/ ቤት ምግቢ፣ ሆቴል፣ ቱሪዝም
- ዓለባ፣ ክዳውንቲ፣ ምህርቲ ቆርበት፣ ጽባቐ፣ ክንክን ኣካል
- ምቕራጽ፣ ዲዛይን፣ ስነ ጥበብ፣ ናይ ኢደ ጥበብ፣ መሳርሒ ምስራሕ፣ ስነ ጥበብ ስእሊ
- ሕትመት፣ ናይ ግራፊክ ኢንዱስትሪ፣ ቀጻሊ ስራሕ ሕትመት
- ህንጻ፣ ህንጻ ፓላሶ፣ ህንጻ ትሕት መሬት፣ ስራሕ ኣእማን፣ ዕንጨይቲ፣ ጥርሙስ፣ ውሽጠ ህንጻ
- ናይ ህንጻ ቴክኒክ (ናይ ጽርየት ክፍሊ፣ መውዓዪ፣ ምስራጽ ንፋስ)
- መኻይን፣ ናይ መኻይን ቴክኒክን ክንክንን፣ ናይ ውሽጢ መኪና
- ኤለክትሮ ቴክኒክ፣ ምግጣም ኤለክትሪክ፣ ኤለክትሮኒክ
- ስራሕ ሓጻውንቲ፣ ምህንድስና ማሽናት፣ ምምካኽ ሓጺን፣ ምቅጥቃጥ፣ ሰዓት ምምራት
- ኬሚስትሪ፣ ፊዚክስ፣ ባዮሎጂ፣ ላቦራቶሪ
- ጽርየት ዓለም፣ ኤኮሎጂ
- መደብ ምውጻእ፣ ምህናጽ
- ምሻጥ፣ ምግዛእ፣ ሸቐጥ ጅምላን ብቱንን
- ቁጠባ፣ ምምሕዳር
- መጎዓዚያ (ባቡር፣ ጉዕዞ ኣየር፣ ጽርግያ፣ ጉዕዞ መርከብ)፣ ሎጊስቲክ፣ ፖሊስ፣ ውሕስና፣ ጻግጋይ ምጥቃም
- ኢንፎርማቲክ፣ ሜዲኣማቲክ፣ ሙልቲሜዲኣ
- ባህሊ፣ ሜዲያን መራኸብን (ራዲዮ፣ ቴለቪዥን፣ ፊልም)፣ መድረኽን/ ስነ ጥበብ ምውሳእን፣ ሙዚቃ፣ ምዕቃብ ባህሊ
- ጥዕና፣ ኣፋውስ፣ ክንክን፣ ድሕነት
- ስፖርትን ምውስዋስን
- ትምህርቲ፣ ኣተዓባብያ፣ ኣስተምህሮ
- ማሕበራዊ፣ ኣማኻሪነት

# ነቲ ዕለታዊ ናብራ ስራሕ ምልካዕ

**ኣብ እዋን ምልላይ ነቲ ሙያ ዝበለጸ ትላለይዎ፣ ኣብቲ እዋን ምሕራይ ናይ ተግባራዊ ልምዲ፣ እቲ ትካል ነዚ ሙያ ብቕዓት ዘለኩም ከም ዝኾነ ይምርምር።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

እቶም ሙያ ዝመርጹ ነቲ ዕለታዊ ናብራ ስራሕ ንኽላለዩ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ኣለዎም። ኣብቲ ጎኒ ነተን ብዛዕባ ሙያ ዝሕብራ ሜዲያታትን ፊሊማትን ምጽናዕ፣ ኣብተን ትካላት ዝግበር ናይ ሓበሬታ ዉራያት ወይ ድማ ናይ ስራሕ መምርሒ ሓበሬታን ናይ ሙያ ኤክስፖን ነቶም ሰራሕተኛታት ክሰርሑ ከለው ክትርእይዎምን ምስኣቶም እውን ብዛዕባ እቲ ዕለታዊ ናብራ ስርሖም ክትማየጡን ትኽእሉ ኢኹም።

## ምልላይ ልምዲ ወይስ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ

ናቲ ዕለታዊ ናብራ ሙያ ብዝሓሸ መገዲ ክትላለዩዎ ትኽእሉ ኣብቲ ምልላይ ልምዲን ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲን እዩ። እዚኣተን መብዛሕትኡ እዋናት ካብ 2 ክሳብ 5 መዓልታት እየን ዝወስዳ፣ ኣብዚ እዋን እስኹም ኣብቲ ትካል ትኾኑ ከምኡውን ስራሕ ተስልጡ። ምልላይ ልምዲን ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲን ከም ግቡኡ ኣብ ሓደ እዋን እየን ዝካየዳ፣ እቲ ትካል ግን ዝተፈላለያ ዕላማታት እዩ ዘለዎ :

- ኣብ ምልላይ ልምዲ እቲ ትካል ንሓደ ሙያን ነቲ ዕለታዊ ናብራ ናይዚ ሙያን ብዝሓሸ መገዲ ንኽትላለይዎ እዩ ዕድል ዝህበኩም። እስኹም ብዛዕባ እዚ ሙያን ዕለታዊ ናብራ ናይዚ ሙያን ትኽክለኛ ዝኾነ ኣተሓሳስባ ንኽህልወኩም ተሞክሮ ትገብሩ።
- ኣብ እዋን ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ እቲ ትካል ብተወሳኺ፣ እስኹም ነዚ ሙያ ብቕዓት ዘለኩም ከም ዝኾንኩምን ነዚ ሙያን ነቲ ልምዲን ዝሓሸኩም ከም ዝኾንኩም ክፈልጥ ይደሊ። ንኸምዚ ዓይነት ተግባራዊ ልምዲ እቲ ትካል ክልተ፣ ሰለስተ ሕጹያት ክዕድም ይኽእል ይኸውን፣ ካብኣቶም ግን ንሓደ ጥራሕ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ይህብ።

## ነቲ ምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ዘለኩም ዕላማ

ንምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ንምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ እንተፈጺምኩም፣ ብቐዳምነት ነቲ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክትረኽብዎ ኢኹም ትደልዩ ። ነዚን ኣብቲ ትካል ተሕልፍወን መዓልታት ግን ብዝተኻእለ መጠን፣ ነቲ ክሳብ እቲ እዋን ክትፈልጥወን ትደልዩ ሕቶታት ንኸተረጋግጹ ክትጥቀሙለን ትኽእሉ ኢኹም፣ ንምሳለ :

- እቲ ካብ እቲ ሙያ ወይ ድማ ካብ እቲ ትካል ዘለኩም ትጽቢት ልክዕ’ ድዩ?
- ነቲ ሙያ ትፈትውዎ ዲኹም?
- ነዚ ሙያ ብቑዕ ዲኹም?
- ኣብቲ ትካል ጽቡቕ’ ዶ ይስምዓኩም? ኣብቲ ትካል ዘሎ ኩነታት ይሰማምዓኩም’ ድዩ?
- ኣብዘን ዝመጻ ዘለዋ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብዚ ትካል ክትመሃሩን ክትሰርሑን ትኽእሉ መሲሉ’ ዶ ይስምዓኩም?

### ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ከም መጠን ኣደ ወይ ድማ ኣቦ ንቆልዓና እቲ ዝበለጸ እንታይ ከም ዝኾነ ንፈልጥ መሲሉ እዩ ዝስምዓና። ኣብቲ መድረኽ ምርጫ ሙያ ብጣዕሚ ዘገድስ፣ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ሓቂ ዝተሞርከስኩም ክትኮኑ እዩ ዝግባእ።

ክትፍትኑዎ ዘለኩም፥

- ጓልኩም፣ ወድኹም ዝብልዎ ጽን ኢልኩም ስምዑ።
- ነቲ እስኹም ብዛዕባ ናይ ቆልዓኹም መጻኢ ዕድል ሙያ ትምነይዎ ናይ ግድን ክኸውን ኣለዎ ኢልኩም ኣይትጽቀጡሉ።
- ከየገደድኩም ሓግዝዎም።

### ናይ ምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ውጽኢት

ምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ዝተፈላለየ ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል እዩ፡

- እስኹምን እቶም ሓለፍቲ ትካልን፣ እዚ ሙያን እዚ ትካልን ንዓኹም ብርግጽ ዝሰማማዕ ከም ዝኾነ ትኣምኑ። እስኹም ከኣ ነዚ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ድልየት ከም ዘለኩም ተርእዩ።
- እቶም ሓለፍቲ ትካል እስኹም ነዚ ሙያ ብቕዓት ከም ዘለኩም ኣይኣምኑን እዮም። ናትኹም እምነት ግን ከምኡ ኣይኮነን። ዕድልኩም ኣብ ካልእ ትካል ትፍትኑ። እቲ ትፍትንዎ ኣብ ምንም ቦታ እንተዘይቀንዔ፣ ምስ ኣማኸርቲ ሙያ ተማየጡ።
- ብዛዕባ እዚ ሙያ ዝነበረኩም ኣተሓሳስባ ጌጋ ኣዩ ኔሩ። እስኹም እንደገና ነቲ «ምልላይ ሙያ» ዝበሃል ኣርእስቲ ክትሓስቡሉ ትጅምሩ።



### ምቅርራብ

ነቲ ምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ዕድመ ምርካብ ንዓኹም ኣገዳሲ ዝኾነ ዓወት ኣዩ። እቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝህብ ትካል ምሳኹም ክላለ ከምኡውን እስኹም ነቲ ትካል ትሰማምዑ ከም ዝኾንኩምን ነቲ ሙያ ድማ ብቑዕ ምኳንኩምን ከጻሪ እዩ ዝደሊ፡

- ምስቲ ጉጅለ ትሳነዩ ዲኹም?
- ህርቡት ዲኹም? ትሓቱ ዲኹም?
- ዕላማ ኣለኩም'ዶ? ነቲ ስራሕ ባህ ኢሉኩም'ዶ ትሰርሑ?
- ነቲ ሙያ ብቕዓት'ዶ ኣለኩም?

እቲ ትካል ኣበይ ከም ዝኾነ፣ ኣብኡ ንመን ክትዛረቡ ከም ዘልኩምን እንታይ ክትማልኡ ከም ዘለኩምን ትፈልጡ ኢኹም። ሰዓት ኣኽቢርኩም ትመጹ ነቲ ምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ተቐሪብኩምሉ ኣለኹም፡

- ብዛዕባ እዚ ሙያ እንታይ ትፈልጡ?
- ንምንታይ ነዚ ክትመሃሩ ደሊኹም?
- ብዛዕባ ኣቲ ትካል እንታይ ትፈልጡ?
- ንምንታይ ኢኹም ኣብዚ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ክትገብሩ ትደልዩ?
- ናትኩም ሓያል ጎኒ እንታይ እዩ?
- ናትኩም ድኹም ጎኒ እንታይ እዩ? ብዛዕብኡ እንታይ ትገብሩ?

---

*«ኣብ ሓደ ዓቢ ትካል ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክትረክብ ትደሊ እንተኾንካ፣ ከሎ ገና ነቲ ናይ ሓበሬታ ውራይ ወይ ድማ ናይ ምልላይ መዓልታት ንምስታፍ ኣመልክት። ናይ ብሓቂ ናይ ምልላይ ልምዲ መብዛሕትኡ እዋናት ኣይቅርቡን እዮም።»* ሲና

---

# ፈተና ብቕዓት – ትዕግስቲ ዘድልዮ

መብዛሕትኤን ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ዝህባ ትካላት ነቲ ውጽኢት ፈተና ብቕዓት ከም ሓደ ክፍሊ ኣብቲ ናይ መመልከቲ ሰነድ ይሓታ እየን። ነየናይ ናይ ብቕዓት ፈተና ካባኹም ከም ዝደልያ፣ ከም ግቡኡ ኣብቲ ቀረብ ናይ እታ ትምህርቲ ልምዲ ትህብ ትካል ይጥቀስ እዩ።

---

*«ናይ ብቕዓት ፈተና ክገብር ከለኹ፣ ኣብ መጀመርታ ምንም ክዝክር ስለዘይከኣልኩ ተረቢሸ ኔረ። ክልተ ሰለስተ ደቒቕ ዝኸውን ክጽበ ኔርኒ፣ ኣስተንፊሰ ከምብሓድሽ ሓሳባታይ ክእክብ ኔርኒ። ድሕሪኡ ድሓን ክሰርሕ ክኢለ»* **ቫፋ**

---

### መሰረታዊ-ምርመራ

እዚ መሰረታዊ-ምርመራ ንፈተና ብቕዓት ኣብ ሞንጎ ዝቕጽላ ይፈላሊ.

– መሰረታዊ-ልምዲ (ንኹለን ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ-ሙያታት ሓደ ሓደ ዉሑዳት ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት-ሙያታት)
– መሰረታዊ-ዝውቱር (ንኹለን ብርትዕ ዝበላ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት-ሙያታት)

ኣብ መሰረታዊ-ምርመራ ካባኹም ናይ ምሕሳብን ናይ ቋንቋ ትሕዝቶን እዮም ዝጽበዩ (ስዋስው፣ ኣንቢብካ ምርዳእ፣ መግለጺ ቃል፣ ትርጉም ቃላት)፣ ቁጽሪ (ኣልጀብራ፣ ምጽብጻብ፣ ጂኦሜትሪ) ክልተ ወይ ሰለስተ ዳይሜንሽን ዘለወን ትሕዝቶታት (ቅደም ተኸተል ቅርጽታት፣ክእለት ኣእምሮኣዊ ምሕሳብ ክፍሊ) ከምኡውን ቋንቋ ጓና (ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ)።

### መርመራ ብዙሕ

መርመራ ብዙሕ ንናይ ሙያ መዳያት ዝምልከት ፈተና ብቕዓት ይቕርብ እዩ (ንንግዳዊ ወይ ቴክኒካዊ ስራሕ፣ ንስራሕ ሙያታት ብቱን ኣቕሓ፣ ንጥዕናን ማሕበራዊን፣ ኢንፍርማቲክ፣ ጽባቐን ምቕራጽን) ከምኡውን ንናይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ- ሙያታት ዝምልከት ፈተና ብቕዓት።
ንነፍሲ ወከፍ መዳያት ሙያ ዝተፈላለየ ክብደትን ትኹረትን እዩ ዘለዎ: ንንግዲ ወይ ድማ ንሙያታት ሸቐጥ ብቱን ኣቕሓ ትኹረት ዝህብ ኣብ ቋንቋ ክኸውን ከሎ፣ ንሙያታት ቴክኒክ ወይ ድማ ኢንፎርማቲክ ድማ ኣብ ሒሳብን ክእልተ ምሕሳብ ክፍልን፤ ንናይ ጥዕና ሙያ ርክብን ሳይንስ ተፈጥሮን እዩ።
ኣብ ኹለን መዳያት ሙያ ተወሳኺ ዝለዓለ ፈተና ክእለት ከም እኒ ርትዓዊ ኣታሓሳስባ፣ ክእለት ምስትውዓል፣ ናይ ሓጺር እዋን ምዝካር፣ ትኹረትን ክእለት ምስትንባርን ዝኣመሰላ ይፍተና እየን።

### ናይ እተን ትምህርቲ ልምዲ ዝህባ ትካላትን ማሕበራት ሙያን ፈተና ብቕዓት

ትምህርቲ ልምዲ ዝህባ ትካላት ወይ ናይ ትምህርቲ ማሕበራት ከምኡውን ነፍሲ ወከፍ ቅርጫፋት ወይ ናይ ሙያ ማሕበራት ናተን ዝኾነ ፈተና ፈጢረን ኣለዋ። ከከም ሙያ ወይ ትካል እዘን ፈተናታት ዝተፈላለያ ቅርጫፋት ይፍትና እየን።

### ናይ ፈተና ቅድመ ኩነት

ከም ግቡኡ ነተን ናይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርታት እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ክውዳእ ክልተ ዓመት ክሳብ ዝተርፎ ፈተና ኣሎ ከምኡውን ዝለዓለ ፈተና ክእለት ኣሎ። መርበብ ሓበሬታመሰረታዊ-ምርመራ (www.basic-check.ch) ከምኡውን ምርመራ ብዙሕ (www.multicheck.org) ብዛዕባ ምምዝጋብ፣ ፈተና ዝወስደሉ ጊዜ፣ ንሓገዝ ክትጥቀሙለን ትኽእሉ ነገራትን ናይ ፈተና ቦታን ይሕብራ እየን፤ ከምኡውን እቲ ፈተና ዋግኡ ክንደይ ከም ዝኾነ ከመይ ጌርኩም ነዚ ክትከፍልዎ ከምዘለኩምን ትፈልጡ። ነተን ትምህርቲ ልምዲ ዝህባ ትካላትን ናይ ሙያ ማሕበራትን እዚ ነቲ ናይ ጽሑፍ ዕድመ ፈተና እዩ።

### ዉጽኢት ፈተና

ነቲ ንይ ፈተና ውጽኢት ወይ ሸዓ ትረኽቡ፣ ወይ ድማ ብኢ-ሜይል ይስደደልኩም:

– ጽቡቕ ናይ ፈተና ውጽኢት እንተረኺብኩም፣ ነዚ ኣብቲ ናይ መመልከቲ ሰነድ ኣእትዉዎ።
– እቲ ዘምጻእኩሞ ውጽኢት ዘየሔጉስ ምናዳ ድማ ዘይብቑዕ እንተኾይኑ፣ ምስ እታ ኣማኻሪት ስራሕ ወይ ድማ ኣማኻሪ ስራሕ ብዛዕባ ነቲ ናይ ሙያ ምርጫኹም ኣማራጺ ተማየጡሉ።

**ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ**
ገጽ 2 ርኣዩ

# ሰነድ መመልከቲ – ብዙሕ ብዙሕ ስራሕ

### ዘይምርብራብ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ምርጫ ሙያ ክትመሃሩ ከለኹም፣ ናይ መመልከቲ ሰንድ እንታይ ትሕዝቶ ክም ዘለዎ ትመሃሩ ኢኹም። ከም ግቡኡ ኣብዚ እዋን እቶም ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ዝደልዩ ካብ ዓሰርተ ንላዕሊ መመልከቲ እዮም ዝሰዱ በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ገዝኦም ነቲ ናይ መመልከቲ ጽሑፍ ይሰርሑ እዮም። ኣዴኹም ወይ ኣቦኹም ብርግጽ ክሕግዙኹም ይኽእሉ ኢዮም።

ንሓደ ሙያ ወሲንኩም ኣለኹም፣ ምናልባሽ ምልላይን ናይ ብቕዓት ፈተናን ኣውን ፈጺምኩም ኣለኹም። ሕጂ ንሓደ ክፉት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከተመልክቱ ትደልዩ ኣለኹም። ንዕኡ ሓደ ሰነድ መመልከቲ የድልየኩም እዩ፣ ነዚ ከኣ ኩሉ ጊዜ ንነፍሲ ወከፍ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ምምልካት እንደገና ከምብሓድሽ ተጻናብርዎ።
ነፍሲ ወከፍ ትካል ዝተፈልየ ትሕዝቶ ክትሓትት ትኽእል እያ። እቲ እታ ትካል ትደልዮ ትሕዝቶ ኣማሊእኩም ኣብቲ ሰነድ ከም ዘእቶኩሞ ርግጸኛ ምእንቲ ክትኮኑ፣ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይታ እስኹም ከተመልክቱላ ደሊኹም ዘለኹም ትካል፣ እቶም ሓለፍቲ ካባኹም እንታይ ከም ዝጽበዩ ርኢኹም ኣረጋግጹ።

ከም ግቡኡ :

- በቲ ናይ መመልከቲ ጽሑፍን ነቲ ዘለኩም ዕላማን ዝገልጽ ጽሑፍን ንናይ ሓለፍቲ ትካል ድልየት ተበራብሩ ኢኹም። ኣብኡ እስኹም ንምንታይ ብፍላይ ነዚ ሙያን ነዚ ትካልን መሪጽኩም ከም ዘለኹም ትገልጹ።
- ኣብቲ ብሰሌዳዊ መልክዕ ትጽሕፍዎ ታሪኽ ተሞክሮ፣ ብዛዕባ መንነትኩም፣ ደረጃ ትምህርትኹም፣ ክእለት ቋንቋ፣ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ትገብርዎን ደረት መዝነትኩምን ትዝርዝሩ።
- በቲ ናይ መወዳእታ ሰለስተ ዓመታት ናይ ቤት ትምህርቲ ምስክር ወረቐትኩም ነቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ቅድመ ክእለትኩም ተርእዩ።
- ንመብዛሕታኤን ሙያታት ፍሉይ ዝኾነ ናይ ብቕዓት ፈተና ይህሉ ኣዩ። ነዚ ውጽኢት ኣብቲ ናይ መመልከቲ ሰነድ ኣእትውዎ።
- ብዛዕባ ቅድሚ ሕጂ ዝገበርኩመን ምልላይ ልምድን ናይ ምሕራይ ተግባራዊ ልምድን ጸብጻብ፣ እስኹም ነዚ ስራሕ ኣጥሊቕኩም ሓሲብኩምሉ ከም ዘለኹም እየን ዝሕብራ።
- እተን ዝዓበያ ትካላት መብዛሕታኡ እዋናት ብኢድ ዝተመልኤ ብዛዕባ መንነትኩም ዝገልጽ ፎርሙላ ይደልያ እየን።
- ሓደ ሓደ ኣዋናት ሓደ ቅዳሕ ናይቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ከተሰዱ ኣለኩም። ናይ B መንበሪወረቐት ጸገም የብለንን። እስኹም ካልእ ዓይነት ወረቐት መንነት ዘለኩም እንተኾንኩም፣ ኣብቲ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ሕተቱ።

በዚ ናይ መመልከቲ ሰነድ ነቲ ትሰዱሉ ዘለኹም ትካል ኣባኹም ናይ መጀመርታ ኣሉታዊ ዝኾነ ርእይቶ ከምዝህልዎ ትገብሩ። እተን ትሰድወን ናይቲ ሰነድ ወረቓቕቲ ብዘይ ጌጋ፣ ብጽርየትን ጽቡቕ ዝተዳለዋን ይኹና።

### ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ


ከም መጠን ኣደ ወይ ኣቦ ተግባራውያን ኬንኩም ነቲ ዘለኩም ናይ ዝምድና መስመር ተጠቀሙ። ጓልኩም ወይ ወድኹም ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ይደልዩ ከም ዘለው ንኹሎም ኣዝማድኩም፣ ትፈልጡዎም ሰባት፣ ዘስርሑኹምን መሳርሕትኩምን፣ ኣባላት ማሕበርኩም ወይ ከኣ ሓኻይምኩምን ናይ ስኒ ሓኻይምኩምን ሓብሩ። ናይ ዝምድና መስመር ብዙሕ ጊዜ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ንምርካብ ይሕግዝ እዩ።

# ምድላይ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ – ምስ ሓደ ትካል ናይ መጀመርታ ርክብ

**ንሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ምድላይ ብመሰረቱ ልክዕ ከም ንሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ምድላይ እዩ ዝካየድ። ነዚ ትዕግስትን ተገዳስነትን የድልየኩም ኣዩ።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

*«ሓድ ሓደ እዋናት ብጣዕሚ እዩ ዝበሳጭ። ብዙሕ ተገዳስነት ሂበ ሓደ መመልከቲ ይጽሕፍ ግን ከምዝተነጸግኩ ከማን መልሲ ኣይረክብን ኣየ። ዋላ ሓንቲ ኣይሰምዕን እየ።»*
**ሻፉ**



## ንሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ከመይ ጌርኩም ኢኹም ተመልክቱ?

ክፉት ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ኣብ ዕለታዊ ጋዜጣ ወይ ድማ ኣብቲ ናይ ትካላት መርበብ ሓበሬታ ይዝርጋሕ ኣዩ፣ ዓመት ዓመት ኣብ ወርሒ መስከረም ድማ ኣብቲ ናይ ኣማኸርቲ ሙያ መረጋገጺ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ኣብዚ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታ www.berufsberatung.ch/lehrstellen, www.orientation.ch/apprentissage, www.orientamento.ch/tirocinio ናይ ከባቢታት ክፉት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ይግለጽ እዩ።

ኣብቲ ትካል ስልኪ ደዊልኩም፣ እቲ ክፉት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክሳብ ሕጂ ነጻ ከም ዝኾነን ከተመልክቱ ትኽእሉ እንተኾንኩምን ሕተቱ። ብኸምኡ ከኣ ኣብቲ ጽሑፍ ዕላማ ሽም እቲ ሓላፍነት ዘለዎ ውልቀሰብ ክትጠቕስዎ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡውን ነቲ ናይ መመልከቲ ሰነድ ብሙሉኡ ብፖስታ ወይ ድማ ብኢንተርኔት ክትሰዱ ትኽእሉ ኢኹም።

## እንታይ መልሲ ክትጽበዩ ትኽእሉ?

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ብጣዕሚ ብዙሕ መመልከቲታት ስለዝመጸን፣ ኣብ መጀመርታ እዋን ከምዝበጽሔንን ትዕግስቲ ጌርኩም ንኽትጽበዩን ይላወባኹም፣ ጸኒሔን ርግጸኛ ዝኾነ መልሲ ይህባኹም።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ንሓደ ዉሸጣዊ ፈተና ብቕዓት ይዕድማኹም። ጽቡቕ ውጽኢት እንተ ኣምጺእኩም እቲ ናይ ምምልካት ኣገባብ ይቕጽል። እንተዘይኮይኑ ይነጽጋኹም።


ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ምሳኹም ክላለያ ደልየን ንምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ንምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ይዕድማኹም።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ምሳኹም ክላለያ ደልየን ንሓደ ናይ ሌላ ቃለ መጠይቕ ይዕድማኹም።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት መልሲ ኣይህባኹምን እየን። ኣብ ሓደ ሓደ ትካላት ብዙሓት እዮም ዘመልከቱ። ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ንኹሉ መመልከቲ መልሲ ኣይህባን እየን።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ከምዘይቅበላኹም መልሲ ይህባኹም።

*«ነቲ ናይ መጀመርታ መመልከቲ ዳርጋ ምስዳዱ ስኢነ ኔረ። ኩሉ ልክዕ ከም ዝኾነን ጽቡቕ ከም ዘሎን፣ መመሊሰ እምርምሮ።»*
**ማይዳ**



ኣማኑኤል ታነር፣ ስዊዘርላንድ፣
ክኢላ ኮስታሪ መውጽኢ ትኪ ፌደራላዊ ዲፕሎም

*«ካብቶም ዝመሃሩ እንታይ እጸበ? ኣብ ዓመት 15 ዝኾኑ ኣብ ትካለይ ነዚ ሙያ ክመሃሩ ዝደልዩ የመልክቱ። ምስኣቶም ክማየጥ ከለኹ ዕላማ ከም ዘለዎም ክረጋገጽ እኽእል ኣብቲ ምልላይ ልምዲ ድማ ስሉጣት ምዃኖም የረጋግጽ። …*

### ነቲ ስራሕ ባዕልኹም ትርእይዎ

እቶም ኣብ ገዝኦም ዝሕግዙ ደለይቲ፣ ነቲ ክስራሕ ዘለዎ ነገር ባዕላቶም ክርእይዎን ክለልይዎን ስለዝኽእሉ፣ ካብቶም ካልኦት ንላዕሊ ብልጫ ኣለዎም። ኣቶም ዝመሃሩ፣ ኣብተን ገዛውቲ ዓማዊል ስለዝሰርሑ፣ ምስ እቲ ሙያዊ ብቕዓት ሕውነታዊ ዝኾነ ምቕራብ እውን የድልዮም እዩ። ከምኡውን ሓላፍነት ተሰሚዕዎም ክሰርሑ ኣለዎም – እዚ ናይ ኮስታሪት መውጽኢ. ትኪ. ወይ ኮስታሪ መውጽኢ. ትኪ. ስራሕ ካብ ምብራዕ ክከላኸል ይኽእል እዩ።

ነዚ ኩሉ ኣድላዪ ዝኾነ ዘማልኡ ደለይቲ ትምህርቲ ልምዲ ነቲ ናይ ስዊዘርላንድ ማሕበር ክኢላታት ኮስተርቲ መውጽኢ. ትኪ. ዝቐረብዎ ናይ ብቕዓት ፈተና ይገብሩ። ነዚ ፈተና ዝሓልፍ፣ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ዘድሊ ኩሉ ቅድመ ኩነት የማልእ።

እቲ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ሙያ ነቶም ዝመሃሩ ንምምሃር ጽቡቕ ጌሩ እዩ ቀሪብኒ። ሓደ ጊዜ ነዚ ፌደራላዊ ዲፕሎም ከም ዝገብር፣ ንዓይ ኩሉ ጊዜ ርጉጽ ኢዩ ኔሩ። ንኮስተርቲ መውጽኢ. ትኪ.፣ እቲ ምምሕዳር ዓዲ ፍሉይ ፍቓድ እንተሂብዎም፣ ናይ ውልቆም ትካል ክምስርቱ ጥራሕ እዮም ዝኽእሉ። ነዚ ፍሉይ ፍቓድ ድማ ፌደራላዊ ዲፕሎም የድሊ እዩ።

### ተገዲስካ ምቕርራብ

ኣነ ተገዲሰ ነቲ ናይ ስራሕ ምዕባለ ስጉምቲ ክገብር እቀራረብ፡ ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ፈተና ምስ ፈጸምኩ ናይ ጉዕዞ ዓመታተይ ጀሚረ። ካብ ጀኔቫ ጀሚረ ኣብ ሙሉእ ስዊዘርላንድ ክሰርሕ ጀሚረ። ኣንስትን ሰብኡትን ሰራሕቲ ምድጃ ዝተፈላለያ ዓይነታት ምድጃ እዮም ዝሰርሑ፣ ኣነ ከኣ ነዘን ዝተፈላለያ ዓይነት ኣሰራርሓ ዘለወን ምድጃታት ክፈልጠን ደልየ።

እቲ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ሙያ ክልሰ ሓሳብን ተግባራዊ ልምድን እዩ ዝፍትን። ነቲ ተግባራዊ ፈተና ክኢላታት ኣብ ካንቶን ዙሪክ ጌረዮ። ሓደ ካብቲ ኣብ ፈተና ነጥቢ ዝወሃቦ፣ ነቶም መሳርሕትን ተመሃሮን – ከከም እቲ ዝተማህርዎ ዓመታት ትምህርቲ ልምዲ – ከም ዝምድብን ከመይ ጌረ ነቶም ሰባት ኣብ ስራሕ ከምዘዋፍርን ኣዩ።»

# ጽቡቕ እንተ ተቐሪብካ እቲ ናይ ምልላይ ቃለ መጠይቕ ይቐንዕ እዩ

**ኣብቲ ናይ ምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ኣብ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ክእለትኩም እንታይ ከም ዝኾነ፣ ዕላማኹም ከመይ ከም ትደልይዎን ክንድምንታይ ተገዳስነት ከም ዘለኩምን ንምርኣይ ዉሑዳት መዓልታት ኣለዋኹም። እቲ ቃለ መጠይቕ ምልላይ ብግምት ሓደ ሰዓት ኣቢሉ እዩ ዝወስድ ከም ልማድ ድማ ተግባራዊ ስራሕ ኣይጽንብርን እዩ።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

ንሓደ ናይ ምልላይ ቃለ መጠይቕ እንተተዓዲምኩም፣ ብርግጽ ትሕጎሱ ኢኹም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ግን ንመጀመርታ ጊዜ ኢኹም ዘለኹም፣ ኣንታይ ከምዝጽበየኩም ብርግጽ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ብዚ ምኽንያት ድማ ነዚ ቃለ መጠይቕ ብፍላይ ተጠንቂቕኩም ትቕረቡሉ።
ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባት ወይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዓኹም ክሕግዙኹም ይኽእሉ ኢዮም። ወለድኹም ብርግጽ ካብቲ ዘለዎም ተሞክሮ፣ ቃለ መጠይቕ ከመይ ከም ዝካየድ ይፈልጡ ኢዮም። ምናልባሽ እሳቶም ነቲ ናይቲ መምህር ሙያ ተራ ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም፣ ብኸምኡ ከኣ ምናልባሽውን እንዳደጋገሙ ከላምዱኹም ይኽእሉ እዮም።



*«ንሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ትደሊ እንተኼንካ፣ ነቲ ሙያ ትግደሰሉ ክትከውን ኣለካ። ንሓደ ቃለ መጠይቕ ምልላይ ኣንተተዓዲምካ፣ እቲ ኣከዳድናኻ ነቲ ሙያን ትካልን ዝሰማማዕ ክኸውን ኣለዎ።»* **ዴቦራ**

## ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ብርግጽ ኣብቲ ናይ ስራሕ ዓለም ናትኩም ተሞክሮ ጌርኩም ኣለኹም። ናይ ምልላይ ቃለ መጠይቕ ከመይ ከም ዝካየድን ኣብኡውን ኣብ ምንታይ ትኹረት ከም ዝወሃቦን ትፈልጡ ኢኹም። ምስ ጓልኩም ምስ ወድኹም ብዛዕብኡ ተዛረቡ፣ ብዛዕባ እቲ ጽቡቕን ብዙሕ ጽቡቕ ዘይኮነን ተሞክሮኹም ኣዘንትዉሎም።

ንጓልኩም ወይ ንወድኹም ከም ናይ ትሬኒንግ ብጻይ ኴንኩም ተቐረቡሎም፣ ከም ሓደ ቃለ መጠይቕ ሓታታይ ኴንኩም ንጓልኩም ወይ ንወድኹም ኣላምድዎም።

## ንቃለ መጠይቕ ምቅርራብ

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነናቱ ናይ መዘናግዒ መገዲ ኣለዎ – ሻሂ ካሚለ ምስታይ፣ ኣጸቢቕካ ምስትንፋስ፣ ልምምድ ምዝንጋዕ ምግባር። እስኹም ነቲ ንዓኹም ዝሰማምዓኩም ዓይነት ትረኽቡ ኢኹም። ክትጭነቑ ትኽእሉ ኢኹም ኣብ ቃለ መጠይቕ እውን ከም ተጨነቕኩም ክትነግሩ ትኽእሉ ኢኹም።
ክዳውንትኹም ጽሩይን ዝምቾን እዩ፣ ነቲ ከባቢ ሙያን ንኹነታት ቃለ መጠይቕን እውን ዝሰማማዕ እዩ። ጽቡቕን ርግጸኛነትን ክስምዓኩም ኣለዎ።

## ኣብ እዋን ቃለ መጠይቕ

- እቲ ናይ መጀመርታ ግምት ኩሉ ጊዜ ኣገዳሲ እዩ፡ ፍሽኽ ኢልኩም ሰላምታ እቕርቡ።
- ነቲ መዛርብትኹም ብሽሙ እንዳጸዋዕኩም ኣዛርብዎ።
- ክሳብ ቦታ ዝወሃበኩም ተጸበዩ።
- ትክ ኢልኩም ኮፍ በሉ፣ ከምኡውን ክፈኹሰኩም ፈትኑ። ኣእጋርኩም ብዝተኻእለ መጠን ኣብ መሬት ኣንብርዎ።
- ርግእ ኢልኩም ተንፈሱ።
- ንመዛርብትኹም ብግሉጽ ቀጥ ኣቢልኩም ኣብ ዓይኑ ጠምትዎ።
- ጽን ኢልኩም ስምዑ፣ ነቲ ሕቶታት ድማ ብግልጺ መልሱ።
- ንመዛርብትኹም ክዛረብ ከሎ ኣይትኹለፍዎ።
- ንዕቀት ከይተርእዩ፣ እንተኾነ ግን ብዙሕ ነብስኹም ኣይተትሕቱ።
- መዘከሪ ጽሓፉ።
- ሕተቱ።

## ናይ ቃለ መጠይቕ ምውዳእ

እቲ ናይ መወዳእታ ግምት እውን ብዙሕ ይዝከር እዩ። ዝሓሸ ንዝኸውን እቲ ቃለ መጠይቕ ክውዳእ ከሎ ጥያቐታት ኣቕርቡ፣ ንምሳለ፡

- «ኣብዚ እዋን ካልእ ጥያቐ የብለይን፣ ግን ገለ ነገር ክፈልጥ እንተደልየ፣ ክድውለልኩም እኽእል ' ድየ?»
- «ሕጂ ከመይ ክቕጽል እዩ?»

ስለ እቲ ቃለ መጠይቕ ናይ ግድን ኣመስግኑ።

---

*«ናብ ሓደ ቃለ መጠይቕ ምዕዳም ንዓይ ሓደ ዓቢ ዓወት እዩ ኔሩ። ነቲ ቃለ መጠይቕ መጀመርታ ምስ መምህረይ ድሕሪኡ ከኣ ምስ ስድራቤተይ ተላሚደ። እዚ ንዓይ ሓጊዙኒ። ኣብ መጀመርታ ዋላኳ ብዙሕ ተጨኒቐ እንተነበርኩ፣ ነቲ ጉዳየይ ብጽቡቕ ኣካይደዮ። ኣነ ናይ ምልላይ ልምዲ ክገብር ተፈቒድለይ ከምኡውን ነቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ረኺበዮ።»* ጉለር

---



# ወላ ተነጸጉ ተስፋ ኣይትቑረጹ

**ትጽዕሩ –እንተኾነ ግን ብፍጹም ምቕናዕ ይኣቢ: ምንጻግ ይመጽእ። እዚ ከቢድ እዋን እዩ። እስኹም ምስ ወለድኹም ምስ መምሃራንኩም ወይ ድማ ምስ ኣማኸርቲ ሙያ፣ ናይዚ ምኽንያት እንታይ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ ተማየጡ። እንተኾነ ግን ክትቅጽሉ ኣለኩም።**

**ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ**
ገጽ 2 ርኣዩ

ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ክትደልዩ ከለኹም ምንጻግ እንተመጸኩም ልሙድ ኣዩ፣ መብዛሕትኦም ሓደ ወይ ድማ ብዙሕ ምንጻግ ይመጾም እዩ፣ ምኽንያቱ ንሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ንምርካብ ዘሎ ውድድር ብዙሕ ክኸውን ስለዝኽእል። ናይ ምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ምስ ገበርኩም ወይ ድማ ቃለ መጠይቕ ምስ ገበርኩም ምንጻግ እንተመጸኩም፣ የሕዝን እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣገዳሲ ሓበሬታ ረኺብኩም ኣለኹም። ኣብ ትኽክለኛ መገዲ ኢኹም ዘለኹም። ተዓዲምኩም ኣለኹም፣ ምኽንያቱ

- እቲ ናይ መመልከቲን ናይ ዕላማኹም ጽሑፋት ዘእምን ስለዝኾነ፣
- እቲ ኣብ ምስክር ወረቐትኩም ዘሎ ነጥብታት ብቑዕ እዩ፣
- እቲ ናይ ብቕዓት ውጽኢትኩም እኹል እዩ።

እስኹም ግን ዕድል ኣይገበርኩምን፣ ሓደ ካልእ ኣመልካታይ ወይ ኣመልካቲት ካባኹም ብዝበለጸ ነቲ ሙያ ይሰማምዑ። ንነፍሲ ወከፍ መመልከቲ ምንጻግ ኣንተመጸኩም፣ ነቲ ምርጫ ሙያኩም እንተሓሰብኩምሉ ይሓይሽ፣ ኣማራጺ ድለዩ። ናይ ሙያ ኣማኻሪት፣ ናይ ሙያ ኣማኻሪ ኣብዚ ክሕግዙኹም ይኽእሉ ኢዮም።



## ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ምንጻግ ነቲ ብነፍስኺ ምትእምምን ከጥፍእ ይኽእል እዩ፣ ቆልዓኹም ሕጂ ምትብባዕን ምድጋፍን የድልዮ እዩ።

እቲ ጌጋ ዘይብሉን ጽሩይን ናይ መመልከቲ ሰነድ ሙሉእ ከም ዝኾነ ኣስተውዕሉ። ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ናይታ ትካል እንታይ ዓይነት ትሕዝቶ ከምዘድሊ ተጠቒሱ ኣሎ።

ቆልዓኹም ንመመልከቲ ጊዜ ይህቦ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ናይ ዕላማ ጽሑፍን ናይ መመልከቲ ጽሑፍን ነቲ ትካል ጽቡቕ ጌሩ ከም ዝፈልጦን ንምንታይ ኣብዚ ትካል ትምህርት ልምዲ ክገብር ከም ዝደልን ኣነጺሩ ይገልጽ እዩ።

ንጓልኩምን ንወድኹምን ንነፍሲ ወከፍ ቃለ መጠይቕ ክቀራረቡ ከለዉ ደግፍዎም።

እቲ ምንጻግ እንተበዚሑ ብሓባር ኴንኩም ሕሰቡሉ:

- ነቲ ዝምነዮ ዘሎ ሙያ እቲ ናይ ምስክር ወረቐቱ ነጥብታት ብቑዕ' ድዩ?
- ነቲ ዝምነዮ ሙያ ዘድሊ ነገራት ኩሉ ዝተማልኤ' ድዩ?
- ነቲ ዝምነዮ ሙያ እቲ ውጽኢት ፈተና ብቕዓት ይኣክል' ድዩ?
- ኣየኖት ሙያታት ኣማረጽቲ ክኾና ይኽእላ?
- ምስ ኣማኻርቲ ሙያ ምምያጥ ትርጉም ኣለዎ' ድዩ?

*«ኣነ ብጣዕሚ ብዙሕ ምንጻግ እየ መጺእኒ። ንዓይ ብጣዕሚ ሕማቕ እዩ ኔሩ። ንዓይ ዝደልየኒ ዘየለ መሲሉ ተሰሚዕኒ። መምህረይ እንተዘይተተባብዓኒ ኔራ ተስፋ ምቑረጽኩ ኔረ። ናይ ዕድል ነገር ኮይኑ ግን ጻዕረይ ቀጺለ፣ ሕጂ ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ረኺበ።»* **ሩት**

### ድሕሪ ናይ ጽሑፍ መመልከቲ ንመንጸጊ ምኽንያት ክኾና ዝኽእላ ነገራት

ንሓንቲ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ብዙሓት ኣመልከትቲ ደልዮማ። እስኹም ካብቶም ክምረጹ ዝኽእሉ ዝበሃሉ ኣይነበርኩምን።

እቲ ናይ መመልከቲ ሰነድ ዘይሙሉእ እዩ፣ ጌጋ ኣለዎ፣ ረሳሕ እዩ ወይ ድማ ብስርዓት ዝተወገነ ኣይኮነን።

ኣብቲ ናይ መመልከቲን ናይ ዕላማን ጽሑፋት ንምንታይ እስኹም ነዚ ስራሕን ነዚ ትካልን መሪጽኩም ከም ዘለኹም ከእምን ዝኽእል ሓሳባት ኣይጠቐስኩምን።

ኣብ እተን ናይ መወዳእታ ምስክር ወረቐትኩም ዘለዋ ነጥብታትኩም ብቑዓት ኣይኮናን ነቲ ናይ ትካል ትጽቢት ድማ ኣየማልኣን'የን።

ናይ እቲ ፈተና ብቕዓት ውጽኢት ነዚ ሙያ ዝበቅዕ ኣይኮነን።

ደንጕኹም ኢኹም ኣመልኪትኩም፣ እቲ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ድሮ ንኻልእ ተዋሂቡ።

### ድሕሪ ቃለ መጠይቕ ንመንጸጊ ምኽንያት ክኾና ዝኽእላ ነገራት

ኣብ ቃለ መጠይቕ ዘሎ ጊዜ ሓጺር እዩ፣ እስኹም ከኣ ንመጀመርታ ጊዜ ኣብ ናይ ዓበይቲ ዓለም ስለዝነበርኩም፣ ተጨኒቕኩም ኔርኩም። ዋላኳ ጽቡቕ ጌርኩም እንተተቐረብኩም፣ ንነፍስኹም ጽቡቕ ጌርኩም ከተቕርቡ ኣይከኣልኩም።

ኣብ ቃለ መጠይቕ እውን መወዳድርቲ ኣለውኹም፣ ምናልባሽ እሳቶም ኣብቲ ቃለ መጠይቕ ካባኹም ዝሓሸ ጌሮሞ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እንተ ተነጺግኩም ተሌፎን ደዊልኩም ንምንታይ እስኹም ከም ዝተነጸግኩም ናይ ግድን ሕተቱ። ካብኡ ትረኽብዎ ተሞክሮ ነቲ ዝቕጽል ቃለ መጠይቕ ክጠቕመኩም ይኽእል እዩ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቃለ መጠይቕ፣ ነቲ ዝቕጽል ኣገባብ ቃለ መጠይቕ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኣገዳሲ ዝኾነ ተሞክሮ ኢኹም ትቐስሙ። ሕጂ ዘይምስልካይ እዩ ዘድልየኩም።




# ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ምጭባጥ

**ነዚ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከም ዝረኸብኩም፣ ብጽሑፍ ወይ ድማ ብተሌፎን መረጋገጺ ካብ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝህብ ትካል ረኺብኩም። ኣብቲ ትካል ዘለዉ ሓለፍቲ፣ እስኹም ወይ ድማ ወለድኹም ንዓኹም ሕጋዊ ሓላፍነት ከም ዘለዎም መጠን ነቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ውዕል ትፍርሙ። እቲ ብኹልኹም ዝተፈረመ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ውዕል በቲ ናይ ካንቶን ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ ይፍቀድ።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

እቲ ውዕል ትምህርቲ ልምዲ፣ ነቲ ኣብ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣገዳሲ ዝኾነ ኩሉ ነገር ይቕይድ እዩ፣ ትሕዝቶኡ :

- ናትኩምን ከም መጠን ሕጋዊ ወኪልኩም ከኣ ናይ ወለድኹምን መንነት
- ናይ ሙያ ትኽክለኛ መጸውዒ
- እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ዝወስዶ እዋንን እዋን ተልመዴንነትን
- ዝርዝር ብዛዕባ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካልን፣ ምናዳ ድማ መንነት ሓለፍትኹምን
- ዝርዝር ብዛዕባ ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ትሳተፍዎ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ
- ማትሪክ ሙያ (እወ ወይ ኣይፋልን)
- መሃያ
- እዋን ስራሕ
- ዝግብኣኩም እዋን ዕረፍቲ
- ክዳውንቲ ስራሕን ወይ ድማ ናውቲ ስራሕ መን እዩ ዘዳልዎ።
- ኢንሹራንስ
- ኣገደስቲ ዝኾና መምርሒታት



## ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ትምህርቲ ልምዲ ክጅምር ከሎ እቲ መገዲ ዓለም ዓበይቲ እዩ ዝጅምር። ንኣሽቱ ወይ ድማ ዓበይቲ ጸገማት ኣብዚ እዋን ምስጋር ኩሉ ጊዜ ከጋጥማ ይኽእላ ኣየን። ኣብቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ቆልዓኹም ነቲ ጸገም ባዕሉ ክፈትሖ እዩ ዝፍትን። እንተዘይቀኒዑ እቲ ጠባያት ብዙሕ እዋን ክቀያየር ይኽእል እዩ። ናይ መጀመርታ ምልክት፣ ወድኹም ወይ ጓልኩም ድልየት ዘይብሎም ክመስሉ ይኽእሉ እዮም፣ ንግሆ ምትሳእ ይገድፉ፣ ንትምህርቲ ይፋርሑ፣ ንስራሕ ባህ ከይበሎም ይኸዱ፣ ተደጋጋሚ ርእሶም ወይ ድማ ከብዶም ይሓሙ። ከም መጠን ኣደ ወይ ድማ ኣቦ ከምዚ ዓይነት ምልክታት ክትርእዩ ከለኹም ወይ ድማ ክስምዓኩም ከሎ፣ ቀልጢፍኩም ምስ ደቅኹም ተዛረቡ።

*«ውዕል ትምህርቲ ልምዲ ኣብ ሳንዱቕ ፖስታ ምስ ረኺብኩ፣ ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጒሰ። ሕጂ ኣርባዕተ ዓመት ሙሉእ ሓደ ዓይነት ነገር ጥራሕ እየ ዝገብር ኢለ ከም ዝሓሰብኩ ግን እዝክር እየ። ነዚ ዳርጋ ክቕበሎ ኣይከኣልኩን። ሕጂ ግን ፍርቂ ናይቲ ትምህርቲ ልምዲ ወዲኤዮ ኣለኹ።»* **ሱሳ**

## ጌጋ ዝኾነሙያ? ጌጋ ዝኾነ ትካል?

ኩሉ ነገር ኩሉ ጊዜ ከም ዝደለኻዮ ኣይከውንን እዩ። ኣብቲ ናይ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ንምዕዋት፣ ሽግር ክፍጠር ከሎ ኩሎም ተኻፈልቲ መጀመርታ ነንሕድሕዶም እንተተዛረቡ እዩ ዝሓሸ:

- ኣብቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝገበሮ ትካል ውልቃዊ ወይ ናይ ሙያዊ ጸገም እንተጋጠመ፣ ብቑልጡፍ ምስቶም ሓለፍቲ ትካል ተዛረቡ ብሓባር ኴንኩም ድማ ሓደ ፍታሕ ርኸቡሉ።
- ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ውልቃዊ ወይ ድማ ትምህርታዊ ጸገም እንተጋጠመ፥ ምስ እቶም መምሃራን ተዛረቡ፣ ምናልባሽ ንቑልጡፍ ኣስተምህሮ ወይ ድማ ተወሳኺ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ኣመልከቱ።

ኣብቲ እዋን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ፣ ጌጋ ዝኾነ ሙያ ከም ዝመረጽኹም ክርድኣኩም ይኽእል እዩ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ነዚ ትምህርቲ ልምዲ ከተቛርጹ ደሊኹም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ምናልባሽ እውን ኣብቲ ትካል ዘሎ ምትሕብባር ጽቡቕ ይኸይድ ስለዘየሎ፣ እስኹም ነዚ ትምህርቲ ኣብዚ ትካል ብዓወት ክትፍጽምዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም ወይ ድማ ኣይደለኹምን። ንኸምዚ ዓይነት ኩነታት ብዛዕባ እዚ ሽግር መጀመርታ ምስ እቶም ሓለፍቲ እቲ ትካልን ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያን ተዛረቡ።

ምንም ዓይነት መፍትሒ እንተዘይተረኽበ፣ ናይ ግድን ምስ ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ ተዛረቡ። ምናልባሽ ምቕያር ቦታ ይርከብ ይኸውን – እዚ ማለት ከኣ፣ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣብ ካልእ ትካል ንኽትቅጽሉ – መስርዑ ይሕዝ።
ነቲ ትምህርቲ ልምዲ እንተ ኣቛሪጽኩም ምስ ኣማኸርቲ ስራሕ ብዛዕባ እቲ ዝቕጽል ስጉምቲ ተማየጡ።



*«ጽቡቕ ነጥቢ ንኽምጽእ ብርግጽ ተቓሊሰ እየ። ንጠባየይ ከኣ እጥንቀቐሉ ኔረ። ንብዙሓት ናይ ትምህርቲ ልምዲ ትካላት እዚ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ኣነ ኩሉ ጊዜ ሰዓተይ የኽብር ኔረ ' ድየ? ከየፍቀድኩ ተሪፈ እፈልጥ ' ድየ? ኩሉ ጊዜ ጨዋ ' ዶ ኔረ? ኣብ ቤት ትምህርቲ እውን ጨዋነት ኣድላዪ እዩ። ከምኡ እንተ ኴንካ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክትደሊ ከለኻ ትዕወት ኢኻ።»* **ፕሪስካ**

# ቤት ትምህርታዊ ቀረብ መሰጋገሪ

**ቀረብ መሰጋገሪ ኣብ ሞንጎ ግቡእ እዋን ትምህርትን መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከምኡውን ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ወይ ድማ ጊምናዝየም ከም መሳገሪ ድልድል እዩ ዝፈጥር።**
**ድሕሪ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ዘለዋ ቀረባት መሰጋገሪ ወይ ተወሳኺ፣ ብድልየት ዝግበራ ናይ ሓደ ዓመት ቤት ትምህርቲ፣ ሓደ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ወይ ድማ ንሙያ ዘቀራርባ ተግባራዊ ልምድታት እየን።**

ነፍሲ ወከፍ ካንቶን ፍሉይ ናታ ዝኾነ ናይ ቀረባት መሰጋገሪ ስርዓት ኣለዋ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ናይ ምርጫ ሙያ ዓመት ኣብ በርን ካብ እቲ ናይ ምርጫ ሙያ ዓመት ኣብ ዙሪክ፣ ሉዛን ወይ ሉጋኖ ካልእ ዝተፈልየ ትሕዝቶ ክምህር ይኽእል ይኸውን። ከምኡውን ብጣዕሚ ሰፊሕ ዝኾነ ውልቃዊ ቀረባት ኣሎ። ኣብቲ ማእከል ሓበሬታ ሙያ ናይቲ ዘለኹሞ ካንቶን ኣየናይ ቀረብ መሰጋገሪ ንዓኹም ከምዝሰማማዕ ንምፍላጥ ሕተቱ ወይ ድማ ብዛዕባ መስገሪ ቀረብ ምስ መምህር ክፍልኹም ተማየጡ።

---

*«ኣብቲ ናይ ሙያ መቀራረቢ ዓመት ንመጀመርታ ጊዜ ብዙሓት ዓይነት ሙያታት ብትኽክል ክላለ ክኢለ።»* ሲሞን

---



መብዛሕትኤን ቀረባት መሰጋገሪ ገንዘብ ይኽፈለን እዩ። መጠን ናይቲ ዝኽፈል ገንዘብ ክንደይ ከም ዝኾነ ብዝተፈላለያ መምዘኒታት እዩ ዝውሰን፡ እቲ ትነብርዎ ዓዲ ወይ ድማ ካንቶን እንታይ ይቕርብ? እንታይ ዓይነት ናይ መሰጋገሪ ቀረብ እዩ? ኣብ ናይ መንግስታዊ ‘ ድዩ ወይስ ኣብ ናይ ውልቃዊ ቤት ትምህርቲ? ክከም ቀረብ መሰጋገሪ ኣብ ዓመት ክሳብ 14‘000 ፍራንክን ክኽፈል ይከኣል እዩ። ኣብ ማእከል ሓበሬታ ሙያ ኬድኩም ብዛዕባ ዋጋታትን መሃያ ተመሃሮን ብዝምልከት ሓበሬታ ሕተቱ።



ቪንሁ ታየለ፣ ኮንጎ፣ ቀረብ መሰጋገሪ

## «ንምውሳን ዝበዝሐ እዋን እዩ ዘድልየኒ ፡ ድሮ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ከለኹ፣ ንዓይ ክልተ ናይ ስራሕ ዓይነታት ኣብ ግምት ከም ዝኣትዋ እፈልጥ ኔረ፡ ሓደ ናይ ርእሲ ስራሕ፣ ሸቓጣይ፣ ወይ ድማ ሓደ ካብ ልበይ ዝፈትዎ ሙያ ማሕበራዊ ወይ ድማ ኣብ መዳያት ክንክን። ...

ኣብቲ ብድልየተይ 10. ክፍሊ ዝመሃረሉ እዋን፣ ንዓይ ከምዝመስለኒ ንሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ንምድላይ ብዙሕ እዋን እየ ዘጥፍእ። ካልእ ነገር ' ውን እገብር እየ። ኣብ እዋን ዕረፍተይ ናይ ሳዕስዒት ኮርስ ወይ ድማ ኣብ ማእከል ማሕበር ንመንእሰያት ዉራይ የቀራርብ እየ፣ እዚ ናተይ ኣስተዋጽኦ ንማሕበረሰብ እዩ። ወይ ድማ ራፕ እጽሕፍ ከምኡውን ይደርፍ፣ እዚ ከኣ ንመንፈሰይ እዩ። ይኹን እምበር ንሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ እጽዕር ኣየ። ኣብ ኣዋርሕ ሓጋይ ሓደ መፍትሒ ክረኽበሉ እደሊ እየ።

ክሳብ ሕጂ ዘሎ ኩሉ ቁሩብ ዘበሳጩ እዩ። ኣብ መጀመርታ ንሓደ ናይ ንግዲ ማሕበር ትምህርቲ፣ ፕሮፊል B ንቦታ ትምህርቲ ልምዲ መመልከቲታት ጽሒፈ። እዚ ክቐንዕ እዩ ኢለ ተስፋ ጌረ ኔረ፣ ምኽንያቱ ድማ ቋንቋ ኣደይ ፈረንሳይኛ ስለዝኾነ። ናብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ ካብ ዝመጽእ ሰለስተ ዓመት ጌረ ኣለኹ፣ ጀርመንኛ ግን ክሳብ ሕጂ ኣጸቢቑ ኣይመልኽን እየ። ምናልባሽ በዚ ምኽንያት ይኸውን፣ ምንጻግ ጥራሕ እዩ መጺእኒ። ኣን ቀልጢፈ ክመሃር ከም ዝኽእል፣ ዝኣምነኒ ሰብ የለን።

### ምንጻግ ይጎድእ እዩ

ምንጻጋት ይጎድኣኒ እየን፣ ንዓይ ማንም ኣይደልየንን እዩ ዝብል ስምዒት እዩ ዘለኒ። በዚ ምኽንያት ድማ ቀጺለ ንኽጽዕር ባህ ምባል ኣብዩኒ። ወለደይ ንዓይ ክሕግዙኒ ስለ ኣይክእሉ፣ እዚ ኩሉ ጊዜ ቀሊል ኣይኮነን። ነቲ ናይ ስዊዘርላንድ ስርዓት ኣይፈልጥዎን እዮም።

ሕጂ ነቲ ምድላይ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ነቲ ካብ ልበይ ዝፈትዎ ሙያ ወሲኸ እውን ኣስፊሐዮ ኣለኹ። ኣብ ሓደ ናይ ማሕበራዊ ወይ ድማ ናይ ክንክን ጨናፍር ሓደ ተግባራዊ ልምዲ እደሊ ኣለኹ። ብኸምኡ ከኣ ንቋንቋ ጀርመንኛ ክመልኮ እኽእል ከምኡውን ኣብዚ ጊዜ ነዚ ሙያ ብርግጽ ብቕዓት ዘለኒ ምዃኑ ክፈልጥ እኽእል። ሓደ መዓልቲ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ጉዳያት ክኸውንን ምስ መንእሰያት ክሰርሕን እደሊ እየ። እንተተኻኣለ ምስ ወጻእተኛታት፣ ነቲ ናቶም ጸገም ካብ ተሞክሮይ እፈልጦ እየ።»

## ቤት ትምህርታዊ ቀረብ መሰጋገሪ መዓስ እዩ ትርጉም ዘለዎ?

ቀረብ መሰጋገሪ ሓደ ዘድክም ናይ ትምህርቲ ዓመት እዩ። ድሮ ኣብቲ ናይ መጀመርታ ሰሙን ኣገባብ ምርጫ ትምህርትን ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ምድላይን ይጅመር እዩ። ናይ መሰጋገሪ ቀረብ የድልየኩም እንተኾነን ካብኡ' ኸ ኣየናይ ንዓኹም ልኽዕ ከም ዝኾነን ንምፍላጥ፣ ምስ መምሃራንኩምን ወለድኹምን ተማየጡ።

ንምሳለ:

– ድሕሪ ቤት ትምህርቲ እንታይ ክትገብሩ ከም ትደልዩ፣ ርግጸኛ ኣይኮንኩምን። ኣብቲ ንምርጫ ሙያ ዘዳሉ ናይ መሰጋገሪ ቀረብ ነቲ ምርጫ ሙያ ኣዕሚቕኩም ትሓስቡሉ ከምኡውን ንሓደ መገዲ ትምህርቲ ይውስኑ።

– እንታይ ዓይነት ሙያ ክትመሃሩ ከም እትደልዩ ብርግጽ ትፈልጡ ኢኹም፣ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ግን ክትረኽቡ ኣይከኣልኩምን። ኣብ ሓደ ንናይ መዳያት ሙያ ዘድሃበ ቀረብ መሰጋገሪ ነቲ እስኹም ዝመረጽኩሞ መዳይ ሙያ ብዝሓሸ መገዲ ትላለይዎ ከምኡውን ኣማራጺ ዝኾነ ተማዕብሉ።

– እስኹም ኣብ ሓደ ጊምናዝየም ወይ ድማ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ክትመሃሩ ትደልዩ። እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ፍልጠትኩም ግን ብቑዕ ኣይኮነን። ኣብቲ ቤት ትምህርታዊ ቀረብ መሰጋገሪ ነቲ ዘለኩም ጉድለት ክትመሃሩ ትኽእሉ፣ ብቐጥታ ከኣ ነቲ ናይ መቐበሊ ፈተና ትቀራረቡ።
ብዝበለጸ ከኣ ኣብቲ እዋን ነቲ ምርጫ ሙያ ክትሓስቡሉ ትኽእሉ። ነቲ ናይ መቐበሊ ፈተና እንተዘይሓለፍኩም፣ ንሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከተመልከቱ ትኽእሉ ኢኹም።

– እስኹም ንሓደ ቀራጺ ዝኾነ ስራሕ ክትመሃሩ ኢኹም ትደልዩ። ንመብዛሕትኤን ቀረጽቲ ዝኾና ትምህርታት – ንቤት ትምህርታዊ (ኣብ ዩኒቨርስቲ ወይ ድማ ኣ ብ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ) ከምኡውን ንመሰረታዊ ቤት ትምህርቲ ሙያ – ሓደ ቅድመ ኮርስ የድሊ እዩ።

– ድሕሪ ቤት ትምህርቲ እንታይ ክትገብሩ ከም እትደልዩ፣ ብርግጽ ትፈልጡ ኢኹም። ክእለት ቋንቋኹም ግን ክሳብ ሕጂ እኹል ኣይኮነን። ኣብ ሓደ ቤት ትምህርታዊ ቀረብ መሰጋገሪ ንኽእለት ቋንቋኹም ከተመሓይሹን ኣብዚ እዋን ድማ ነተን ካልኦት መዳያት ትምህርቲ ክትደግምወንን ኣጸቢቕኩም ድማ ክትመልኩወንን ትኽእሉ ኢኹም።



## ምክሪን ኣበራባሪ ሓበሬታን ንወለዲ

ቆልዓኹም ንምርጫ ሙያ ዘይበሰለ መሲሉ እንተተሰምዓኩም – ብዝኾነ ይኹን ዓይነት ምኽንያት – ኣየናይ ቀረብ መሰጋገሪ ንቆልዓኹም ልክዕ ከም ዝኾነ ንምፍላጥ ካብ መምህሩ ወይ ድማ ካብ ኣማኸርቲ ሙያ ሓበሬታ ርኸቡ።

ብእዋኑ ንቆልዓኹም ነዚ ዝሰማምዖ ቀረብ መሰጋገሪ ኣመዝግብዎ። ካልእ ኣማራጺ መፍትሒ እንተረኺብኩም፣ እንደገና ክተደምስስዎ ትኽእሉ ኢኹም።



ቫኔሳ ሎፐዝ፣ ስዊዘርላንድን ካናዳን
1. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ
ሸቐጥፕሮፊል B

## «ኣነ ንነፍሰይ ብሓፊሽኡ ከመሓይሽ ኣየ ዝደሊ ኔረ:

### *ብ ካልኣይ ደረጃ B ከለኹ ንፍዕቲ ተማሃሪት ኔረ፣ ኣብ ምስክር ወረቐተይ ዝነበረ ማእከላይ ነጥቢ 5 እዩ ኔሩ። ...*

መጀመርታ ከም መጠን ሰብ ሙያ ሆቴል ሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ደልየ፣ ምኽንያቱ ድማ ኣብዚ ሙያ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣብ ሬሰፕሽን ክሰርሕ እየ ኢለ ሓሲበ ስለዝነበርኩ። እቲ ናይ መጀመርታ ምልላይ ልምዲ ግን ናይ ሆቴል ሰብ ሙያ መዓልታዊ ናብራ ከመይ ከም ዝኾነ ኣርእዩኒ። ከም ብሓድሽ መገዲ ክደሊ ኔርኒ – ኣብ ዓመት ብጣዕሚ ደንጉየ – ኣብ ሓደ ናይ ንግዳዊ ማሕበር - ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክደሊ ጀሚረ። ከም መጠን ተመሃሪት ካልኣይ ደርጃ ናይ - B - ግን ኣብ ፕሮፊል E ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ምርካብ ዳርጋ ዕድል ከም ዘይብለይ ተረዲእኒ።

ኣነ ነቲ ተወሳኺ ዓመት ትምህርቲ ወሲነ። ከም መጠን ኣብ ክፍሊ ዝነኣሰት – ኣነ ብእዋኑ እየ ንቤት ትምህርቲ ዝበሰልኩ – ገና እኹል ዝኾነ ጊዜ ኔርኒ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምርጫ ሙያ ድሕሪ እቲ ናይ ብቕዓት ፈተና ኣብቲ ክፍሊ ‹Challenge› ተመዲበ። ሓደ ናይ ቤት ትምህርቲ ዓመት ነቶም፣ ነየናይ ሙያ ክመሃሩ ከም ዝደልዩ ገና ብርግጽ ንዘይፈልጡ፣ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ። እዛ ናይ ቤት ትምህርቲ ዓመት፣ ዋላኳ ተድክም ትኹን እምበር፣ ንዓይ ትኽክለኛ ናይ ቤት ትምህርቲ ዓመት እያ ኔራ።

### መደበይ ልክዕ ኮይኑ

ናይ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ ዕላማ ርግጽ እዩ ኔሩ : ነፍሲ ወከፍ ተመሃሪት ነፍሲ ወከፍ ተመሃራይ ሓደ መፍትሒ ክህልዎ ኣለዎ። ኣብቲ ናይ መጀመርታ ሰሙን ኣብ ሓደ መኻዚኖ ኔርና፣ ከመይ ጌርና ንሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከነመልክት ከም ንኽእል ከኣ ተማሂርና። ድሮ ኣብቲ ካልኣይ ሰሙን፣ ኣብ ሰሙን እንተወሓደ ሰለስተ መመልከቲ ክንጽሕፍን ክንሰድድን ኔርና። መደበይ ልክዕ ኮይኑ ረኺበዮ ከምኡውን ብጣዕሚ ቀልጢፈ – ድሮ ኣብ ወርሒ መስከረም – ኣብሓደ ባንክ ናይ ሸቐጥ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ከም መጠን ፕሮፊል B ረኺበ።

ነቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ውዕል ኣብ ጅባይ ምስ ገበርኩ፣ ኣቃልቦይ ብሙሉኡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ክህቦ ክኢለ። ንሕና ነተን ናይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርታት ንደግመን፣ ኣነ ነቲ ናይ ሒሳብ ፍልጠተይ ኣጸቢቐ ከመሓይሽ ክኢለ። ከምኡ ድማ ነታ ናይ መጀመርታ ምስክር ወረቐት ብእንግሊዝኛ (FCE) ጌረ – ሕጂ ኣብ ቤት ትምህርቲ ማሕበር ንግዲ በይነይ ጥራሕ ፕሮፊል - B - ዘለዋ ተመሃሪት ከለኹ ነቲ Advanced (CAE) ክቕረበሉ እኽእል እየ።

### ሓላፍነት ምውሳድ

ኣነ ቤት ትምህርታዊ ጥራሕ ኣይኮንኩን ብተወሳኺ ዝኸሰብኩ። ከም ዝመስለኒ፣ ሎሚ ንእስነተይ ኣጸቢቑ ጎዲሉ እዩ። ግልጽቲ ምኳንን፣ ብነፍሳ ተኣማሚና ናብ ሰብ ትቐርብን ከም ትኸውን ተማሂረ ከምኡውን ንኻልኦት ሰባት ብዝሓሸ መገዲ ንምቕባልን ተሞኪረ። ከምኡውን እዋናተይን ስራሔይን ባዕለይ ክምድብ ከም ዝኽእል ተማሂረ። ሓዲሽ ነገር ከጋጥመኒ ከሎ እውን፣ ብዙሕ ፍርሓት ኣይስምዓንን ኣዩ። እዚ ሕጂ ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ክሕግዘኒ እዩ።

እቲ ካብ ትካል ወጻኢ ዝግበር ኮርስ ነቶም ኣብ ባንክ - ዝመሃሩ ፍልይ ኢለን ዝተሰናደዋ እየን። ንሕና ኣብ ማእከል መንእሰያት ሰራሕተኛታት ናይ ባንኪንግ 30 መዓልታት ኮርስ ንገብር። ንሕና ከም መጠን ዝምሃሩ ባዕልና ሓላፍነት ወሲድና፣ ንነፍሲ ወከፍ ናይ ኮርስ መዓልታት ንምዝገብ። ነቲ ናይ ኮርስ መዓልቲ ድንጉየ እንተተመዝገበ፣ ምናልባሽ ኣብ ባዝል፣ ጀኔቫ ወይ ድማ ኣብ ሉዘርን ነቲ ኮርስ ክገብር ይህልወኒ ይኸውን፣ ምኽንያቱ ድማ እቲ ኣብዚ ዙሪክ ዘሎ ኮርስ መሊኡ ክኸውን ስለዝኽእል። ሽግር እንተ ኣጋጢምኒ ብርግጽ ምስ እታ ናይ ተግባራዊ ልምዲ መምህረይ ክዛረብ እኽእል እየ፣ ሕጂ ግን ነቲ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምደይ ሓላፍነት ከይፈራሕኩ ባዕለይ ክወስድ ስለ ዝኽእል፣ ብጣዕሚ ሕጉስቲ ኣየ።»

# ናብ ተግባር ዘድሃበ ቀረብ መሳገሪ

**ብሓደ ናብ ተግባር ዘድሃበ ቀረብ መሳገሪ– ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ወይ ተግባራዊ ልምዲ – ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ብቐጥታ ክትቀራረቡሉ ትኽእሉ ኢኹም።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

## ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ

ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ንክልሰ ሓሳብን ተግባርን የጸናብር እዩ። ኣብ ትካል ነቲ ዕለታዊ ናብራ ስራሕ ትላለዩ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ክእለት ቋንቋኹም ተመሓይሹ ወይ ድማ ሒሳብ ናይ ቤት ትምህርቲ ትደግሙ።

ኣብቲ እዋን ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ትደልዩ። ምናልባሽ ነቲ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ትካል ትገብርዎ ትምህርቲ ልምዲ ክኣክል ይኽእል ይኸውን፣ ምናልባሽ እውን ሓደ ሓዲሽ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ትካል ክትረኽቡ ይህልወኩም ይኸውን።

## ተግባራዊ ልምዲ

ኣብ ተግባራዊ ልምዲ ነቲ ዕለታዊ ናብራ ስራሕ ናይቲ ልምዲ ትገብሩሉ ዘለኹም ሙያ ትላለዩ። ኣብዚ እዋን ክእለት ቋንቋኹም ተመሓይሹ ከምኡውን ምስ እቶም መሳርሕትኹም ክትሰርሑ ከለኹም ነቲ ኣብ ከባቢ ዝጥቀሙሉ ቋንቋ ዓዲ ትመሃሩ።

ኣብቲ ተግባራዊ ልምዲ ዝተወሰና ኣዋርሕ ስራሕ ክትለምዱ ከለኹም፣ እዚ ሙያ ንዓኹም ትኽክለኛ ምዃኑ እንተረጋጊጽኩም፣ ሓደ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክትደልዩ ትጅምሩ። ምናልባሽ ኣብቲ ተግባራዊ ልምዲ ትገብርዎ ትካል ክትተርፉ ትኽእሉ ትኾኑ፣ ምናልባሽ እውን ሓደ ሓዲሽ ትካል ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክትረኽቡ ይህልወኩም ይኸውን።



*«ንዓይ እቲ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ልክዕ እዩ፡ ጀርመንኛይ ከመሓይሽ እኽእል፣ ሒሳብ እደግም ከምኡውን ነቲ ናይ ስራሕ ዓለም እላለ።»* **ሮሁላህ**


## ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ

ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ፣ ብተግባራውን ብናይ ቤት ትምህርታዊን ናብ መሰረታዊ ቤት ትምህርቲ ሙያ ንምስጋር ትቕረቡሉ፣ናይ 1-ዓመት ቀረብ መሰጋገሪ እዩ። ካብ $3\frac{1}{2}$ መዓልታት ክሳብ 4 መዓልታት ኣብ ሓደ ትካል ትሰርሑክምኡ ድማ ካብ 1 መዓልቲ ክሳብ $1\frac{1}{2}$ መዓልቲ ንቤት ትምህርቲ ትኸዱ። ኣብቲ ትካል ንትሰርሕዎ ስራሕ ደሞዝ ትረኽቡ ኢኹም። ንቤት ትምህርቲ ነቲ ናይ ኣቕሑት መግዝኢን ንናውቲ መምሃሪን ምናልባሽ እውን ንዑደት ጥራሕ ገንዘብ ትኸፍሉ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወቕተ ትምህርቲ እቲ ተምጽእዎ ይምዘን እዩ።

ነቲ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ክትደልዩ ከለኹም ልክዕ ከምቲ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ትደልዩዎ ኢኹም ትገብሩ። ማእከላት ኣማኸርቲ ሙያ ንሓደ ቦታ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ክትደልዩ ከለኹም ይድግፉኩም እዮም። ነዚ ምስ ረኸብኩም፣ እቶም ሓለፍቲ ንዓኹም ኣብቲ ዝምልከቶ ቤት ትምህርቲ የመዝግቡኹም። እዚ ከኣ እስኹም ነቲ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ዘድሊ ቅድመ ኩነት ተማልኡ እንተኮንኩም የጻሪ። ከምኡ ኣንተኾይኑ፣ ምስ እቲ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካል ውዑል ትፍርሙ።

ነዚ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ብታዕዋት እንተፈጺምኩሞ፣ ድሕሪ እቲ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ሓደ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣብዚ ትካል ክትገብሩ ትኽእሉ ወይ ድማ ሓደ ሓዲሽ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ትካል ትደልዩ።

ምፍላጥ ጽቡቕ እዩ፡ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ኣብ ሙሉእ ስዊዘርላንድ ማዕረ ኣይኮነን ዝካየድ። ኣብ ምዕራብ ስዊዘርላንድን ኣብ ተስየንን መብዛሕትኡ ጊዜ ቤት ትምህርታዊ ቀረብ ምስ ተግባራዊ ልምዲ ኣብ ትካል እዩ።



ሮሁላ ራሒሚ፣ ኣፍጋኒስታን
ቅድሚ ትምህርቲ ልምዲ ሰብ ሙያ መኻይን
(ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት)

# *በብስጉምቲ ምምሃር፡*

## *«ወላኳ ልዕሊ ክልተ ዓመት ጥራሕ ኣብ ስዊዘርላንድ እንተነበርኩ እውን፣ ዕድል ጌረ፡ ነቲ ዝምነዮ ስራሕ ክመሃር ክኢለ። ...*

መኻይን ስለዝፈቱ፣ እቲ ሙያ ናይ መኪና ሰብ ሙያነት ይስሕበኒ እዩ። ኣነ ኣብ ሓደ ጋራጅ ምልላይ ልምዲ ጌረ፣ ኩሎም ከኣ ንዓይ ብጣዕሚ ጥዑማት ኔሮም። ኣነ ብርግጽ ብዙሕ ነገር ኣይገበርኩን፣ ናይ ጎማ ኣየር ዓቒነ፣ ናይ ፍሬኖ ጽፍጻፍን ዘይቲ መኪናን ቀይረ።

እቲ ዝምህረኒ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ግበር፣ ድሕሪኡ ነቲ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ጌርካ ነቲ ርግጸኛ ዝኾነ ናይ ትምህርቲ ልምዲ መፈጸምታ ፈተና ትገብር ኢሉኒ። ድሕሪኡ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ፈተና ጌረ፡ ሒሳብ፣ ርትዓዊ ኣተሓሳስባን ቋንቋን። ሓደ ደብዳበ ክጽሕፍ ኔርኒ፣ ቁሩብ ስዋስው ከምኡ ድማ ሓደ ጽሑፍ ኣንቢበ ምርዳእ። ነዚ ጽቡቕ ጌረ ፈቲሔዮ፣ ሒሳብ ግን ብዙሕ ጽቡቕ ኣይነበረን፣ ግን እኹል እዩ ኔሩ። ሕጂ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ሓደ መዓልቲ ንቤት ትምህርቲ እኸይድ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ክጽዕር ኣለኒ፣ ምናልባት ይኸብድ ይኸውን። ዕድል ጌረ ግን ሓደ ዝመርሓኒ ኣርኣያ ኣለኒ፣ እሱ ከኣ ነቲ ጥያቐታት ክሕግዘኒ እዩ።

### ዝመልኤ ሕልሚ ህይወት

በዚ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ ናይ ህይወተይ ድልየት ተማሊእለይ ኣዩ። ኣብ ኣፍጋኒስታን ከምዚ ኣብዚ ዓዲ ዘለዋ ዝተፈላለያ ዓይነት መኻይን የለዋን፣ በዚ ምኽንያት ድማ ንብዙሓት ኣይፈልጠንን እየ። ንዓይ ባህ ትብለኒ ማርቼዲስ ቤንዝ እያ፣ ምናዳ እተን ሊሞዚናት። ኣብቲ እዋን ትምህርቲ ልምዲ እውን መኪና ምዝዋር ክመሃር ስለ ዝኽእል፣ እሕጎስ እየ። ኣነ ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ሙያን ናይ ትምህርቲ ልምዲ መፈጸምታ ፈተናን ተዓዊተ እንተወዲኤ፣ ክሰርሕ፣ ገንዘብ ክረክብ እደሊ እየ፣ ምናልባሽ ናተይ መኪና ወይ ድማ ናተይ ገዛ ይህልወኒ። ሕጂ ንኹሉ ነገር በብስጉምቲ ክገብሮ እየ።»

# «እዚ ቋንቋ - ዝዕንቅፈኒ ኣእማን: ኣነ ኣብ ኤርትራ እየ ዓብየ ኣብኡ ከኣ ዓሰርተ ሓደ ዓመት ተማሂረ። …

ኣብ ኤርትራ ፍሉይ ዝኾነ ስርዓት እዩ ዘለና: ኩለን ተመሃሮን ኩሎም ተመሃሮን ኣብ ዓሰርተ ክልተ ክፍሊ ናብ ውትህድርና ክኸዱ ኣለዎም። ኣብዚ ናይ መጀመርታ ዓመት ውትህድርና ንዩኒቨርስቲ መእተዊ ፈተና ክንገብር ንኽእል ኢና። እቶም ዝበለጹ ጥራሕ ነዚ ፈተና ይሓልፉዎ ድሕሪኡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ክመሃሩ ይኽእሉ። እሳቶም ባዕሎም ግን ነቲ ዝደልይዎ ዓይነት ትምህርቲ ክመርጹ ኣይክእሉን ኢዮም፣ እንታይ ድኣ ይምደቡ። እቶም ዝተረፉ ኩሎም ኣብ ውትህድርና ይተርፉ፣ ምሉእ ህይወቶም ንቁሩብተይ ገንዘብ ይሰርሑ፣ ብኸምኡ ከኣ ብቑጠባ ነጻ ኮይኖም ክነብሩ ኣይክእሉን እዮም።

ነቲ ህይወት ክለምዶ ኣይከኣልኩን፣ ምኽንያቱ ንህይወተ ናይ ግድን ኣነ ባዕለይ ክውስን ስለዝደሊ። በዚ ምኽንያት ድማ እየ ናብ ስዊዘርላንድ ዝተሰደድኩ። በይነይ፣ ኣቦይ፣ ኣደይን ኣሕዋተይን ኩሎም ኣብ ኤርትራ ተሪፎም። ቀሊል ኣይነበረን፣ እናፍቖ እየ ብጣዕሚ ድማ ጽምዋ ይስምዓኒ። ዕድለይ ኮይኑ ግን ቀልጢፈ መሓዙትን የዕሩኽን ረኺበ፣ ኣብ መዕቆብ ስደተኛታት፣ ኣብ መንበሪ ኣመልከትቲ ዑቕባ፣ ኣብቲ ኮርስ ቋንቋ ከምኡውን ኣብቲ ኮርስ ምስ ማሕበረሰብ ምጽንባር።

ኣነ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፈ ኣብ ስዊዘርላንድ ክጽንበር እየ ዝደሊ፣ ብውልቀይን ብሙያን። ኣነ ቋንቋ ኣብዚ ተማሂረ ከምኡውን ጥሉቕ ዝኾነ ናይ ኢንተግሬሽን ኮርስ ጌረ። ኣብዚ ዓመት ትምህርቲ ነቲ ምርጫ ሙያ ብዙሕ እየ ሓሲበሉ። ዝተፈላለያ ሙያታት ርእየ፣ ኣብ መወዳእታ ኩሉ ጊዜ እታ ሙያ ሰብ ሙያ ጥዕና እያ ንዓይ ካብ ኩሉ ኣገዲሳትኒ።

ኣነ ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ እንተዝደሊ ምተሓጎስኩ ኔረ፣ ንዕኡ ግን ሓደ ናይ ብቕዓት ፈተና ክፍተን ኣለኒ። ከምዝመስለኒ ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዓመታት ብቋንቋ ብዙሕ ምምሕያሽ እግበር እምበር፣ ነቲ ፈተና ብጽቡቕ ነጥቢ ንምሕላፍ ዝኣክል ኣይኮነን።

## ዕላማኻ ተኸቲልካ ምቅርራብ

በዚ ምኽንያት ድማ ብሓደ ተግባራዊ ልምዲ ጌረ ብቐጥታ ንሓደ ሙያዊ ትምህርቲ ከም መጠን ናይ ጥዕና ሰብ ሙያ ንምኺን ክቀራረብ ወሲነ። ኣብዚ ዓመት በዚ ስርሔይ ጌረ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ነቲ ናይ ከባቢ ቋንቋ ጽቡቕ ጌረ ክለምድ ዝኽእል መሲሉ ኣዩ ዝረኣየኒ ዘሎ። ኣብዚ እዋን ድማ ከምብሓድሽ ናይ ቋንቋ ኮርስ ክሳታፍ እደሊ ኣለኹ ምናልባሽ እውን ናይ ቋንቋ ዲፕሎም እገብር።

በቲ ቋንቋ ምክንያት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ እዚ ንዓይ ጽቡቕ መገዲ እዩ። ኣብቲ ተግባራዊ ልምዲ ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ ሙያን ስራሕን ዓለም ከመይ ከም ዝካየድ እርኢ ኣለኹ፣ ምስ ካላኦት ብሓባር ክትሰርሕ ከለኻ ኣገዳሲ እንታይ ከም ዝኾነ፣ ከምኡውን ብዝተኻእለ መጠን ብሙያ ኣብ ስዊዘርላንድ ክጽንበር ከም ዝኽእል። ከምኡውን ኣነ ብዙሓት ሰባት ከም ዝላለን ምስ መሳርሕተይ ድማ ብዙሕ ከም ዝዛረብን ርግጸኛ እየ። እዚ ኩሉ ከኣ ንዓይ ድሓር ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከም መጠን ስበ ሙያ ጥዕና ብዓወት ንምፍጻም ክሕግዘኒ እዩ። ዋላ ነዊሕ ይውሰድ እምበር፣ ኣብ መወዳእታ በቲ ዝምነዮ ሙያ ክሰርሕ እየ።»



ሩት ግርማይ፣ ኤርትራ
ተግባራዊ ልምዲ ንሓደ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ከም መጠን ናይ ጥዕና ሰብ ሙያ ንምቅርራብ

## ተግባራዊ ልምዲ ንምቅርራብ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

ብመሰረቱ ድሕሪ እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ፣ ነቲ ሙያ ኣድላዪ ዝኾነ ቅድመ ኩነት እንተ ኣማሊእኩም፣ ብዘይ መሰገሪ መፍትሕን ብዘይ ተግባራዊ ልምድን ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም። ፍሉይ ዝኾነ ኩነታት እንተሎ ሓደ ተግባራዊ ልምዲ ክጠቅም ይኽእል እዩ፥

– ሓደ ናይ ሕክምናዊ ወይ ማሕበራዊ ሙያ ክትመሃሩ ትደልዩ፣ ነዚ ግን ብቑዕ ከም ዝኾንኩም፣ ርግጸኛ ኣይኮንኩምን። ምልላይ ልምዲ ድማ ሓደ ውሳነ ንምግባር ብጣዕሚ ሓጺር እዩ። ኣብ ናይ ሓደ ዓመት ተግባራዊ ልምዲ ነቲ መዳይ ሙያ ኣድላዪ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ንምምላእ ክትቅረቡ ትኽእሉ።

– ኣብ ስዊዘርላንድ ምንባር ካብ ትጅምሩ ሓጺር ጊዜ ጥራሕ ኢኹም ጌርኩም፣ ናይዚ ዓዲ ቋንቋ ክእለትኩም ከኣ እኹል ኣይኮነን። በቲ ተግባራዊ ልምዲ ነቲ ክእለት ቋንቋኹም ተመሓይሹ።

**ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ**
ገጽ 2 ርኣዩ

**ንመሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ብዓወት ምፍጻም ንታሪኽ ተሞክሮ ሙያኹም ናይ መጀመርታ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ፣ ከምኡ ድማ ካብ ትምህርቲ ሙያ ናብ ሙያዊ ስራሕኩም ዘስግር ምልክት እዩ። ሕጂ ክትሰርሑን ነቲ ሙያዊ ክእለትኩም ድማ ብተግባር ከተመሓይሽዎን ከተስፍሕዎን ትኽእሉ ኢኹም።**

**ወይ ድማ ነቲ ስራሕኩም ምስ ንሙያ ዘሰኒ ትምህርቲ ከተጸናብርዎ፣ ነቲ ክእለትኩም ብሓደ ቤት ትምህርታዊ ቀጻሊ ትምህርቲ ከተጥልቕዎ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ዝለዓለ ትምህርቲ ሙያ ንምፍጻም ክትቀራረቡ ትኽእሉ። ናይ ሙያ ማትሪክ ጌርኩም ከኣ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ንምምሃር መገድኹም ክትከፍቱ ትኽእሉ።**

እዚ ምዕራፍ ነቶም ኣብዚ እዋን ኣብ ሓደ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ/ትምህርቲ ልምዲ ንዘለዉ እሞ ነዚ ሒዞሞ ዘለዉ ትምህርቲ ምስ ፈጸሙ፣ እንታይ ዓይነት ቀጻሊ ትምህርቲ ከተግብሩ ከም ዝኽእሉ፣ ክፈልጡ ንዝደልዩ ኣዋልድን ኣወዳትን ወጻእተኛታት ክሕብር ዝተሓሰበ እዩ። ነቶም ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ሙያ ንዝመርጻን/ንዝመርጹን (ከምኡውን ወለዶም) ብዛዕባድሕሪ ትምህርቲ ሙያ ክህሉ ዝኽእል ዝተፈላለየ ናይ ቀጻሊ ምዕባለ ኣጋጣሚታት እውን ሓበሬታ ይህብ እዩ።

ምዕራፍ 5

# ንታሪኽ ተሞክሮ ሙያ ምድላው

# ድሕሪ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከመይ ይቕጽል?


ገጽ

74 **ቦታ ስራሕ'ዶ ትምህርቲ?**

75 *ሮዝሺታ ቡሪ፣ ስዊዘርላንድ፣ ተሓጋጋዚት ጉዳይ ኣሳላጢት ኣብ ኢንሹራንስ ጥሮታን ኢንሹራንስ ኣካል ስንኩላትን*
*«ምምሃር እወ – ቤት ትምህርቲ ኣይፋልን»*

76 **ድሕሪ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ዝሓጸረ ልምዲ**

78 **ካልኣይ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ**

79 *ኒኮለ ፋንክሃውዘር፣ ስዊዘርላንድ፣ ሰብ ሙያ ገጣሚት ቱቦ በዓል ፌደራል ዲፕሎም*
*«ናይ መጀመርታ ስራሕ – ብዙሕ ልክዕ ዘይኮነ»*

80 **ማትሪክ ሙያ ድሕሪ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ**

81 *ኪም ላንግ፣ ስዊዘርላንድ፣ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ 2*
*«ብታሕጓስ ትምህርቲ ምቕጻል»*

82 **ቀጻሊ ትምህርቲ፣ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ**

83 **ፈተና ሙያን ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ትምህርቲ**

84 *ማሪዩስ ፒንሲኒ፣ ዓዲ ጥልያን፣ ላዕለዋይ ኮስካሲ ጀርዲን (ፈተና ሙያ)፣ ወናኒ ትካል ጀርዲን*
*«ውልቃዊ ትካል ምምራሕ»*

85 *ኬንድሪም ኤልማዚ፣ ኮሶቮ፣ ሰራሕተኛ ሸቐጥ*
*«ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ምስ ብዙሕ ተግባራዊ ልምዲ»*

86 **ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ**

87 *ኤቭገኒያ ሸኒድሪግ፣ ራሻ፣ ቕድመ ተግባራዊ ልምዲ ንቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ሆቴል*
*«ኣብ ሙያይ ሓላፍነት እደሊ እየ»*

88 *ፍራንክ ሸጋ ቦነ፣ ኩባ፣ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ንክንክን*
*«ንዕላማ ነዊሕ መገዲ»*

89 **ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ፣ ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራን**

90 *ካውተር ምራሂ፣ ቱኒዚያ፣ ንትምህርቲ ኣብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ ንምቅርራብ ተግባራዊ ልምዲ*
*«ንሙያ መሰነዩ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ»*

91 *ኣሊሲያ ሌደርገርበር፣ ስዊዘርላንድ/ስፐይን፣ ትምህርቲ ዳግመ ህንጻ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ*
*«ናይ ግድን ክልሰ ሓሳብን ተግባርን ምጽንባር»*

92 **ዩኒቨርስቲን ፌደራላዊ ቴክኒካዊ ዩኒቨርስቲ ETH/EPF**

93 *ሮጀር ሀሪገል፣ ስዊዘርላንድ፣ ሰብ ሙያ ጀኦማቲክ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት፣ ኢንፎርማቲክ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ፣ ፊዚክስ*
*«ኣብ ETH/EPF ምምሃር ከም ባህርያዊ ሳዕቤን»*

# ቦታ ስራሕ'ዶ ትምህርቲ?

**ንመሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ) ወይ ድማ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ምስ ፈጸምኩም ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታትን ዕድላትን ይኽፈተልኩም እዩ: ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ፣ ሓደ ቀጻሊ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ፣ ነቲ ማትሪክ ሙያ ንምርካብ ምግባር፣ ንሓደ ፈተና ሙያ ምቅርራብ፣ ኣብ ሓደ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ምምሃር።**

ጽሑፍ ሓበሬታ ኣብ መርበብ
ገጽ 2 ርኣዩ

## ተግባራዊ ተሞክሮ ምጥራይ

በዚ ኣብዚ እዋን ዘሎ ናይ ትምህርቲ ስርዓት፣ ነየናይ ናይ ትምህርቲ መገዲ፣ ከምኡውን ነየናይ ሙያ እስኹም ከም ዝመረጽኩም፣ ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ብዙሕ ኣገዳሲ ዝኾነ፣ ነቲ ተቐሪቡልኩም ዘሎ ዕድላትን ኣጋጣሚታትን ከመይ ከም ትጥቀሙሉ እዩ። ደረጃ ትምህርትኹም ክብ ዝበለ እንተኾይኑ፣ ከምኡ ድማ እቲ ቁጠባዊ ነፍሰ ወናንነትኩም ኣብ ዝሓሸ መሰረት ይቐውም፣ እቲ ናይ ስራሕን ህይወትን ሚዛንኩም ብዝተኻእለ መጠን ኣቐድም ኣቢልኩም ክትበጽሕዎ ትኽእሉ፣ ብዝሓሸ መገዲ እውን ነቲ ኣጸጋሚ ዝኾነ ናይ ህይወት እዋናት መፍትሒ ክትረኽቡሉ ትኽእሉ፥ እንተሓመምኩም፣ ስራሕ ኣልቦ ኣንተኾይንኩም ወይ ድማ እንተተፋታሕኩም።

ምናልባሽ ድሕሪ እቲ ናይ መጀመርታ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክትሰርሑ ትደልዩ ትኾኑ። ንነፍስኹም ወናኒን ብቑጠባ እውን ነጻ ምእንቲ ኽትኮኑ፣ እኹል ዝኾነ መሃያ ክትረኽቡ ትደልዩ። ምናልባሽ እውን – ብውሑዱ ኣብዚ እዋን – ብፍጹም ንቤት ትምህርቲ ክትኸዱ ኣይትደልዩን ትኾኑ፣ እንታይ ደኣ ተግባራዊ ዝኾነ ተሞክሮ ከተጥርዩን ነቲ ታሪኽ ተሞክሮኹም ድማ በዚ መገዲ ክትቅርብዎ ትደልዩ ትኾኑ።

## ንሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ምምልካት

ንሓደ ስራሕ ንምምልካት ሓፈሻዊ ዝኮነ መምርሒ የለን። ምስ የዕሩኽትኹም፣ መሓዙትኩምን ትፈልጥዎምን ሰባት እንታይ ዓይነት ስራሕ ትደልዩ ከም ዘለኹም ተዛረቡ ከምኡውን ብዛዕባ መደብኩም ተማየጡ። ነቲ ዘለኩም መርበብ ዝምድና ተጠቀሙ። ብጣዕሚ ብዙሓት ስራሓት ብኸምዚ ዓይነት መገዲ እየን ዝርከባ። ኣብዚ ስጉምቲ ዝምድና'ውን ብጣዕሚ እዩ ዝሕግዝ። ኣብ መርበብ ሓበሬታ ብዙሕ ጠቓሚ ዝኾነ ኣንፈ ብዛዕባ ምድላይ ስራሕ፣ ዘሎ ክፉት ቦታ ስራሕን ኣገባብ ምምልካት ትረኽቡ ኢኹም።

## ቀጻሊ ትምህርቲ ኣብ ትካል

ድሕሪ እቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ትሰርሑ። ኣብቲ ትካል ጽቡቕ ስምዒት ይስምዓኩም። ምስቶም መሳርሕትኹም ደስ እንዳበለኩም ትሰርሑ ከምኡውን እቲ ዘለኩም ዕማም ዝስሕብ እዩ። እስኹም ዝበዝሐ ሓላፍነት ክትሽከሙ ትደልዩ፣ ኣብዚ እዋን ግን ቀጻሊ ቤት ትምህርታዊ ቀጻሊ ትምህርቲ ክትፍጽሙ ኣይትደልዩን ኢኹም። ብፍላይ እተን ዓበይቲ ትካላት ዉሽጣዊ ዝኾነ ቀረብ ቀጻሊ ትምህርቲ ኣለወን። ኣብቲ ትካልኩም ዉሽጣዊ ቀጻሊ ትምህርቲ ክትምሃሩ ትኽእሉ እንተኾይንኩም ወይ ድማ ሓደ ኣብ ውሽጢ ስራሕ ምውሳኽ ብቕዓት ዘሎ እንተኾነ ሕተቱ።

## ንሓደ ካብ ትካል ወጻኢ ቀጻሊ ትምህርቲ በቲ ትካል ዝግበር ደገፍ

ብሓደ ቀጻሊ ትምህርቲ ነቲ ዘለኩም ሙያዊ ብቕዓት እንተ ኣጥሊቕኩምን ኣስፊሕኩምን፣ ነቲ ዘስርሓኩም እውን እዚ ይጠቅም እዩ። እቲ ዘስርሓኩም ትካል ንቐጻሊ ትምህርቲ ወይ ብቑጠባ ዝድግፈኩም እንተኾነ ወይ ድማ ንሓደ ቀጻሊ ትምህርቲ ንኽትመሃሩ፣ ነቲ እዋን ትምህርቲ ዘድልየኩም ጊዜ ዝህበኩም እንተኾነ ኣጻርዩ።

# ምምሃር እወ – ቤት ትምህርቲ ኣይፋልን፡

## «እንታይ ከም ዝጽበየኒ ብትኽክል ክግምት እኳ ኣንተዘይከኣልኩ፣ ንሓደ ሸቐጣዊ ትምህርቲ ክመሃር ወሲነ፣ ,ንግዳዊ ማሕበር ፕሮፊል E'።...

ኣነ ኣብ ሓደ ነቶም ኣብ ማሕበረሰብ ውጹዓት ዝኾኑ ሰባት ምስ ሕብረተሰብ ንምጽንባር ዳግመ ሕውየት ዝልግስ ማሕበራዊ ትካል ትምህርቲ ልምዲ ገይረ። እቲ ዝገበርኩዎ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ ብጣዕሚ ሰፊሕ ዝኮነ ትሕዝቶ ስለዘለዎ፣ ብጣዕሚ ፈትየዮ፣ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ዝገብረሉ ዝነበርኩ ትካል ብጣዕሚ ኣገዳሲ ዝኮነ ቀረብ ዘዳሉ ከም ዝኾነ ይስመዓኒ ኔሩ። ድሕሪ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ስራሕ ክሳብ ዝረክብ ንውሕ ዝበለ ጊዜ ወሲ.ድለይ። ክሳብ ልምዳዊ ትምህርታ ዝወድኤት እሞ ሙያዊ ተሞክሮ ንዘይብላ ሰብ ዕድል ዝህብ ትካል ዝረክብ፣ ብዙሕ ክጽመም ኔርኒ።

ኣነ 100 ፐርሰንት እሰርሕ ኔረ ከምኡ ድማ ቀዳም ቀዳም ንሸሞንተ ሰዓታት ንቤት ትምህርቲ ከይደ ብዲፕሎም ዝዛዘም ናይ ኣመጋግባ ኣማኻርነት ትምህርቲ ተማሂረ፣ ብታዕዋት ድማ ፈጺመ። ኣብ ኣስያ ናይ ፍርቂ ዓመት ጉዕዞ ክገብር ከለኹ ብዛዕባ ናይ ሙያዊ ቀጻሊ ህይወተይ ሓሲበ።

ኣነ ናይ ጥዕና ኣመጋግባ ኣማኻሪት ወይ ድማ ንመንእሰያት ኣርኣያን ሓባሪትን ኮይነ ክሰርሕ ምፈተኹ፣ ከምዚ ዓይነት መጻኢ ናይ ሙያ ህይወት ምተበርሃኒ። ኣብ ኣስያ ከለኹ፣ ምስ ተመለስኩ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ስራሕ ክሰርሕ – ንመነባብሮይ ገንዘብ ክረክብ ስለዘለኒ – ኣብዚ. እዋን ድማ ብነፍሰ ወናኒነት ቀረብ ምኽሪ ኣመጋግባ ከዳሉ ደልየ።

ምስ ተመለስኩ 90 ፐርሰንት ተሓጋጋዚት ጉዳይ ኣሳላጢ.ት ተወሳኺ. ኣገልግሎት ኣብ ኢ.ንሹራንስ ጥሮታን ኢ.ንሹራንስ ኣካል ስንኩላትን ክሰርሕ ጀሚረ። ዝስሕብ ናይ ስራሕ መዳይ እዩ፣ እንተኾነ ግን ብዛዕባ ኩነታት ሕጋዊ ቅድመ ኩነት ናይዚ. መዳይ ብጣዕሚ ብዙሕ ክለምድ ኔርኒ፣ ብጣዕሚ ብዙሕ ኣድኪ.ምኒ። ንኻልእ ነገር ዝኸውን ጊዜ ይኹን ሓይሊ. ኣይነበረንን።

ነቲ ሓሳበይ ኣብ ተግባር ንኸውዕሎ ዘለኒ ድልየት ግን ኣይተቛረጸን፣ ድሕሪ ሕጂውን እንተኾነ ምስ ሰባት ክሰርሕ እየ ዝደሊ.፣ ኣብ መዳይ ኣመጋግባ ይኹን ወይ ድማ ንመንእሰያት ክዓብዩ ከለዉ ንምስናይ። ነዚ. ዕላማ ኣብ ሸትኡ ንምብጻሕ ግን እቲ ዝሓጸረ መገዲ. ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ምምሃር እዩ። ኣነ ግን ናይ (ጉድለት ጥዕና ንኣቕልቦ) ስለዘለኒ፣ ነቲ ትምህርታዊ ዝኸውን ኣቕልቦ ንምውሃብ ጸገም ኣለኒ፣ በዚ. ምኽንያት ድማ ነዚ. ትምህርቲ ምግባር ንዓይ ብጣዕሚ ከቢ.ድ እዩ ከምኡውን ብዙሕ ሓጎስ እውን ኣይስምዓንን እዩ።

### ብድልየታዊ ስራሕ ነቲ ዕላማይ ቀሪበዮ

ምናልባሽ እውን ብካልእ ወገን ናብ ዕላማይ ክባጽሕ እኽእል እኸውን፣ ብተግባራዊ ሓዲድ። በዚ. ምኽንያት ድማ ብድልየተይ ኣብ ዝተፈላለያ ድርጅታት እሰርሕ ኣለኹ፣ ከም መጠን ኣርኣያ ኮይነ ናይ ትምህርቲ ኣሰልጣኒት፣ ኣብ ሓደ ቤተክርስቲያናዊ ማእከል መቐበሊ. ከም መጠን ኣማኻሪት ባጀታዊ መደብ የገልግል፣ ብውልቀይ ንመንእሰያት ኣብ ኣዋን ነፍሰ ወናንነት የሰንን እድግፍን። ነቲ ናይ ዕረፍቲ እዋናተይ ዓውደ ክእለት ንምምላኽ፣ ብተግባራዊ መገዲ. ቀጻሊ. ንምምሃር እጥቀመሉ። ኣብዚ. እዋን ድማ ነቲ ባህ እንዳበለኒ ክገብሮ ዝደሊ. ነገር እገብር፣ እዚ. ከኣ ብዙሕ ናይ ህይወት ሓጎስ ይህበኒ።

እቲ ናይ ስራሕ ዓለም ነዚ. መገዲ. ቀጻሊ. ትምህርተይ ክኽሕሶ ተስፋ እገብር፣ ሓደ መዓልቲ ነዚ. ዝገብሮ ዘለኹ ተግባራዊ ተሞክሮ ምስ እቲ ቤት ትምህርታዊ ዲፕሎም ማዕረ ክርእዮ። ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ድማ ኣብ መጀመርታ ደረጃ ዝደለ ጽቡቕን ባህ ኢ.ልዎን ዝሰርሕ ሰብ እዩ ዝድለ፣ ነዚ. ከኣ እገብር እየ።»



ሮዝቪታ ቡሪ፣ ስዊዘርላንድ
ሸቃጢት (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት)፣ ፕሮፊል E፣
ተሓጋጋዚት ጉዳይ ኣሳላጢት ተወሳኺ ኣገልግሎት
ኣብ AHV/AVS ን ንግዳዊ ማሕበር

# ድሕሪ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ዝሓጸረ ትምህርቲ ልምዲ

**ኣብቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ (ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ) ተሞርኪዝኩም፣ ንሓደ ሙያዊ ምዕባለ በብስጉምቲ ክተተግብሩ ትኽእሉ ኢኹም።**
**ድሕሪ ምፍጻም ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ቀጺልኩም ክትመሃሩ ትደልዩ። ዝሓጸረ ትምህርቲ ልምዲ ወሲድኩም ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ክትረኽቡ ትውስኑ።**

---

*«ድሕሪ እቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ዘውህበኒ ትምህርቲ፣ ሓደ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ምስኡ ኣተሓሒዘ ክቕጽል ከም ዝደሊ ንዓይ ግሉጽ እዩ ነሩ። ይኹን እምበር – ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም በቲ ናይ 2 ዓመት ዝወሰድ ትምህርቲ ሙያ ምእታው ንዓይ ናይ ብሓቂ ልክዕ እዩ ነሩ።»* ሶንያ

---


## ዝሓጸረ ትምህርቲ ልምዲ

ብመሰረቱ ነፍሲ ወከፍ ድልየት ዘለዎ ሰብ፣ ነቲ ዝምነዮ ሙያ ብቑዕ ዝኾነ ተውህቦ ዘለዎ እንተኾይኑ፣ ድሕሪ ናይ ክልተ ዓመት ትምህርቲ ንፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ (ንምሳለ ሰራሕተኛ ክሽነ ብፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ) ነቲ ዕድሉ ተጠቂሙ ትምህርቲ ልምዲ ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት (ንምሳለ ከሻኒ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት) ኣሕጺሩ ክፍጽም ይኽእል እዩ፣ እዚ ማለት ከኣ ኣብ ካልኣይ ዓመት ትምህርቲ ልምዲ ናይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት - ትምህርቲ ክጅምር ይኽእል ማለት እዩ። ነዚ ዝሓጸረ ትምህርቲ ልምዲ ናይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት - ትምህርቲ ፍሉይ ዝኾነ ነገር ይኹን መምርሒ ኣየድልዮን እዩ። ነዚ ዕድል ንምጥቃም ግን እቲ ውልቀሰብ ኣብ እዋን ትምህርቲ ዘምጽኦ ነጥብታት ወሳንነት ዘለዎ ይመስል እዩ፣ ንሓደ ሓደ ሙያታት እውን ከምዚ ዓይነት ዝሓጸረ እዋን ትምህርቲ ኣይከኣልን እዩ።

ከም ግቡእ ኣብ እዋን 4-ይ ወቕተ ትምህርቲ ናይቲ ትምህርትኹም ምስ ሓለፍቲ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ትገብሩሉ ትካልን ምስ መምሃራን ቤት ትምህርቲ ሙያን ብዛዕብኡ ትዛረቡ። እስኹም ነዚ ዝሓጸረ ትምህርቲ ልምዲ ብቕዓት ከም ዘለኩም እዚኣቶም እውን ርግጸኛ እንተ ኾይኖም፣ ከሎ ገና ነቲ ሒዝኩሞ ዘለኹም ትምህርቲ ከይፈጸምኩም ከለኹም ንሓድሽ ትምህርቲ ልምዲ ክእለት ናይ ትምህርቲ ውዕል።

ንምፍራም ክትጽዕሩ ኣለኩም። እቲ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ ነዚ ሓዲሽ ናይ ትምህርቲ ውዕል፣ ምስ እቲ ጀሚርኩሞ ዘለኹም ትምህርቲ ልምዲ ብፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ብታዕዋት ምውዳእ ዝተተሓሓዘ ከም ዝኾነ፣ ቅድመ ኩነት ደሪቱ ይፈቅድ።





ኣለክሳንድራ ኒኪች፣ ሸቃጢት ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት

**ሙያዊ ፍልጠት ምጥላቕ:** *«ድሕሪ ትምህርቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ -ከም መጠን ተሓጋጋዚት ቤት ጽሕፈት ዝሓጸረ ትምህርቲ ሸቐጥ ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ፈጺመ ኣብዚ እዋን ከኣ ኣብ ሓደ ኢንሹራንስ እሰርሕ ኣለኹ። ...*
በዚ ተወሳኺ ዝተመሃርኩዎ ትምህርቲ ሸቐጥ ነቲ ዘለኒ ፍልጠት ቁጠባ፣ ሒሳብ ጸብጻብ፣ እንግሊዝኛን ፈረንሳይኛን ከጥልቕ ክኢለ። ሕጂ ኣብ ዓለም ስራሕ ዝሓሸ ዕድል ኣለኒ ከምኡ ድማ ብዙሕ ናይ ትምህርቲ ዓይነታት ንምቕጻል ዝሓሸ ኣጋጣሚታት ተኸፊቱለይ ኣሎ። ብዝተኻእለ መጠን እውን ኣብዚሐ ቀጺለ ክመሃር እየ ዝደሊ።»



ሉካ ጋሎ፣ ሸቃጣይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት

**ምስ ዓማዊልብዙሕ ርክብ:**
*«ድሕሪ ትምህርቲ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ - ከም መጠንተሓጋጋዚ ቤት ጽሕፈትን ከምኡውን ቀጺለ ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት - ንሸቐጥ ዝተመሃርኩዎ፣ ከም መጠን ናይ ጉምሩክ ኣረጋጋጺ ኮይነ ኣብ ሓደ ናይ መጎዓዓዚን ናይ ግብሪ መቆጻጸሪን ትካል እሰርሕ ኣለኹ። ...*
ኣነ ኢምፖርትን ኤክስፖርትን ዝግበር ኣቕሑት ግብሪ የረጋግጽ፣ ሰነድ እንተጎደለ ጊዜያዊ መረጋገጺ ግብሪ እጽሕፍ፣ ንናይ ዓማዊል ሕቶ መልሲ እህብ ከምኡውን ቀጻሊ ዝልኣኽ የሳልጥ። ስርሔይ ብዙሕ መዳያትን ዝቀያየርን ነገራት ስለዘለዎ እፈትዎ እየ። ከምኡ ድማ ምስ ብዙሓት ዓማዊል ርክብ ኣለኒ።»



ስቴፋኒ ሄስ፣ ናይ ብቱን ኣቕሑት ሸቃጢት ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት

**ምቕያር ክፍሊ ስራሕ:** *«ቀደም ኣብ ቤት ትምህርቲ ይብርትዓኒ ኔሩ። እቲ ትምህርቲ ሸቐጥ ብቱን ኣቕሑት ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ግን ካብቲ ዝተጸበኹዎ ንላዕሊ ቀሊልኒ። ...*
በዚ ምኽንያት ድማ ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት - ናይ ብቱን ኣቕሑት ሸቐጥ ተማሂረ። ኣብቲ እዋን ኣብ ሓደ ናይ ዕምባባ ክፍሊ ናይ ሓደ ዓቢ ኣከፋፋሊ ቤት ንግዲ እሰርሕ ኔረ። ድሕሪ እቲ ካልኣይ ትምህርተይ ናይ ስራሕ ክፍሊ ቀይረ: ካብ ኮስሜቲካ ናብ ክዳውንትን ክሳብ መጻወቲ ኣቕሑትን ምስ ኩሉ ዓይነት ምህርቲ ርክብ ስራሕ ኣለኒ – እዚ ባህ እዩ ዝብለኒ።»



ናታሊ ላውብ፣ ናይ ብቱን ኣቕሑት ሸቃጢትፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት

**ክልተ መፈጸምታ:** *«ድሕሪ ምፍጻም ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ንተሓጋጋዚትነት ሸቐጥ ብቱን ኣቕሑት ነቲ ተወሳኺ ትምህርቲ ሙያ ንሸቐጥ ብቱን ኣቕሑት ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ተማሂረ። ...*
ሕጂ ክልተ ናይ ትምህርቲ መፈጸምታ ጨቢጠ ኣለኹ፣ ነቶም ዘስርሑ የሔጉስ እዩ። መጀመርታ ኣብ ሓደ ዱካን ናውቲ ጽሕፈት ሰሪሐ። ኣብቲ ክፍሊ ምስናዕን ምፍጣርን ነቶም ዓማዊል ምህዞኣዊ ከማኽሮም ኪኢለ፣ እቲ ስራሕ ብዙሕ ኣሐጉሰኒ። ድሕሪኡ ካልእ ፍሉይ ዝኾነ ነገር ክገብር ስለዝደለኹ፣ ኣብ ሓደ እንዳ ስጋ ስራሕ ጀሚረ።»

# ካልኣይ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ

**ምናልባሽ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ክትገብሩ ከለኹም፣ ልክዕ ዘይኮነ ዓይነት ሙያ ከም ዝመረጽኩም በሪሁልኩም ክኸውን ይኽእል ኣዩ። ምናልባሽ እውን ነቲ ዕድሜኹም 16 ዓመት ከሎ ትደልይዎ ዝነበርኩም ሙያ ንምግባር ዘይደፈርኩም ክትኮኑ ትኽእሉ። ምናልባሽ እውን ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ድልየትኩም ኣጸቢቑ ማዕቢሉን ተቐዪሩን ክኸውን ይኽእል ኣዩ፣ በዚ ምኽንያት ድማ እስኹም ናብ ሓደ ካልእ ፍሉይ ዝኮነ ዓይነት ሙያ ክትቅይሩ ትደልዩ ትኾኑ። በዚ ምኽንያት ድማ ነቲ ካልኣይ ትምህርቲ ልምዲ ትውስኑ።**

## ካልኣይ ትምህርቲ ልምዲ

ንዝኾነ ካልኣይ ትምህርቲ ልምዲ ንምጅማር ቅድመ ኩነቱ ንሓደ ፈተና ትምህርቲ ልድሚ ብዓወት ምፍጻም እዩ። ድሕሪኡ ኩሉ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ንዓኹም ክፋት እዩ። ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ከም መጠን ቀምቃማይ ትምህርቲ ልምዲ ከም መጠን ሰብ ሙያ ጥዕና ክትፍጽሙ ትኽእሉ ኢኹም፣ ናይ ብቱን ናውቲ ሸቐጥ ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ወይ ንትምህርቲ ኢንፎርማቲክ ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም። ንዓኹም ዘድሊ ሓደ ክምህረኩም ቅሩብ ዝኾነ ትካል ጥራሕ እዩ።

ሓደ ልምዲ ክትመሃሩሉ ትኽእሉ ትካል እንተረኺብኩም፣ ነዚ ካልኣይ ትምህርቲ ልምዲ ብሓደ ዓመት ከተሕጽርዎ ትኽእሉ እንተኼንኩም፣ ምስ ኩሎም ሓለፍቲ ተማየጡ (ኣብቲ ትካልን ኣብቲ ካንቶንኩም ዘሎ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያን)። እቲ ሓፈሻዊ ኣስተምህሮ ክፍቀደልኩም እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣብ ሰሙን ሓደ መዓልቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሙያ ክትሳተፉ ኢኹም። ነቲ ሹዱሽተ ወቕተ ትምህርቲ ዝወስድ ትምህርቲ ልምዲ ናብ ኣርባዕተ ወቕተ ትምህርቲ እንተ ኣሕጺርኩም፣ ነቲ ስነ ሙያዊ ኣስተምህሮ ብኸፊሉ ናይ ክልተ ወቕተ ትምህርቲ ብሓንሳብ ክትሳተፉዎ ኢኹም። ወይ ድማ ነቲ ቤት ትምህርቲ ስነ ሙያ ምፍጻሙ ገዲፍኩም፣ እስኩም ነቲ ናይ ካልኣይ ትምህርቲ ልምዲ ስነ ሙያዊ ትምህርቲ ባዕልኹም ተጽንዕዎ። እዚ ነቲ መሃያኹም ብዝምልከት ክትርእይዎ ከለኹም ንዓኹም ኣገዳሲ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ምኽንያቱ ድማ ክትሰርሑ ከለኹም ካብ እቲ ትምህርቲ ልምዲ ትረኽብዎ ገንዘብ ስለዝበዝሕ።

ነዚ መገዲ ትምህርቲ ኣብ ግምት እንተ ኣእቲኩሞ፣ ዝኾነ ይኹን ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ብዛዕባ ምስ እቲ ትምህርቲ ዝተኣሳሰር መጻሕፍትን ሰነዳትን ክሕብረኩም ይኽእል እዩ።

---

*«ነቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ልምዲ ክገብር ከለኹ፣ እዚ ሙያ ከምቲ ኣነ ዝደልዮ ልክዕ ከም ዘይኮነ በሪህለይ። ይኹን እምበር ኣዛዚመዮ። ኣብታ ናይ መወዳእታ ዓመት ትምህርቲ ግን ነቲ ዝምነዮ ሙያ ዝምህር ናይ ሙያ ትካል ደልየ ረኺበ ድማ።»* ቪሊ

---

# ናይ መጀመርታ ስራሕ – ብዙሕ ልክዕ ዘይኮነ : «ኣብ ካልኣይ ደረጃ ክመሃር ከለኹ ብሸክለታ ንምግዛእ ክኾነኒ ደልየ ናይ እዋን ዕረፍቲ ስራሕ ክሰርሕ ደልየ ኣብ ሓደ ናይ ኣቦ ዓርከይ ዝኾነት ትካል ምግጥጣም ትቦ ስራሕ እዋን ዕረፍቲ ረኺበ። ...

ኣብዘን ክልተ ሰሙናት ገንዘብ ምርካብ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ሓደ ንዓይ፣ ንኽእለተይን ንድልየተይን ዝሰማማዕ ሙያ እውን ክላለ ክኢለ። ኣብቲ እዋን ግን ሓንቲ ሰበይቲ በይነይ ጥራሕ ኣብ ሞንጎ ካልኦት ኮይነ ነዚ ሙያ ምግጥታም ቱቦ ንምምሃር ኣይደፈርኩን። ናይ ብቱን ኣቕሑት ሸቐጥ ሰብ ሙያነት ተማሂረ። ነቲ ናይ ልምዲ ትምህርተይ ፍጽም ምስ ኣበልኩ መስመረይ ቀይረ፣ ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ካልኣይ ትምህርቲ ልምዲ ንሙያ ምግጣም ቱቦ ጀሚረ።

ኣብቲ ቤት ትምህር ቲ ዓውደ ሙያ ናይ መጀመርታ ሰበይቲ ኣነ እየ ኔረ። ኣነ ካብቶም ዝነበሩ ቁሩብ ዕብይ ዝበልኩ ስለዝነበርኩን ናይ መጀመርታ ተሞክሮ ስራሕ ኣብ ሸቐጥ ብቱን ኣቕሑት እውን ስለዝነበረንን፣ ነቲ ኣብቲ ናይ ስራሕ ቦታ ዝነበረ ዘረባ ጓሶት እውን ክጻወሮ ብዙሕ ኣየጸገመንን። ነቲ ባህ እንዳበለኒ ክሰርሖ ዝፈቱ ስራሕ ኣብ መወዳእታ ክሰርሕ ስለዝኽኣልኩ፣ ስራሕ ምስ ሓጻውንቲ፣ ብጣዕሚ ሕጉስቲ ኮይነ። ከምኡውን ምሸት ምሸት ነቲ ኣብ መዓልቲ ዘስለጥኩዎ ስራሕ ምርኣይ።

### <ንዓይ ልክዕ ዝኾነ ሙያ>

ምግጣም ቱቦ ንዓይ ልክዕ ዝኾነ ሙያ ኣዩ። ሓላፍነት ንምስካም ቅርብቲ ስለዝነበርኩ፣ ነቲ ናይ ልምዲ ትምህርቲ ፈተናታት ምስ ፈጸምኩ፣ ብዙሕ ከይጸናሕኩ ንኣሸቱ ናይ ስራሕ ጠለባት መሪሔ ክሰርሕ ክኢለ፣ ድሕሪኡ – ብዝሕ ብዝበለ ናይ ስራሕ ተሞክሮ፣ ንተመሃሮ ክምህርን ትገጣጥም ጉጅለ ክመርሕን ክኢለ። ከም መጠን ገጣሚት ቱቦ ዝበዝሐ ተሞክሮታት እንዳቀሰምኩ ክኸይድ ከለኹ፣ ዝበዝሐ ንምፍላጥ ከኣ ድልየተይ ወሲኹ።

በዚ ምኽንያት ድማ ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት ናይ ስራሕ ተሞክሮ፣ ነቲ ከባቢ ክልተ ዓመት ስወስድ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ሙያ ምቅርራብ ክገብር ጀሚረ። ነቲ ስርሐይ 100 ፐርሰንት ምስራሕ ቀጺለ፣ ነቲ ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ዝወስድ ጥቕሉል ኮርስ እንዳተሳተፍኩ ነቲ ኣብኡ ዝወሃብ ትምህርቲ ባዕለይ ዓሙቕ መጽናዕቲ ጌረ፣ ንዕኡ ግን ዕጽፊ ናይ እቲ ንምቕርራብ ዘጥፋእኩዎ እዋን ወሲዱለይ።

### ዘሸግር ምምዳብ እዋናት

ኣነ ነቲ ዝተሓላለኸ ኣገባብ መምልኢ ሚዛን ናይ እዚ መዳይ፣ ነቲ መሰረታዊ ቀመር ናይ ስነ ሒሳብን ኣጽኒዔ ወይ ድማ ብናይ ኮምፑተር ፕሮግራም መስኣሊ ተጠቂመ ውስብስብ ዝኾነ መደብ ኣተኻኽላ ኣዳልየ። ብሓጺሩ ንሓደ ትካል ንምምራሕ ዘድልየኒ ኩሉ ነገር ተማሂረ። ብርግጽ ነቲ እዋናት ምምዳብ መብዛሕትኡ ጊዜ ቀሊል ኣይነበረን፣ ኣብቲ ትካል ዝበዝሐ ዕማማት ክቆጻጸር ጀሚረ፣ ይኹን እምበር ንምምሃር ጊዜ ክረክብ ኔርኒ።

ሎሚ ኣነ ኣብ ኩሉ ዝኣቱ እየ። ኣብ ምምሕዳር ሓላፍነት ኣለኒ፣ ጠለባት ንምርካብ ቀረባትና ኣዳሉን እቕበልን፣ ንትእዛዛት ብዝርዝር ዝተገልጸ መደብ ኣተኻኽላ ኣዳሉ ከምኡውን ንምትሓዝ መዝገብ፣ ንመሃያ፣ ንበዓል ዕዳን ኣወድትን፣ ንሬክላም እከባኸብ ከምኡውን ንዉሸጢ ትካል ዘሎ ድሕንነት ሓላፍነት ኣለኒ። ከምኡውን ነቶም ኣብ ትካልና ዘለዉ ተመሃሮ እሰልጥን እየ፣ እቶም ንመጻኢ እዋን ገጠምቲ ቱቦ ዝኾኑ ኣወዳትን ኣዋልድን መንእሰያት ኣብ ትካልና ጽቡቕ መሰረት ዝሓዘ ትምህርቲ ምእንቲ ክቐስሙ፣ ተገዲሰ እየ ዝምህር። ኣብ እዋን ዕረፍተይ ኣብቲ ማሕበር ትካላት እሳተፍ።»



ኒኮል ፋንክሃውዘር፣ ስዊዝውርላንድ
ሰብ ሙያ ገጣሚት ቱቦ በዓል ፌደራል ዲፕሎም

# ማትሪክ ድሕሪ ትምህርቲ ልምዲ ሙያ

**ኣብቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ኣድህቦኹም ንትምህርቲ ልምዲ ሙያ እዩ። ድሕሪ ብዓወት ምፍጻም ፈተናታት ናይቲ ትምህርቲ ልምዲ ግን እቲ ትምህርቲ ክቕጽል ኣለዎ። በዚ ምኽንያት ሕጂ ኣብቲ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ወይ ድማ ኣብ ሓደ ጂምናዝየም ማትሪክ ጌርኩም ኣብ ሓደ ዩንቨርስቲ ክትመሃሩ ስለ ትደልዩ፣ ናይ ሙያ ማትሪክ ክትጭብጡ ትደልዩ።**

## ክም መጠን ዝዓበየ ውልቀሰብ ማትሪክ ሙያ

መጀመርታ ኣድህቦኹም ኣብቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ጌርኩም ድሕሪ ምፍጻም ፈተና ትምህርቲ ልምዲ ናይ ሙያ ማትሪክ 2 ትገብሩ።

ነቲ ናይ ሙያ ማትሪክ 2 ምስ እቲ ንሙያ ዘሰኒ (ካብ 4 ክሳብ 6 ወቕተ ትምህርቲ) ወይ ድማ ብምሉእ እዋን ትምህርቲ (1 ዓመት) ክትፍጽሙ ትኽእሉ። እዚ ትምህርቲ ንኽፍቀደልኩም ክማላእ ዘልዎ ነገራት ዝተፈላለየ እዩ። ሓደ ሓደ ካንቶናት ነቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ዘምጻእኩሞ ማእከላይ ነጥቢ ከም ቅድመ ኩነት መቐበሊ ይገብርኦ፣ ካልኦት ካንቶናት ከኣ ናይ መእተዊ ፈተና ይሓታ (መብዛሕትኡ እዋናት ቋንቋን ሒሳብን) ከምኡውን ብተወሳኺ ዝርርብ።
ኣብ መብዛሕትኤን ቤት ትምህርታት ንማትሪክ ሙያ ንመእተዊ ፈተና መቀራረቢ ኮርስ ኣሎ።

## ናይ ጊማናዝየም ማትሪክ ንዓበይቲ

ክም መጠን ዓቢ ውልቅሰብ ናይ ጊምናዝየም ማትሪክ ክትፍጽሙ ትኽእሉ ኢኹም። ከም እቲ ናይ ሙያ ማትሪክ ዝመስል ቅድመ ኩነታት እዩ ኣብኡውን ዘሎ (ኣብ ላዕሊ ርኣዩ)።

## ናይ ሙያ ማትሪክ 2 ን ናይ ጊምናዝየምን ማትሪክ ዋጋ

ማትሪክ ሙያ ወይ ድማ ናይ ጊምናዝየም ማትሪክ ከም መጠን ዓቢ ውልቀሰብ ክትፍጽሙ እንተደለኩም፣ ወይ ብምሉእ እዋን ትምህርቲ ወይ ድማ ንሙያ ብዘሰኒ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ክልቲኡ መገድታት በዳሂን ብዙሕ ትዕግስትቲ ዝሓትትን እዩ።

ትምህርቲ ማትሪክ ዘዳልዋ መንግስታውያንን ዉልቃውያንን ቀረብቲ ኣለዋ። እተን መንግስታዊያን ቀረብቲ፣ እስኹም ነቲ መእተዊ ኣገባባት ከተማልእዎ እየን ዝደልያ፤ እዚ ትምህርቲ ግን ነቶም ብውሑዱ ክልተ ዓመት ኣብ ካንቶን ንዝተቐመጡ፣ ከም ግቡኡ ብነጻ እዩ። ካብ ካንቶን ወጻኢ ድልየት ንዘለዎም ኣንስትን ሰብኡትን፣ ከምኡውን ነዚ ናይ ማትሪክ ትምህርቲ ኣብ ሓደ ውልቃዊ ቀራባይ ክፍጽሙ ንዝደልዩ፣ ናይ ዓመት ዋጋ ካብ 10’000 ክሳብ 20’000 ፍራንከን ክኽፍሉ ኣለዎም።

ዝኾነ ይኹን፣ ንዓኹም እንታይ ዓይነት ዕድል ክፋት ከም ዝኾነ ምርግጋጽ፣ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ናይ ከባቢኹም ማእከል ሓበሬታ ሙያ ብዛዕባ ብኽልኣይ መገዲ ትምህርቲ ዝግበር ፌደራላዊ ማትሪክ ከምኡውን ብዛዕባ ቤት ትምህርታት ማትሪክ ሙያ ንናይ ሙያ ማትሪክ 2 ን ኣብ ከባቢኹም ዘለዋ መቀራረቢ ቤት ትምህርታትንሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

# ብታሕጓስ ትምህርቲ ምቕጻል :
## «ናይ ሙያ ታሪኽ ህይወተይ ምስ ስፖርት ኣጸቢቑ ዝተተሓሓዘ እዩ ኔሩ፣ ምኽንያቱ ድማ ኣነ ኣብ ዩናይትድ ስኩል ኦፍ ስፖርትስ ዙሪክ ስለዝነበርኩ። …

ኣብተን ናይ መጀመርታ ክልተ ዓመታት ናይ ሸቐጥ ትምህርተይ፣ ነቲ ትምህርቲ ብዝሓሸ መገዲ ምስ ቮሊቦል ክጸናብሮ ክኢለ፣ ኣብተን ናይ መወዳእታ ክልተ ዓመታት ከኣ ምስ 60 - ፐርሰንት ተሞክሮ ስራሕ ኣጸናቢረዮ። ብጣዕሚ ዓሙቕ እዋን እዩ ኔሩ፣ ነቲ ሙያዊ ትምህርተይ ጥራሕ ኣይኮንኩን ዝጽዕር ዝነበርኩ፣ እንታይ ደኣ ካብ ናይ 3. ጉጅለ ክለብ ናብ ናይ ብሔራዊ ጉጅለ B ሰጊረ ብኸምኡ ድማ እቲ ናይ ትሬኒንግ መደበይ ኣጸቢቑ ልዒሉ። 18 ዓመተይ ምስ መልኤ ነታ ብዙሕ ትድግፈኒ ስድራቤተይ ገዲፈ ናብ ሓደ ሓባራዊ መንበሪ ገዛ ተጻወቲ ቦሊቦል ቀዪረ፤ ድሕሪኡ በይነይ ኩሉ ነገር ክኽእሎ ኔርኒ።

ነቲ ናይ KV- ተግባራዊ ተሞክሮ ድሕሪ ክልተ ዓመት ምስ ቀረብቲ ተሌቪጅን፣ ቀረብቲ ጋዜጣ ታገስ - ኣንሳይገ ወይ ድማ ኣናቤለ ክገብር ምፈተኹ ኔረ። ንዓይ ግን ምንጻግ ጥራሕ እዩ መጺኡኒ። ድሕሪኡ እቶም ሓለፍቲ ቤት ትምህርቲ ዩናይትድ ስኩል ኦፍ ስፖርትስ ኣብ ሓደ ባንክ ተሞክሮ ስራሕ ንኽገብር ምዒዶምኒ። ኣብቲ እዋን ንቑጠባ ዝነበረኒ ድልየት ዉሑድ ስለዝነበረ፣ እዚ ንዓይ ብጣዕሚ በዳሂ እዩ ኔሩ። እዚ ውሳነ ግን ጽቡቕ ውሳነ እዩ ኔሩ፣ ኣነ ብዙሕ ተማሂረ ከምኡውን ብዝበለጸ ደረጃ ተሓጊዘ።

ኣብ ባንክ 60 ካብ ሚእቲ እሰርሕ፣ ኣብቲ እዋን ድማ ናይ Volero-A-Kaders ኣባል ኔረ፣ ኣብ ሰሙን ዓሰርተ ጊዜ ትሬኒንግ እገብር፣ ከምኡውን ምስ እተን ናይ ቦሊቦል ደቒ ጋንታይ ብሓባር ክነብር ከለኹ፣ብዛዕባ ናይ ፕሮፌሽናል ስፖርት ብዙሕ ተማሂረ። ነቲ ቀጻሊ ዝቀያየር እዋናት ሙያን ስፖርትን ከምኡውን ናይ ዉልቀይ ናብራ ዝምልከት ጊዜታት፣ ምምዳብ እዋናተይ ባዕለይ ክገብሮ ኔርኒ። ብርግጽ ንስድራቤተይ፣ ንመሓዙተይን ኣዕሩኽተይ ዝኸውን ብዙሕ ጊዜ ኣይነበረንን።

ነቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ፈተናታተይ ምስ ፈጸምኩመጠጥሒ. ህይወተይ ብዝምልከት ዉሳነ ጌረ። ስፖርት ንዓይ ብዙሕ ኣበርክቶ ሂብኒ እዩ፣ ንሓባራዊ ናብራ ብቕዕቲ እየ፣ ንነፍሰይን እዋናተይን ከቀናጅዎን ከመሓድሮን እኽእል እየ፣ ዘጨንቕ ነገር ከጋጥመኒ ከሎ፣ ክዘናጋዕ እኽእል እየ፣ ብዛዕባ ኣመጋግባን ኣካላተይን እውን ብጣዕሚ ብዙሕ እየ ተማሂረ። ምስ እዚ ጋንታ ኮይነ ዕላማ ምሕንጻጽን ብሓባር ድማ ነዚ ዕላማ ኣብ ሽቱኡ ምብጻሕ፣ ዓወት ምጭባጥ፣ ኣብ ቅድሚ ብዓቢ ስምዒት ዝድግፍ ቲፎዞ ምጽዋት ተማሂረ፣ እዚ ኹሉ ኣብ ህይወተይ ካብ ዘጋጠመኒ ነገራት ካብቲ ዝበለጸ ኣካል እዩ።ይኹን እምበር : እዚ ዕለታዊ ናብራ ናይ ፕሮፌሽናል ስፖርተኛነት፣ ብቐጻሊ ዝቀያየር ኣብ ሞንጎ እዋናት ጽኑዕ ትራኒንግን ንኣካላት ኣብቲ ዝነበሮ ንምምላስ ዝግበር ዕረፍትን፣ ንዓይ ኣይተሰማምዓንን። ከምኡውን ሓደ እዋን ክጉዳእ ከም ዝኽእል ምፍላጡ፣ ነቲ ዉሳነይ ጸልይዎ።

### ንሓድሽ መገዲ ክፉት ምኻን

ኣነ ንሙያዊ ምዕባለ ወሲነ ከምኡ ድማ ነቲ ማትሪክ ሙያ ክገብር ደልየ። ነቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ፈተና ብጽቡቕ ነጥቢ ስለዝፈጸምኩ፣ ብዘይ ተወሳኺ ፈተና ተቐቢሎምኒ። ኣብቲ እዋን እውን እታ ባንክ ቀዋሚ ናይ ስራሕ ቦታ ሂባትኒ።

ኣብቲ ናይ መጀመርታ ክልተ ኣዋርሕ፣ ኣነ ኣብ ዝተጋገየ ቦታ ከም ዘለኹ ተረዲእኒ። ከምብሓድሽ ኣብ መዳያት ሕትመት ክደሊ ጀሚረ፣ ሕጂ ግን ዕድል ጌረ። 60 ፐርሰንት እሰርሕ ክልተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ እሳተፍ። ሕጂውን እንደገና ድልየተይ ማዕቢሉን ተቐዪሩን። ምናልባሽ እቲ ስፖርት ይኸውን ንዓይ ንሓደሽቲ መገድታት ክፉት ኣተሓሳስባ ንኽህልወኒ፣ ንጎድናዊ ኣተሓሳስባ እውን ቅርብቲ ንክኸውን ከምኡውን ኣብ ሓደ መገዲ ንቕጽ ንኸይብል ዘብቅዓኒ፣ ይኹን እምበር ዕላማይ እኽተል እየ ከምኡውን ነቲ ዝመደብክዎ ኣጸቢቐ እጽዕረሉ እየ።

ምቕራጽ ህንጻ፣ ዲዛይን ወይ ድማ ዓለምለኻዊ ርክብን ዲዛይንን ኣብ ዩኒቨርስቲ ክመሃር እውን ምፈተኹ፣ እዚ ግን በቲ ማትሪክ ሙያ ንግዲ ኣይከኣልን እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያቅርጺ ዘእቱ ፈተና ተፈቲነ ኣብ ኣዋርሕ ሓጋይ ድማ ነዚ ትምህርቲ ክጅምሮ እየ።»



ኪም ላንግ፣ ስዊዘርላንድ
ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ 2
ሽቃጢት ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት

# ቀጻሊ ትምህርቲ፣ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ

**ድሕሪ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ ወይ ብዘይ ማትሪክ ሙያ ዝተፈላለያ ቀጸልቲ ትምህርቲ ወይ ድማ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ክትምሃሩ ትኽእሉ ኢኹም። ቅድመ ኩነታት እንተ ኣማሊእኩም፣ ድሕሪ ዝተወሰነ ዓመት ተሞክሮ ሙያ ንሓደ በዳሂ ዝኾነ ቀጻላይ ትምህርቲ ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢኹም።**

ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ዘሎ ቀረባት ቀጻሊ ትምህርቲ ብዙሕ ዝተፈላለየ ዓይነት እዩ፡

**ፈተና ሙያ ምስ ፌደራላዊ ወረቐት መንነት ዓውደ ሙያ**
ፍልጠት ዓውደ ሙያ ምጥላቕን ንዕማም ምምራሕ ድማ ምቅርራብን።

**ፈተና ዝለዓለ ዓውደ ሙያ ምስ ፌደራላዊ ዲፕሎም**
ንደረጃ ምምራሕ ጉጅለ ብቕዓት ምርካብ ወይ ድማ ውልቃዊ ትካል ንምምራሕ ምብቃዕ።

**ዝለዓለ ቤት ትምህርቲቲ ዓውደ ትምህርቲ**
ኣብ ትሕት ዝበለ ደረጃ ንዘሎ ጉጅለ ንምምራሕ ዘብቅዕ ክልሰ ሓሳባዊን ተግባራዊን ፍልጠት።

**ዩኒቨርሲታት ዓውደ ሙያን ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራንን**
ብባችለር ዲግሪ ምፍጻም (ድሕሪ 3 ዓመታት)፣
ማስትሬት (ድሕሪ 2 ቀጻሊ ዓመታት)

ዩኒቨርሲታት፣ **ETH/EPF**
ብባችለር ዲግሪ ምፍጻም (ድሕሪ 3 ዓመታት)፣
ማስትሬት (ድሕሪ 2 ቀጻሊ ዓመታት)

**ውጥን ከተውጽኡ ከለኹም ብኸመይ ተምርሑ?**
ንምውሳን ብቑዕ እዋን ሃብዎ፣ ኣበየናይ ናይ ትምህርቲ ኢንስቲቱት ትምህርቲ ሙያ ወይ ቀጻሊ ትምህርቲ ከም እትገብሩ ብኸምኡ ከኣ ንዕኡ ምቅርራብ ምእንቲ ክትክእሉ፡

- ነቲ ናይ ትምህርቲ ኢንስቲቱት መጽሔታት፣ ሰንዳትን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝቐረብዎን ብትኽክል ርኣዩ።
- ኣብቲ ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት ተሳተፉ።
- ኣብ ናይ ልምምድ ሌክቸር ተሳተፉ። ብኸምኡ ከኣ ምስ ሓደ መምህርን ዘለዎ ብቕዓትን ትላለዩ፣ ምስ እቶም ተሳተፍቲ ተማየጡ፣ እቲ ዘልዎም ዶኩሜንታትን ዘሎ ትሕተ መዋቕር ድማ ብቑዕ ከም ዝኾነን ሕተትዎም።
- ብዛዕባ እቲ ናይ ትምህርቲ ኢንስቲቱት ዝፈልጥዎ ምኹናምን ብዛዕብኡ እንታይ ኣረኣእያ ከም ዘለዎምን ንመሓዙትኩም፣ ነዕሩኽትኹም፣ ንትፈልጥዎም ሰባት ሕተቱ።
- ነታ ናይ ትምህርቲ ኢንስቲቱትት ብዛዕባ መዝነታ ሕተትዋ። ነቶም ቅድሚ ሕጂ ኣብኣ ትምህርቶም ንዝፈጸሙ ደውሉሎም፡ ኣብዚ ዝተመሃርኩሞ ትምህርቲ/ቀጻሊ ትምህርቲ ብሙያን ብውልቒን ሓጊዝኩም'ድዩ?
ነዚ ዝተመሃርኩሞ ትምህርቲ ወይ ኮርስ እንደገና ምተመሃርኩሞ'ዶ?
- ነዚ ትምህርቲ ወይ ቀጻሊ ትምህርቲ መሃያ ተመሃሮ ከተመልክት ዝኽኣል ከም ዝኾነ ኣረጋግጹ።

# ፈተና ሙያን ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ትምህርቲ

**ካብ 400 ንላዕሊ ንዝኾና ዝተፈላለያ ፈተናታት ሙያ ወይ ድማ ዝለዓለ ፈተናታት ዓውደ ትምህርቲ ቀረብ ኣሎ። እቲ ፈተናታት ዓውደ ሙያ ብሓደ ፌደራላዊ መንነት ዓውደ ሙያ፣ እቲ ዝለዓለ ፈተናታት ዓውደ ትምህርቲ ድማ ብፌደራላዊ ዲፕሎም እዩ ዝፍጸም።**

## ብፈተናታት ሙያ ወይ ድማ ብዝለዓለ ፈተናታት ዓውደ ትምህርቲ እንታይ ክትረኽቡ ትኽእሉ?

እቲ ፈተና ሙያ መሰረት ዘለዎ ተግባራዊ ተሞክሮ ምስ ክልሰ ሓሳባዊ ፍልጠት ዘጸናብር ስለዝኾነ፣ ኣብተን ዘስርሓ ትካላት ተደላይነት ኣለዎ። ብርግጽ ድማ እዚ ጻዕሪ ብገንዘብ ጽቡቕ ይፍደ እዩ፡ እቶም ብዓወት ንፈተና ሙያ ዝፈጸሙ ኣንስትን ሰብኡትን ልዕል ዝበለ መሃያ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም፣ ምኽንያቱ ድማ ነዚ ፈተናታት ክቀራረቡ ከለው በዳሂ ንዝኾነን ሓላፍነት ንዘለዎ ዕማማትን ብቕዓት ረኪቦም ስለዘለው፣ ንምሳለ

- ንመሳርሕቶም ክመርሑ ኣገልግሎት ጉጅለ ንምውሃብ፣
- ተመሃሮ ክመሃሩ ከለው ኣገልግሎት ንምውሃብ፣
- ምስ እቲ ምምራሕ ትካል ዝተተሓሓዘ ዕማማት።

ሓደ ካልእ ቀጻሊ ስጉምቲ ድማ በቲ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ትምህርቲ ክትገብሩ ትኽእሉ። ነቲ ፌደራላዊ ፈተና እውን ናይ ዝተወሰና ዓመታት ተሞክሮ ሙያ የድልየኩም እዩ። ዝግብኦ ስለ ዝኾነ ድማ እዩ እዚ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ትምህርቲ ምናዳ ኣብቲ ከባቢታት ትካላት «ፈተና ክኢላታት» ተባሂሉ ዝጽዋዕ ከምኡውን ካብ ካልኦት ንላዕሊ ኽብ ዝበለ መሃያ ዘውህብ።
በዚ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ትምህርቲ ነዚ ቀጺሉ ተዘርዚሩ ዘሎ ዘኽእል ብቕዓታት ይጽናዕ እዩ፣

- ንሓደ ውልቃዊ ትካል ንምምራሕ,
- ብውልቆም ንዝመሃሩ ንምምሃር፣
- ሓላፍነትንሓደ ብዝሓቱ ማእከላይ ዝኾነት ጉጅለ ኣብ ሓደ ዓቢ ትካል ምውሳድ።

## ንሓደ ፈተና ሙያ ወይ ድማ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ትምህርቲ እንታይ ክተማልኡ ኣለኩም?

ከምቲ ግቡእ እዚ ብማሕበራት ዓለም ስራሕ፣ ብዓውደ ሙያዊ ቤት ትምህርታትን ብኻልኦት ናይ ትምህርቲ ኢንስቱታትን ዝቕረብ፣ ንሙያ ዘሰኒ ናይ ምቅርራብ ኮርስ፣ ብድልየትካ ዝውሰድ ኮርስ እዩ፣ ነቲ ፌደራላዊ ፈተናታት ብዓወት ንምፍጻም ግን መብዛሕትኡ እዋናት ኣድላዪ እዩ።

ኣብዚ ፈተና ንምስታፍ ክማላእ ዘለዎ ኣድላዪ ቅድመ ኩነታት፣ ብሓፈሽኡ ምውናን ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት፣ ምፍጻም ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ወይ ድማ ተመሳሳሊ ዝኾነ ብቕዓትን ከምኡ ድማ ናይ ዝተወሰና ዓመታት ናይ ስራሕ ተሞክሮን፣ የድሊ እዩ።

ፈተናታት ሙያን ዝለዓላ ፈተናታት ዓውደ ትምህርቲን ዝተፈትዋ ቀጸልቲ ትምህርታት እየን፡ ኣብ ዓመት ከባቢ 14ʻ000 ዝኸውን ናይ ዓውደ ሙያ መንነትን ከምኡውን 3ʻ000 ዲፕሎም ይወሃብ እዩ።

# ውልቃዊ ትካል ምምራሕ :

## «ኣቦይ ንኽመሃር ይደፋፍኣኒ ኔሩ። እሱ ኣብቲ መጀመርታ 60 - ታት እዩ ንስዊዘርላንድመጺኡ ተሓጋጋዚይ ሰራሕተኛ ኮይኑ ድማ ይሰርሕ ኔሩ። …

በቲ ዝነበሮ ኩነታት ሙያኡ ሕጉስ ኣይነበረን፣ ንዓይ ድማ ደጋጊሙ ከምዚ ይብለኒ ኒሩ : ‹ካብዚ ኣነ ዝገብሮ ዝሓሸ ግበር፣ ኩሉ ጊዜ ኣብ ትሕቲ ካልኦት ኣይትስራሕ ! › እዚ ኣብ ሓንጎለይ ተቐሪጹ እዩ።

ነቲ ሙያ ዘለኒ ፍቕሪ ምስ ተሞክሮ እዩ ማዕቢሉ። ዝበዝሐ እንዳተማሃርኩ ምስ ከድኩ፣ ብዛዕባ ምኹስካስ ጀርዲን ንምፍላጥ ዘለኒ ድልየት እንዳለዓለ ከይዱ። ነቲ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ ምስ ፈጸምኩ 4 ዓመት ስራሕ ጀርዲን ሰሪሔ ከምኡውን ንሙያ ዘሰኒ ናይ ክልተ ዓመት ቀጻሊ ትምህርቲ ተማሂረ ላዕለዋይ ኮስኳሲ ጀርዲን ኮይነ። 80% እንዳሰራሕኩ ዓርብን ቀዳምን ድማ ንቤት ትምህርቲ እኸይድ ኔረ። ሰንበት ሰንበት ድማ ምስ መሳርሕተይ ብሓባር ኮይነ ኣብ ሓደ 3'000 ዓይነት ኣታኽልትን ኣእዋምን ዝትከለሉ ቦታ ከይደ፣ ነቲ ፈተና ዘድልየና ፍልጠት ንምቕሳም ነጽንዔን ኔርና። እቲ መጽናዕቲ ግን ታሕጓስ ይፈጥረለይ ኔሩ።

### ናይ ነፍሰ ወናንነት ዕላማ ተበጺሑ

ነቲ ፈተና ንምቅርራብ 12'000 ፍራንከን ኣውጺኤ። ኣብቲ እዋን ድማ ዝወሓደ እዋን እሰርሕ ስለዝነበርኩ፣ ዝወሓደ እቶት እየ ዘእቱ ኔረ። ሓደ ክፋል ናይ እቲ ቀጻሊ ትምህርቲ ዋጋ ዝኸፍላ ትካላት ኣለዋ። ድሕሪ እቲ ፈተና ሙያ BP ኣብቲ ትካል ስራሕ ይቅጽሉ። ኣነ ግን ነዚ ኣይደለኹን። ብሓደ ወገን እቲ ዘሎ ጸቕጢ – ኣብቲ ኣነ ትምህርቲ ዝገበርኩሉ ዓመት ካብቶም ተሳተፍቲ ፈተና 59% ነቲ ፈተና ኣይሓለፉን – ኣጸቢቑ ልዒሉ፣ ብኻልእ ወገን ድማ ድሕሪ እቲ ፈተና ፈተና ሙያ ነጻ ኮይነ ክውስን ድልየት ስለ ዝነበረንን።

ነቲ ዓውደ ሙያ ዘለኒ ፍልጠት እንዳሰፍሔ ምስ ከደ ኣብቲ ስርሔይ ዘለኒ ሓጎስውን ወሲኹ። ከምኡ ድማ ነፍሰ ወናኒ ንኽኸውን ዝነበረኒ ዕላማ፣ ኣብ ሽቱኡ በጺሑ : ኣነ ናይ ውልቀይ ትካል ኣለኒ። ብርግጽ ሕጂ ዝበዝሔ እየ ዝሰርሕ፣ 50፣ 60 ሰዓታት ዝተለምደ እዩ። ዝሰርሖ ስራሕ ግን መሃዝነት ዘለዎ እዩ። ኣነ ባዕለይ ሓሳብ ክምህዝ እኽእል እየ፣ ነዚ ድማ የተግብሮ ከምኡውን ቐጻሊ ንሓዱሽ ጀርዲን እቐርጽን እሰርዕን።»



ማሪዩስ ፒንሲኒ፣ ዓዲ ጥልያን
ላዕለዋይ ኮስካሲ ጀርዲን ፈተና ሙያ,
8 መሳርሕትን 2 ዝመሃሩን ንዘለውዎ ትካል ጀርዲን ዝውንን



ኬንድሪም ኤልማዚ፣ ኮሶቮ፣
ንግዳዊ ሰራሕተኛ ኣብ ክፍሊ መዝገብ ሒሳብ

## *ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ምስ ብዙሕ ተግባራዊ ልምዲ :*

*«ኣነ ኩሉ ጊዜ ዝምነዮ ዝነበርኩ ሙያ ቁጠባዊ ምምሕዳር ትካል እዩ፣ ቁጠባን ምትሓዝ መዝገብን መንእሰይ ከለኹ ’ ውን ይማርኸኒ ኔሩ። ኣብ ኮሶቮ ማትሪክ ምስ ፈጸምኩ፣ ምስ ወለደይ ናብ ስዊዘርላንድ መጺኤ። ...*

እዚ ምስጋር ከቢድ እዩ ኔሩ፣ ወለደይ ንዓይ ስለዝሓገዙኒ ጥራሕ እየ ክኢለዮ። ኣብ ኮሶቮ ከለኹ ንፉዕ ተመሃራይ እየ ኔረ፣ ኣብዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ግን ነቲ ቋንቋ ’ ውን እንተኾነ ኣይመልኮን ኔረ። ነቲ ቋንቋ ተማሂረ፣ መጀመርታ ኣብ ኮርሳት፣ ድሕሪኡ ድማ ኣብ ሓደ ዓሙቑ ኮርስ ምጽንባር ተማሂረ በቲ C1 ምስክር ወረቐት ድማ ፈጺመ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ከለኹ እውን ነዚ ዝምነዮ ሙያ – ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ንቁጠባዊ ምምሕዳር ትካል – ክመሃር ከም ዝኽእል ሓበሬታ እደሊ ኔረ።

### ክብ ዝበለ ዘድሊ ነገር

እቲ ናይ ቪንተርሁር ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ ዘድልዮ ነገር ክብ ዝበለ እዩ ኔሩ : ናይ ጊምናዝየም ማትሪክን ኣብ ሓደ ናይ ኮሶቮ ዩኒቨርስቲ ድማ ምምዝጋብን፣ C1 ንቋንቋ ዓዲ፣ B2 ንእንግሊዝኛ፣ ናይ ሓደ ዓመት ተግባራዊ ልምዲ ብመዳያት ንግዲ ከምኡውን መሰረታዊ ፍልጠት ናይ ምትሓዝ መዝገብን።

ምስ እቲ ኣርኣያይ ብሓባር ኮይነ ሓደ ናይ እዋናት መደብ ሓንጺጸ። ንመብዛሕትኡ ቀልጢፈ ኣማሊኤዮ። ነቲ ኩሉ ካብ ኮሶቮ ዘምጻእኩዎ ዶኩሜንታት ኣተርጒመዮ ከምኡውን ነቲ ናይ C1-ምስክር ወረቐት ጌረ። ንምትሓዝ መዝገብ ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ተማሂረ።

እቲ ተግባራዊ ልምዲ ግን ዓቢ ዝዕንቅፍ እምኒ ኮይኑኒ፣ ምዙሕ ምንጻጋት መጺኡኒ፣ ኣብ መወዳእታ እቲ ኣርኣያይ ሓንቲ ቦታ ረኺብለይ። እቲ ናይ እንግሊዝኛ ምስክር ወረቐት B2 ድማ ዝበርትዔ ኮይኑ፣ ዋሕዲ ቁጽሪ ተሳተፍቲ ስለዝነበረ፣ እቲ ዓሙቕ ኮርስ ኩሉ ጊዜ ኣይካየድን እዩ ኔሩ። ንሎንዶን ቋንቋ ንምምሃር ኢለ ናብኡ ከይደ ድማ ነዚ ሽግር ፈቲሐዮ።

### HFP ኣብ ክንዲ ዩኒበርስቲ ዓውደ ሙያ?

ሕጂ ካብ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ጀሚረ ኣብ ሓደ ትካል ተግባራዊ ልምዲ እገብር ኣለኹ። ኣብ ሞንጎ ሓደ ቀጻሊ ትምህርቲ ሰብ ሙያ ናይ ስነ ሒሳብ ንምኧን ስለዝተመሃርኩ፣ ሎሚ ከም መጠን ንግዳዊ ሰራሕተኛ ኣብ ክፍሊ ምትሓዝ መዝገብ ኮይነ፣ ነቶም ተለቃሕትን፣ ኣለቃሕትን ከምኡ ድማ ንስምምዓትን ሓላፍነት ኣለኒ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብተን ኣዋርሕ ቀውዒ ሙያዊ ፈተና ንቑጠባን ስነ ሒሳብን ንምፍታን ክቀራረብ ክጅምር እየ።

ሕጂ ወላኺ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ክምዝገብ እንተኽኣልኩ እውን፣ እዚ ግን ንዓይ ትኽክለኛ ዝኾነ መገዲ ምኻኑ ተጠራጥረኒ እዩ። ኣነ ከም ዝመስለኒ፣ ነቲ ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ትምህርቲ ንስነ ሒሳብን ቁጽጽርን ንምግባር ዝውስን መሲሉ እዩ ዝረኣየኒ።»

# ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ

**እተን ትምህርታት ናይ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ መብዛሕትኡ እዋናት መሰረቱ እቲ ዝተፈጸመ ትምህርቲ ልምዲ እዩ። ኣብዘን ዝለዓላ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲ፣ ሰብ ሙያ ነቲ ዘለዎም ሓፈሻዊ ፍልጠት የጥልቑ ከምኡውን ንዕማማት ምውህሃድን ምምራሕን ይበቕዑ። ዝለዓላ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲ፣ ንሙያኦም ፍሉይ ክእለት ንዘለዎም ሰብ ሙያን መራሕቲ ዕብየተን ማእከላይ ንዝኾነ ጉጅለታት ንዘመርሑን፣ ክልሰ ሓሳባውን ተግባራውን ፍልጠታት ዘበርክታ እየን።**

## ንዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲእንታይ ከተማልኡ ኣለኩም?


ኣብ ሓደ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ንምእታው ብመሰረቱ በቲ ዝምልከቶ ሙያ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ወይ ድማ ከም እኒ ማትሪክ ጊምናዝየም ወይ ናይ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ ዓይነት ተመሳሳላይ ብቕዓታት የድሊ እዩ። ዝተፈላለያ ናይ ትምህርቲ ዓይነታት፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ንስነ ጥዕና ዝምልከታ ናይ መእተዊ ፈተናን/ ወይ ድማ ምጽራይ ብቕዓትን የድልየን እዩ።
ሙሉእ እዋን ትምህርቲ ኣብ ሓደ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ– ምስ ተግባራዊ ልምዲ – ብውሑዱ 2 ክሳብ 3 ዓመት ይወስድ፣ ንሙያ ዘሰኒ ትምህርቲ ድማ 3 ክሳብ 4 ዓመት ይወስድ። ንስራሕ ዘሰኒ ትምህርቲ ዝመሃሩ ሓደ ክፋል ናይቲ ትምህርቶም እንተወሓደ 50 ካብ ሚእቲ ኣብቲ ስርሖም ይገብርዎ ከምኡውን ከምቲ ዝመሃሩዎ ዘለዉ ሙያ ዝሰርሑ ክኾኑ ኣለዎም።

ነዘን ዝቕጽላ መዳያት ትምህርቲ ቀረባት ኣሎ :

- ቴክኒክ (ህንጻ፣ ኤለክትሮ፣ ኣዕጫው፣ ምግቢ፣ ሜካኒካል ኢንጂኔሪንግ፣ ሜዲያ፣ ማይክሮ ቴክኒክ፣ ዓለባ)
- ምቐበል ኣጋይሽ፣ ቱሪዝም፣ ቁጠባ ገዛ
- ጉዕዘን መጎዓዚያን
- ቁጠባ
- ሕርሻን ክንክን ጫካን
- ጥዕና
- ማሕበራውን ትምህርቲ ዓበይትን
- ስነ ጥበብን ምቕራጽን

## በቲ ዝለዓለ ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ እንታይ ክትረኽቡ ትኽእሉ?

ናይዚ ትምህርቲ ቀንዲ ኣርእስቲ ምስ እቲ ኣብቲ ዝምልከቶ ናይ ስራሕ መዳይ ዘሎ ጥያቐታት ዝተሞርከሰ መጽናዕቲ እዩ። ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ክትፍጽሙ ከለኹም፣ ውስብስብ ንዝኾነ ርክባት ክትሓስቡ፣ ናይ እዋናት ጸቕጢ ክህሉ ከሎ ከተተግብሩን፣ ምስ እቲ ናይ ዕላማ ግርጭት ብኸመይ መገዲ ከምትካየዱን ከምኡውን ንትካላዊ ጉዳያት ዝምልከት ሰፊሕ ዝኾነ ውሳነ ምውሳን ትመሃሩ። እዘን ዝለዓላ ቤት ትምህራታት ዓውደ ትምህርቲ ጥልቕ ዝበለ ሙያዊ ብቕዓት ይህባ ከምኡ ድማ ንዕማማት ዓውደ ሙያን መሪሕነትን ይቕርባ።
ከም መጠን ብቕዓት ዘለዎን፣ ንምትግባር ዝዓለመ ሰብ ሙያ መሰረት ሓላፍነት ዘለዎ ዕማም ኣብ ሓደ ትካል ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡ ድማ ነዚ ስራሕ ዝግብኦ መሃያ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኺም።



ኤቭገኒያ ሽኒድሪግ፣ ራሻ
ቕድመ ትምህርቲ ልምዲ ንዝለዓለ ቤት ትምህርቲ
ዓውደ ትምህርቲ ሆቴል ዙሪክ

ንዝተፈላለያ ናይ ትምህርቲ ኢንስቲቱታት ኣጸቢቐ ርእየ፣ ኣብ ናይ ሓበሬታ ኣኼባታት ተሳቲፈ፣ ምስቶም ሓለፍቲ ተማይጠ ድሕሪኡ ነታ ኣብ ዙሪክ ዘላ ናይ ሆቴል ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወሲነ። ንትምህተይ ክመርጽ ከለኹ ርግእ ኢለን ብዙሕ ጊዜ ሂበን እየ መሪጸ። እዚ ትምህርቲ ንዓይ ብዙሕ ገንዘብ እዩ ዘኽፍለኒ ከባቢ 32ʻ000 ፍራንከን።

## ናይ ዝተፈላለዩ ሰባት ሓባራዊ ስራሕ

ኣነ ነቲ ማትሪክ ጌረ። ንዓይ ዝተረፈኒ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ኣብ መዳይ ምቕባል ኣጋይሽ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ፣ እታ ትምህርቲ ካባይ ስለትጽበ፣ ኣብዚ እዋን ኣብ ሓደ በዓል 5-ከዋኽብቲ-ሆቴል ነ ቲ 10-ኣዋርሕ ዝወስድ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ እገብር ኣለኹ። ኣብዚ እዋን እውን ብጣዕሚ ብዙሕ ተማሂረ። ኣነ ሆቴል ከመይ ከም ዝሰርሕ፣ ናይ ብዙሓትብጣዕሚ ዝተፈላለዩ ሰባት ብሓባር ምስራሕ ከመይ ጌሩ ከምዝሳለጥ፣ ናይ ሆቴል ስራሕ ከመይ ሸበድበድ ዝበዝሖን ኣጨናቒን ክኸውን ከም ዝኽእል ርእየ። እዚ ስራሕ ድማ ብትኽክል እቲ ኣነ ክሰርሖ ዝደሊ ዓይነት ስራሕ ከም ዝኾነውን ተማሂረ።

ካብ ወጻኢ ዓዲ ስለዝመጸኹ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ንምጅማር ምስ እቲ ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ እውን ናይ ቋንቋ መእተዊ ፈተና ክፍተን ኔርኒ። እዚ ብጣዕሚ ብርቱዕ ኔሩ። ነዚ ፈተና እውን ከም እኒ ‹እሱውን ብማይ እዩ ዘብስል› ዝኣመሰላ ምስላታት ከብርህን ክገልጽን ኔርኒ። ሕጂ ድማ ነቲ ናይ ሆቴል ሙያ ትምህርቲ ክጅምር እየ፣ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ምዕባለ ሙያ። ድሕሪ ትምህርቲ ናይ ርክባት ኣጋይሽ ኣመሓዳሪት ኮይነ ክሰርሕ እየ ዝደሊ፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኣብ ሓደ ኣጋይሽ ክዘናግዑ ዝመጹሉ ዌልነስ-ሆቴል እየ ክሰርሕ ዝደሊ።»

***«ኣብ ሙያይ ሓላፍነት እደሊ እየ:*** *ኣብ ሙያይ ምስ ሰብ ርክብ የድልየኒ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ እየን እዘን ክልተ መዳያት ቱሪዝምን ሰራሕተኛነት ሆቴልን ንዓይ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ዘገድሳኒ። …*

# ንዕላማ ነዊሕ መገዲ :
## «ኣብ ኩባ ስነ ምምህርና ሳዕስዒት ተማሂረ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ እውን ሳዕስዒት ሚሂረ። ናብ ስዊዘርላንድ ምስ መጸኹ፣ ከም ብሓድሽ ዳርጋ ካብ መጀመርታ ጀሚረ። …

ምምሃር ቋንቋ ናይ መጀመርታ እዩ ኔሩ። ኣብተን ክልተ ዓመታት ኮርስ ቋንቋን ምጽንባርን ጌረ ከምኡ ድማ ብሙያይ ከመይ ክቕጽል ከም ዝኽእልን ኣዔርየ ሓሲበሉ። ነቲ ናይ ስዊዘርላንድ ስርዓት ትምህርን ነተን ዝተፈላለያ መገድታት ትምህርትን ተላልየ ብኸምኡ ድማ ነቲ መበራበሪ ዝኾነ ሰብ ሙያነት ፈሊጠ። ኣነ ብውልቀይን ከምኡውን በቲ ከም መጠን ስነ ምምህርና ሳዕስዒት ዝነበረኒ ትምህርትን፣ ነዚ ሙያ ጽቡቕ ብቕዓት እንተነበረኒ እውን፣ ነቲ ናይ ምልላይ ዝርርብ ክሓልፍ ኣይከኣልኩን። እቲ ምኽንያታት ድማ፣ ብሓደ ወገን ኣነ ኣብ ፈተናታት ብጣዕሚ እጭነቕ ስለዝኾንኩ፣ ብኻልእ ወገን ድማ እቲ ክእለት ቋንቋይ እኹል ስለዘይኮነን።

ስለዚ ናብ ኮርስ ቋንቋ ተመሊሰ። ነዚ ቁሩብ ትንፋስ ዝመልስ እዋን ዕረፍቲ ድማ ተጠቒመሉ፣ ኣብ መዳይ ኣገልግሎት ሰሪሐ፣ ከምብሓድሽ ድማ ብሙያይ ከመይ ክቕጽል ከም ዝደሊ ኣዔርየ ሓሲበሉ፣ ኣየናይ ሙያ፣ ኣየናይ ትምህርቲ ኣብ ግምት ክኣትዋ ከም ዝኽእላ፣ ወይ ድማ እንደገና ናይ ምልላይ ዝርርብ ንምግባር ዕድለይ ክፍትን’ ዶ ኢለ ሓሲበ። መጽናዕቲ ጌረሉ፣ ምናዳ ምስ ብጸይተይ ተማዪጠ ኣብቲ እዋን ድማ ምስ ኣርኣያይ ብሓባር ኮይነ፣ ነቲ ዘለኒ ፍርሓት ፈተናታት ከመይ ጌረ ከወግድ ከም ዝኽእል ኣሰላሲለ፣ ከመይ ጌረ ቀስ ኢለ ከም ዝዛረብ፣ ነቲ ኣብ ርእሰይ ዘሎ ሓሳብ ብኸመይ ክሰርዖ ከም ዝኽእልን።



ፍራንክ ቨጋ ቦነ፣ ኩባ
ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ንክንክን፣
ስነ ልቦና ዘተኩር

### ድልየትን ክእለትን ምትእስሳር

ኣብዚ መድረኽ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን እውን ናብ መሰረተይ ተመሊሰ፣ ስነ ልቦና ናይ ኩሉ ጊዜ ድልየተይ እዩ ኔሩ፣ ምስኡ ድማ ብተግባር ምስ ሰባት ብሓባር ክሰርሕ እየ ዝደሊ፣ ንነብሰይ ከንቀሳቕስ። በዚ ምኽንያት ድማ ናይ ክንክን ሰብ ሙያነት፣ ናብ ስነ ልቦና ዘተኮረ ሙያ መጺኤ። እዚ ትምህርቲ፣ እዚ ስራሕ ንድልየተይን ክእለተይን ጽቡቕ ጌሩ የተኣሳስር እዩ። ነቲ ናይ ምልላይ ዝርርብ ከመይ ኣዕሙቐ ከም ዝተቐረብኩሉ፣ ነዚ ሙያ ዘለኒ ቅርበነት ክንድምንታይ ከም ዝኾነ ከቕርብ ከለኹ፣ ምስኡ ድማ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ተቐበሉኒ ዝተሓጎስኩዎ ሓጎስ ክንድምንታይ ከም ዝነበረ፣ ጽቡቕ ጌረ ክዝክር እኽእል እየ።

### ሓገዝ ምቕባል

ነቲ ክልሰ ሓሳባዊ ክፍሊ ትምህርተይ ኣብቲ ማእከል ንትምህርቲ ስነ ጥዕና እየ ዝገብሮ፣ ነቲ ተግባራዊ ክፍሊ ድማ ኣብ ስነ ኣእምሮኣዊ ክሊኒክ ናይ ዙሪክ ዩኒቨርስቲ እየ ዝገብሮ። ብርግጽ ቋንቋ ኣብዚ ናይ ትምህርቲ ደረጃ ብጣዕሚ በዳሂ እዩ፣ እዚ ከኣ ክሳብ ሕጂ የጸግመኒ ኣሎ።

ግን ብደገፍ መምሃራነይ፣ ናይ ትምህርቲ ብጾተይን ከምኡ ድማ ብጸይተይ፣ ክሳብ ሕጂ ነዚ መሰናኽል ሓሊፈዮ ኣለኹ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝረኸብኩዎ ተሞክሮ፣ ሓገዝ እንተተቐቢለ፣ ብዙሕ ሓገዝ ክረክብ ከም ዝኽእል እዩ። ሕጂ ነዚ ዕድል ተጠቒመ፣ ንትምህርተይ ክግደስን ክጽዕርን እየ ዝደሊ። እንተቐኒዑ፣ ተዓዊተ ክብል እኽእል እየ፣ እንተዘይቀኒዑኒ ድማ፣ ዝከኣለኒ ፈቲነ ኔረ፣ ግን ክዕወት ኣይከኣልኩን ክብል እኽእል እየ።»

# ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ፣ ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራን

**«ሚዛኑ ማዕረ፣ ግን ፍሉይ ዓይነት» – ነዚ ጭርሖ ተኸቲሎም ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያን ዩኒቨርስቲ ስልጠና መምህራንን፣ ብናይ ዩኒቨርስቲ ደረጃ ናብ ተግባር ዘድሃበ ትምህርታት ይቕርቡ እዮም። ናይ ሙሉእ እዋን ትምህርቲ ንዝመሃሩ፣ ብባችለር ዲግሪ ንምፍጻም 3 ዓመታት፣ ሙያ ንዘሰኒ ትምህርቲ ንዝመሃሩ ድማ 4 ወይ 5 ዓመታት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። ብማስትሬት ንምፍጻም ዝቕጽሉ ድማ ኣብ ልዕሊኡ 2 ዓመታት ይወስድ።**

### ምስ ተግባር ዝተኣሳሰር ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ

ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያን ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራንን ምስ ተግባር ዝተኣሳሰረ ቀረባት ትምህርትን ኮርሳት ቀጻሊ ትምህርትን ብደረጃ ዩኒቨርስቲ ኣለወን። እዘን ካብ 200 ንላዕሊ ዝኾና ዓይነታት ትምህርቲ ከም ግቡኡ ብባችለር እየን ዝፍጸማ።

ናይ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ - ባችለር ዘለዎም ሰብ ሙያ ንብጣዕሚ ጽቡቕ ብቕዓት ይስልጥኑ እዮም፣ በዚ ምኽንያት ድማ ብኽእለት ሙያኦም ተደላይነት ዘለዎም እዮም። እሳታቶም ኣብ ኩለን ደረጃታት ጉጅለ እዮም ዝሰርሑ።

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን እውን ኣብተን ዩኒቨርሲታት ዓውደ ሙያ ዳርጋ 80 ዝኾና ናይ ማስትሬት ትምህርታት ይቕረብ እዩ። ኣብ ሓደ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ብናይ መምህርነት ተግባር ንምስራሕ ንምሳለ ሓደ ናይ ማስትሬት ዲግሪ ከም ቅድመ ኩነት እዩ ዝሕተት።

ኣብተን ናይ መንግስቲ ዩኒቨርስታት ዓውደ ሙያ ዝኽፈል ናይ ወቕተ ትምህርቲ ዋጋ ካብ 500 ክሳብ 1'000 ፍራንከን ክኸውን ከሎ ኣብተን ውልቃዊያን ኢንስቲቱታት ድማ ካብ 3'500 ክሳብ 5'000 ፍራንከን እዩ።

### ንሓደ ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ዘድሊ ቅድመ ኩነት

ንሓደ ሓደ ናይ ትምህርቲ መዳያት ምስ እቲ ፍሉጥ ዝኾነ ቅድመ ትምህርቲ፣ ብተወሳኺ ናይ ብቕዓት ምጽራይን ይካየድ እዩ፣ ናይ ምቕባል ፈተና ወይ ድማ ምዝርራብ።

**መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያን ማትሪክ ሙያን:**

ንሓደ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ ዘጸናበርኩም እንተ'ኼንኩም፣ ብመሰረቱ ንሓደ ናይ ባችለር ትምህርቲ ተቐባልነት ትረኽቡ ኢኹም። ነዚ ቅድመ ኩነት ተማልኡ ክልኹም፣ ግን ነቲ ትምሃርዎ ናይ ትምህርቲ መዳይ ክትቅይሩ እንተደለኹም – ንምሳለ ካብ ንግዳዊ ናብ ማሕበራዊመዳይ –፣ ተቐባልነት ክትረኽቡ ትኽእሉ፣ ነዚ ትመርጽዎ ዘለኹም መዳይ ትምህርቲ ናይ ስራሕ ልምዲ ከም ዘለኩም ከተረጋግጹ እንተኽኣልኩም እዩ።

**ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ምስ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ:**

ብመሰረቱ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ ዘለኩም እንተኾይኑ ንባችለር ትምህርቲ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ንመዳያት ጥዕና፣ ስነ መመህርነት፣ ማሕበራዊ፣ ርክብ፣ ስነ ጥበብን ዲዛይንን፣ ከከም እቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ዝፈጸምኩሞ ዓውደ ትምህርቲ፣ ተቐባልነት ትረኽቡ ኢኹም። ንኻልኦት መዳያት ትምህርቲ ሓደ ቅድመ ተግባራዊ ልማድ የድልየኩም ኣዩ።

ንናይ ሒሳብን - ባህርያዊ ስነ ፍልጠትን ዝምልከታ መዳያት፣ እተን ዩኒቨርሲታት ዓውደ ሙያ ብዝቕርብኦ ቅድመ ኮርሳት ነተን ትምህርታት ክትቅረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ማትሪክ ጊምናዝየም:**

ናይ ጊምናዝየም ማትሪክ ዘለኩም እንተኾይኑ፣ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ክትምሃሩ ትኽእሉ ኢኹም። ከተማልእዎ ዘለኩም ቅድመ ኩነት፣ ብዝተኻእለ መጠን ነቲ ዝመረጽኩሞ ናይ ትምህርቲ መዳይ ዝምልከት ናይ 1 - ዓመት ተሞክሮ ስራሕ እዩ።

**ካልኦት ብቕዓታት:**

ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያን ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራን ብኻልኦት ቅድመ ትምህርቲ መሰረት እውን ናይ ምቕባል መመልከቲ ክፈቕዳ ይኽእላ እየን። ንዕኡ ግን እተን ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያን ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራንን ነቲ ናይ መመልከቲ ሰነድ ይምርምራ ከምኡ ድማ ፍሉይ ዝኾነ ናይ መቐበሊ መጻረዪ ወይ ድማ ናይ መቐበሊ ፈተናታት ይሓታ።

## *ንሙያ ዘሰኒ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ፡ «ናይ ኩሉ ጊዜ ትምኒተይ ንሓደ ሕክምናዊ መዳይ ሙያ ምስራሕ እዩ። ኣብ ቱኒዚያ ብባህርያዊ ስነ ፍልጠት ማትሪክ ጌረ ከምኡውን ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ኣብ ሓደ ናይ ሕክምናዊ ቴክኖሎጂ ክመሃር ጀሚረ። ከም መጠን መምህር ናብቲ ናብ ሰለስተ ደረጃ ዘለዎ ካልኣይ ደረጃ ወይ ድማ ንጊምናዝየም ናይ ምስጋር ሓላፍነት ኣለኒ። …*

ድሕሪ መርዓ ቅድሚ ክልተ ዓመት ንስዊዘርላንድ መጺኤ ሓንቲ ቆልዓ ከኣ ወሊደ። እዚ ተሞክሮ ንናተይ ሙያ ኣውን ትርጉም ኣለዎ፡ ኣነ ኣዋላዲት ክኸውን እየ ዝደሊ። ከም መጠን ኣዋላዲት፣ ነተን ካብ ባህሊ ከባቢ መበቆል ዓደይ ዝመጻ ኣንስቲ ክሓርሳ ከለዋ ዝሓሸ ቀሳነት ንኽስምዔን፣ ብዙሕ ኣበርክቶ ክገብር ከም ዝኽእል፣ እምነት ኣለኒ።

ምሕራስ ተፈጥሮኣዊ ኣገባብ ይኹን እምበር፣ ንዓና ነንስቲ ዘጠራጥረና እዋናት ኣሎ። በቲ ዘለኒ ተሞክሮ ከም ዝፈልጦ፣ ኣብ ከምዚ ዓይነት እዋን፣ ብቋንቋ ኣደ ክትዛረብ ምኽኣል፣ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። እንታይ ከም ዝካየድ ንፈልጥ፣ ብኸምኡ ድማ ርግጸኛነት ይስምዓና።

### ቋንቋ ኣደ ምዕቃብ

ነቲ ቋንቋ ኣደ ምዕቃብ ንዓይ ብሓፈሽኡ ኣገዳሲ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ እዋናት ዕረፍተይ ንቖልዑን መንእሰያትን ቋንቋ ዓረብኛ እምህር እየ። ኣብቲ ናይ መጀመርታ ስጉምቲ ናይ ሙያዊ መደበይ፣ ነቲ ማትሪከይን ዝጀመርክዎ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲን ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ተቐባልነት ከም ዝረክብ ጌረ። ሕጂ ኣብ ሓደ ናይ ኣዋለድቲ ምሕጋዝ ተግባራዊ ልምዲ እገብር ኣለኹ ከምኡ ድማ ተወሳኺ ኮርስ ቋንቋ እንዳገበርኩ፣ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ንዝግበር ኣገባብ ምቕባል ምቅርራብ እገብር ኣለኹ።»



ካውተር ምራሂ፣ ቱኒዚያ
ንትምህርቲ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ንምቅርራብ ተግባራዊ ልምዲ



ኣሊሲያ ሌደርገርበር፣ ስዊዘርላንድ/ስፐይን
ትምህርቲ ዳግመ ህንጻ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ

ኣይኮንኩን ዝላለ፣ እንታይ ደኣ ቋንቋ ጀርመንኛን ናይ ስዊስ ጀርመንኛን እውን እመሃር እየ።

**‹ገለ ነገር ጎዲልኒ›**

ኣብዚ እዋን እውን ኣብቲ ኮርስ ምጽንባር ብዙሕ ሙያታት ርእየ ከምኡ ድማ ተላልየ፣ ከም መጠን ፈለኛሞን ኣታኽልተኛን፣ ከም ሰኣሊት ቲያትር ግን ምንም ኣይቀንዓንን። ከም ገለ ኢሉ ኩሉ ጊዜ ሓደ ነገር ይጎድለኒ ኔሩ። ናይ ምድረ ገጽ ቀራጺት ንምኳን እውን እምነ ኔረ፣ ይኹን እምበር ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ነቲ ማትሪከይ ኣይተቐበልዎን።

ብርግጽ ጉህየ ኔረ። ኣነ ምስ ብዙሓት ሰባት፣ ምስ ኣዝማድን ዝፈልጦም ሰባትን፣ ደጋጊመ ብዛዕባ ምርጫ ትምህርተይ ተዛሪበ፣ ሓሳባት ኣኪበ፣ ነንሕድሕዱ ኣወዳዲረዮ፣ ነቲ ሓሳበይ እንደገና ነጺገዮ፣ ክሳብ እዛ ትምህርቲ ዳግመ ህንጻ በይና ከም ዋና ምርጫ ኾይና ትተርፍ። ሕጂ ግን ዕድል ገረ፡ ናይ ስነ ጥበብ ዩኒቨርስቲ ነቲ ማትሪከይ ተቐቢላቶ፣ ንዓይ ድማ ኣብቲ፣ ነዚ ሙያ ብቕዓት ከም ዘለኒ ዝምርመሮ፣ ናይ ምእታው ኣገባብ ንኽሳተፍ ተፈቒዱለይ።

**‹ድልየተይ ይቕየራን ይምዕብላን›**

ኣነ ግን ጊዜ ክወስድ እየ፣ ኣብዚ ዓመት ናይ ተግባራዊ ልምዲ ብዝተኻእለ መጠን ብዙሕ ብዛዕባ መዳይ ዳግመ ምህናጽ ክፈልጥ እደሊ እየ። ኣብዚ እዋን ዝፈልጦ ነገር እንተሎ፣ ኣነ ዳግመ ምህናጽ ስእልታት ክገብር ከም ዝደሊ እዩ፣ እዚ መዳይ ሙያ ንዓይ ብጣዕሚ ረቒቕ ኣተሓሕዛ ዘድልዮ እዩ። ዳግመ ህንጻ ኣቕሑት እውን ሓደ ካብቲ ዝከኣል ነገራት እዩ፣ ከምኡውን ስራሕ ኣእማን፣ ክንክን ሓወልቲ፣ ምናልባሽ እውን መጻሕፍቲ፣ ጸብጻባትን ስእልታትን።

ድልየተይ ቀጻሊ ስለዝቕየርን ስለዝምዕብልን፣ ንሓደ ናይ ትምህርቲ ዓይነት ምውሳን፣ ብጣዕሚ ኣጸጋሚ መሲሉ ኣዩ ዝርኣየኒ። ዝፈልጦ ነገር እንተሃለወ፣ ንምዕባለ ሙያ መጀመሪ፣ ናብ ዝኾነ ይኹን ድሓር ኣንተ ኣምርሔ እውን፣ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ሙያ ምምሃር ጽቡቕ ትምህርቲ ከም ዝኾነ እዩ።»

# *ናይ ግድን ክልሰ ሓሳብን ተግባርን ምጽንባር፡*

***«ድሕሪ ማትሪክ፣ ኣብ መዳይ ስነ ጥበብ፣ ኣብ ስፐይን ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ፣ ናይ ዝርኤ ርክባት ትምህርቲ ጀሚረ። ነገር ግን እዚ ጀሚረዮ ዝነበርኩ ትምህርቲ ንዓይ ትኽክለኛ ከም ዘይኮነ ተረዲእኒ። …***

ናተይ ናይ ፈጠራ ክእለተይ ክብ ዝበለ ኣይኮነን ከምኡ ድማ ብክልሰ ሓሳባዊ ኣርእስታት ጥራሕ ኣይኮነን ክሰርሕ ዝደሊ፣ እንታይ ደኣ ናይ ግድን በእዳወይ ክሰርሕ እደሊ እየ። ኣብ ሓደ ውጥን ናይ መድረኽ ስእሊ ከዳሉ ከለኹ፣ እዚ ነገር ተረዲእኒ። ስለዚ ድማ ናብ ሓዲሽ ኣንፈት ከምርሕ ተገዲደ።

እተን ካብ ነዊሕ ጊዜ ጀሚረን ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብራ ኣደይን ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ሓፍተይ፣ ኣነውን ንስዊዘርላንድ ንኽመጽእ ሓሳብ ኣቕሪበናለይ። ኣነ ምሉእ ዘበነይ ኣብ ስፐይን ክነብር ከምዘይደሊ፣ ንዓይ ግሉጽ እዩ ኔሩ፣ ሓደሽቲ ቋንቋታት ምምሃርን ሓዲሽ ዓለም ምልላይን ብጣዕሚ እዩ ባህ ዝብለኒ። ስለዚ ድማ ነዚ ዕድል ተጠቒመሉ። ኣነ ናብ ስዊዘርላንድ መጺኤ ከምኡ ድማ ቀልጢፈ ቋንቋ ጀርመንኛ ተማሂረ፣ ናይዚ ምኽንያት ምናልባሽ እውን ኩሉ ጊዜ ስለዝሰራሕኩ ክኸውን ይኽእል ኣዩ። ኣብ ሓደ ሬስቶራንት ክሰርሕ ከለኹ፣ ብዙሕ ሰብ ጥራሕ

# ዩኒቨርስቲ ወይ ፌደራላዊ ቴክኒካዊ ዩኒቨርስቲ ETH/EPF

**ብታዕዋት ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ ምስ ፈጸምኩም፣ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ወይ ድማ ኣብ ETH/EPF ንምምሃር ክትጽዕሩ ትኽእሉ ኢኹም። በቲ ሓደ መቀራረቢ ኮርስ «መስገሪ» ጌርኩም ኣብቲ እዋን 2 ወቕተ ትምህርቲ ዝወስድን ንዓኹም ናብ ዩኒቨርስቲ ንምእታው ዘብቕዓኩምን ተወሳኺ ፈተና ክትቀራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ወይ ድማ ብሓደ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ - ብምፍጻም ናብ ሓደ ዩኒቨርስቲ መእተዊ መገዲ ክትከፍቱ ትኽእሉ ኢኹም።**

## መሳገሪ

ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ ዘጸናበርኩም እንተኼንኩም፣ ብናይ ስዊዘርላንድ ኮሚሽን ማትሪክ መምርሒ መሰረት፣ ብሓደ መስገሪ ጌርኩም ንሓደ ተወሳኺ ፈተና ክትቀረቡ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ መስገሪትምህርቲ ባዕልኹም ትምሃርዎን ብቐጥታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኬድኩም ትመሃርዎን ዝሓዘ ክኸውን ከሎ 30 ሰሙናት (2 ወቕተ ትምህርቲ) እዩ ዝወስድ። መዳይ ትምህርታት ነዚን ዝቕጽላ ይሕዝ: ናይ መጀመርታ ቋንቋ ኦኣዲ፣ ካልኣይ ቋንቋ ዓዲ፣ እንግሊዝኛ፣ ሒሳብ፤ ባህርያዊ ስነ ተፈጥሮ (ባዮሎጂ፣ ኬሚስትሪ፣ ፊዚክስ)፣ ኣእምሮኣዊን ማሕበራዊን ስነ ፍልጠት፣ ጂኦግራፊን ታሪኽን። ነዚ ተወሳኺ ፈተናታት ብዓወት እንተፈጺምኩም ኣብ ሓደ ETH/EPF ንምእታው፣ ኣብ ሓደ ፌደራላዊ ሕክምናዊ ፈተና ንምስታፍ፣ ኣብ ናይ ካንቶናዊ ዩኒቨርስቲን ስነ ትምህርታዊ ዩኒቨርስቲን ተቐባልነት ንኽትረኽቡ የብቕዓኩም።

## ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ

ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምስ ማትሪክ ሙያ ዘጸናበርኩም እንተኼንኩም፣ ንናይ ባችለር ትምህርቲ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም፣ ከከም ዓይነት ትምህርቲ ብዘይ መእተዊ ፈተና ወይ ድማ ምስ ናይ መቐበሊ ኣገባብ። ነቲ 3 - ዓመታት ዝወስድ ናይ ባችለር ትምህርቲ ብዓወት ምስ ፈጸምኩም፣ ንፍሉያት መዳያት ትምህርቲ፣ በቲ ዝተመሃርኩሞ ዓይነት ትምህርቲ ወይ ድማ ንዕኡ ዝዛመድ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ካትናዊያን ዩኒቨርስቲ ወይ ድማ ኣብ ETH/EPF ንምምሃር መገዲ ይኽፈተልኩም። እቲ «ኮንኮርዳንስ ሊስተ» ተባሂሉ ዝፍለጥ ብዛዕባ ዝከኣል መገድታት ሓበሬታ ይህብ እዩ፣ ኣብ መወዳእታ ግን እተን ዩኒቨርሲታት ባዕላተን እየን ብዛዕባ ምቕባል ዝውስና (ኣብ www.swissuniversities.ch) ርኣዩ።

## *ኣብ ETH/EPF ምምሃር ከም ባህርያዊ ሳዕቤን፡ «ዕድመይ 16 - ዓመት ከሎ ብዙሕ ንፉዕ ተመሃራይ ኣይነበርኩን። በዚ ምኽንያት ድማ ንሓደ ትምህርቲ ልምዲ ከም መጠን ሰብ ሙያ ጂኦማቲክ ብደረጃ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ምስ ናይ ሙያ ማትሪክ ኣጸናበሪ ክመሃር ወሲነ። ...*

ኣብቲ እዋን እዚ ውሳነ ብርግጽ ሒማቕ ውሳነ ኣይነበረን፣ ምኽንያቱ ድማ እቲ ትምህርቲ ንዓይ ብዙሕ ዝኸብድ ስለ ዘይነበረ ነቲ ትምህርቲ ብዘይ ብዙሕ ምጽዓር ፈጺመዮ።

ነዚ ትምህርቲ ልምዲ ምስ ፈጸምኩ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውትህድርና ኣትየ ከምኡ ድማ ኣብ ሓደ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ናይ ኢንፎርማቲክ ትምህርቲ ጀሚረ። ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ክገብር ከለኹ ገንዘብ ኣዋህሊለ ስለዝነበርኩ፣ ነዚ ናይ ምሉእ እዋን ትምህርቲ ክኸፍል እኽእል ኔረ። ኣብ ገዛይ ክነብር እኽእል ኔረ ንስፔዛ እውን ምንም ቁጠባዊ ወጻኢ ምብርካት ኣየድለየንን። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ኣነ ብቐደመይ ቆጣቢ ሰብ እየ ኔረ፣ ብፍጹም ክብ ዝበለ ናይ ህይወት ቅዲ ናብራ ኣይነበረንን፣ ኣብቲ እዋን መኪና ኣይነበረንን ከምኡ ድማ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ብዙሕ ገንዘብ ኣየድልየንን እዩ ኔሩ። ኣብቲ እዋን ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ - ፊዚክስ ከገድስኒ ጀሚሩ፣ ብጣዕሚ ንፉዕ ዝኾነ መምህር ስለዝነበረና እዩ ከኣ ነዚ ድልየተይ ብቐንዲ ዘበራበሮ።



ሮጀር ሄሪገል፣ ስዊዘርላንድ
ሰብ ሙያ ጀኦማቲክ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ምስ ማትሪክ ሙያ፣ ኢንፎርማቲክ ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ፣ ፊዚክስ ETH/EPF

ነቲ ናይ ዩኒቨርስቲ ሙያ ትምህርቲ ውድእ ምስ ኣበልኩ ኣብ ETH/EPF ፊዚክስ ንኽመሃር ወሲነ። ኣብ ETH/EPF ከምብሓድሽ ካብ 1. ወቕተ ትምህርቲ ክመሃር ጀሚረ። እቲ ካባና ዝጽበዮ ብጣዕሚ ክብ ዝበለ እዩ ኔሩ፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ሒሳብ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ብቐጥታ ኣብ ናይ ካልኣይ ዓመት ትምህርቲ ምእታው ትርጉም ዘይነበሮ እዩ ኔሩ።

### ንናይ ሙያ ዓለም ምልላይ

ኣብ ጊምናዝየም ተማሂረ ካብኡ ድማ ኣብ ዩኒቨርስቲ እንተዝመሃር ኔረ፣ ናብ ኣቲ ዕላማ ሙያይ ንምብጻሕ ዝቐለለን ካብ ኩሉ ከኣ ዝሓጸረን ምኾነለይ ኔሩ። እዚ ናተይ መገዲ ከኣ ካልእ ረብሓ ኣለዎ፣ ኣብቲ እዋን ትምህርቲ ልምዲ ከም መጠን ጂኦማቲክ ነቲ ናይ ሙያ ዓለም ፈሊጠ ኣየ፣ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ካብ ሰራሕተኛ እንታይ ትጽቢት ከም ዘሎ፣ እፈልጥ እየ። እቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ዝተመሃርኩዎ ትምህርቲ፣ ኣነ ኣብ ሙያይን ብውልቀይን ኣጸቢቑ ዝጥቀመሉ፣ መሰረት ዘለዎ ፍልጠት ናይ ኢንፎርማቲክ ከም ዝረክብ ጌርኒ።

### ንምምሃር ዘሎ ታሕጓስ ዘይምጥፋእ

እቲ መገዲ ትምህርተይ ይንዋሕ እምበር ንምምሃር ዘለኒ ታሕጓስ ግን ኣየጥፋእኩዎን። ነዚ ሓጎስ እውን ናብቶም ተምሃሮ ከሕልፎ እደሊ እየ። ሕጂ ኣብ ሓደ ጊምናዝየም ኣብ ቪንተርቱር ፊዚክስ እምህር ኣለኹ ከምኡውን ነቲ ናይ ምምህርና ዲፕሎም ምስቲ ሙያይ ዘሰኒ ተማሂረ ፈጺመዮ። ኣብቲ ትምህርቲ ልምዲ ከለኹ እውን ነቶም ካባይ ዝነኣሱ ተመሃሮ ነቲ ፍልጠተይ ከካፍሎም ከለኹ፣ ታሕጓስ ይስምዓኒ ኔሩ፣ ሎሚውን እንተኾነ ንኻልኦት ምምሃት የሐጉሰኒ እዩ።

ፊዚክስ ቀሊል ዓውደ ትምህርቲ ኣይኮነን፣ ካብ ኩሉ ድማ እቲ ብዙሕ ፎርሙላታት የኽብዶ እዩ። ይኹን እምበር እቶም ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ በቲ ዝስሕብ ምሳለታት ናይ ተፈጥሮን ቴክኒክን ንፊዚክስ ዘለዎም ድልየት ከማዕብሉ ይኽእሉ እዮም።»

**ምስ ምሓዝ ናይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ መንነት ወረቐት፣ ማትሪክ ዓውደ ትምህርትን ማትሪክ ጊምናዝዩምን፣ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዓለም ቀዳማይ ኣገዳሲ መድረኽ ኣስሊጥኩም፥ ካብ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ናብ ዩኒቨርስቲ ትሰጋገሩ ኣለኹም ማለት እዩ። ሕጂ እቲ ዝተመሃርኩሞ ኣብ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ፣ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ፣ ኣብ ዩኒቨርስቲ ስልጠና መምሃራን ወይ ድማ ሓደ ዩኒቨርስቲ/ETH/EPF ብምዕሟቕ መገድታት ሙያዊ መጻኢኹም ተማዕብሉ ማለት እዩ። ነዚ ስጉምቲ'ዚ ብጉቡእ ክትዳለዉሉ ኣለኩም።**

እዚ ምዕራፍ ነቶም ኣብ ማኣከላይ ቤት ትምህርቲ ንዝርከቡ ወጻእተኛታት ኣወዳትን ኣዋልድን (ከምኡውን ንወልዶም) ወይ ድማ ንኹሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ከም'ዚ ዓይነት ስልጠና ንገዛእ ርእሶም ወይ ድማ ንደቆም ኣብ ግምት ንዘእትዉ ዘቕንዔ እዩ። ካብ ጊምናዝዩም ናብ ዩኒቨርስቲ ዘሎ መሰጋገሪ ብኸመይ ከም ዝሰራዕን ኣየኖት ዓውደ መጽናዕትታትን ምፍጻምን ኣብ ዩኒቨርሲታት ስዊዘርላንድ ከም ዝቕረብን ዝሕብር እዩ።

ምዕራፍ 6

# ንትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ምምዳብን ምትግባሩን

# ድሕሪ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውዳ ትምህርቲ ወይ ጊምናዝየም ከመይ ይቕጽል?

ገጽ

96 **ትምህርቲ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ**
97 ሓፈሻዊ መርኣዩ
98 መዳያት ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ

100 **ድሕሪ ማትሪክ ዓውደ ትምህርቲ**
101 *ሮቢን ሽታውፈር፣ ስዊዘርላንድ፣ ባችለር ተግባራዊ ስነ ኣእምሮ*
*«ንማሕበራዊ ሙያ ምቅርራብ»*

102 **ድሕሪ ማትሪክ ጊምናዝየም**
103 *ማርክ ሞራን፣ስዊዘርላንድ፣ መምህር ቀዳማይ ደረጃ*
*«ዳርጋ ልሙድ – ማትሪክን ትምህርቲ ዩኒቨርስቲን»*
104 *ጉል ኣፍሮዝ ሓይዳሪ፣ ኣፍጋኒስታን፣ ክኢላ ሙያ ሕክምናዊ ቴክኒክ ራዲዮሎጂ*
*«ኣብ ናይ ሓበሬታ መዓልቲ ብድንገት መሲጡኒ»*
105 *ኒኮላስ ኤግሊ፣ ስዊስ፣ ፈጻሚ ጉዳይ ምግዚት*
*«ድሕሪ ማትሪክ ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ቁጠባ ከም ዝበለጸ መፍትሒ»*

# ትምህርቲ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ

**ስርዓት ዩኒቨርሲቲ ኣብ 11 መዳያት ዓውደ መጽናዕትታት ምስ 120 ናይ ትምህርቲ ኣንፈታት ዝተመቕለ እዩ (ኣብ ገጻት 98/99 ዘሎ ስሌዳ ተመልከት)። ትምህርቲ ዩኒቨርስታት ብ 10 ዩኒቨርስታት ካንቶን፣ ብ 2 ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክ ETH/EPF፣ ብ9 ዩኒቨርስታት ዓውደ ሙያን 16 ዩኒቨርስታት ስልጠና መምህራንን ይቕረብ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ሓንቲ ናይ ርሑቕ ዩኒቨርስቲን ናይ ርሑቕ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያን ከምኡውን ካልኦት ኣብ ስነ ምምህርናውያን መዳይ ዘተኮራ ኢንስቲቱታት ይርከብኣን።**


እተን ፕሮግራማት ትምህርቲ ዩኒቨርስቲን ETH/EPF ን ብመጀመርታ ደረጃ ኣካዳሚካል ኮይኑ ንመሰረታዊ መጽናዕቲን ምርምርን ዝቐንዓ ክኾና ከለዋ፣ ናይ ዓውደ ሙያ ዩኒቨርስቲ ግን መብዛሕትኡ ኣብ ተግባርን ልምድን ዘተኮረ እዩ።ኣብ ዩኒቨርስታትን ኣብ ETH/EPF ዘሎ ትምህርቲ፣ ንናይ ሙሉእ እዋን ተምሃሮ ከም ግቡእ ካብ 4½ ክሳብ 5 ዓመታት ዝወስድ እዩ፣ ኣብ ዓውደ ሙያ ዩኒቨርስቲ ከኣ 3 ዓመት እዩ ዝወስድ።

ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ከም ግቡኡ ብባቸለር ዲግሪ እዩ ዝፍጸም (ድሕሪ 3 ዓመታት)። ንገሊኡ ዓውደ ሙያታት ግን ናይ ማስትሬት ትምህርቲ ተጌሩ ብማስትሬት ዲግሪ ክፍጸም ይከኣል እዩ (ድሕሪ 2 ቀጻልቲ ዓመታት)።
ከከም እቲ ኣብ መጻኢ ክትምህርዎ እትደልዩ ደረጃ፣ ዩኒቨርስትቲ ስልጠና መምሃራን ድሕሪ 3 ዓመታት ብባቸለር ወይ ድማ ድሕሪ ተውሳኺ 2ዓመታት ብማስትሬት ክትፍጽምዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ ዩኒቨርስታትን ኣብ ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክን ETH/EPF ድሕሪ ዕዉት ናይ ትምህርቲ ግዜ ከም መፈጸሚ ባቸለር ክውሰድ ይከኣል (ድሕሪ 3 ዓመታት)፤ እንተኾነ ግን ኣብዚኤን እቲ ምዱብ ምፍጻም ማስትሬት እዩ (ድሕሪ ተወሳኺ 2 ዓመታት)። ድሕሪ ተውሳኺ 3 ዓመታት ድማ PhD (ናይ ዶክቶር መዓርግ) ምጉንጻፍ ጥራይ ዘይኮነ ብተወሳኺ ድሕሪ ልዑል ብቕዓት ናይ ዩኒቨርስቲ ፕሮፈሶር ምኳን እውን ይከኣል እዩ።



# ሓፈሻዊ መርኣዩ




**ዝዝለቕ መንገድታት**

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዘለዋ ኩለን ትምህርታት ንዩኒቨርስቲ ኣብ ሳልሳይ ደርጃ ንምምሃር የብቕዓ እየን።

# መዳያት ዩኒቨርስቲ

| ዓውደ ትምህርታዊ ጉጅለታት | ላዕለዎት ዓውደ ትምህርታት ዩኒቨርሲቲ | መዳያት ዓውደ ትምህርቲ ናይ ዓውደ ሙያ ዩኒቨርሲቲ |
|---|---|---|
| **ስነ ሃይማኖት<br>ሃይማኖታዊ ስነ ፍልጠት** | – ስነ ሃይማኖት<br>– ሃይማኖታዊ ስነ ፍልጠት | |
| **ሕግን<br>ቁጠባዊ ስነ ፍልጠት** | – ቁጠባዊ ስነ ፍልጠት<br>– ስነ ፍልጠት ሕጊ<br>– ስነ ፍልጠት ወን ል | – ትካላዊ ቁጠባ<br>– ቱሪዝም፣ ምምሕዳር ሆቴል<br>– ከንክን ህንጻ |
| **ሕክምና፣ ጥዕና፣ ስፖርት** | – ሕክምና ሰብ/ፍወሳ ዓንደ ሕቖ<br>– ስነ ፍልጠት ክንክን<br>– ሕክምና ስኒ<br>– ሕክምና እንስሳ<br>– ስነ ፍልጠት ምውስዋስን ስፖርትን | – ክንክን<br>– ሕክምናዊ - ቴራፒ<br>– ቴክኒክ ሕክምና<br>– ስነ ፍልጠት ምውስዋስን ስፖርትን |
| **ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት** | – ስነ ማሕበረሰብ<br>– ፖለቲካዊ ስነ ፍልጠት፣<br>ዓለም ለኻዊ ዝምድና<br>– ስነ ኣእምሮእዊ<br>– ስነ ፍልጠት ኣተዓባብያ<br>– ማሕበራዊ ስራሕ | – ስነ ኣእምሮኣዊ<br>– ስነ ፍልጠት ኣተዓባብያ<br>– ማሕበራዊ ስራሕ |
| **ስነ ፍልጠት ቋንቋን ስነ ድርሰትን/<br>ርክብ** | – ንቡር ፍልስፍና<br>– ርማኒስቲክ/ኣንግሊስቲክ/ሮማኒስቲክ<br>– ካልኦትዓውደ ትምህርቲ ቋንቋ<br>– ሓፈሻውን ኣወዳዳሪን ናይ ቋንቋን ስነ ድርሰትን ስነ ፍልጠት ጽሑፍን<br>– ተግባራዊ ቋንቋ/ናይ ጽሑፍን/ቃልን ትርጉም<br>– ስነ ፍልጠት መራኸብን ሜዲያን (ጋዜጠኛነት) | – ትርጉም ጽሑፍ/ትርጉም ቃል<br>– ናይ መራኸብን ሜዲያን ስነ ፍልጠት ጋዜጠኛነት<br>– ስነ ፍልጠት ሓበሬታ/ምዝገባ ሰነድ |
| **ታሪኻዊ ከምኡውን<br>ባህላዊ ስነ ፍልጠት** | – ፍልስፍና<br>– ታሪኽ<br>– ጥንታዊ ስነ ፍልጠት<br>– ስነ ዓሌት/መጽናዕቲ ባህላዊ መበቆል<br>– መጽናዕቲ ምስራቓዊ ኤውሮጳ<br>– እስላማዊ ስነ ፍልጠት | |
| **ስነ ቕርጺ፣ ሙዚቃ፣ ዲዛይን** | – ሙዚቃዊ ስነ ፍልጠት<br>– ስነ ፍልጠት ቲያትር፣ ስነ ፍልጠት ሳዕስዒት<br>– ስነ ፍልጠት ፊልም<br>– ታሪኽ ስነ ቕርጺ | – ሙዚቃ<br>– ቲያትር፣ ሳዕስዒት<br>– ስነፍልጠትፊልም፣ፊልም<br>– ትርኢታዊ ርክብ<br>– ናይ ምህርትን ኢንዱስትሪን ዲዛይን ምቕራጽ<br>– ውሽጠ ህንጻ<br>– ዕቀባ/ ምሕዳስ<br>– ረቂቕ ስነ ቅርሲ<br>– ድርሰታዊ ጽሕፈት |

| ዓውደ ትምህርታዊ ጉጅለታት | ላዕለዎት ዓውደ ትምህርታት ዩኒቨርሲቲ | መዳየት ዓውደ ትምህርቲ ናይ ዓውደ ሙያ ዩኒቨርሲቲ |
|---|---|---|
| **ቁጽሪ/ኢንፎርማቲክ** | – ሒሳብ<br>– ኢንፎርማቲክ<br>– ብኮምፑተር ዝተደገፈ ስነ ፍልጠት | – ኢንፎርማቲክ |
| **ባህርያውንናይ ስነ ፍጥረታዊ ስነ ፍልጠት** | – ፊዚክስ<br>– ኬሚስትሪ/ስነ ፍልጠት ኬሚካል መሃንዲስነት<br>– ባዮ ኬሚስትሪ<br>– ባዮሎጂ፣ ባዮ ቴክኖሎጂ<br>– ናይ ህይወት ሳይንስ/መንገ ዓውደ ፍልጠታዊ ባህርያዊ ስነ ፍልጠት<br>– ናይ ፋርማሲያዊ ስነ ፍልጠት<br>– ስነ ፍጥረታዊ ስነ ፍልጠት/ናይ ስነ ፍጥረታዊ መሃንዲስነት<br>– ስነ ፍልጠት መሬት/ ጂዮሎጂ<br>– ጂኦግራፊ | – ኬሚስትሪ/ስነ ፍልጠት ኬሚካል መሃንዲስነት<br>– ናይ ህይወት ሳይንስ/መንገ ዓውደ ፍልጠታዊ ባህርያዊ ስነ ፍልጠት<br>– ናይ ስነ ፍጥረታዊ መሃንዲስነት |
| **ቴክኒካዊ ስነ ፍልጠት** | – ምቕራጽ ህንጻ<br>– ስነ ፍልጠት መሃንዲስነት ህንጻ/ኣመዳደብ ኣቀማምጣ መሬት<br>– መሃንዲስነት ማሺናትን መንገ ዓውደ ፍልጠታዊ ኢንጂኔራዊ ተክኒክ<br>– ማይክሮን ናኖን ቴክኒክ<br>– ኤሌክትሪካዊ ቴክኒክን ቴክኖሎጂ ሓበሬታ<br>– ስነ ፍልጠት ንጥረ ነገራት<br>– ስነ ፍልጠት ሕርሻ፣ ስነ ፍልጠት ምግቢ፣ ስነ ፍልጠት ኣግራብ | – ምቕራጽ ህንጻ፣ ምህናጽ ኣቀማምጣ መሬት<br>– ስነ ፍልጠት መሃንዲስነት ህንጻ፣ ኣመዳደብ ኣቀማምጣ መሬት<br>– መሃንዲስነት ማሺናትን መንገ ዓውደ ፍልጠታዊ ኢንጂኔራዊ ተክኒክ<br>– ማይክሮን ናኖን ቴክኒክ<br>– ኤሌክትሪካዊ ቴክኒክን ቴክኖሎጂ ሓበሬታ<br>– ስነ ፍልጠት ሕርሻ፣ ስነ ፍልጠት ምግቢ፣ ስነ ፍልጠት ኣግራብ |

| ዓውደ ትምህርታዊ ጉጅለታት | ላዕለዎት ዓውደ ትምህርታት ዩኒቨርሲቲ | መዳየት ዓውደ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራን |
|---|---|---|
| **ስራሕ ሙያ መምሃራን፣ ኣስተምህሮ** | – ቅድሚ ቤት ትምህርትን ቀዳማይ ደረጃን<br>– ማእከላይ ካልኣይ ደረጃን ካልኣይ ደረጃን<br>– መሕወዩ ትምህርቲ<br>– ፍወሳ ኣንደበት (ቴራፒ ኮልታፋት) | – ቅድሚ ቤት ትምህርትን ቀዳማይ ደረጃን<br>– ማእከላይ ካልኣይ ደረጃን ካልኣይ ደረጃን<br>– ምቕራጽ ስእልታት<br>– ሙዚቃን ምንቅስቓስን፣ ትምህርታዊ ሙዚቃ/ ናይ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ<br>– መሕወዩ ትምህርቲ<br>– ፍወሳ ኣንደበት (ቴራፒ ኮልታፋት)<br>– ቴራፒ ምውስዋስ ኣካላት (ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ) |

# ድሕሪ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ

**ምስክር ወረቐት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ፣ ኣብ ዝለዓላ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲን ዩኒቨርስታት ዓውደ ሙያ ዩኒቨርስታት ስልጠና መምሃራንን ዝተፈላለያ ዓይነት ትምህርታት ንምግባር ማዕጾ ይኸፍተልኩም እዩ።**

## ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ

ብናይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ መንነት ወረቐት ኣብ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ፣ ኣብ መዳያት ጥዕና፣ ስነ ምምህርናን ማሕበራዊ ስራሕን፣ እንተድኣ ሙያዊ ተመኩሮ ከተመስክሩ ትኽእሉ ኴንኩም ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢ ኹም። ዝተፈላለያ ዝለዓላ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲ ብተወሳኺ ናይ ብቕዓት መረጋገጺ ወይ ድማ ናይ ብቕዓት ፈተና ይሓታ እየን።

## ዩኒቨርስታት ዓውደ ሙያ

ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ ጥዕና፣ ማሕበራዊ ስራሕ፣ ስነ ቅርጺ፣ ርክብን ሓበሬታን እንተ ሒዝኩም፣ ብተወሳኺ ድማ ናይ ሓደ ዓመት ልምዲ ስራሕ ኣብ ዝምልከቶ መዳይ ከተመስክሩ እንተ ክኢልኩም፣ ኣብቲ ዝምልከቶ ናይ ዓውደ ሙያ ዩኒቨርስቲ ናይ ምቕባል ኣገባብ ትምህርታት ክትኣትዉ ይፍቀደልኩም እዩ። ነተን ምስ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክኩም ዘይዛመዳ ዓውደ ትምህርትታት ብፍላይ ክትዳለዉለን ትኽእሉ ኢ ኹም።

## ዩኒቨርስታት ስልጠና መምሃራን

ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ ብስነ መምህርነት ዘለኩም እንተደኣ ኴንኩም፣ ንዓውደ ትምህርትታት «መዋእለ ሕጻናትን ታሕተዋይ ደረጃ» ከምኡውን «ቀዳማይ ደረጃ» ብዘይ ፈተና ክትጅምሩ ትኽእሉ ኢ ኹም። ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድንዓውደ ትምህርቲ «መዋእለ ሕጻናት» መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ናይ 3 ዓመታት ናይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ዲፕሎም፣ ብዘይ ፈተና ኣብ ስነ ምምህርናዊ ዩኒቨርስቲ ንምእታው ይከኣል እዩ። በቲ ዝካየድ ናይ ምቕባል ኣገባብ ነቲ ክትምሃርዎ ትደልዩዎ ዘለኹም ትምህርቲ ዝበቕዕ ሓፈሻዊ ፍልጠት ከምዘለኩም ይምርመር። ገሊኣን ዩኒቨርስታት ስልጠና መምሃራን፣ ነቲ ናይ መእትዊ ፈተናን ከብቕዕ ዝኽእል ኣድላዪ ዝኾነ ፍልጠት ንምሃብ፣ ወይ ድማ መቀራረቢ ኮርሳት ይህባ እየን።



ሮቢን ሽታውፈር፣ ስዊዘርላንድ
ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ፣
ባችለር ተግበራዊ ስነ-ባህርይ

## *ንማሕበራዊ ሙያ ምቅርራብ፥ : «ኣብ 3-ይ ዓመት ናይ ካልኣይ ደረጃ ናብ ኣማኸርቲ ሙያ ኣብ ዝኸድኩሉ እዋን፣ ካብዚ ቀጺለ እንታይ ከም ዝገብር ምንም መደብ እይነበረንን። …*

ዝተፈላለየ ፈተናታት እንተገብርኩ፣ ኩሉ ጊዜ ከም ቅድመ ኩነት ቀጻሊ ኣብያተ ትምህርትታት ዘድልየን ሙያታት ኮይነን ይጸንሓ ኔረን። ኣነ ግን <ጸላእ ትምህርቲ> ስለ ዝነበርኩ ንኣርባዕተ ዓመት ግምናዝየም ክኸይድ ኣይደለኹን። ሓንቲ ኣማኻሪ ሙያ ነቲ ብሓደ ዓመት ዝሓጸረ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ከም ሓሳብ ምስ ኣቕረበትለይ፣ መእትዊ ፈተና ገይረ ሓሊፈ ድማ። ንፈተና ጊምናዝየም ይምስል ደኣ እምበር፣ እቲ ኣብ ሒሳብ፣ ጀርመንኛን ፈረሳይኛን ዝግበር ትጽቢት ግን ብመጠኑ ትሕት ዝበለ እዩ ኔሩ። ነቲ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ደሓንን ምቹእን ረኺበዮ። መብዛሕትኡ ከም'ቲ ኣብ ጥቓና ዘሎ ቤት ትምህርቲ ካንቶን ዝመሳሰል ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፣ ገሊኦም መምሃራን እውን ኣብ ክልቲኡ ቤት ትምህርታት ይምህሩ እዮም። ዓውደ ትምህርቲ ምምራጽ ግን ኣይከኣልን እዩ፣ ንቋንቋ መምሃሪ መገሻታት ንምግባር እውን ዕድል ኣይነበረን። እተን ሰለስተ ናይ ምዕሟቕ መዳያት እውን ጽቡቕ ረኺበየን፤ እቲ ኣነ ዝመረጽኩዎ ማሕበራዊ መዳይ፣ ኣጸቢቑ ኣብ ቁጠባዊ ትምህርቲ ዘድሃበ እዩ ኔሩ። ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ብርግጽ እቲ ንዓይ ዘገድሰኒ ዝነበረ ነገራት ቁሩብ ተማሂረ እየ።

### ፈለምቲ ናይ ልምዲ ተመኩሮታት

እቲ መዛዘሚ ዓመት ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ ንዓይ ኣሐጒሱኒ - ተመስገን፥ ድሕሪ ሕጂ ትምህርቲ ስለ ዘብቅዐ፣ ኣብ ክንድኡ ፈለምቲ ልምዲ ተመኩሮታት ምድላብ እዩ። መዓልታዊ ዕዮ ምስ ቆልዑ ኣብ ናይ ጥዕናዊ ስነ ምምህርና ቤት ትምህርቲ ፈትየዮ፣ እቲ ኣብ ክፍልታት ዝነበረ መቐመጢ ኣቕሑት ግን ከምቲ ዝፈትዎ ኣይኮነን። ዕዮ ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ ብተዛማዲ ቀሊሉኒ።

ኣብ'ቲ ዓመት ስነ ኣእምሮ ንከጽንዕ ዝነበረኒ ውሳነ ኣብሲለዮ። እዚ ሓሳብ ገና ካብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ጀሚሩ ንዓይ ዘሰነየኒ እዩ ነይሩ። ከም ሰብ ሙያ ቴራፒ ክሕዝ ዝበል ሓሳብ ኣብ ኣእምሮይ ቀረጸ።ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ንምእታው ናይ ምርጫ ኣገባብ ነይርዎ። 45 ውልቀሰባት ተሳቲፎም፤ ኣነ ምስ'ቶም ብዕድመ ዝነኣሱ እየ ኔረ። 25 ናይ ትምህርቲ ቦታታት እየን ኔረን፣ መበል 30 ምስ ኮንኩ ኩሉ ዘብቀዐ መስሊሉኒ ነይሩ። ትምህርቲ ክጅምር ሓሙሽተ መዓልቲ ምስ ተረፎ፣ ብቴሌፎን ንዓይ ሓንቲ ነጻ ቦታ ከም ዝተወሃበትኒ ተነገረኒ። ክቀራረብ እኳ እንተነበረኒ ካልእ ኣማራጺ መደብ ስለ ዘይነበረኒ ተሓጒሰ።

ትምህርተይ ድማ ኣብ መፈጸምትኡ ብጽቡቕ ነጥብታት ፈጺመዮ። ሕጂ ግን እናዛየደ ይርደኣኒ ከም ዘሎ፣ ንተግባራዊ ስነ ኣእምሮ ብባችለር ብዙሕ ክግበር ዝከኣል ነገር የለን። ሰብ ሙያ ቴራፒ ንምዃን ማስትሬት ዲግሪ የድሊ እዩ፣ ከምኡውን ብተወሳኺ ትምህርቲ ቴራፒ የድሊ እዩ፣ ምስ ትሑት ደሞዝ ዘለዎ ስራሕ፣ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ዓመታት ይሓትት። እዚ ኣብ'ዚ እዋን ዘይዓቕመይን ክሓስቦን ዘይከኣል እዩ።

### ከም ብሓድሽ ምጅማር

ኣንፈተይ ናብ ናይ ቱሪዝም ወይ ድማ ናብ ናይ ሆቴል መዳያት ንኸቕንዕ ክሓስብ ጀሚረ፣ ብሕፍልፊ'ኳ ድሕሪ ትምህርቲ ኣብ'ዚ መዳያት ከም መጻንሒ ብምስራሕ፣ ቁሩብ ክእለት ኣጥርየ ስለ ዝነበርኩ። ደሓር ሓደ ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ሰራሕታኛ ከም ዝድለ ኣብ ሓደ ምልክታ ርእየ። ኣመልኪተ፣ ከይተጸበኽዎ ድማ ነታ ናይ ስራሕ ቦታ ረኺበያ። ግርም፥ ሓድሽ ምጅማር ስለ ዘድለየኒ ክፍትኖ እየ።»

# ድሕሪ ማትሪክ ጊምናዝየም

**ማትሪክ ጊምናዝየም ንዘለዎ ሰብ ሓያሎ መንገድታት ክፉት እዩ፡ ኣብ ናይ ካንቶን ዩኒቨርስቲ ምምሃር፣ ኣብ ናይ ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክ፣ ኣብ ዩኒቨርስታት ዓውደ ሙያ ድሕሪ ናይ እንተወሓደ ሓደ ዓመት ልምዲ ሞያ ወይ ድማ ድሕረ ማትሪካዊ ትምህርቲ ቁጠባ።**

## ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨስታትን ፈደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክን ETH/EPF

ፈደራላዊ ቅቡልነት ዘለዎ ናይ ማትሪክ ምስክር ወርቐት እንተ ሒዝኩም ዩኒቨርስቲ ክትኣትው ይፍቀደልኩም እዩ።ናይ ወጽኢ ሃገር ምስክር ወርቐት ማትሪክ እንተደኣ ሃልዩኩም ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.swissuniversities.ch ኣቲኹም፣ እዚ ኣብ ናይ ስዊዘርላንድ ዩኒቨርስታትን ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክን ETH/EPF ቅቡልነት ዘለዎ ከም ዝኾነ ወይ ድማ ተውሳኺ ናይ መእተዊ ፈተና ምግባር ኣድላዪ እንተኾይኑን ኣጻርዩ።

ናይ ስዊዘርላንድ ዩኒቨርስታት ብሓፈሽኡ ናይ መእተዊ ገዳባት የብለንን። ካብዚ ዝፍለያ እተን መዳያት ሕክምናዊ ዓውደ ትምህርታትን ገለ ስነ ስፖርትዊ መጽናዕትታትን እየን፡ ከከም ቁጽሪ ዝተመዝገቡ ተምሃሮ ስዊዘርላንድ ናይ መእተዊ ፈተና ይካየድ እዩ። ግዱሳት ወጻእተኛታት እውን፣ ስድራ ቤቶም ናይ መቐመጢ ፍቓድ ዘለዎም እንተኾይኑ፣ ኣብዚ ፈተና ክካፈሉ ይፍቀደሎም እዩ።

ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ኣብ ክልተ ደረጃታት ይምቀል፡ ነቲ ቐዳማይ ኣካዳሚያዊ ዲግሪ – ባችለር – ናይ 3 ሙሉእ ዓመታት ትምህርቲ ዘንጸባርቕ፣ 180 ነጥብታት ከተምጽኡ ኣለኩም። ነቲ ካልኣይ ኣካዳሚያዊ ዲግሪ – ማስትሬት – ተውሳኺ 90 ክሳብ 120 ነጥብታት ወይ ድማ 2 ዓመታት ከተምጽኡ ኣለኩም። ንትምህርቲ ማስትሬት ዲግሪ ኣቐድምኩም ባችለር ምሓዝ የድየኩም እዩ።

ኣብ ዩኒቨርስታትን ፌደራላዊ ዩኒቨርስታት ቴክኒክን ETH ንትምህርቲ ዝኽፈል ኣዝዩ ዝተፈላለየ እዩ፡ ከከም እቲ ዩኒቨርስቲ ንሓደ ናይ ትምህርቲ ዓመት ካብ 1‘000 ክሳብ 4‘000 ፍራንከን ኣብ ግምት ከተእትውዎ ኣለኩም። ኣብ ሓደ ሓደ ዩኒቨርስታት ንምምሃር፣ ወጻእተኛታት ተምሃሮ ንትምህርቲ ኣዝዩ ዝለዓለ ገንዘብ ክኸፍሉ ኣለዎም።

ድሕሪ ማስትሬት ዲግሪ ዘፈላለየ ተወሳኺ ትምህርትታት ንምምሃር ዕድል ይኽፈተልኩም እዩ፣ ከም ናብ ምርምር ዘተኮረ ኣብ ዩኒቨርስታትን ኣብ ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክን (ዶክትሬት፣ መዓርግ ፕሮፈሰር) ወይ ድማ ናብ ሙያ ዘተኮረ ዝተፈላለየ ጊዜ ዝወስድ ምስክር ወረቐትን ዲፕሎምን (Certificate of Advances Studies CAS, Diploma of Advanced Studies DAS, Master of Advanced Studies MAS)። ከምኡ እውን ናይ ስነ ምምህርናዊ፣ ዲዳክቲክን ልምዲ ኣመሃህራን ዝሓቐፈ ስልጠና ክኸውን ይኽእል (ንኣብነት ዲፕሎም ምምህርና ንኣብያተ ትምህርቲ ማትሪክ)።

## ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውዴ ሙያ

ናይ ጊምናዝየም ማትሪክ እንተደኣ ኣለኩምን ሓደ ዓመት ድማ እንተሰሪሕኩምን ብኽምኡ ድማ እቲ ዘድሊ ልምዲ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም እንተጥሪኹምን፣ ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ነቶም ናይ ወጻኢ ሃገር ምስክር ወረቐት ማትሪክ ዘለዎም እውን፣ ከም ኣብ ዩኒቨርስታትን ኣብ ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክን ዘሎ እቲ ዕላዊ ናይ መእተዊ ዝርዝር ወረቐት (ሊስታ) እዩ ዘገልግል (ኣብ www.swissuniversities.ch) ርኣዩ።

ንትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ዓውደ ሙያ ዝኽፈል ክፍሊት – ከከም ዓውደ ትምህርቲ – ከባቢ 1‘000 ክሳብ 2‘000 ፍራንከን ንዓመት ይበጽሕ። ንወጻእተኛታት ተምሃሮ ዝሕተት ክፍሊት ልዕል ዝበለ ክኸውን ይኽእል እዩ።

# ዳርጋ ልሙድ – ማትሪክን ዩኒቨርስቲን፥ «ኣብ ጊምናዝየም – ኣነ ነቲ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ግምናዝየም ብዓውደ ትምህርቲ ጥንታውያን ቋንቋታት እየ ጀሚረ – ኩሉ ከም ዝደለኹዎ ኣይከደን። ድሕሪ ካልኣይ ዓመት ብእዋናዊ ጥራሕ እየ ሓሊፈ። ...

መምህረይ እታ ሰልሰይተ ዓመት ኣብ ዙሪክ ካብ ዝደገማ ኣብ ጀነቫ ንኽመሃራ ሓሳብ ኣቕሪባትለይ። እዚ ንዓይ ቀሊል ኣይነበረን፣ ምኽንያቱ ትምህርቲ ብቛንቋ ፈረንሳይኛ እዩ ኔሩ ከምኡ ድማ ንመጀመርታ ጊዜ ብዘይ ስድራይ እየ ዝነብር ነይረ።ኮይኑ ግን ምስ ሓትነይ ኣብ ጀነቫ ክነብር ብምኽኣለይ ቁሩብ ቅልል ኢልለይ። ንዙሪክ እንደገና ተመሊሰ ነቲ ሓጺር እዋን ዝወስድ ጊምናዝየም መእተዊ ፈተና ገይረ ሓሊፈ፣ ሕጂ ግን ነቲ ፕሮፊል ሓዲሽ ቋንቋታት ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛን ብቛንቋ ስፔይንን። እዘን ፕሮፊል ምሳይን ምስ እቲ ዘለኒ ክእለትን ዝሰማምዓ እየን ነይረን፣ ምኽንያቱ መበቆል ወለደይ ስፔይንን ዓዲ ጥልያንን ስለዝኾነ፣ ኣብ ገዛ ቋንቋ ካታላን ኢና ንዛረብ።



ማርክ ሞራን፣ ስዊዘርላንድ
መምህር ቀዳማይ ደረጃ

## ማሕበራዊ ርክባት ዘይምህላው

ዕድመይ 12-፣ 13 እንክለኹ ሓደ መዓልቲ መምህር ከም ዝኸውን ርግጸኛ እየ ነይረ።ድሕሪ ማትሪክ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ስነ ጥበብ ናውቲ፣ ኣብ ፈደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክ ETH/EPF ንኽመሃር ወሲነ። ኣብቲ ዓመት ቁሩባት ተምሃሮ ኢና ኔርና፣ ብግምት 60 ንኸውን ተምሃሮ ጥራሕ፣ ፍርቂ እቲ ኣስተምህሮ ንሒሳብ ዝምልከት እዩ ነይሩ። ግዜ ከይወሰደ፣ እቶም ካልኦት ካባይ ኣዝዮም ከም ዝበልጹ ጉሁድ ኮይኑ፣ ቀልጢፈ ነቲ ትምህርቲ ክስዕብ እውን ኣይከኣልኩን። እቲ ኣርኣስቲ የገድሰኒ እኳ እንተነበረ - ንኣብነት ሓደ ፕሮፌሶር ካብ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ጀሚሩ፣ ምስማር መንኮሊ መሬት ብኸመይ ክመሓየሽ ከም ዝከኣል ተመራሚሩ – ኣብ ዕዮ ምርምር ኣብ ላቦራቶሪ ግን ማሕበራዊ ርክባት ኣይነበረንን።

ነቲ ትምህርቲ ኣቋሪጸዮ። ኣብ' ቲ መሰጋገሪ ዓመት መጀመርያ ኣብ ፍሉምሰር በርገን ደሓር ድማ ኣብ ዙሪክ ከም ኣሰላፊ ሰሪሐ። ብሐንጎል ምሕሳብ ጥራይ ዘይኮነ እንደገና ተመሓይሹ፣ እንታይ ደኣ ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ዘሎኒ ርክባት ምግባር እውን ተማሂረ።

ብድሕሪኡ ናብ' ቲ ናይ ቀደመይ መደብ ናብ ስነ-ምምህርናዊ ዩኒቨርስቲ ተመሊሰ። ኣብ መላለዩ መዓልትታት ከም ዝተዓዘብክዎ፣ ንታሕተዋይ ደርጃ ቁሩብ ዓቕሊ ክውሕደኒ ከም ዝኽእል እኳ እንተ ተገንዘብኩ፥ እቶም ናይ ማእከላይ ደርጃ ተምሃሮ ግን ንዓይ ዝሰማምዑ ከም ዝኽእሉ ተረዲኡኒ። እታ ንሕና ዝኣተናላ ዓመት ከኣ ዕድል ጌርና። ብሕጽረት መምሃራን ምኽንያት ኣብ ሳልሳይ ዓመት ክንምህር ጀሚርና። ኣዝዩ መሃሪ እዩ ነይሩ፣ ስለ ዝነበረ ከኣ ነቲ ኣብ ክልሰ ሓሳብ ዝተመሃርኩዎ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ክኢለ። እዚ ስራሕ ድማ ንሓደ መዲበዮ ዝነበርኩ ነዊሕ መገሻ ገንዘብ ንኽረክብ ሓጊዙኒ።

## መሳጢ ምዕባለ

ድሕሪ ምፍጻም ዩኒቨርስቲን መገሻን ከም መጠን መምህር ኮይነ ስርሐይ ጀሚረ።ኣብ' ዚ ናይ ህይወት እዋን ዝረአ ምዕባለ ኣዋልድን ኣወዳትን ተምሃሮ ኣዝዩ መስጢ እዩ፣ ኣብ 4- ይ ክፍሊ ቁሩብ ጸወታ ይፈትዉ፣ ድሕሪኡ ግን መመገዶም ይሕዙ፣ ብዛዕባ ጸገማትን መፍትሒታቶምን ይመራመሩ፣ ከምኡውን ባዕላቶም ብምሕሳብ ናይ ገዛእ ርእሶም ርእይቶ የማዕብልኑን።

ብስረሐይ ነቲ ዘለዎም ናይ ቤት ትምህርትን ናይ ምምሃርን ሓጎስ ንኽዕቅብዎ ድለይተይ እዩ። ንኣብነት መጽናዕቲ ከምይ ገይሮም ከም ዝመቓቕልዎ የርእዮም፣ ኩሉ ኣብ ሓደ መዓልቲ ወይ ኣብ መወዳእታ ደቒቕ ምግባር ከም ዘየድልዮምን፣ መጽናዕቲ ድማ ከም ዘሐጉስን የርእዮም።»



ጉል ኣፍሮዝ ሓይዳሪ፣ ኣፍጋኒስታን
መደብ ንስልጠና ክኢላ ሞያ ቴክኒክ ሕክምናዊ ራዲዮሎጊ
(ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ)

# *ኣብ ናይ ሓበሬታ መዓልቲ ብድንገት መሲጡኒ :*

***«ኣነ ካብ ኣፍጋኒስታን እየ መጺኤ፣ ምስ ስድራይ ግን ነዊሕ እዋን ኣብ ኢራን ተቐሚጠ፣ ኣብኡ ከኣ ቀጺለኤለክትሮ - ኢንጂነር ክኸውን ስለዝመደብኩ፣ ክብደቱ ኣብ ሒሳብን ፊዚክስን ዘድሃበ ትምህርቲ ጊምናዝየም ተማሂረ። ...***

ኣቦይ ንባዮሎጂ ወይ ድማ ኬሚስትሪ መዲበ ክመሀር ድሕሪኡ ድማ ኣብ ዩኒቨርስቲ ሕክምና ንኽመሃር እዩ ድልየቱ ኔሩ። ትምህርቲ ዩንቨርስቲ ኣይሰለጠንን፣ ምኽንያቱ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኣቢሉ ስለ ዝተመርዓኹን ሕጂ ድማ ምስ በዓል ቤተይ ኣብ ስዊዘርላንድ እነብር ስለ ዘለኹን። ኣብ መጀመርያ ቀሊል ኣኳ እንተዘይነበረ ብጻዕቅን ብቑልጡፍን ቋንቋ እናተመሃርኩ ንመጻኢ ሙያይ ክሓስብ ጀሚረ።ንዓይ ከም መጠን ኣስላመይቲ ስራሕ ከም ዘሎንን ገንዘበይ ባዕለይ ከም ዘእትዎን ምርኣይ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ነይሩ። ሱቕ ኢለ ኣብ ገዛ ኮፍ ጥራሕ ኢለ ዕዮ ስድራቤት ክሰርሕ ኣይደልይን እየ።ዩኒቨርስቲ ወይ ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክ ETH/EPF ጹቡቓት ኣማራጺታት ምኾኑ ነይሮም፣ እንተኾነ ግን ዩኒቨርስቲ ብሓቂ ኣይምፈተኹዎን፣ ምኽንያቱ ብኽለሰ ሓሳብ ዝተመሃርኩዎ ብኢደይ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ክኽእል ስለ ዘለኒ።

## ምውህሃድ ቤት ትምህርትን ኣብ ግብሪ ምውዓልን

ከምኡ ስለዝኾነ እዚ ናይ ስዊዘርላንድ ተቓናበረ ስርዓት ትምህርቲ እፈትዎ እየ፣ ምጽንባር ቤት ትምህርትን ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ድማ ኣብ ግብሪ ምውዓልን። ኣብ መጀመርያ ናይ ፖሊመካኒክስ ትምህሪቲ ልምዲ ሙያ ደልየ። እዚ ሙያ ተግባራዊ ስራሕ፣ ክልሰ ሓሳብን ቴክኒካዊ ራእይን ብዝበለጸ ዘጣምር እዩ።

ኣብቲ እዋን መልላዩ ልምዲ ከኣ ኣዝየ ፈትየዮ። እቲ ዘሕዝን ግን እቶም ሓለፍቲ ድኽምቲ ስለ ዝኾንኪ እቲ ዘሎኪ ሰውነታዊ ሓይሊ ነዚ ሙያ ኣይበቅዕን እዩ በሃልቲ እዮም ነሮም። እዚ ኣዝዩ ተስፋ ኣቑሪጹኒ። ሓደ ሓደ እዋን እውን ምናልባትዶ መንዲል ርእሲ ስለዝገብር ኣብቲ ናቶም ትካል ኣይትሰማምዕን እያ ኢሎም ይኾኑ፣ ዝብል ሕቶ ይመጻኒ ነይሩ። መንዲል ርእሲ ካብ ቆልዕነተይ ጀሚረ እየ ዝገብር፣ እዚ ኣካል ያታዊ ባህልና እዩ። ንዓይ ግን ብዝያዳ ኣካል ሃይማኖተይ እዩ። ብዘይ መንዲል ርእሲ ምውጻእ ንዓይ ከም ሓጥያት ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ። ብዘይ ገለ ምኽንያት ነዚ ክፍጽም ኣይክእል እየ።

## ዝሰማማዕ ሙያ

ነቲ ምርጫ ሙያይ እንደገና ሓሲበሉ፣ እንደገና ብዛዕባ ሙያታት ብዙሕ ኣንቢበን ፊሊማት ድማ ርእየን። ኣብ ሓደ ናይ ቤት ትምህርቲ መዓልቲ ሓበሬታ ግን ክኢላ ሕክምናዊ ቴክኒካዊ ራዲዮሎጊ ንዓይን ንኽእለተይን ድልየተይን ዝሰምማዕ ምዃኑ ተገንዚበ።

ሕጂ ኣብ ሓደ መሕወዩ ክሊኒክ ተግባራዊ ልምዲ እንዳገበርኩ ዕላማይ ኣቕኒዔ ኣብ ሓደ ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ንኽመሃር ምድላዋተይ ክገብር እኽእል ኣለኹ። ኣብ መከታተሊ ክፍሊ እየ ዝሰርሕ። እብዚ ኣንስትን ሰብኡትን ሕሙማት ካብ ሆስፒታል ናብ መሕወይ ቦታ ዝመጹሉ እዩ። ንጽርየት ብዝምልከት ኣብ ' ዚ ክፍሊ ብጣዕሚ ጽንኩራት ምምርሒታት ክህልዉ ናይ ግድን እዩ። ባክቴርያታት ንሕሙማትን ብርቱዕ መጉዳእቲ ንዘለዎም ቁሱላትን ሓደገኛ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እቲ ኣብ ጽርግያ ዝገብሮ መንዲል ርእሲ እንተደኣ ኣብዚውን ገይረዮ፣ ንባክቴርያታት ብዘይ ምክልኻል ክቃላዕ ይኽእል እዩ። ኣብ ' ዚ መዳይ ምእንቲ ክሰርሕ፣ እቲ ኣብ መዓልታዊ ውልቃዊ መነባብሮይ ቀጻሊ ዝለብሶ መንዲል ርእሲ፣ ኣብ እዋን ስራሕ ኣይገብሮን እየ።»

ድሕሪ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ ወይ ጊምናዝየም ከመይ ይቕጽል?

# *ድሕረ ማትሪክ ትምህርቲ ቁጠባ ዝበለጸመፍትሒ :*

## *«ስፖርት፣ ቴኒስ፣ ስክዎሽ ወይ ድማ ስረሐይ ከም ዓላሚ ቮሊቦል ኩሉ ግዜ ናይ ህይወተይ ኣገደስቲ ክፍልታት እዮም ነይሮም። ...*

በዚ ምኽንያት፣ ድሕሪ' ቲ ሙዚቃዊ ጊምናዝየም ስፖርት ከመሃር ድለየት ሰለ ዝነበረኒ ስነ ምንቅስቓስ ኣብ ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክ ንምምሃር ወሲነ። ቀንዲ ዓውደ ትምህርትታት፣ ምስ ስፖርት ብዙሕ ርክብ ዘይብሎም፣ ሒሳብ፣ ፊዚክስን ኬሚስትሪን እዮም ነይሮም። ድሕሪ ሽውዓተ ወቕተ ትምህርቲ ብሓንቲ ዓውደ ትምህርቲ ካልኣይ ጊዜ ተሪፈ። እሕዘን ደኣ እምበር ነቲ ጌጋይ ግን ተቐቢለዮ እየ። ነዚ ፈተና ሽውዓተ ሰሙን ሙሉእ ብጻዕቂ የጽንዕ ደኣ ኣምበር ኣይተዓወትኩን። ገለ ነገር ልክዕ ስለዘይነበረ፣ ከምብሓድሽ ኣንፈት ክሕዝ ስለ ዝነበርኒ፥ ኣብ ጊምናይዝየም ከለኹ ዝፈትዎ ዝነበርኩ ዓውደ ትምህርቲ፣ ቁጠባ ክመሃር ወሲነ።


ኒኮላስ ኤግሊ፣ ስዊዘርላንድ
ፈጻሚ ጉዳይ ሞግዚት ፌድራላዊ ናይ ዓውዱ ሙያ ወረቐት መንነት ንሞግዚትነት ኣብ ምቅርራብ

ድሕሪ እቲ ኣስለቻዊ ዝኾነ ናይ ሓደ ወቕተ ትምህርቲ ኣብ ዩኒቨርስቲ፣ ንፍርቂ ዓመት ምስ ሓደ ኤሌትሪቺስታ ከም ተለማማዲ ሰሪሔ። ናይ ጉልበት ስራሕ እናሰርሕኩ ሓደስቲ ሰባት ተፋሊጠ፣ ገንዘብ እናእተኹ ንኽሓስብ ድማ ግዜ ረኺበ። እቲ ውጽኢት? ንድሕረ ማትሪካዊ ትምህርቲ ቁጠባ ተመዝጊበ። ኣብኡ ናይ ሽድሽተ ኣዋርሕ ትምህርቲ ሙያ፣ መሰረታውያን ክእለታት ድሕሪ ምውሳድ ብፈተና ዝዛዘም ኮይኑ፣ ብድሕሪኡ ን18 ኣዋርሕ ብተግባራዊ ልምዲ ምዕሟቕ ክእለት የጠቓልል።

ኣብ ውሽጢ ሓጺር ጊዜ እቲ ዝድለ ናይ ተግባራዊ ልምዲ ሙያ ዝግብረሉ ትካል ረኺበ፣ ሰብ ሙያ ሰራሕተኛ ሞግዚት ንድሕረ ማትሪካዊ ትምህርቲ ቁጠባ ንምኺን በቒዔ። እዚ ዓይነት ትምህርቲ ነቲ ዝሰርሓሉ ትካል ኣዝዩ ዕዉት ስለዝነበረ፣ ቀጺልና ምስ ካልኦት ናይ ንድሕረ ማትሪካዊ ትምህርቲ ቁጠባ ተልሜደናት ብሓባር ንሰርሕ ኣለና። እዞም ትምህርቲ ልምዲ ወሰድቲ ብዕድመ ዝደፍኡ ስለ ዝንበሩ ብገዛእ ርእሶም ክይተደናገሩ ንኣብነት ቀዳምይ ርክባት ኣብ ቴለፎን ብኽኢላዊ መንገዲ የጻፍፉን ይሰርዕዎን ነይሮም።

እዚ ተግባራዊ ልምዲ ሓዘል መገዲ ትምህርቲ ነዓይ ሙሉእ ብሙሉእ ልክዕ እዩ ነይሩ። ጸብጻብ ቀረጽ ንገብር ዝተሓላለኹ ጉዳያት ገዛውትን ካልኦት ንብረታት ዘለዎም ሃብታማት ዓማዊል፣ ኣጸቢቖም ብዕዳታት ንዝተጸገሙ ወይ ናይ ቀርጽ ብዘይ ምኽፋል ሕጊ ዝጠሓሱ እሞ ባዕለም ከጋልጹ ንዝደልዩ ንኣልዮም ኢና። ንዓበይቲ ትካላት ንኣተሓሕዛ መዝገብን ምምሕዳር መሃያን ብዝምልከት፣ ኣብ ምምሕዳራዊ ጸፍሒ ድማ ነቶም ሰርሕተኛታት ካብ ምቑጻር ክሳብ ጥሮታ ንኣልዮም ኢና። ሰብ ትካል ኣብ መፈለምታ፣ ምናልባት ኣብ ኣኽሳሪ ናይ መጀመርታ ዓመታት - ሓደ ክልተ ዓመታት እዋን፣ ምምስራት ትካል ንኣልን ከም ዘይጽግዕተኛታት ሞግዚት ድማ ዓመታዊ ጸብጻብ ነሰላስለሎም።

### ምስ ዓማዊል ቀጻሊ ርክባት

እዚ ምናልባት ቀሊል ኮፍ ኢልካ ኣብ ኮምፕዩተር ኣሃዛት ናብ የማንን ጸጋምን ብምግዕዓዝ ዝውዳእ ይመስል ይኸውን። ብፍጹም ከምኡ ኣይኮነን። እነ ምስ ዓማዊልና ቀጻሊ ኣካልዊ ርክባት ብምግባር፣ ምስኦም እማየጥ ምኽርታት ድማ ይልግሶም። 50 ካብ ሚእቲ ዝኾኑ ዓምዊልና ወጻእተኛታት ስለ ዝኾኑ፣ እቲ ክእለት ቛንቋይ የድልየኒ እዩ፣ ምስ ኣብያት ጽሕፈት ቀረጽ ካልኦት ሃገራት፣ ንኣብነት ዓባይ ብሪጣንያ ወይ ፈርንሳይ፣ እውን ብቐጻሊ እየ ዝዘራረብ። ካብ' ቶም ኣብ' ዚ እንሰርሕ ጽሩይ መበቆል ስዊዘርላንድ ዘለዎ ሰብ ስለ ዘየለ፣ ምስ ዓለም ለኻዊ ጋንታ እየ ዝሰርሕ። ኣብ ልዕሊ ጀርመንኛን እንግሊዝን ፈረንሳይኛ፣ ቛንቛ ጥልያን፣ ቛንቛ ፖርቱጋል፣ ቛንቛ ክሮኣት ወይ ቛንቛ ስፐይን ንዛረብ። እዚ እውን ኣዝዩ መሃርን ጠቓምን እዩ።

መዓልታዊ ስራሕ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሞግዚት ንዓይ ሓደ መሳጢ ዓለም ክላለ ገይሩኒ እዩ። ቁጠባዊ ምትሕሓዛት ስለ ዝምስጡኒ ምስ ሰባት ብቐጥታ ብምርኻብ ንሰባት ጠቓሚ ነገራት ክገብር ይሕግዘኒ።»

## ድሕሪ ማትሪካዊ ትምህርቲ ቁጠባ

ኣዋልድን ኣወዳትን ማትሪክ ዝገብሩ እሞ ንቑጠባ ተገዳስነት ዘለዎም፣ ንትምህርቲ ዩኒቨርስቲ ድማ ኣማራጺ ዝደልዩ፣ ነቲ ድሕረ ማትርኪካዊ ፕሮግራም ቁጠባ ክውስኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ኣብ ክልተ ደርጃታት ተመቒሉ ዝቖመ እዩ :

- ናይ 6 ኣዋርሕ መሰረታዊ ትምህርቲ ብምስክር ወረቐት ዝፍጸም።
- ናይ 18 ኣዋርሕ ኣብ ትካል ዝውሰድ ተግባራዊ ልምዲ ኮይኑ፣ ነቲ «ቁልጡፍ» ዝኾነ ኣብ ዝተደልየ መዳይ ንምእታው ዝሕግዝ እዩ።

ከከም እቲ ተግባራዊ ልምዲ ዝግበረሉ ትካል፣ ተመረቕቲ ድሕረ ማትሪካዊ ትምህርቲ ቁጠባ ገና ኣብ ትምህርቲ እንከለዉ ኣብ ወርሒ ከባቢ 2000 ፍራንከን መሃያ ይወስዱ እዮም።

ናይ ድሕረ ማትሪካዊ ትምህርቲ ቁጠባ ብሓደ 30 ትካላት ናይ መዳያት ባንክ፣ ኢንሹራንስ ወይ ሞግዚትነት ዝርከብኦ ማሕበር ዝተሓቕፈ እዩ። ግዱሳት ብቐጥታ ኣብ እተን ዳርጋ 100 ዝኸውን ናይ ተግባራዊ ልምዲ ቦታታት ዝህባ ሓለፍቲ ትምህርቲ ናይ’ ዘን ትካላት ክወከሱ ይኽእሉ። ነዚ ትምህርቲ ዝኽፈል ዋጋ ካብ 10’000 ፍራንክ ንላዕሊ ብዝሕ ዝበለ ክኸውን ከሎ፣ ከም ግቡኡ በቲ ናይ ተግባራዊ ልምዲ ውዕል ዝፈረመ ወሃብ ስራሕ እዩ ይሽፈን።

**ናይ ኩሉ ታሪኽ ትምህርቲ ትኽ ዝበለ መገዲ ኣይኮነን ዝኽተል። ድሕሪ እቲ ግቡእ ትምህርቲ፣ ብቐጥታ ሓደ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ምቕጻል ክሓልፈኩም ይኽእል ይኸውን። ወይ ድማ ነቲ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ ኣብቲ ናይ መጀመርታ እዋን ክትተርፉ ትኽእሉ ትኾኑ። ትምህርታት ክድገሙ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ስዊዘርላንድ ንዓኹም ኣብ ዓለም ስራሕ ዝሓሸ ዕድል ንምርካብ ዝሕግዙ፣ ካብ ሙያዊ ስራሕ ናብ ትምህርቲን ቀጻሊ ትምህርቲን መሰጋገሪታት ክኾኑ ዝኽእሉ ብዙሓት ኣለዉ።**

እዚ ምዕራፍ ነቶም ኣብ ስዊዘርላንድ ስራሕ ንዝሰርሑ፣ ከምኡውን ነቲ ኣብ ዓለም ስራሕ ዘለዎም ኣጋጣሚታትን ዕድላትን፣ ሓደ ሙያዊ ትምህርቲ ፈጺሞም ነቲ ዘለዎም ሙያዊ ክእለት ድማ ፍሉጥ ዝኾነ ምስክር ወረቐት ሒዞም፣ ከመሓይሹ ንዝደልዩ ደቀንስትዮን ሰብኡትን ወጻእተኛታት ዘቕንዔ እዩ።

ምዕራፍ 7

# ዕድላትን ኣጋጣሚታትን ምጥቃም

# ንምርካብ ዝግበር ትምህርቲ

ገጽ

110 **ምፍጻም ትምህርቲ ንዓበይቲ**

110 ***ኣላይቲን ኮቻሃል፣ ቱርኪ፣ ከሻኒ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት***
*«መጀመርታ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ድሕሪኡ ከኣ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት»*

111 ***ሉዊስ ኔቶ፣ ፖርቱጋል፣ ነዳቓይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት***
*«ብርግጽ እንደገና ትምህርቲ ልምዲ»*

112 ***ማርቆስ ሽሚድ፣ ኢንስፐክቶር ሙያ ናይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲን ቤት ጽሕፈት ሙያዊ ትምህርቲ ካንቶን ዙሪክን***
*«ንኽተርክብ ዝግበር ትምህርቲ ኣደልዲልካ ምሓዝ»*

# ምፍጻም ትምህርቲ ንዓበይቲ

**ታሪኽ ትምህርትኹም ትኽ ዝበለ መገዲ ከይሓዘ ክተርፍ ይኽእል ይኸውን። እስኹም ዓቢ ኢኹም፣ ይኹን እምበር ክሳብ ሕጂ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ይኹን ካልእ ሓፈሻዊ ቤት ትምህርቲ ኣይፈጸምኩምን። በዚ ምኽንያት ድማ ከም መጠን ዓባይ ሰበይቲ ወይ ድማ ዓቢ ሰብኣይ ነቲ ትምህርቲ ልምዲ ኣርኪብኩም ክትፍጽሙ ትደልዩ ኢኹም።**



ኣላይቲን ኮቻሃል፣ ቱርኪ፣
ከሻኒ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት

## *መጀመርታ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ድሕሪኡ ከኣ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት : «ናብ ስዊዘርላንድ ምስ መጻእኩ፣ ኣቐዲመ ኣብ መዳያት ምቕባል ኣጋይሽ ተሞክሮ ስለዝነበረኒ፣ ቀልጢፈ ከም መጠን ተሓጋጋዚ ክሽነ ስራሕ ረኺበ። …*

ድሕሪኡ ስራሕ ኣልቦ ኮይነ። ዕድል ጌረ ግን ሳላ ሓገዝ ማእከል ናይ ከባቢ መራኸብቲ ስራሕ፣ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ከም መጠን ሰራሕተኛ ክሽነ ብፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ ክፍጽም ክኢለ። እቲ ናይ ከባቢ መራኸብቲ ስራሕ ሓደ ትምህርቲ ልምዲ ኣብ ኢንስቲቱት ናብ ዓለም ስራሕ ንምጽንባር ረኺብለይ ከምኡ ድማ ብቑጠባ ደጊፍኒ። እቲ ተግባራዊ ልምዲ ኣብ ትካል ከምኡ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሮ ዝነበርኩ ስነ ሙያ ዘጸግም ኣይነበረን። እተን ናይ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ዓውደ ትምህርታት ከም እኒ ስነ ሕጊ ግን፣ ብምኽንያት ክእለት ቋንቋይ በርቲዔናኒ። መሳርሕተይ ከምኡውን ሓለቓይ ሓጊዞምኒ ከምኡ ድማ ብተወሳኺ ኮርስ ቋንቋ ተሳቲፈ። ኣብ ቤት ትምህርቲ መዳይ ሙያ፣ ከም መጠን በይኑ ሓደ ዓቢ ኣብ ሞንጎ መንእሰያት፣ እቶም መንእሰያት ብጣዕሚ ጽቡቕ ተቐቢሎምኒ። ምስ ሓደ ሓደ ካብኣቶም እውን ክሳብ ሎሚ ርክብ ኣለኒ። ቆልዓ ከለኹ ንቤት ትምህርቲ ምኻድ ኣይፈቱን እየ ነረ፣ ኣብዚ ግን ቤት ትምህርቲ ክህሉ ከሎ ታሕጓስ ይስምዓኒ። ካብቲ ልሙድ ፍልይ ዝበልኩ ምኽንያት እውን፣ ኣወንታዊ ጎኒ ኣለዎ : ሓደ መምህር ትምህርቲ ምስ ፈጸምኩ ኣብቲ ናቱ ትካል፣ ናይ ኣረገውቲ ማእከል፣ ንኽሰርሕ ዕድል ስራሕ ሂብኒ። ብዙሕ ከይጸናሕኩ ድማ ሕጂ ክብ ዝበለ ደረጃ ከም ዘለኒ ተረዲእኒ። ሕጂ ተሓጋጋዚ ሰራሕተኛ ኣይኮንኩን፣ እንታይ ደኣ ከሻኒ እየ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ መሃያይ ክብ ዝበለ እዩ። ብውልቀይ እውን ነዚ ሙያ ምፍጻም ኣደልዲልኒ እዩ። ብኻልእ ሰብ ከይትካእ ዝብል ፍርሓት ካባይ ተወጊዱ፣ ከምኡ ድማ ናብ ካልእ ስራሕ ክቕይር ከም ዝኽእል ፈሊጠ።

ድሕሪ ሓደ ዓመት ድማ ከም መጠን ከሻኒ ኣርኪበ ክመሃር ከምኡውን ናይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት ንምፍጻም ወሲነ። ነዚ ድማ ክልተ ዓመት ሙሉእ ሓደ ፍሉይ ኮርስ ዓበይቲ ተማሂረ፣ ልክዕ ከም እቶም ዝመሃሩ ድማ ናይ መፈጸምታ ፈተና ጌረ።»

# ብርግጽ እንደገና ትምህርቲ ልምዲ :

## «ኣነ ኣብ ደቡብ ፖርቱጋል ኣብ ሓንቲ ንእሽተይ፣ ብግምት ዳርጋ 100 ነበርቲ ዘለዋ ሃገረሰብ እየ ዓብየ። ኣብኡ ድማ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ተማሂረ። ...

ነተን ዝቕጽላ ሹዱሽታ ዓመታት ድማ ኣብ ሓንቲ ዕብይ ዝበለት ሃገረሰብ ተማሂረ። እቲ ግቡእ እዋን ትምህርቲ ምስ ፈጸምኩ፣ እንታይ ከም ዝመሃር ኣይፈልጥን ኔረ። ድሕሪኡ ክልተ ዓመት ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀጺለ፣ ካብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ኣድህቦይ ኣብ ሒሳብን ባህርያዊ ስነ ፍልጠትን ጌረዮ። ካብኡ ቐጺለ ድማ – ኣብ ፖርቱጋል ናይ መጀመርታ ሰብ – ኣብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ትምህርቲ ንግዲ ተማሂረ። ነዚ ስራሕ ሰሪሐዮ ኣይፈልጥን እየ፣ ሓቂ ይሓይሽ እዚ ስራሕ ንዓይ ብጣዕሚ ዝስልቹ እዩ ኔሩ። ሓደ ሓደ ካብቶም መማህርተይ ነቲ ናይ ዩኒቨርስቲ መቐበሊ ፈተና ሓሊፎም። ኣነ ግን ንኽምኡ ድልየት ኣይነበረንን፣ ክሰርሕ፣ ሰሪሐ ገንዘብ ክረክብ፣ ናይ ውልቀይ ገዛ ደልየ። ስራሕ ይርከብ እምበር፣ እቶተይ ግን ነፍሰይ ክኢለ ንምንባር ብምንም ዓይነት ዝኣክል ኣይነበረን።

### ኣብ መወዳእታ ነፍሰ ወናኒ

ኣብቲ እዋን ነታ ኣብ ስዊዘርላንድ ትነብር ሓትነይ በጺሐያ። እሳ ንዓይ ኣብ ስዊዘርላንድ እንተነበርካ ' ዶ ኣይምሓሸካን ኢላ ሓቲታትኒ። እደሊ እምበር ! ኣብ ውሽጢ ሓጺር ጊዜ ስራሕ ረኺባትለይ፣ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ድማ ንስዊዘርላንድ መጺኤ። ሕጂ እቶተይ ጽቡቕ እዩ፣ ናይ ውልቀይ ገዛ ንምኽፋል ድማ ክኢለ፣ ነፍሰይ ክኢለ ንምንባር። ግን –ዝረክቦ ገንዘብ ብስራሕ ተሓጋጋዝነት እዩ። ኣነ ምስ ሓደ ኮስኳሳይ ኣታኽልቲ እየ ዝሰርሕ ኔረ ከምኡውን ብዙሕ ነገር እውን መገደሰኒ ኔሩ፣ ሕቶ ንምሕታትን ኣብ ልዕሊኡ እውን ሓዲሽ ነገራት ንምፍላጥን ግን ብቑዕ ጊዜ ኣይነበረንን። ክሰርሕ ኔርኒ፣ ቅልጡፍን ጽፉፍን። ኣብ ስዊዘርላንድ ክነብር እንተ ደልየ ከምኡ ድማ ተቐባልነት ዘለዎ ትምህርቲ ዘይብለይ እንተኾይኑ፣ ምሉእ ህይወተይ ነዚ ኣድካሚ ዝኾነ ስራሕ ተሓጋጋዚ ጥራሕ እየ ዝገብር፣ ካብ ካልኦት ዝወሓደ መሃያ ከም ዝረክብ ከምኡ ድማ ቀጻሊ ስራሕ ኣልቦ ከም ዝኸውንን ተረዲእኒ - እዚ ንዓይ ክልተ ጊዜ ኣጋጢምኒ ኣሎ - እታ ትካል ጠለብ ክውሕዳ ከሎ።

በዚ ምኽንያት ድማ እንደገና ሓደ ትምህርቲ ንኽመሃር ወሲነ። ብርግጽ ቁሩብ ተረቢሸ ኣለኹ፣ ምናዳ በቲ ትሕት ዝበለ መሃያ ምኽንያት። ካብ ንውሕ ዝበለ እዋን ጀሚረ ብቑጠባ ነፍሰይ ክኢለ ኣየ ዝነብር ዘለኹ፣ ምስ ብጸይተይ ኣብ ሓደ ገዛ ኢና ንነብር። ኣነ ነቲ ብምዕራፍ 32 ናይ ሙያ ስልጠና ስርዓት መሰረት፣ ከም መጠን ዓቢ ንኣገባብ ስልጠና ብቕዓት ክቐራረብ ምኽኣልኩ ኔረ፣ ድሓር ግን ነቲ ኩሉ ፍልጠት ክልሰ ሓሳብ በይነይ ክሰርሖ ኣለኒ። እዚ ከኣ ከቢድ መሲሉ ስለ ዝተራእየኒ፣ ከም መጠን ነዳቓይ ሓደ ትምህርቲ ልምዲ ደልየ ቀልጢፈ ድማ ረኺበ።

### ‹ነዚ እውን ክበጽሖ እደሊ እየ›

ቅድሚ እቲ ትህምርቲ ልምዲ፣ ኣብ ሓደ ትካል ተግባራዊ ልምዲ ገይረ። ኣብቲ ቦታ ስራሕ ውሑዳት ትምህርቲ ዝገበሩ ሰራሕተኛታት ጥራሕ እየ ርእየ፣ እሳቶም ድማ ማራኺ ስራሕ እዩ ዘለዎም፣ እዚኣቶም ወይ ካቦታት እዮም ወይ ድማ ለመጽቲ እዮም፣ ንዓኣቶም እቲ ስራሕ ብዙሕ ኣካላዊ ድኻም የብሉን። ኣነውን ክበጽሖ እደሊ እየ። ናይ ነደቕቲ ስራሕ ፈትየዮ፣ ክሰርሕ ከለኹ እወሳወስ እየ፣ ምሉእ እዋን ዝተበራበረ ምኳን ከምኡውን ብዙሕ እየ ዝመሃር።

ነቲ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ብታሕጓስ እየ ዝጽበዮ ዘለኹ፣ ሓዲሽ ነገር ምምሃር፣ እንደገና ሒሳብ፣ ንድፍታት ንምንባብን ንምርዳእን፣ ከመይ ከም ዝንደቕ፣ ንዕኡ ኣገዳሲ ዝኾነ እንታይ ከም ዝኾነን ምፍላጥ። በዚ ትምህርቲ ንዝመጽእ ዘሎ 40 ዓመት ጽቡቕ መሰረት ክሕዝ እኽእል። በዚ ናይ ስዊዘርላንድ ትምህርቲ፣ ናብ ፖርቱጋል እንተተመሊሰ፣ ኣብ ስራሕ ምንዳቕ ከም ካቦ ኮይነ ክሰርሕ እኽእል።»

ሉዊስ ኔቶ፣ ፖርቱጋል
1. ዓመት ትምህርቲ ልምዲ ነዳቓይ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት





ማርቆስ ሽሚድ፣ ስዊዘርላንድ
ኢንስፐክተር ስራሕ

*ንኸተርክብ ዝግበር ትምህርቲ ኣደልዲልካ ምሓዝ፡ «ከም መጠን ኢንስፐክተር ስራሕ ብዙሕ ጊዜ፣ ካብ ነዊሕ ጊዜ ጀሚሮም ኣብ መዳያት ሙያ ዘለው፣ ድልየት ዘለዎም ዓበይቲ ሰባት፣ ግን ብቑዓት ከም ዝኾኑ ዘረጋግጽ ምስክር ወረቐት ሙያ ዘይብሎም፣ ይመጹኒ እዮም፤ ወይ ድማ ነቲ ናይ ትምህርቲ ልምዲ መፈጸሚ ፈተና ኣብቲ ናይ መጀመርታ እዋን ዘይሓለፉ፣ ነዚ ፈተና ክደግሙ ዘለዎም ወይ ድማ ዝደልዩ ተመሃሮ። ...*

### ካብ ብዙሕ ዓመታት ኣትሒዝካ ኣብ ሓደ ስራሕ፣ ግን ብዘይ መፈጸምታ ትምህርቲ ልምዲ

ከም መጠን ዓቢ ሰብ ሓደ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ክትደልዩ ብኸምኡ ድማ ነቲ መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ ብኸምዚ መገዲ ኣርኪብኩም ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም። ንብዙሓት ግን፣ በቲ ዘለዎም ሓላፍነት ስድራቤት ምኽንያት፣ እቲ መሃያ ናይ ግድን ኣድላዪ ስለዝኾነ፣ ዘይከኣል እዩ።

በዚ ምኽንያት ድማ ነቲ ትምህርትኹም ብምዕራፍ 32 ናይ ሙያ ስልጠና ስርዓት መሰረት ንምርካብ ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም። እስኹም እንተወሓደ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ናይ ስራሕ ተሞክሮ ስለዘለኩም፣ እቲ ተግባራዊ ክፍሊ ናይ ኣገባብ ምስክር ወረቐት ብቕዓት፣ ንዓኹም ዘጸግም ኣይከውንን እዩ። እቲ ክልሰ ሓሳባዊ ክፍሊ ፈተና ግን በዳሂ እዩ። ንምቅርራብ ፈተና ልክዕ ከምቶም ተመሃሮ ሙያ ሜላዊን ዓውደ ትምህርታዊን ፍልጠት ክህልወኩም ኣለዎ። ኣብዘን ሰለስተ ወይ ድማ ኣርባዕተ ዓመታት ኣገባብ ምስክር ወረቐት ብቕዓት ኣብ ቤት ትምህርቲ ስለዘይትቀራረቡሉ፣ ናይ ተሞክሮ ነጥብታት የብልኩምን። ንዓኹም እታ መዓልቲ ፈተና ኣያ ወሳንነት ዘለዋ።

ንዕኡ ክትቅረቡ ኣለኩም። እቲ ናይ ሙያኹም መደብ ትምህርቲ፣ እንታይ ከተጽንዑ ከም ዘለኩም ብልክዕ ይሕብረኩም እዩ። ነዚ ፍልጠት ባዕልኹም ክትመሃርዎ ኣለኩም ወይ ድማ ኣብ ሓደ ነዚ ናይ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ክፍሊ መቀራረቢ ኮርስ ክትሳተፉ ትኽእሉ ኢኹም። ነዚ ኣገባብ ምስክር ወረቐት ብቕዓት ብዓወት ንኽትፍጽሙ፣ ቋንቋ ጽቡቕ ጌርኩም ክትመልኩ ኣለኩም፣ ምኽንያቱ ነተን ሕቶታት ክትርድእወን ኣለኩም፣ ልክዕ ከተብርህወን ከምኡ ድማ ብጽሑፍ ክትመልስወን ኣለኩም።

### ንመፈጸሚ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ ዘይምሕላፍ

ነዚ ኣገባብ ምስክር ወረቐት ብቕዓት፣ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ እንተዘይሓሊፍኩም፣ ምስ እቲ ዝምልከቶ ኢንስፐክተር ስራሕ፣ ዝምልከታ ኢንስፐክተር ስራሕ ተራኸቡ። እዚኣቶም ነቲ ሰነዳት ንምርኣይ ምሳኹም ቆጸራ ክሕዙ እዮም። ምስ ሓንቲ ሓላፊት በዓል ሙያ፣ ምስ ሓደ ሓላፊ በዓል ሙያ ብዝተኻእለ መጠን እዉን ምስ ሓደ መምህር ብሓንሳብ ኳንኩም፣ ነቲ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ ንምንታይ ክትሓልፍዎ ከም ዘይከኣልኩም፣ ኣነጺርኩም ክትምርምሩ ትኽእሉ ኢኹም። በቲ ኣወሃህባ ነጥብታት ዘይተሰማማዕኩም እንተኳንኩም፣ ይግባይ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ነዚ ፈተና ንምንታይ ክትሓልፉ ከምዘይከኣልኩም እንተተረድኣኩም እውን፣ እቲ ኩነታት ንዓኹም ቀሊል ኣይኮነን። ድርኺት እንተለኩም እሞ ሓቦ እንተጌርኩም፣ እንተጽዒርኩም፣ ኣብቲ ካልኣይ እዋን ምፍታን መብዛሕትኡ ጊዜ ይቐንዕ እዩ።

## ዝተፈላለያ መገዳት

ነዚ ኣገባብ ምስክር ወረቐት ብቕዓት ምስ ተረፍኩም ንዓኹም ዝተኸፍተ ዝተፈላለያ መገድታት ኣሎ።

- ሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ዓመት ትውስኹ። ኣብተን ትምህርቲ ዝህባ ትካላት ዘልዋ ቦታታት ትምህርቲ ልምዲ መሊኤን ስለዝጸንሓ ግን ብዙሕ ጊዜ ከምኡ ምግባር ኣይከኣልን እዩ። ኣብተን ኣዋርሕ ሓጋይ ብዙሓት ክፉታት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ስለዘየለዋ፣ ቀልጢፍካ ሓዲሽ ትካል ትምህርቲ ምርካብ ድማ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ነቲ ናይ መወዳእታ ዓመት ትምህርቲ ልምዲ ከም መጠን መቀራረቢ ፈተና ንምድጋም ጊዜ ምእንቲ ክትረኽቡ፣ ብሙያኹም 80-ካብ ሚእቲ ትሰርሑሉ ስራሕ ትደልዩ። ናይ ትምህርቲ ልምዲ ትካል እንተዘይረኺብኩም እውን፣ እዚ ቀረብ ትምህርቲ ንዓኹም ብነጻ እዩ።
- ብሙያኹም ሓደ ናይ ተግባራዊ ልምዲ ቦታ ትደልዩ። ኣብዚ እዋን ዝወሓደ መሃያ ርኸቡ እምበር፣ ምስ እቲ ትካል ግን ኣብዚ ዓመት ብኽፉል ንትምህርቲ ከም ትኸዱ ክትሰማምዑ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ካንቶናት ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ ንኽምዚ ኩነታት ደገፍ ይቕርባ እየን፣ ንምሳለ ብመልክዕ ምዕላም ዓውደ ትምህርታት ወይ ድማ ኣብቲ ሓዲሽ ትካል ደረጃ ፍልጠትኩም ንምግማት፣ ናይ ሞንጎ እዋን ፈተና ብምድላው። ብኸምዚ ዓይነት ኣተሓሕዛ እቲ ዘለኩም መሰረትን ድኽመትን ክትምርምሩ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡ ድማ ንናይ ምድጋም ፈተና ንምቕርራብ ሓደ ናይ ትምህርቲ መደብ ከተውጽኡን ከተተግብሩን ትኽእሉ ኢኹም።»

**ማርቆስ ሽሚድ** *ከም መጠን ኢንስፐክቶር ሙያ ናይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲንቤት ጽሕፈት ሙያዊ ትምህርቲን MBA ናይ ካንቶን ዙሪክ ንሙያታት መዳይ ተቐበልቲ ኣጋይሽን ምግብን ሓላፍነት ኣለዎ።*

## ብዙሓት ኣጋጣሚታት

ኣብ ስዊዘርላንድ ብዙሕ ከም ግቡኡ መንእሰያት ንምምሃር ተባሂሉ ዝዳሎ ቀረባት ትምህርቲ፣ ዓበይቲውን ክመሃርዎ ዝኽእሉ ትምህርቲ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ናይ መንግስቲ ቤት ትምህርታት ከምኡውን ውልቃዊያን ቤት ትምህርታት፣ ዓበይቲ ብማትሪክ ዓውደ ትምህርቲን ማትሪክ ጊምናዝየምን ምፍጻም ዝኽእሉሉ ኣጋጣሚ ኣሎ። (እዋን ትምህርቲ 3–4 ዓመታት፣ ኣብ ግጽ 80 እውን ርኣዩ)።

ፍልይ ንዝበለ ቅድመ ኩነት እውን ዓበይቲ ሕጽር ዝበለ ትምህርቲ ሙያ ገይሮም ነቲ ምፍጻም ትምህርቲ ልምዲ ከርክቡ ይኽእሉ ኢዮም (እዋን ትምህርቲ፡ መብዛሕትኡ እዋናት ካብ እቲ ግቡእ ብ 1 ዓመት ዝሓጸረ ትምህርቲ ሙያ) ወይ ድማ ናይ ሙያ ትምህርቲ ልምዲ ጌሮም ማትሪክ ሙያ ይረኽቡ (እዋን ትምህርቲ፡ 1–2 ዓመታት እዩ)።

## ናይ ትምህርቲ ነጥብታት ሕጋውነት ምርካብ

ኣብ ዓለም ስራሕ እንተወሓደ ናይ 5 ዓመታት ናይ ስራሕ ልምዲ ዘለኩም እንተኾይኑ፣ ካብኣተን ድማ ኣብቲ እስኹም ትደልይዎ መዳይ ሙያ ድማ እንተወሓደ ናይ 3 ዓመታት ተሞክሮ ከምዘለኩም ከተረጋግጹ እንተኽኣልኩም፣ ናይ ሙያ መፈጸምታ ንምርካብ፣ ንዓኹም ምናልባሽ እቲ ኣገባብ ሕጋዊ ምግባር ዝሓሸ መገዲ ክኸውን ይኽእል እዩ።
ኣብዚ ኣገባብ ሕጋዊ ምግባር፣ እስኹም ክሳብ እዚ እዋን እንታይ ፍልጠትን ክእለትን ከም ዘለኩም ተረጋግጹ። ኣብ ሓደ ሰነድ ነቲ ሙያዊ ኣሰራርሓ ክእለትኩም ጸብጺብኩም ተቕርቡ። ነዚ ሰነድ ክትቅርቡ ከለኹም ካብ ሰብ ሙያታት ደገፍ ትረኽቡ ኢኹም። ኣብቲ ሙያኹም ከምኡውን ካብ እዚ ሙያ ወጻኢ፣ እንታይ ክልሰ ሓሳባዊ ፍልጠት ተማሂርኩም ከም ዘለኩምን ነዚ ድማ ኣብ ተግባር ከምዘውዓልኩሞን ትሕብሩ።

## ደገፍ ኣብ ካንቶን

ናይ ትምህርቲ ሙያ ቤት ጽሕፈት፣ ንትምህርቲ ምርካብ ዝዳሎ ቀረባት ደጋፍ ብካንቶናት ዝተሰርዔ እዩ። ከመይ ጌርኩም ነቲ ናይ ምርካብ ትምህርቲ ወይ ድማ ምድጋም ናይ ሓደ መፈጸሚ ፈተና ትምህርቲ ልምዲ ብዝሓሸ መገዲ ክትገብርዎ ከም እትኽእሉ፣ ኣብቲ ናይ ካንቶንኩም ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ ሕተቱ።

| ማሕደረ ቃል | Glossar |
|---|---|
| ምንጻግ | Absagen |
| ኣስተምህሮ ሓፈሻዊ ትምህርቲ | Allgemeinbildender Unterricht ABU |
| ሓፈሻዊ ትምህርቲ | Allgemeinbildung |
| ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ሙያ | Amt für Berufsbildung |
| ምዕራፍ 32 ስርዓት ትምህርቲ ሙያ | Artikel 32 der Berufsbildungsverordnung |
| መሰረታዊ ትምህርቲ ሙያ | Berufliche Grundbildung, Lehre |
| ምፍጻም ትምህርቲ ሙያ ንዓበይቲ | Berufsabschluss für Erwachsene |
| ኣማኸርቲ ሙያ | Berufsberatung |
| ትምህርቲ ሙያ | Berufsbildung |
| ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ | Berufsfachschule |
| መዳይ ሙያ | Berufsfeld |
| ማእከል ሓበሬታ ሙያ | Berufsinformationszentrum BIZ |
| ማትሪaክ ሙያ | Berufsmaturität |
| ፈተና ሙያ፣ ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ዓውደ ትምህርቲ | Berufsprüfung BP, eidgenössischer Fachausweis |
| መደብ እዋናት ሙያ ንምምራጽ | Berufswahlfahrplan |
| ምቅርራብ ንምርጫ ሙያ | Berufswahlvorbereitung |
| ሰነዳት መመልከቲ | Bewerbungsdossier |
| ስርዓት ትምህርቲ ስዊዘርላንድ | Bildungssystem der Schweiz |
| ቀረባት መሰጋገሪ | Brückenangebote |
| ትምህርቲ ንዲፕሎም | Diplomstudiengänge |
| ፌደራላዊ ዩኒቨርስቲ ቴክኒክ ETH/EPF | Eidg. Technische Hochschule ETH |
| ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ሙያ | Eidgenössisches Berufsattest EBA |
| ፌደራላዊ ምስክር ወረቐት ክእለት | Eidgenössisches Fähigkeitszeugnis EFZ |
| ፈተና ብቕዓት | Eignungstest |
| መጀመሪ ደረጃ፣ መዋእለ ሕጻናት | Eingangsstufe, Kindergarten |
| ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ | Fachhochschule FH |
| ዓውደ ትምህርታዊ ማትሪክ | Fachmaturität |
| መንነት ወረቐት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ | Fachmittelschulausweis |
| ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ | Fachmittelschule FMS |
| ዩኒቨርሲቲ ዓውደ ሙያ ብመልእኽቲ | Fernfachhochschule |
| ዩኒቨርሲቲ ብመልእኽቲ | Fernuniversität |
| መሰረታዊ ሙያ | Grundberufe |
| ማትሪክ ጂምናዝየም | Gymnasiale Maturität |
| ጂምናዝየም፣ ቤት ትምህርቲ ንማትሪክ ሙያ | Gymnasium, Gymnasiale Maturitätsschule |
| ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንግዲ | Handelsmittelschule HMS |
| ስርዓት ትምህርቲ ዩኒቨርስቲ | Hochschulsystem |
| ዝለዓለ ፈተና ዓውደ ሙያ፣ ፌደራላዊ ዲፕሎም | Höhere Fachprüfung HFP, eidgenössisches Diplom |
| ዝለዓለ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ትምህርቲ | Höhere Fachschule HF |
| መፈጸሚ ፈተና ንትምህርቲ ልምዲ | Lehrabschlussprüfung LAP |
| ትካል ትምህርቲ ልምዲ | Lehrbetrieb |
| ቦታ ትምህርቲ ልምዲ | Lehrstelle |
| ምድላይ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ | Lehrstellensuche |
| ውዕል ትምህርቲ ልምዲ | Lehrvertrag |
| ግቡእ እዋን ትምህርቲ | Obligatorische Schule |
| ዩኒቨርሲቲ ስልጠና መምሃራን | Pädagogische Hochschule |
| መስገሪ | Passerelle |
| ትምህርቲ ንግዲ ድሕሪ ማትሪክ | Postmaturitäre Wirtschaftsausbildung PWA |
| ተግባራዊ ልምዲ | Praktikum |
| ቀዳማይ ደረጃ | Primarstufe |
| ምስ ሙያ ምልላይ | Schnupperlehre |
| ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ | Sekundarstufe I |
| ካልኣይ ደረጃ | Sekundarstufe II |
| ንምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ | Selektionspraktikum |
| መሃያ ተምሃሮ | Stipendien |
| ንትምህርቲ ዝከፈል ዋጋ | Studiengebühren |
| ህጹጽ ኮርስ | Stützkurse |
| ሳልሳይ ደረጃ | Tertiärstufe |
| ካብ ትካል ወጻኢ ኮርስ | Überbetriebliche Kurse |
| ኣገባብ መስገሪ | Übertrittsverfahren |
| ዩኒቨርስቲ | Universität |
| ናይ ትምህርቲ ነጥብታት ሕጋዊ ምግባር | Validierung von Bildungsleistungen |
| ዝሓጸረ ትምህርቲ ልምዲ | Verkürzte Lehre |
| ናይ ምሉእ እዋን ቤት ትምህርቲ | Vollzeitschule |
| ቅድመ ትምህርቲ ልምዲ | Vorlehre |
| ቃለ መጠይቕ | Vorstellungsgespräch |
| ቀጻሊ ትምህርቲ | Weiterbildung |
| ካልኣይ ትምህርቲ ልምዲ | Zweitlehre |

| Glossaire | Glossario |
|---|---|
| Réponses négatives | Risposte negative |
| Enseignement de la culture générale | Insegnamento della cultura generale ICG |
| Enseignement général | Formazione generale |
| Office de la formation professionnelle | Divisione della formazione professionale |
| Article 32 de l'Ordonnance sur la formation professionnelle | Art. 32 dell'Ordinanza sulla formazione professionale |
| Formation professionnelle initiale, apprentissage | Formazione professionale di base, tirocinio |
| Certification professionnelle pour adultes | Qualifica professionale per adulti |
| Orientation professionnelle | Orientamento professionale |
| Formation professionnelle | Formazione professionale |
| Ecole professionnelle | Scuola professionale |
| Champ professionnel | Settore professionale |
| Centre d'information sur les professions | Centro di informazione sulle professioni |
| Maturité professionnelle | Maturità professionale |
| Examen professionnel, brevet fédéral BF | Esame di professione, attestato professionale federale APF |
| Processus du choix professionnel | Processo di scelta professionale |
| Préparation au choix professionnel | Preparazione alla scelta professionale |
| Dossier de candidature | Dossier di candidatura |
| Système suisse de formation | Sistema educativo svizzero |
| Filières, mesures de transition | Soluzioni transitorie, formazioni transitorie |
| Diplômes postgrades | Formazioni post-diploma |
| Ecole polytechnique fédérale EPF | Politecnico federale |
| Attestation fédérale de formation professionnelle AFP | Certificato federale di formazione pratica CFP |
| Certificat fédéral de capacité CFC | Attestato federale di capacità AFC |
| Test d'aptitudes | Test attitudinale |
| Premier cycle de l'école primaire, école enfantine | Scuola dell'infanzia |
| Haute école spécialisée HES | Scuola universitaria professionale SUP |
| Maturité spécialisée | Maturità specializzata |
| Certificat de culture générale | Certificato di scuola specializzata |
| Ecole de culture générale ECG | Scuola specializzata |
| Haute école spécialisée à distance | Scuola universitaria professionale a distanza |
| Université à distance | Università a distanza |
| Métiers CFC ou AFP | Professioni con CFP o AFC |
| Maturité gymnasiale | Maturità liceale |
| Ecole de maturité gymnasiale (gymnase, lycée, collège) | Liceo, scuola di maturità |
| Ecole de commerce | Scuola media di commercio |
| Système des hautes écoles | Sistema universitario |
| Examen professionnel supérieur, diplôme fédéral DF | Esame professionale superiore EPS, diploma federale |
| Ecole supérieure ES | Scuola specializzata superiore SSS |
| Examen de fin d'apprentissage | Esame di fine tirocinio |
| Entreprise formatrice | Azienda formatrice |
| Place d'apprentissage | Posto di tirocinio |
| Recherche d'une place d'apprentissage | Ricerca di un posto di tirocinio |
| Contrat d'apprentissage | Contratto di tirocinio |
| Ecole obligatoire | Scuola dell'obbligo |
| Haute école pédagogique HEP | Alta scuola pedagogica ASP |
| Passerelle | Passerella |
| Formation commerciale pour titulaires de maturité | Formazione economica post-maturità |
| Stage | Stage |
| Ecole primaire | Livello primario, scuola elementare |
| Stage d'orientation | Stage d'orientamento |
| Secondaire I | Livello secondario I |
| Secondaire II | Livello secondario II |
| Stage de sélection | Stage di selezione |
| Bourse d'études | Borse di studio |
| Taxes d'études | Tasse scolastiche |
| Cours de soutien | Corsi di sostegno |
| Degré tertiaire | Livello terziario |
| Cours interentreprises | Corsi interaziendali |
| Procédure de transition | Procedure di transizione |
| Université | Università |
| Validation des acquis de l'expérience | Validazione degli apprendimenti acquisiti |
| Apprentissage de durée réduite | Formazione professionale di base ridotta |
| Ecole à plein temps | Scuola a tempo pieno |
| Préapprentissage | Pretirocinio |
| Entretien d'embauche | Colloquio di presentazione |
| Formation continue, perfectionnement | Formazione continua, perfezionamento |
| Deuxième apprentissage | Seconda formazione professionale di base |



4. ብሙሉኡ ዝተኸለሰ 2018
© 2018 SDBB/CSFO, Bern.
Alle Rechte vorbehalten.

**ቀራባይ**
SDBB/CSFO,
www.sdbb.ch, www.csfo.ch
**መራሕ ውጥንን ኣዳላውን**
Roland Egli, Heinz Staufer, SDBB/CSFO
**ጽንሰ ሓሳብን ጽሑፋትን**
Helgard Christen, Steckborn;
Roland Egli,
Heinz Staufer, SDBB/CSFO
**ትርጉም**
proverb, Biel/Bienne
**ስእልታት**
Maurice Grünig, Zürich;
Iris Krebs, Bern;
Frederic Meyer, Zürich;
Reto Klink, Zürich;
Peter Kraft, SDBB/CSFO
**ንድፊ ኣሰራርዓ**
Trix Stäger, Zürich
**ክልሰ ሓሳብ፣ ዓረፍተ ነገር**
Trix Stäger, Zürich
**ሓታሚ**
gdz, Zürich

**ኣከፋፋሊ፣ ኣገልግሎት**
SDBB Vertrieb, Kundendienst/
CSFO Diffusion, service client/
CSFO Distribuzione, servizio clienti,
Industriestrasse 1,
3052 Zollikofen
Tel. 0848 999 001 (ጀርመንኛ)/
Tél. 0848 999 002 (ፈረንሳይኛ/ቋንቋ ጥልያን),
Fax + 41 (0)31 320 29 38,
vertrieb@sdbb.ch/distribution@csfo.ch/
distribuzione@csfo.ch
www.shop.sdbb.ch/www.shop.csfo.ch
**ቁጽሪ ጸብጻብ**
LI18-3014

**ናይዚ ስርሓት ብቋንቋታት**
እዛ ጽሕፍቲ ብኻልኦት ቋንቋታት እውን
ክትረኽብዋ ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብዚ እዋን ዘሎ ኩነት ኣብ ዝቕጽል ትረኽቡ፤
www.shop.sdbb.ch
www.shop.csfo.ch

**Tigrinya, tigrinya, tigrinya**

ንኹሎም ዝተሳተፉ ውልቀሰባትን ትካላትን ስለ
ዝተሓባበርኩምና ካብ ልቢ ነመስግን።

ብደገፍ ፌደራላዊ ምምሕዳር
ትምህርቲ፣ መጽናዕትን ምምሕያሽን SBFI።